ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሃንስ መምርሒ

ብመምህር ተኪኤ መብራህቱ

ቀዳማይ ሕታም
ሰነ 2002 ዓመተ ምህረት

አገልግሎት ናይ
ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን

ንዘኽሪ

ዶር ባህራም ፍስሃጽዮን
1943 - 2000

መስራትን አቦ መንበርን
ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን(ብሕወ)
1983 - 2000

ምስጋና

ነዛ ንእሽቶ መጽሓፍ እዚኣ ንምጽሓፍ መንቀሲ ዝኸኑ ሰባት፣ ሆሳእና ተኪኤ በቲ ሓደ ወገን፣ ብርሃነ ገብረንጉስን ብዓልቲ ቤቱ አዜብ ስዩምን እዮም። ሆሳእና ጓልና፣ አብ 15 ዓመት ዕድሚኣ ምሸት ምሸት አብ ገዛና እዛ ቀዳመይቲ መልእኽቲ ከምህራ ሓቲታ። ምስ ጀመርክም አዕሩኽትና ብርሃነን አዜብን አብ ሓሳባይ መጺኦም። ነዚኦም ኢለ ምስ ጀመርክም ካልኦት ብዙሓት ድማ ከምዝርብሕሉ እምላኽ አተሓሳስበኒ። እናጸሓፍኩዋ ከለኹ ኽእኣ ንአይ ባረኻትኒ። በዛ መምርሒት ጌርኩም ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሃንስ እትምሃሩ ንበረኽት ክትኩነኩም ድማ ብጸሎት አሰንየ አቕርበልኩም አሎኹ።

ንስዩም ዘርእዝጊ ተስፋጽዮን (አባል ሽማግለ ናይ ብ.ሕ.ወ) ምስጋናነበርክት ግቡእ እዩ። እዛ ንእሽቶ መጽሓፍ እዚኣ ብጽፈት ክትቀርብ አብ ኮምፕዩተር አዋዲዱ፣ ዘድሊ ምትዕርራይ ገይሩ፣ ናይ ቤት ማሕተም ምፍጣን ተኸታቲሉ አብ መፈጸምታ ክትበጽሕ ዝገበረ ክጥቀስ ይግብኦ እዩ።

መሰል ናይ ብ.ሕ.ወ. እተሓለወ እዩ።

© Copy right 2001 Besserat Evangelical Society
All rights reserved. No part of the material protected by this copyright may be reproduced or utilized in any form or by any means, electronic or mechanical, including photocopying, recording, or by any information storage and retrieval system, without permission in writing from the copyright owner.

ርእይቶታኩምን ሕቶታትኩምን ናብ፣

Besserat Evangelical Society
142 King Avenue,
Columbus, Ohio 43201

ልኣኹ።

ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሃንስ መምርሒ

መቅድም

ብግሊ፡ ክም ስድራ፡ ክም ጕጅለ ቃል ኣምላኽ ክንምሃር ከሎና መ ምርሒት ክትኸነና እዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ኣብርክተልኩም ኣሎኹ፡፡ ኣተ ኮርናላ ዘሎና ክፍሊ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ፡ እታ ሓሙሽተ ምዕራፋት ዝ ሓዘት ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሃንስ እያ፡፡ እቲ ንእላ ክንምሃር ከሎና ኣ ንቐሰሞ ኣገባብ ኣብ ካልእ እንገብሮ መጽናዕቲ ኣዝዩ ጠቓሚ ኮይኑ ክን ረኽቦ ኢና፡፡

ነፍስ ወከፍ ትምህርቲ ብኽምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ጌርና ክንዓሙ ኢና፡፡

1. መእተዊ፡ እዚ ኣዝዩ ሓጺር እዩ፡፡ ብዛዕባ እቲ ሓዚእናሮ ዘሎና ክ ፍሊ ጽሑፍን ኣርእስትን ኣፋፍኖት ክህልወና ደገ የርሕወልና፡፡

2. ቀንዲ ሓሳባት፡ እዚ፡ ቅድሚ ናብ ትንታኔ ምእታውና፡ እቲ ክንዛተ የሉ ዝሓዛእናዮ ክፍሊ ጽሑፍ ሓቑፉዎ ዘሎ ዓበይቲ ነጥብታት እን ታይ ምኻኑ ብፍልሚያ የገንዝበና፡፡

3. ክፍሊ ጽሑፍ፡ እቲ ክንምሃሮ ዝሓዛእናዮ ጥቕስታት ናይ ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሃንስ ድማ ይሕብረልና፡፡ ቀዳመይቲ ዮሃንስ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ትርከብ፡፡ ደጋጊምኩም ብምስልሳል ኣንብብዎ፡፡

4. ዓይነ-ንስሪ (Outline)፡ ዓይነ-ንስሪ ኢልና ዝሰመናዮ፡ ነቲ ክንምሃሮ ዝ ሓዛእናዮ ክፍሊ ጽሑፍ ነጥቢ ብነጥቢ ከመይ ጌርና ኣሰሚርና ክም እንዓምሞ ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ ሓፈሻዊ ምርዳእ ይህበና፡፡ ነጥብ ታቱ ክም መጽናዕቲ ሓገዞ፡፡

5. ትንታኔ፡ እዚ ነቲ ዝሓዛእናዮ ጽሑፍ፡ ዓይነ ንስሪ መምርሒ ጌርና፡ ኣስፈሐና ምስ ጥቕስታት እናኣቲረንና ክንምሃሮ ይሕግዘና፡፡

6. መዛዘሚ፡ ትምህርትና ምስ ፈጸምና እተምሃርናዮ ብምርዳእን ብጸሎ ትን ኣሰላሲልና ንገንዘቦ፡፡ ክም መጽናዕቲ ሒዝናዮ እንተኾንና ን ዝእርእስና ምርመራ ንሃብ፡፡ ብዝዓበየ ድማ እቲ ዝተመሃርናዮ ኣብ ህይወትና ዝሰርጽ በረኽት ምእንቲ ክኽውን ኣብ ልብና ነእትዎ፡፡

ከንብበም እንክእል ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ ብብዝሒ ተጠቒሶም አለዉ። አይንስገሮም። ንንብቦ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ገንጺልኩም አንቲድኩም ቃል አምላኽ ክትምሃሩ ከለኹኹም መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ክኽስተልኩም እዩ። ከምኡ ከም ዚገብር ኣተስፍዩና ኣሎ። ከይሰልክ ኹም፣ ከይተሃወክኩም ከይሰገርኩም ተሓቢሩ ዘሎ ጥቕስታት አንብብ ዎ ዝበለጸ ምርዳእ ድማ ክትረክቡ ኢኹም።

ተወሳኺ፣

ኣብቲ ዕለትዊ ዕላልና ሳሕቲ ጥራይ እነዘውትሮም እዮም ዝብሎም ናይ ትግርኛ ቃላት፣ ኣስሚረሎም ኣለኹ። ከምቲ ተሰኹዮምዎ ዘለ ዎ ትርጉሙ ብምሃብ ንገዛእ ርእሰኹም ፍልጠት ናይ ትግርኛኹም ወጥሩዎ!

ቀዳማይ ትምህርቲ

መእተዊ

ቅድሚ ናብቲ ጥቕስታት ምእታውና፣ ሓፈሻዊ ምርዳእ ናይታ መል እኽቲ ክህልወና ኣድላዩ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ኣምላኽ እተዋህበና እኳ እንተኾነ፣ ንሱ ብዝመረጾምን ዝለኣኾምን ሰባት እዩ በጺሑና። ንም ጽሓፉ ምኽንያት ዝኾኑ መንቀሊ ኵነታት ድማ ነይሮም። ምኣስ? ኣበይ ተጻሒፉ? መልእኽታኽ እንታይ እዩ? እተተምብሆ ነጥብታት ብም ግንዛብ ጽቡቕ ምርዳእ ናይታ መጽሓፍ ብቕዳምነት ይህበና።

ቀንዲ ሓሳባት

መን እዩ ነዛ መልእኽቲ እዚኣ ጽሒፉዋ?

ዓይነ-ንስሪ

1. ሃዋርያ ዮሃንስ ከም ዝጸሓፉ እንታይ ሓበራታ ኣሎና?
   - 1.1 ናይ ቀጥታ ሓበራታ የብልናን።
   - 1.2 እኻሊ ሓበራታታት ግና ኣሎና።
     - ሀ. ዛንታ ቤተ ክርስትያን ይሕብር።
     - ለ. ውሽጣዊ ትሕዝቶ እታ መልእኽቲ ይሕብር።
     - ሐ. ሊቃውንቲ ስነ ጽሑፍ ይምስክሩ።

2. ዮሃንስ ከም ዝጸሓፎ ምፍላጥ እንታይ ይረብሓና?
   - 2.1 ርዱኣት ኣመንቲ ንኽውን።
   - 2.2 ካብ መደናገርቲ ንድሕን።
   - 2.3 ቀናናዊ መልእኽቲ፣ ማለት ቤት ክርስትያን ካብ ጥንቲ ሒዛ ቃል ኣምላኽ ምኻኑ ኣሚና ብዕሊ ከም እተቕበለቶ ንርዳእ።

3. ሓጺር ዛንታ ህይወት ሃዋርያ ዮሃንስ፣
   - 3.1 ወለዱ፣
   - 3.2 ሓዉ፣
   - 3.3 መነባብሮ ሰድራ ቤቱ፣
   - 3.4 ኣንልግሎቱ፣

1. ትንታኔ

ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሃንስ፣ ሃዋርያ ዮሃንስ ከም ዝጸሓፉ እንታይ ሓበራታታት ኣሎና?

1.1 ቀጥታ ሓበራታ የብልናን። ሃዋርያ ዮሃንስ ከም ዝጸሓፉ ናይ ቀጥታ ሓበራታ የብልናን። ንኣብነት፣ እታ ቀዳማይቲ ጥቕሲ ናይ መልእ

ዅቲ ጳውሎስ ናብ ሮሜ፣ ናብ ቁሪንቶስ፣ ናብ ገላትያ፣ ናብ ኤፌሶን፣ ና ብ ጢሞቴዎስ፣ ... ወዘተ፣ መልእኽቲ ያእቆብ፣ ከምኡውን መልእኽት ታት ጴጥሮስ፣ መልእኽቲ ይሁዳ፣ ራእይ ዮሃንስ እንተ ኣንበብና ጸሓፊ መን ምኽኑ ብቕጥታ ተሓቢሩልና ኣሎ። ቀዳመይቲ ዮሃንስ ግና ተመሳሳ ሊ ናይ ቀጥታ ሓበሬታ ኣይትህበናን። እንታይ ሓበሬታ ረኺብና ድኣ ኢና መልእኽቲ ዮሃንስ እንብላ?

1.2 <u>ግናኽ ሓበሬታስ ኣሎና</u>።

ሀ. <u>ዛንታ ቤተክርስትያን ይሕብር</u>። ሃዋርያ ዮሃንስ ክሳብ 90 ድ.ል.ክ ከም ዝጸንሐ ኣብ ታሪኽ ንረኽቦ ኢና። እዞም ዝስዕቡ መራሕቲ ቤተ ክ ርስትያን ንሃዋርያ ዮሃንስ ብህይወቱ ዝፈልጥዎ ዝነበሩ ወይስ ንዮሃንስ ዝ ፈልጥዎ ዝነበሩ ዝነገሩዎም እዛ መልእኽቲ እዚኣ ንሱ ከም ዝጸሓፋ ኣብ ቲ <u>ዝደረስዎ</u> ይጠቕስዎ። ብዛዕባ እዚ እዞም ዝስዕቡ መሰኻኽር ክንሰሚ ንኽእል።

1. ፖሊካርፕ (69-155 ዓ.ም) ካህን ናይ ስሚርና ኣብ ቱርኪ፣
2. ፓፒያስ (150 ዓ.ም)ካህን ናይ ሂራፖሊስ ኣብ ቱርኪ፣
3. ዮስቲን(100-165 ዓ.ም)ወንጌላዊ፣ ፍላስፋ፣ ደራሲ፣ ሰማእት፣
4. ኣይሪንየስ(130-202 ዓ.ም)ካህን ናይ ሊዮንስ ፈረንሳ፣ደራሲ፣
5. ክለመንቶስ በዓል እስክንድርያ (150-220 ዓ.ም) ናይ ስነ መለኮት ሊቅ፣ መምህር ኣብ እስክንድርያ፣

ከምኡውን <u>ቁሮና ሙራቶሪ</u> ይምስክር። ቁሮና ሙራቶሪ ዝርዝር ና ይ መጻሕፍቲ ናይ ሓዲስ ክዳን ከህብ ከሎ ነዛ እንዛረበላ ዘለና መልእ ኽቲ ብሃዋርያ ዮሃንስ ከም እተጸሐፈት የስፍራ። ኣንቶንዮ ሙራቶሪ እ ተባህለ ሊቅ ናይ ጥንታውያን ነገራት፣ ቅድሚ 200 ድ.ል.ክ. እተጸሐፈ ዝርዝር መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ዝሓዘ ጽሑፍ ረኺቡ። እዚ ዝርዝር እዚ ኣብ ሚላኖ ተዓቕሩን ትዓቑቡን ይርከብ።

ለ. <u>ውሽጣዊ ሓበሬታ ይምስክር</u>፡

(1) ጸሓፋይ እዛ መልእኽቲዚኣ ንየሱስ ክርስቶስ ብዓይኑ ዝረኣዮ፣ ብኣእ ዝኑ ዝሰምዖ፣ ብኣእዳዉ ዝሓዞ፣ ምስኡ ብቐረባ እተመላለሰ፣ ጳሕራይ ድማ ኣገልጋሊ ወንጌል ከም ዝነበረ ኣብቲ መልእኽቱ ኣብ 1፡1-4 ይገልጸ። ስ ለዚ ናይ ግድን ሓደ ካብቶም ዓሰርተው ክልተ ሃዋርያት ክኸውን ኣለዎ ኢልና ንግምት።

(2) እቲ ጸሓፋይ በቲ ዝጸሓፈሉ እዋን ሽማግለ ከም ዝነበረ፣ ነቶም ነበ ብቲ እዛ ዘዋራት መልእኽቱ ብዕድመ ኣዝዩ ከም ዝመርሖም የተምብሀ፣ ንዓበይቶም ከይተረፈ ደጋጊሙ 'ደቀየ' እናበለ ይጽውዖም። 2፡1፡12፡13፡ 18 ተመልከቱ። ካብቶም ሃዋርያት ኮላዕ ኣዝዩ ዝሽምግል ዝጸንሐ ድማ በይኑ ሃዋርያ ዮሃንስ ምኽኑ ኣብ ዛንታ ቤተ ክርስትያን ንረኽቦ።

ሐ. <u>ሊቃውንቲ ስነ ጽሑፍ ይምስክሩ</u>። ናይ ቋንቋ ማሪኽ ሊቃውንቲ፣ ቤቲ ቅዲ ኣጸሓሕፋ፣ እዛ መልእኽቲ እዚኣን ወንጌል ዮሃንስን ብሓደ ጸሓ ፋይ ከም እተጸሕፋ ይምስክሩ። ወንጌል ዮሃንስ ብሃዋርያ ዮሃንስ ከም እ ተጸሕፈ ድማ ድልዱል መረድኢ ኣሎ። ስለዚ

1. ዛንታ ቤተ ክርስትያን፣
2. ናይ ውሽጢ መጽሓፍ ሓበሬታ፣
3. ምስክር ሊቃውንቲ ስነ ጽሑፍ ብዝህብዎ መሰረት ሃዋርያ ዮሃን ስ ከም ዝጸሓፋ ንርዳእ።

2. ሃዋርያ ዮሃንስ ከም ዝጸሓፋ ምፍላጥናስ እንታይ ይረብሓና?

2.1. <u>ርዱኣት ንኽውን</u>። እቲ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ ኢልና እንኣምኖ መ ጽሓፍ ካበይን ከመይን ኢሉ ከም ዝመጸና ርዱኣት ንኽውን። ድልዱል ታሪኻዊ ምርዳእ ዘለዎም ኣመንቲ ኩንና ንርከብ።

2.2. <u>ካብ መይናገርቲ ንድሕን</u>። ገሊኣቶም ኣንጻር መጽሓፍ ቅዱስ ዝ ኹኑ ሊቃውንቲ ብዘዕፍርዎ ሓሶታት እምነትና ኣይትናወጽን፣ እንተድኣ ታሪኻዊ ምርዳእ ዘለና ኣመንቲ ኩንና።

2.3 <u>ቀኖናዊ ጽሑፍ ምኽኑ ንፈልጥ</u>። እዚ መልእኽቲ እዚ፣ ጽቡቕ መጽሓፍ ጥራይ ዘይኮነስ መለኮታውን ሃዋርያውን ስልጣን ዘለዎን ቤተ ክርስትያን ካብ ጥንቲ ብዕሊ ቀኖናዊ መጽሓፍ ገይራ እተቐበለቶ ምኽኑ ንፈልጥ። ነቶም ካብ ኣምላኽ ባዕሉ እተዋህቡና ጽሑፋት፣ ካብ ካልእ መ ጻሕፍቲ ፈሊና እነለልዮም፣ ብኣዘራርባ ስነ መለኮት፣ ቀኖናውያን ዝብል መጸዋዕታ ንህቦም።

3. ሓጺር ዛንታ ሃዋርያ ዮሃንስ

3.1 <u>መሰጉ</u>። ዮሃንስ ኣቦኡ ዘብዴዎስ ኣዲኡ ድማ ሰሎሜ ይብሃሉ። ሰ ሎሜ ሓብቲ ማርያም ኣደ የሱስ እያ። ማቴ 10፡1-4። ማር 3፡13-19 16፡1። ሉቃ 6፡12-16። ማቴ 27፡56። ዮሃ.19፡25 ተመልከቱ።

3.2 <u>ሓዉ ያእቆብ ይብሃል</u>። ዮሃንስን ያእቆብ ሓዉን ካብቶም ቀዳሞት ሰዓብቲ ክርስቶስ ዓሕራይ ድማ ሃዋርያት ዝኾኑ እዮም። ያእቆብ ካብቶ ም ቀዳሞት እተሰየፉ ሰማእታት ወንጌል እዩ። ማሃ 12፡1 ተመልከቱ።

3.3 <u>መነባብሮኣም</u>። ስድራ ዮሃንስ ሃብታማት እዮም ነይሮም። ናይ ምግፋፍ ዓሳ ስራሕ ነይርዎም። ሰራሕተኛታት ነይሮሞም። ሰሎሜ ኣደ

ዮሃንስን ያእቆብን ድማ ሓንቲ ካብተን ንአገልግሎት የሱስ ክርስቶስ ብዛ
ንዘብ ዝድግፋ ዝነበራ እያ፣ ማር 1፡19-20፣ ሉቃ 8፡3፣ ማር 15፡40-41።

3.4 <u>አገልግሎቱ</u>፡፡ ዮሃንስ ኩሉ ሓዲጉ ሰዓብ የሱስ ክርስቶስ፣ ወደ መ
ዝሙር፣ ሃዋርያ፣ ወንጌላዊ፣ ጸሓፋይ ... ወዘተ ኮይኑ ክሳዕ አዝዩ ዝሸም
ግል አገልጊሉ፡፡ ካብቲ ዘለሙና ሓበራታታት፣ ክጅምር ክለሙ ወዲ 25 ዓመ
ት ክም ዝነበረ፣ አብ መንን 90-95 ድ.ል.ክ. ድማ ክም ዝዓረፈ ንግምት፣
ስለዚ ካብ ሰብዓ ዓመታት ንላዕሊ ምስ ክርስቶስ ክም ዝተመላለሰን ዘገልገ
ለን ንፈልጥ፡፡ በረኹቱ ድማ ክሳዕ ሕጂ ንአና'ውን ከይተረፈ ይበጽሓና አ
ሎ፡፡

ሕቶታትን ዝርርብን

ካብዚ ትምህርቲ እዚ፣
1. እንታይ ፍልጠት ቀሲመ ብዛዕባ ጸሓፋይ?
2. እንታይ ስነ መለኮታዊ ሓቅታት ተረዲኤ ብዛዕባ ቀኖናዊነት እዛ
   መልእኽቲ?
3. መን ወይስ ክመይ ኢሉ ክም እተጻሕፈ ረብሓኡ ተዛረበሉ፡፡



ካልኣይ ትምህርቲ

ዓይነ-ንሰሪ

1. ዮሃንስ ቀዳማይ መልእኽቲ ንምጽሓፍ መንቀሊ ዝኾኑ እተፈጥሩ ኮነ
   ታት፡፡
   1.1 አብ ኮሉ መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን እንዕዘቦ አብነት፡፡
   1.2 እተፈጥሩ ኮነታት ክመይ ጊርና ንፈልጦም?
   1.3 እተፈጥሩ ኮነታት ምርዳእ እንታይ ይጠቕመና?
   1.4 እተፈጥሩ ኮነታት ካብ ሓበራታታት እቲ መልእኽቲ እንዕዘቦ፣
      ሀ. ሓሰውቲ መምህራን አብታ ማሕበር ተንሲኦም፡፡
      ለ. ዝመሃርም ግቡይ ስነ መለኮትን ሳዕቤናቱን አብ ህይወት አመ
         ንቲ አንጸባሪቹ፡፡

2. ሓበራታ እተፈጥሩ ኮነታት ካብ ወጻኢ እቲ መልእኽቲ እንረኽቦ፣

1. እተፈጥሩ ኮነታት

1.1 <u>መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ክመይ ኮይኖም ተጻሕፉ?</u>

ሃዋርያ ዮሃንስ እዛ መልእኽቲ እዚኣ ንኽጽሕፍ ዘገደዶ እተፈጥረ ኣኮ
ነታት ነይሩ፡፡ ነፍስ ወከፍ መጽሓፍ ሓዲስ ኪዳን ካብ ባዶ ኮነታት፣ ካ
ብ ልብ ወለድ ጸሓፋይ እንቂዱ አይተጻሕፈን፡፡ ዝተንስኤ ናይ ሓሶት ት
ምህርቲ፣ ስዲ ዝኸደ ናብራ ኣመንቲ፣ ዝመረደ ሽግር ... ወዘተ፣ ኮነታት
ምስ ተፈጥሩ መንፈስ ቅዱስ ነቶም ዝሓረዮም ሰባት ነቲ ጉዳይ ክዕጠቕሉ
መርሓም፡፡ ንሳቶም ዝጸሓፍዎ ድማ ንአና <u>ቲኖናዊ ሪም</u> ኮይኑ ኣሎ።

1.2 <u>እተፈጥሩ ኮነታት ክመይ ጊርና ንፈልጦም?</u>
እቲ እተፈጥረ ኮነታት እንታይ ክም ዝነበረኽ ክመይ ጊርና ኢና
እንፈልጦ? ቀዳማይ ኣብቲ እንምሃሮ ዘለሙና መጽሓፍ ገሊኡ ብቐጥታ፣
ገሊኡ <u>ተኣማኒ</u> ተጠቒሱ ንረኽቦ፡፡ ነዚ ምስቲ ናይቲ መጽሓፍ እተጸሕ
ፈሉ ጊዚ ዝነበረ ባህልን፣ ኣተሓሳስባን፣ ልማድን <u>ኣቋርኗ</u>፡፡ እቲ እተፈጥረ
ኮነታት እንታይ ክም ዝነበረ ድማ ኣኻሊ ምርዳእ ንረክብ፡፡

1.3 <u>እተፈጥሩ ኮነታት ምርዳእኪ እንታይ ይጠቕመና?</u>
እቲ ሃዋርያ ዮሃንስ ዝኸደሉ፣ ዝእርሞ፣ ዝምህሮ ዘለሙ ጉዳይ መሰረታውን
ጥልቅን ምርዳእ ምእንቲ ክህልወና እቲ እተፈጥረ ኮነታት፣ ንምጽሓፍ
መንቀሊ ምኽንያት ዝኾነ፣ ክንፈልጦ ናይ ግድን ኣድላዪ እዩ፡፡

1.4 <u>እምብኣር፣ ቀዳመይቲ መልእኽቲ ንምጽሓፍ መንቀሊ ዝኾኑ ኮነታ
ት ኣብቲ መጽሓፍ ተጠቒሶም እስኪ ንርከቦም፡፡</u>
ሀ. <u>ሓሰውቲ መምህራን ተንሲኦም ነይሮም</u>፡፡ ሃዋርያ ዮሃንስ ኣብ መጽሓፉ
ጠቒሰም ኣሎ፡፡ ሓደ ካብቶም መምህራን ሓሶት ኣብ ሳልሰይቲ መልእኽቲ
ኣብ ጥቕሲ 9፡10 ድዮትሬፈስ፣ ብስም ተጠቒሱ ኣሎ፡፡ እዚኣቶም <u>ሰበብ</u>
ናይ ማሕበራት ኮኑ፡፡

ዮሃንስ ኣብ 2፡18፣ 19፡26 ብዛዕባ ከምዚኣቶም ዚብሎ ንሰማዕ፣

> '. . . ሕጂውን ብዙሓት ኣጽራረ ክርስቶስ ተንሲኦም ኣ
> ለዉ። ... ካባና ወጺኦም፣ ግናኸ ካባና ኣይነበሩን፡፡ ካባና
> ነይሮም እንተ ዝኸውኑስ ምሳና ጸኒዖም ምነበሩ ነይሮም፡፡
> ግናኸ ኩሉቶም ካባና ዘይምኻኖም ምእንቲ ኺገልጹ እዮ
> ም ዝወጹ፡፡ ... ብዛዕባ እቶም ዚስሕትኹም እየ እዚ ዚጽ
> ሕፈልኩም ዘለሙኹ፡፡'

ለ. <u>ሓሶት ስነ መለኮት ይምህሩ ነይሮም</u>፡፡
ለ.1 የሱስ ንሱ እቲ ክርስቶስ ምኻኑ ምኽሓድ ጀሚሮም ነይሮም፡፡
2፡22፡፡ 4፡2-3፡፡ ተመልከቱ፡፡
ለ.2 ምስ ኣምላኽ ሕብረት ኣለና እናበሉ ኣብ ጸልማት ይመላለሱ
ን፣ ነዚ ድማ ቅቡል ገይሮም ይምህሮም ነይሮም፡፡ 1፡6፡፡
ለ.3 ሓጢኣት እናፈጸሙ ክኾም ሓጢኣት የብልናን ይብሉ ክምኡ

ድማ ይምህሩ ነይሮም። 1፡8,10።
ሰ.4 ፍቕሪ ዘይብሉም መሻረውትን ተጻላእትን ክነሰምሲ ክርስትያናት ኢና ይብሉ ነይሮም። 3፡4-24።

እምብኣርክስ የሱስ ንሱ እቲ ክርስቶስ ምኻኑ ዝኽሕድ ስነ መለኮት ዝምህሩ ናይ ሓሰት መምህራን ሃይማኖት፣ ሓጢኣት እንታይ ምኻኑ ሓቂ ዘይምህር ሃይማኖት፣ ምስ መንገዲ ክርስቶስ ዘይስማማዕ ናብራ ዝነብሩ መምህራንን ሰዓብቶምን ተፈጢሩ። ዮሃንስ ነዚ ናይ ሓሰት ትምህርትን ህይወትን ከቃለሰ፣ ነቶም ኣመንቲ ካብ ስሕተት ክሕለዉ ክምህሮም፣ ብዛዕባ እቲ ናይ ሓቂ ወንጌል እንታይ ምኻኑ ነጺርም ርዱኣት ምእንቲ ክኸኑ እዛ መልእኽቲ እዚኣ ጸሓፈሎም።

2. እዚ እተፈጥረ ኮነታት ኣብታ ቀዳመይቲ መልእኽቲ ተጠቒሱ እንረኽቦ ወጻኢ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ንዕዘቦ ኢና። በቲ ጊዜ እቲ ናስቲ ሲዝም ዝብሃል ፍልስፍናን ባህልን ገኒኑ ተዘርጊሑ ነበረ። እቶም ኣረሜን ነይሮም ክርስትያናት ዝኹኑ ኣመንቲ ድማ ኣተሓሳስባን ጽልዋታትን ናይቲ ዝዓበይሉ ፍልስፍና ሒዞምም ናብታ ማሕበር መጹ።

እቲ ፍልስፍና ዝምህሮ ብሓጺሩ ከምዚ ነበረ። ናይ ሰብ ጸገም፣ ምልባስ ስጋ እዩ ይብሉ። ሰብ ኣብ ስጋ ክሳዕ ዘለዎ ድማ እቲ ስጋ ወትሩ ጭጋቲኡ፣ ጸጋሚኡ ምኻኑ፣ ግናኸ እቲ መንፈሱ ዝገበረ እንተ ገበረ ወትሩ ንጹህ ምኻኑ ይእምኑ። ውርይቲ ምስላ ናይዞም ሰባት እዚኣቶም ኣላ። ንሳ ድማ ከምዚ ትብል፣ ወርቂ ብጕዱፍውን እንተ ተሸፈነት ወትሩ ወርቂ እያ። ከምኡ ድማ ነፍሲ ናይ ሰብ ወትሩ ከም ወርቂ እያ። እቲ ሰብ ብስጋኡ ብዝገብሮ ሞራላዊ ጕሓፉት ንነፍሱ ኣየርስሓን እዩ።

እዚ ፍልስፍና እዚ ኣብ ህይወት ሰባት ክልተ ኣቓሬኒ ሳዕቤናት ኣኸተለ። እቶም ሓደ ንኣካላትና ትሕቲ ቑጽጽር ነፍስና ክንገብሮ ኣሎና ኢሎም ብዲሲፕሊን ዝነብሩ ኮኑ። እቶም እዚ ምርዳእ እዚ ዝወሰዱ ግሊኦም ክሳዕ መናንያንን ፈለስትን ኮኑ። ገሊኣቶም ድማ ብኣትለቲክ ኣካላቶም ዝመልኡ ቀጻዕቲ ገዛእ ርእሶም ኮኑ። ብእንጻር እዚኣቶም፣ ገሊኣቶም ዝገበርና እንተ ገበርና እታ ነፍስና ወትሩ ጽርይቲ እያ። ስለዚ ስጋና ከም ድላያ ትኺድ ኢሎም ብዘይምግታእ ብፋሉልነት ዝድሰቱ ኮኑ።

ጽልዋታት ናይ እዚ ፍልስፍና ኣብቲ ቤተ ክርስትያን ኣትዩ ብዙሕ ሕማቕ ከም ዘፍረየ ቀጺልና ክነስተብህሎ ኢና። ካብዚ ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ክነቕልበሉን ክንቀስሞን ዝግብኣና ትምህርቲ ኣለ። ኮነታት ዘወትር ምሳና እዩ። እቲ ሕቶ እዚ እዩ። ነቲ ናይ ብሓቂ ክርስትያን ዝኹነ ሰብ መን እዩ ዝመልክ? ክርስቶስዶ ወይስ ኮነታት? ባህሊዶ ወይስ ክርስቶስ? እቲ ዲማዊ ሓቂ ሃዋርያ ዮሃንስ ዝምህረና ብዛዕባ እዚ ሕቶ እዚ እዩ።

ሕቶታትን ዝርርብን

ካብዛ ትምህርቲ እዚኣ፣

1. እንታይ ፍልጠት ደሊብ?
   ሀ. ብዛዕባ መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ንክጽሓፉ ምኽንያት ዝኾኑ ኮነታት፣ ብፍላይ እኳ ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሃንስ ንምጽሓፍ ጠንቂ ዝኾኑ ኣርባዕተ ጠንቅታት እንታይ እዮም?
   ለ. እንታይ ሰባብ ፍልስፍናን ባህልን እዩ መንቀሲ ዝኾነ?

2. እንታይ ስነ መለኮታዊ ሓቅታት ተገንዚብ ብዛዕባ መንነት የሱስ ክርስቶስን ህይወት ክርስትያንን ሪመይ ክገብሮ ዝብግኣኒ?

3. እንታይ ዝወሰዶ መደብ ኣለ። ዘለኽም ኮነታትን ዘመንን ኣብ ግምት ብምእታው?



ሳልሳይ ትምህርቲ

ዓይነ-ንስሪ

1. ቀዳመይቲ መልእኽቲ መኣስ ተጻሒፉ?
   1.1 ብቲኽ መልሲ የልቦን።
   1.2 ሓበሬታታት ግን ኣለዉ ምኣስ ከም እተጻሕፈት እንግምቱ።
      ሀ. ሓበሬታ ኣበዋቲ።
      ለ. ሓበሬታ ሃጸይ ዶሚታንን።
      ሐ. ሞት ሃዋርያ ዮሃንስ።
      መ. ሓበሬታ መናፍቕነት ናስቲሲዝም።
   1.3 ምኣስ ከም እተጻሕፈ ምፍላጥ ረብሓ ኣለዎ።
      ሀ. ታሪኽ ናይ እምነትና ንፈልጥ፣
      ለ. ቀኖናዊ መልእኽቲ ምካኺኑ ንርዳእ፣
      ሐ. ብመስሓትቲ ሊቃውንቲ ኣይንህመልን፣

2. ብቕዳሚነት ንመን እያ ተጻሒፋ?

3. እተጻሕፈትሉ ዕላማ እንታይ እዩ።
   3.1 ተቓቓውሞ ክኣ፣

3.2 አመንቲ ሓቂ ክፈልጡ፣
3.3 ናይ ክርስትያን ህይወት ከመይ ምኺኑ ክነጽረሉም።
ሀ. ናይ ምርዳእ ህይወት እዩ ክብሉም።
ለ. ናይ ቅድስናን ፍቕርን ህይወት ምኺኑ ክዘክሩሉም።
3.4 እተጠቕሱ ዕላማታት ጨሚ ቱ ንምስላጥ

4. ነዛ መልእኽቲ እዚኣ ከመይ ጌርና ክንጓዓማ ኢና?

1. ቀዳመይቲ መልእኽቲ መኣስ ተጻሒፉ?

1.1 እተንግረና ብቲቩስ መልሲ የልቦን።

በዚ ዓመት እዚ እያ ተጻሒፉ ዝብል ቀሩጽ ዝበለ መልሲ ተመዝ ጊቡ ዝጸንሐ የብልናን። ግናኸ ምኣስ ከም ተጻሕፊት ጽቡቕ ግምት ክን ንብር ኣኽልቲ ሓበራታታት አለዉና።

1.2 አመትቲ ሓበፊታታት።

ሀ. <u>ሓበፊታ ናይ ቀዳሞት አበዊት ቤተ ክርስትያን አሎና</u>። ፖሊካ ርፕ፣ ፓፒያስ፣ ዮስቲን፣ አይሪንየስ፣ ክለመንቶስ በዓል እስክንድርያ ዝብሃ ሉ <u>አበዊት</u>፣ ካህናት፣ ፍላስፋታት፣ ደረስቲ ገሊኣቶም ንዮሃንስ ገጽ ንገጽ ዝፈልጥዎ፣ ገሊኣቶም ድማ ነቶም ዝፈለጥዎ ዝፈልጡ አለዉ። እዚኣቶም ካብ 110 ድ.ል.ክ. ኣትሒዞም ነዛ መልእኽቲ እዚኣ እናጠቕሱ ይጽሕፉ። ስለዚ ቅድሚ 110 ድ.ል.ክ. ከም እተጻሕፊት እንፈልጠሉ መንቀሲ ሓበፊ ታ አሎና።

ለ. <u>ሃጸይ ዶሚታን</u>። እዚ ሃጸይ ናይ መንግስቲ ሮማ 81-96 ድ.ል.ክ ነግሱ። ሃጸይ ዶሚታን ብ95 ድ.ል.ክ. ንክርስትያናት ካብቲ ናይ ሃጸይ ነ ሮ (54-68 ድ.ል.ክ) ዝገደደ ገደራ ጨፍጨፍዎም። ጽልዋ ወይስ ነጸብራ ቕ ናይ እዚ መስንሞቲ ኣብ 1ይቲ መልእኽቲ ተጠቒሱ ወይስ ተዮምቢ ሁ ኣይንረኽቦን። ስለዚ ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሃንስ ቅድሚ 95 ድ.ል. ክ. ከም እተጻሕፈት ንግምት።

ሐ. <u>ሞት ናይ ሃዋርያ ዮሃንስ</u>። ዮሃንስ ብዘበን ሃጸይ ትራጃን ኣብ 98 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ ከም ዝሞተ መዛግብቲ ቤተ ክርስትያን ይሕብር። ስ ለዚ ቅድሚ ሞቱ ክትጽሓፍ ናይ ግድን እዩ። ዝተኽተልናዮ ኣሰር ቅድ ሚ 110፣ ቅድሚ 98፣ ቅድሚ 95 ድ.ል.ክ. ከም እተጻሕፈት ይእምቱል ና።

መ. <u>መናፍቕነት ኖስቲሲዝም</u>። እቲ ሃዋርያ ዮሃንስ በዛ መልእኽቲ እዚኣ ገይሩ ዝቃወሞ መናፍቕነት (ናይ ሓሶትን ፍልልይን ዘእቱ ትምህር ቲ) ፍልስፍና ኖስቲሲዝም ካብ 60 ድ.ል.ክ ጀሚሩ ክሳብ 90 ድ.ል.ክ ኣበርቲው ዝገነነሉ እዋን ምንባሩ ታሪኻዊ ሓበፊታ ኣሎና። ካብዚ ኮሉ ሓበፊታታት ቀዳመይቲ መልእኽቲ ምኣስ ተጻሕፈት ንዝብል ሕቶ፣ ተመ

ራመርቲ ዝህብዎ እተፈላለየ ዓመታት ኣብ መንን 85-90 ድ.ል.ክ. ዘሎ ይኽውን።

1.3 ምኣስ ከም እተጻሕፈት ምፍላጥ ንእምነትና የደልድሎ።

ሀ. <u>ታሪኻዊ ናይ እምነትና ንፈልጥ</u>። ምኣስ ተጻሕፈ? መን ጸሓፎ? ኣበይ ተጻሕፈ? ... ወዘተ፣ ክብሃል ከሎ እንድዒ በሃልቲ ኣይንኽውንን።

ለ. <u>ቀኖናዊ መልእኽቲ ምኽኑ ንርዳእ</u>። ማለት ቤቲ ናይ መወዳእ ታ ሃዋርያ፣ ብዮሃንስ ከም እተጻሕፈት ነረጋገጽ። ጸሓፊኣ ሃዋርያ ስለ ዝ ኽሎ መለኮታዊ ምንጪ ዘለዋ መልእኽቲ፣ ማለት፣ ብመርሒነት መንፈስ ቅዱስ እተጻሕፈት፣ ቤተ ክርስትያን ድማ ካብ ጥንቲ ብዕሊ ከምኡ ገይ ራ ከም ቀኖናዊ መልእኽቲ ከም እተቐበለቶ ንርዳእ።

ሐ. <u>ብመስሓትቲ ሊቓውንቲ ኣይንህመልን</u>። መጻሕፍቲ ናይ መጽ ሓፍ ቅዱስ፣ ከም ካልኣ ተራ መጽሓፍ ናይ ሰብ ድኣ እምበር መለኮታዊ ምንጪ የብሉን ዝብሉ ኣለዉ። መለኮታዊ ምንጪ ንምድኻም ድማ ምኣ ስ ተጻሕፈ ንዝብል ሕቶ ናብ ድሕሪ ሞት ናይ ኩሎም ሃዋርያት ዘሎ ዘመናት የሳግርም። ርዱኣት እንተ ድኣ ኳንና ግና ብቐሊል ናብቲ ሓሶ ቶም <u>ኣይንዝሰን</u>።

2. ንመን እያ ተጻሒፋ ብቐዳሚነት? ኣበይ ኸይኑ እዩ'ኸ ጽሒፉዋ?

ንኣብነት፣ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ፣ ብመንቀሊኡ ነቶም ኣብ ከተማ ሮማ ናይ ዓዲ ጥልያን ዝነበሩ ኣመንቲ እዩ ተጻሒፋ። ከም ኡ ምኽኑ ኣብቲ መልእኽቲ ንጹር ሓበፊታ ኣሎና። ገሊኡ መልእኽት ታት ግና ብተበግሶኡ ንብዙሓት ቤተ ክርስትያናት እተጻሕፈ ዘዋሪ ናይ ሓባር ደብዳበ እዩ ነይሩ። ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሃንስ ድማ ንብዙሓት ቤተ ክርስትያናት፣ ኣብ እተፈላለየ ከተማታት፣ ኣብ ምብራቕ ናይ እዚ ለሚ ቱርኪ ዝብሃል ሃገር ዝነበራ እያ ተጻሒፋ። ኣብ ኤፌሶን፣ ገላትያ፣ ቆሎሴ፣ ... ወዘተ፣ ንዝነበራ ማሕበራት ዘዋሪት ደብዳበ እያ ክንብል ንደ ፍር። ዮሃንስ ኣብ እርግናኡ ኣብ ኤፌሶን ይነብር ከም ዝነበረን ኣብኣ ከም ዝሞተን ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ይነግረና። ስለዚ ኣብ ኤፌሶን ኸይ ኑ ምስ ኣረገ ከም ዝጽሓፋ ንርዳእ።

በዚ ጊዜና ቱርኪ ብምሉኡ ሃገር ኣስላም እዩ። ታሪኽ መለበሚ ስለ ዝኾነ፣ ከመይ ኢኡ ዓዲ ወንጌል ዝነበረ፣ ናብ ሃገር ምስልምና ተለወጠ ኢልና ምሕታት ግቡእ እዩ። መለበሚ ዝኾነና መልሲ ድማ ኣይንስ እንን። ሃዋርያ ዮሃንስን ብጸቱን፣ ብድሕሪኡ ዝተንስኡ መራሕትን፣ ኣመን ቲ ወለዶን፣ ዳርጋ ንሬ00 ዓመታት ሕድሪ ኣጽኒየም። ብሓቅን፣ ብሕብረ ት ኣሕዋትን፣ ብምምራሕ ብመንፈስ ቅዱስን፣ ብተልእኽ ወንጌልን ሓልዮ ምን ተቓሊሶምን ሕድሪ ወንጌል ኣተሓላሊፎም። ብድሕሪኡ ግና መእተዊ

ዐታ ስኢኑ ዝነበረ ሓሰት አብተን ማሕበራት አመንቲ አተወ፣ ንእምነት አመንቲ አማህመኖ። ንፍቕሮም አቕረቦ። ንብልሓም አጕደሞ። ተልእኽኦም ዘንግዑ። ሽዑ ንወረራ አደራዕ ኰኑ።

3. ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሃንስ፣ ስለምንታይ ተጻሕፈት?

ሃዋርያ ዮሃንስ እዛ መልእኽቲ እዚኣ ብምጽሓፍኺ እንታይ ክሰልጥ እዩ ደልዩ?

3.1 ተቓውሞ ክርኢ። ዮሃንስ ነቶም መምህራን ሓሰትን መናፍቕቲት ምህርቶምን ክቃወምን ከላጥሖምን፣ ክርስትያናት ድማ ርዱኣት ኰይኖም ነጥቢ ብነጥቢ ነቶም ሓሰውትን ንሓሶቶምን ኼለልይዎም ጸሓፈ።

3.2 አመንቲ ሓቂ ክፈልጡ። ክርስትያናት ነቶም ሓሰውትን ሓሶቶም ን ከለልዩ ጥራይ ዘይኰነስ፣ ካብኡ ዝበለጸ ነቲ ሓቂ ክፈልጥዎ፣ ብዘይ ምድንጋር ርዱኣትን ርጉጻትን ክኾኑ፣ ልዕሊ ኵሉ ድማ የሱስ ክርስቶስ መን ምኻኑ ኣዝዮም ርዱኣት ክኾኑ፣ ናይ ሰዓብቲ ክርስቶስ ህይወት ከ ኣ ኣጸሪም ክፈልጥዎ ጽሓፈሎም።

3.3 ናይ ክርስትያን ህይወት ከመይ ምኻኑ ክሰጽረሎም።

ሀ. ናይ ምርዳእ ህይውት እዩ ክብሎም። ህይወት ናይ ክርስትያ ን መሰረቱን መንቀሊኡን ድግ ዝበለ ሓቂ ምኻኑ ክፈልጡ፣ የሱስ ክርስቶስ መን ምኻኑን እንታይ ክም ዝመሃረን ኣዝዮም ርዱኣት ክኾኑ እሞ ኣብዛ እምነት ኣዚኣ ሰሪቶም ክሃንጹ ምሃሮም። እምነቶም ኣጸሪም ክፈልጡ ጸሓፈሎም።

ለ. <u>ናይ ቅድስናን ፍቕርን ህይወት ምኻኑ ዘዘኻኸሮም</u>። እዚ ተረዲኦም ክኣ ብጸጋ ኣምላኽ ክምኡ ገይሮም ክሃብሩ፣ ወትሩ ተረባ ኣም ላኽ ኰይኖም ክመላለሱ፣ መትከሎም ኣነጺሮም ካብ ዓለማዊ ናብራ ክፍለ እዩሞ ለኽዋጥ ህይወት ክይነብሩ መሃሮም።

3.4 ዮሃንስ እተጠቕሱ ዕላማታት ጨሚቱ ንምስላጥ፣ በዛ ሓጸር ዘ ዋሪት መልእኽቲ ገይሩ ፈጸሞ።

ዝሃቡም መልስታት ምንባብን ምምርማርን ናብ ትሕዝቶ ናይታ መል እኽቲ የእትወና። ድሕሪ እዚ መእተዊ ትሕዝቶ እታ መልእኽቲ ምምሃር ዕማምና ይኽውን። ነቶም ቀዳሞት ክርስትያናት ዘጋጠሞም ፈተናታት ብ ስነ መለኮታዊ ሓሳባት ይኹን ወይስ ናብራ ህይወት፣ ሕጂ'ውን፣ መልክዕ ድኣ ይልውጥ እምበር፣ ዘወትር ምሳና ኣሎ። እቲ ንእታቶም እተዋህበ መእረምታን፣ ትምህርትን፣ መምርሕን ንኣና ድማ እዩ። ብእኡ ክንልብም ይግብኣና።

ብታሪኻዊ ዘይልብም ንጊጋታት ናይ ታሪኻዊ ኣሕፈሱ እዩ ዝደግሞ። ብታሪኻዊ ዝልብም ክኣ ኣኻዕቢቱ ይኽስብ።

4. <u>ነዛ ዮሃንስ ዘጸሓፈልና መልእኽቲ ጥቕሲ ብጥቕሲ ክንምር ሃራ ኢና</u>።

በብኽፍሉ ጥቕስታት እናሓሳእና፣ ዓይነ ንስሪ ተኽቲልና ነቲን ሓሙ ሽተ ምዕራፋት ክንዓመን ኢና።

ሕቶታትን ዝርርብን

ብመሰረት ዓይነ-ንስርን መብርሂኡን፣

1. እንታይ ፍልጠት ደሊብ ብዛዕባ ተዋሂበን ዘለዋ ኣርባዕተ ዓበይቲ ነጥብታት ዓይነ-ንስሪ?

2. ቀዳመይቲ ዮሃንስ እተጸሓፈትሉ ዕላማ ሰለስተ ዕማማት ክም ዘጠ ቓልል ጠቒስና። ስመየን። ስሚኽ ንኣና ይምልከተናዶ እዩ?

3. ዮሃንስ እቶም ናይ ሽዑ ኣመንቲ ዘጋጠሞም ኵነታት ኣጸቢቑ ምስ ተረድኦ ብጽሑፍ መልሲ ሂቡሉ። ኣብ ማእከልና ክምዚ ዮሃንስ ዝ ወሰዶ ስጉምቲ ክሳዕ ክንደይ ንጥቀመሉ ኣለና?



ራብዓይ ትምህርቲ
መሰረታዊ መልእኽቲ፣ 1ይ ዮሃ 1፡1-5
የሱስ ክርስቶስ መን እዩ?

መእተዊ

የሱስ ክርስቶስ መን እዩ? ብዛዕባ ኣምላኽከ እንታይ ምሂሩና? ነዘን ሕቶታት እዚኣተን <u>ርሙስ</u> መልስታት ዝህቡ መጋገይቲ ምስ ተሳዕሉ፣ ሃዋ ርያ ዮሃንስ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ክቃንያ ዓጠቐሉ።

ቀንዲ ሓሳባት

ኣብ 1፡1-5 ዘለዋ ጥቕስታት ዮሃንስ መሰረት ናይቲ ኣስዒቡ ዝምህረ ና ነገራት የንብረልና። መን እዩ የሱስ ክርስቶስ፣ እንታይከ ምሃረ ብዛዕባ ኣምላኽ ንዝብላ ሕቶታት፣ ሓሙሽተ ዓበይቲ ነጥብታት ክነለሊ ይምህረና፣

ዓይነ-ንስሪ

1. የሱስ ክርስቶስ ፈጣሪ ምኻኑ ክንርዳእ መሰረታዊ እዩ። 1፡1ሀ።
   1.1 ፈጣሪ ምኻኑ ዝሕብሩ ቃላት ነስተብህለሎም።

1.2 እቶም ቃላት ዝነግርዎ ሓቂ ንመርምሮ።
1.3 ዮሃንስ እዚ ሓቂዚ ክነገርስ ስለምንታይ ናይ ግድን ኮኖ?

2. ብትስብእቲ እተጋህደ ፈጣሪ ምኽኑ ክንርዳእ መሰረት እዩ። 1፡1ለ።
2.1 ንትስብእትነት የሱስ ክርስቶስ ከመይ ገይሩ ይገልጾ?
2.2 ትስብእትነቱ ክዛርህ ስለምንታይ ናይ ግድን ኮኖ?
2.3 ሎሚኽ ትስብእትነቱ ዝኽሕድዎ አለዉዶ?

3. ብስራት ህይወት (ወንጌል) ምኽኑ ክሰለዮ መሰረታዊ እዩ። 1፡2
3.1 ክምኡ ምኽኑ ዝሕብሩ ቃላት፣ (ሀ-ለ)
3.2 ሓበርቲ ቃላት ዘመልክትዎ ሓቂ፣

4. ብዛዕባ እዚ ዓቢ ብስራት፣ አብ (1-3) እተዋህቡ ክህልወና ዝግብኦ ሓላፍነት ምፍላጥ መሰረታዊ እዩ። 1፡3-4። (4.1-4.2ሀ-ሐ)

5. የሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ አምላኽ መን ምኽኑን ዘይምኽኑን ዝመሃረና ሓቅን ትርጉሙ አብ ህይወት አመንትን መሰረት እዩ። 1፡5።
(5.1 ሀ-ለ 5.2 ሀ-ለ 5.3 ሀ-ሐ)

ትንታኔ

1. 'እቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ' የሱስ ክርስቶስ ፈጣሪ ምኽኑ ክንርዳእ ይግብአና። አብ መበገስታ ሃዋርያ ዮሃንስ ብዛዕባ መንነት የሱስ ክርስቶስ አብ ምስትውዓልና ከስርጽ ዘደሊ፣ የሱስ ክርስቶስ ፈጣሪ ምኽኑ እዩ።

1.1 የሱስ ክርስቶስ ፈጣሪ ምኽኑ ምእንቲ ክንግንዘብ ዮሃንስ ዝህበና መለለዪ ቃላት ነቕልበሉ። ንየሱስ ክርስቶስ 'እቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ' ዚብል መለለዪ ይህቦ።

1.2 በዘን ቃላት እዚአንሲ ከመይ ገይሩ ፈጣሪ ምኽኑ ክንርዳእ ይደልየና? ፍጥረት ዘበለ መጀመርታ አለዎ። አብቲ ምጅማር ናይ ፍጥረት ድማ ጀማሪኡ፣ ፈጣሪኡ፣ ኮይኑ የሱስ ክርስቶስ አለ። ነዚ ዓይነት አገላልጻ አብ ዮሃ 1፡1-3፣ አብ ራእ 1፡8 ይደግሞ። ጳውሎስ አብ 1ይ ቈሮ8፡6፣ ኢሳይያስ ድማ አብ 44፡6 ንፈጣሪ ብተመሳሳሊ አበሃህላ ገይሮም ይገልጾዎ። በዘን ቃላት እዚአቶን ጸሓፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ፣ መንቀሊ መበገሲ፣ በኳሪ ናይ ኮሉ ህልውና የሱስ ክርስቶስ ምኽኑ ክንፈልጥ ይምህሩና። ነዚ መን ፈጠሮ እናበልና ንድሕሪት እንተ አሰርና፣ ኪንዮ የሱስ ክርስቶስ ክንሓልፍ አይንኸእልን ኢና። ኪንዮኡ ዘሎ የልቦን።

1.3 ስለምንታይ እዩ ዮሃንስ፣ የሱስ ክርስቶስ ፈጣሪ ምኽኑ፣ አብ መፈለምታ አኽሪሩ ክሰተብህል ዝደልየና? የሱስ ክርስቶስ ሲጋ ለቢሱ ስለ እተጋህደ፣ ሒደት መምህራን፣ የሱስ ክርስቶስ ፍጡር እምበር ፈጣሪ አይኮ

ነን ዚብል ናይ ኖስቲሲዝም ሓሳዊ ትምህርቲ አብቲ ማሕበር ሮንዛሕ ጀመሩ። ስለዚ ቅድሚ መፈለምታ ናይ ፍጥረት መን ነበረ ክብሃል ከሎ፣ እቶም መናፍቓን ኪንዮው የሱስ ክርስቶስ ሓሊፎም ፍጹም መንፈስ፣ ብስጋ ዘይተደረተ ምህላዉ ይምህሩ ነይሮም። 2፡18-19፡22-23፡26። 4፡2-3 አንብቡ።

የሱስ ስጋ ለቢሱ ከም እተጋህደ ዮሃንስ አበርቲዉ ይእመኖ አብ ጥቕሲ ሓደ። ነዚ ምግሃድ ናይ የሱስ ክርስቶስ ስጋ ብምልባስ ትስብእቲ ክርስቶስ ንብሎ። ግናኸ ቅድሚ ስጋ ለቢሱ ምግሃዱ ፈጣሪ ምኽኑ አቐዲሙ ምእንቲ ክስቈረና ሃዋርያ ዮሃንስ ይምህረና። ንሓሳዊ ትምህርቲ ብዛዕባ መንነት የሱስ ክርስቶስ በዚ ሓቂ እዚ ገይሩ ካብ አእምሮና የ ባርሮ። ስለዚ የሱስ ክርስቶስ 'እቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ' ማለት ፈጣሪ፣ መንቀሊ ወይስ በኳሪ ፍጥረት ምኽኑ መሰረታዊ ጌርና ንገንዘቦ።

2. 'ንሕና ዝሰማዕናዮ፣ እቲ በዒንትና ዝርኢናዮ፣ እቲ ዝጠመትናዮ፣ አእዳውና'ውን ዘረምሰሳ' 1፡1ለ።

ካልኣይ ነጥቢ፣ ብዛዕባ መንነት የሱስ ክርስቶስ፣ ክንምሃሮ ዝደልየና ድማ አብ ጥቕሲ 1፡1ለ አሰፊሩዎ አሎ። የሱስ ክርስቶስ ብርግጽ ፈጣሪ እዩ። ግናኸ እዝዩ ቀረባና ዝኾነ ፈጣሪ እምበር፣ ስዉር፣ ማዕዲ፣ ዓና ከም ዘይኮነ ምእንቲ ክንምሃር ብዛዕባ ትስብእቲ የሱስ ክርስቶስ ቃላት እናደርደረ የብርሃልና።

2.1 ነዚ ካልኣይ ምልላይ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ክንግንዘቦ ዚደልየና ከመይ ገይሩ ከም ዝገልጾ አብ 1፡1,2 ዝድርድሮም ቃላት አስተብህሉሉ። ከምኡውን አብ ዮሃ 1፡1-5፡14፡18 ተመልከቱ። የሱስ ክርስቶስ አብ መብልዕ ማል ተወሊዱ፣ ንአዲኡ ማርያምን ንዮሴፍን ይእዘዝም ነይሩ። አብ መርዓ ተዓዲሙ፣ አብ ቀብርን ሓዘንን ፈተውቲ ተረኺቡ፣ ጸሚኡ፣ ጠምዩ፣ ገይሹ፣ ነቢዑ፣ ኣልቂሱ፣ ተገፊዑ፣ ተሰቒሉ ... ወዘተ። ፈጣሪ ሰማይን ምድርን ክነሱስ ምእንቲ ክረድኣና ንእና መሲሉ። እዚ ሓቂ እዚ አብ ኮሉ መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብእተፈላለየ አቀራርባ ተደጋጊሙ ክረሩ ይንገረና። እብ 2፡14-18።

2.2 ፈጣሪ ሰማይን ምድርን ክነሱ ከምዚ ገይሩ፣ ገዛእ ርእሱ አትሒቱ፣ ብ ፍጡራቱ ምቕራቡ ዘይመስል ኮይኑ ስለ እተራእየም፣ የሱስ ክርስቶስ መን ምኽኑ ዘየለለይን ዝኽሓድን ብዘበን ዮሃንስ ነይሮም። 2፡2-23። 4፡1-3 አንብቡ። ስለዚ ከምቲ ፈጣሪ ምኽኑ ዘረጋገጸልና፣ ዮሃንስ ከምኡ ድማ ናይ ትስብእቱ ሓቅነት አኽሪሩ የረጋግጸልና። እዚ መሰረት ናይ ክርስትያን ሃይማኖት እዩ።

2.3 ብዘበንና ነዚ ትስብእቲ ክርስቶስ ዝኸሕድዎ ኣለዉ። እኒ በሃዪና ይ የሆዋ መስኻኸር፣ ኣሰላም፣ ኑው ኣጀርስ ... ወዘተ፣ ንመንነት የሱስ ክ ርስቶስ ይጉዛዝይዎ እዮም። ንመለኮትነቱን ንትስብእቱን ይኸሕድዎ፣ ፍ ጡር ድኣምበር ፈጣሪ ኣይኮነን ይብሉ።

መብዝሕትኦም ኣመንቲ ነቲ መለኮትነትን ትስብእትን እናተቐበልዎ ክነሶምሲ ናቱ ምስጢር ኣብ ህይወቶም ኣይግለጽን። ማለት እቲ ወንጌል ጸጋ ናይ ትስብእቲ፣ ብእምነትን፣ ብፍቕርን፣ ብቐድስናን፣ ብተልእኽ ወን ጌልን፣ ብምዕዛዝ ህልውና መንፈስ ቅዱስን ኣብ ተመክሮ ህይወቶም ኣይር ኣን።

3. '... ብዛዕባ እቲ ቓል ህይወት፣ ህይወት ድማ ተገልጸት፣ ነታ ምስ ኣቦ ዝነበረት ንኣና ኽኣ እተገልጸት ናይ ዘለኣለም ህይወት ር ኢናያ ኢና እሞ...' 2፡2።

3.1 <u>የሱስ ክርስቶስ ፈጣርን ትስብእትን እዩ።</u> ሳልሳይ ነጥቢ፣ የሱስ ክ ርስቶስ 'ቃል ህይወት' ምኻኑ ክንርዳእ ከኣ መሰረታዊ እዩ። እንታይ ማ ለቱ እዩ በዘን ቃላት እዚኣተንክ?

3.2 <u>የሱስ ክርስቶስ 'ቃል ህይወት' እዩ ብምባል፣ ዮሃንስ፣ እንታይ ክርንዳ ኣ ይደልየና?</u>

ሀ. ብቓል ኢና እንሓስብ፣ ሓሳባትናን ስምዒትናን ከኣ እንገልጽ። ብዘይ ቃል ደረጃ ህልውናና <u>በሃማዊ</u>፣ ዳርጋ ናይ እንስላ ምመስለ። ስለዚ የሱስ ክርስቶስ ኣምላኽ መን ምኻኑ እነለልየሉ ዝለዓለ መምህር ንመግሃ ድን እዩ። የሱስ ክርስቶስ ብዝለዓለ ደረጃ መስትያት ናይ ኣምላኽ እዩ። መንዩ ኣምላኽ? ኩተለልዮ ኣብ ፍጥረት ርእዮ እሞ ፈጣሪ ምኻኑ ትርዳ እ። ንነብያት ድማ ስምዓዮም እሞ፣ ብዛዕባ ኣምላኽ ብዙሕ ክትፈልጥ ት ኽእል። ግናኸ እቲ ዝዓበየ መለለዪ ናይ መንነትን እንታይነትን ኣምላ ኽ የሱስ ክርስቶስ ብምፍላጥ ኢና እንበጽሖ። ልዕሊ ኩሉ ነቲ 'ቃል' ዝሰ ሙ የሱስ ክርስቶስ ነለልዮ።

ለ. የሱስ ክርስቶስ እንታይ ዓይነት ቃል ምኻኑ ድማ ቡቲ ተወሳኺ ቅጽል፣ 'ቃል ህይወት' ዚብል ይነግረና። እቲ ምግሃድ ናይ የሱስ ክርስቶ ስ፣ ንኣና፣ ህይወት ዝህብ ብስራት እዩ። ብዛዕባ እዛ ብምግሃዱ እትብሰረ ልና ጽብቕቲ ህይወት ሰለስቲ ነገራት ይሕብረልና።

ለ.1 ኣምላኽ ካብ ኣዳምን ሄዋንን ጀሚሩ ንኹሎም ዝኣምንዎን ዝእ ዘዝዎን ዚህቦም ንሱ ዝምንጪ ኣምላኻዊት ህይወት ኣላ። ነዚኣ 'ነታ ምስ <u>ኣቦ ዝነበረት</u>' ህይወት ኢሉ ይገልጻ።

ለ.2 እዛ ህይወት እዚኣ ዘይትብጻሕ ሕልሚ ኮይና ከይትርኣየና፣ግ ዳስ ክንነብራን፣ ብተመክሮ ክንፈልጣን እንኸእል ምኻንና ክንርዳእ 'ንኣና

ኽኣ <u>እተገልጸት</u>...' ይብላ። ማለት ኣብ የሱስ ክርስቶስን ኣብ ናይ ብሓዊ ሰዓብቱን ብተመክሮ ተራእያ ምኻና፣ ስውርቲ ከም ዘይኮነት ክምሀረና' ንኣና ኽኣ እተገልጸት' ብምባል የግህዳ።

ለ.3 <u>ናይ ዘልኣለም ህይወት</u>' ድማ ይብላ። ማለት፣ ይትረፍዶ ባህ ዘየብል ኮነታትስ ሞትውን ዘየጥፍኣ ንዘልኣለም ናትና እትኸውን ህይወት እያ። እታ ብየሱስ ክርስቶስ እትብሰረና ህይወት ኣምላኻዊት፣ ተመክሮኣ ዊት፣ ዘለኣለማዊት እያ።

4.'. . .ንምስክር፣ ንነገረኩምውን ኣሎና። ንስኻትኩም ድማ ምሳና ሕብረት ምእንቲ ክህልወኩም ኢልና፣ እቲ ዝርኤናዮን ዝሰማዕናዮን ንኣኻትኩም ንነግሮ ኣሎና። ሕብረትና'ውን ምስ ኣቦን ምስ ወዱ የሱስ ክርስቶስን እዩ። ሓጐስና ምእንቲ ኺምላእ ኢልና፣ እዚ ንጽ ሕፈልኩም ኣሎና።' 1፡3-4

የሱስ ክርስቶስ ፈጣሪ ከኣ፣ ስጋ ለቢሱ (ብትስብእቲ) ኣዝዩ ቀሪቡና ን እተባረኸ ህይወት ክንሳተፍን ዓዲሙና። እሞ ዝጠዓምናዮ ዘበልና ካብ ኡ ሓሊፍና እንወሰዶ ስጕምቲ እንታይ ኣሎ? ዮሃንስን ብጾቱን ክንወሰዶ ዝግብኣና ስጕምቲ ብኣርኣያ ዝምህሩና ንመልከት።

4.1 ንሳቶም ኣብሲሮም፣ ጽሒፎም፣ ተጋዲሎም፣ ብርቱዕ መስዋእቲ ከፊ ሉም ንወለደኣም ናይ ብስራት ግዴታኣም ፈጺሞም። ክሳዕ ኣባና እኳ እንሆ ብጺሑ። 1፡3-4 ኣንብቡዎ።

4.2 ስለምንታይከ ክሳዕ ክንድዚ ተጋደሉ? ሰብ ነናይ ኣቦታቱ ሃይማኖት ይስዓብ ዘይሓድግም? ዮሃንስ ሰለስቲ መልሲ ይህበና።

ሀ. <u>ብሰራት</u>። እቲ ብየሱስ ክርስቶስ እተጋህደሎም ወንጌል ሓለፋ ኩሉ መዘና ዘይብሉ ሓቅን በረኽትን ኩይኑ ሰለ ዝረኸብዎ፣ ንሱሉ ሰብ ከበስርዎ፣ ብውሽጠም ደረኽም። ክዓቕሮም ዘይኽእሉ ግዴታ ኩኖም። ዮሃንስን ብጾቱን ዝብልዎ ነስተብህል፣ '. . . ርኢናያ ኢና እሞ፣ ንምስክ ር ንነገረኩም ኣሎና፣... ምሳና ሕብረት ምእንቲ ኺህልወኩም...ንኣኻትኩ ም ንነግሮ ኣሎና...ሓጐስና ምእንቲ ኺምላእ. . .ንጽሕፈልኩም ኣሎና።'

ለ. <u>ሕብረት</u>። ዮሃንስን ብጾቱን ሰባት ነንሕድሕዶምን ምስ ኣምላኽን ብሰላም ዝጥርነፍሉ ብየሱስ ክርስቶስ ጥራይ ምኻኑ ብጥልቂ ተረዲእም ም። ስለዚ ነዚ ሕብረት እዚ ክሃንጹ ተላዕሉ። ምእንቲ ክሃንጹ ድማ እ ቲ ሕብረት ኣመንቲ ዝፈጥር ወንጌል ኣበሰሩ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዓለም ተራእዩ ዘይፈልጥ ንፍልልይ ናይ ሃገራት፣ ዓሌታት፣ ቋንቋታት፣ ደርብታ ት ማሕበረ ሰባትን ጥሒሱ ሓደ ስድራ ዝፈጥር ወንጌል የሱስ ክርስቶስ

ኣበሰሩ። ተኸልዎ ድማ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ታሪኽ ናይ ዓለም ከምዚ ዝ በለናይ ፍቕሪ ጥርናፈ ከቶ ተራእዩ ኣይፈልጥን። ቁሉ 3፡11-15። ገላ3፡ 28-29። 1ቈሮ 12፡13። ራእ 7፡9።

ሐ. <u>ተልእኽ</u>። ሓጐስ ናይ ኣማኒ ምሉእ ዝኾውን እንተ ኣበሰረም ኻኡ ተረዲኦም፡ ዮሃንስን ብጾቱን ኣበሲሮም። ተልእኾኦም ብሓጐስ ተቕ ቢሎም(1፡4)። ከምዚ ናይ ሎሚ ናይ መራኸቢ መቀላጠፊታት፡ ከም መ ጓዓዝያ፡ ራድዮ፡ ቤት ማሕተም... ወዘተ ዘይነበሮም ክነሶምሲ ብርቱዕ ዕማ ም ናይ ምብሳር ወንጌል ኣስሊጦም። ኣብ ግብረ ሃዋርያት ተመዝጊቡ ዘ ሎ ዘገርም ዛንታ ናይ እንዛረበሉ ዘሎና ነጥቢ ምስክር እዩ፡

- እዚ ሓላፍነት ናይ ምብሳር ወንጌል ንኣናኻ ብኻመይ ይምልከ ተና?
- ተልእኽ ዘለዎም ኣመንትን ማሕበርንዶ ኢና?
- ንኣገልግሎት ምብሳር ወንጌል እንሀቡ፡ እንምህለሎ፡ እንጸመሉ፡ እንድግፎ እንታይ ኣሎና?
- ኣብ ምብሳር ተሰሊፍናዶ ኣሎና?
- ዕላማ ናይ ምብሳርናኻ እንታይ ኸኸውን ይግብኦ?
- እቲ እነበስሮኽ እንታይ እዩ?
- ከይተመከርናዮን ከይተረዳእናዮንከ ከነበስሮዶ ይከኣል'ዩ?

5. 'እግዚኣብሄር ብርሃን ምኻኑን ኣብኡ ኽኣ ሓንቲኳ ጸልማት ከ ም ዜብሉን፡ እታ ኻብኡ ዝሰማዕናያ ንኣኻትኩም'ውን እንነግራ ዘ ሎና መልእኽቲ እዚኣ እያ።' ዮሃ 1፡5።

የሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ መንነት ኣምላኽ፡ ናይ ግድን ክንግንዘቦ ዘሎ ና ሓቂ ብዮሃንስ ገይሩ ኣብ 1፡5 ይህበና። ኣብቲ እንብህን ሊላይ ሕብረ ት ኣመንቲ ክንበጽሖ እንተድኣ ኴንና 'ኣምላኽ መን ምኻኑን ዘይምኻኑን ርዱኣት ክንከውን ናይ ግድን ምኻኑ ተነጊሩና ኣሎ። እምብኣርከ ኣምላ ኽ መን እዩ? መንከ ኣይኮነን?

5.1 <u>ኣምላኽ ብርሃን እዩ ይብለና</u>። እዚ ኣምላኽ መን ምኻኑ ከነለልዮ ይሕብረልና። ብዛዕባኡ ኣርባዕተ መብርሂ ነስተብህል።

ሀ. <u>ኵሉ ዝፈልጥ</u>። ሓንቲ እኳ ዝሕብእ ከም ዘይብሉ የተምብህ። ብርሃን ምልክት ናይ ጉድለት ዘይብሉ ፍልጠት እዩ።

ለ. <u>ብርሃን። ኣምላኽ እንታን ጉድለትን ዘይብሉ፡ ፈጺሙ ቅዱስ ምኻኑ ይሕብር</u>። ማለት ጽድቂ፡ ሓጐስ፡ ሰላም፡ ንጽህና፡ ደግነት፡ ፍቕሪ ... ኵሉ ጽቡቕ ዘበለ ብኽፈል ወይስ ብብዝሒ ዘይኮነስ፡ ብምልኣት ኣ ብኡ ከም ዘሎ ይነግር።

ሐ. <u>ብርሃን ምልክት ናይ ህይወት እዩ</u>። ኣምላኽ ምንጪ ናይ ህይ ወት ምኻኑ ይምህረና። ብባህራያዊ መንገዲ ብዘይ ብርሃን ጽሓይ ህይወ ት ክህሉ ወይስ ክቕጽል ኣይክኣልን እዩ። ከምኡ ድማ ብዘይ ኣምላኽ ኵሉ ሰብ ኣብ ጸልማት ይነብር። ኣብ ኣምላኽ ዝነብር ሰብ ግና ካብኡ ህይወት ይረክብ። ናይ ሓቂ፡ ቅድስና፡ ፍቕሪ፡ ሕብረት፡ ሰላም... ወዘተ ምንጪ ኣምላኽ እዩ።

5.2 <u>ኣምላኽ መንን እንታይን ከም ዘይኮነ ድማ ክንፈልጥ ይደልየና</u>። ናይ ክልቲኡ ምርዳእ ብሓደ ወገን ሓቂ የፍልጠና፡ ቡቲ ሓደ ድማ ካብ ምድንጋር ይሕልወና።

ሀ. 'ሓንቲ እኳ ጸልማት ከም ዜብሉ' ይነግረና። ማለት ኣምላኽ መ ን ከም ዘይኮነ ይነግረና። ብኣንጻር ብርሃን፡ ጸልማት ሓጢኣት፡ ክፍኣት ፡ድንቑርና፡ ጕድለት... ወዘተ፡ ይእምት። ስለዚ ኣብ ኣምላኽ ኣብር፡ ገ ጕድለት፡ ክፍኣት ... ወዘተ፡ የልቦን።

ለ. ኣህዛብ ብዛዕባ እቶም ዘምልኽዎም ዝነበሩ ኣማልኽቲ ከምዚ ዝበ ለ ልዑል ምርዳእ ኣይነበሮምን። ከምዚ ወንጌል ዝሀበና ምርዳእ ብዛዕባ ኣምላኽ በኽሪ ፍልጠት ዘለዎ ካልእ ሃይማኖት የልቦን። ሎሚ'ውን እን ተኹነ ጕደሎን ዘባልን ምርዳእ ብዛዕባ መንነትን ዘይመንነትን ኣምላኽ ኣ ብ ክርስትያናት ከይተረፈ መሊኡ ኣሎ።

5.3 ዝብሃል ብዙሕ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ መን ምኻኑ ወይስ ዘይም ኻኑ ርጉጽ ሓቂ ካበይ ንረኽቦ?

ሀ. ዮሃንስ ኩነ ወይስ ብጾቱ ብዛዕባ ኣምላኽ መን ምኻኑን ዘይምኻ ኑን እተረጋገጸ ሓቂ ክነግሩና ከለዉ ባዕላቶም ተመራሚሮም ዝዘጽሕዎ ፍ ልጠት ከም ዘይኮነ ክሕብር ከሎ፡ 'ካብኡ ዝሰማዕናያ' እያ ይብል። ካ ብመን ማለቱ እዩ? ተመራሚርና፡ ካብ ተመክሮታትና፡ ካብ ታሪኽ ብዛዕ ባ ኣምላኽ እንፈልጦ ዘበለስ እንታይ ሚዛንከ ይውሃቦ? እዚ ፍልጠት እዚ ካብታ ዮሃንስ ዝዛረበላ ዘሎ ብኽመይ ይፍለ?

ለ. 'ኣምላኽ ብርሃን ምኻኑን ኣብኡ ሓንትኳ ጸልማት ከም ዘልቦን' ዝነገሮም የሱስ እዩ። የሱስ ብዛዕባ ኣምላኽ ዝምህረና ካብቶም ካልኦት ኵላቶም ዝብሉና ወይስ ንሕና እንበጽሖ እንታይ ብልጫ ኣለዎ? ዮሃ1፡16 -18። እብ 1፡1-2 ንመብርሂ ኣንብቡ።

ሐ. ስለምንታይ እዩ ዮሃንስ ምንጪ ናይዛ ፍልጠት ኣዚኣ የሱስ ክር ስቶስ ምኻኑ ዘኽርራ ዘሎ? ብዛዕባ መንነት ኣምላኽ እንበጽሖ ፍልጠት ኪንዮው የሱስ ክርስቶስ ይግባኻ ዝብሃለሉ የልቦን። ካልኦት እንተ ተነበዩ፡ እንተ ምሩፍ ወትሩ መባእታ እዩ። እቲ ምልኣት ኣብ <u>የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ዘሎ</u>።

ሕቶታትን ዝርርብን

1. ዮሃንስ ብዛዕባ መንነት የሱስ ክርስቶስ ሰለስተ ነገራት ይምህረና፡፡
   ሀ. ሰለስቲአን ስመየን፡፡
   ለ. ንምግላጹ ዮሃንስ ዝጥቅመሉ ቃላት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስም
   ሐ. ንዮሃንስ፣ ብዛዕባ መንነት የሱስ ክርስቶስ ክገልጽ፣ እንታይ ዝደ ረኽ ኮነታት ነይሩ? ብዘበንናኽ ኣሎዶ?

2. 1፡3-4 ደጊምኩም ኣንብቡም፡፡
   ሀ. ዮሃንስን ብጾቱን ብዛዕባ እቲ ዝረኽብዎ በረኽት ሰለስተ ነገራት እንታይ ከም ዝገበሩ ይነግረና፡፡ ሰለስቲአን ስመዩወን፡፡ ንሕናኽ ብዘበንና ንንብረንዶ ኣሎና?
   ለ. ስለምንታይ ከም ዝመስከሩን፣ ዝነገሩን፣ ዝጸሓፉን ዮሃንስ ሰለስተ ነገራት ኣሚቱልና ኣሎ፡፡ ስመዩወን፡፡ ንኣናኽ ይመልከታናዶ እ የን?

3. ብዛዕባ መንነትን ዘይመንነትን ኣምላኽ ክንፈልጥ መሰረታዊ እዩ፡፡
   ሀ. ዮሃንስ ከም ዝምህረና፣ መንዩ ኣምላኽ መንክ ኣይኮነን?
   ለ. ብዛዕባ መንነትን ዘይመንነትን ኣምላኽ ክምህረና ዝጥቀመለን ቃላ ት ጥቐሱወን፡፡ እንታይዶ የስምዓ?
   ሐ. ምንጪ ፍልጠትና ናይ መንነት ኣምላኽ ካበይ ምኺኑ ልዕሊ ኩሉ ወሳኒ እዩ፡፡ ስለምንታይ? ስለምንታይስ ይመስለኩም፣ ዮሃን ስ፣ እዛ ዘተሓላለፈልና መልእኽቲ ብዛዕባ መንነትን ዘይመንነትን ኣምላኽ ካብ የሱስ ክርስቶስ ዝረኽባ ምኺኑ ዘኽረው?

ሓሙሻይ ትምህርቲ
ካብ ሓባል መንነት ንተሓሉ
1ይ ዮሃ 1፡6፡8፡10

መእተዊ

ኣብ 1ይ ዮሃ 1፡1-5 የሱስ ክርስቶስ መን ምኺኑ፣ ኣምላኽ መን ም ኺኑ፣ ንየሱስ ክርስቶስ ናብዛ ዓለም ዘምጽኦ ጉዳይ ምስ ኣምላኽን ንሓድ ሕዱን ቅድዊ ሕብረት ዘለዎ ህዝቢ (ማሕበር) ከፈጥር ምኺኑን ብምልላ ይ መሰረት ክንገብር ተማሂርና፡፡ እዚ ክዓዱ እንተ ኮይኑ ዘይጥዑይ ግ ምት ናይ ገዛእ ርእስና ክውገድ ናይ ግድን እዩ፡፡

ቀንዲ ሓሳባት

ሕብረትና ዘማስኑ ሰለስተ ሓባላት መንነት ኣለዉ፡፡ ኣለሊና ካብ ሓሳ ባትና ክነባርሮም ሃዋርያ ዮሃንስ ይምህረና፡፡ እዞም ሰለስተ ሰባባት ሓሶት፡ ዘይኮነ ምርዳእ ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ኣብ ምስትውዓልና ኣሕዲሮም መን ፈሳዊ ዓወትና የፍሽሉ፡፡ ኣለሊና ካባና ንቕንጥጠም፡፡

ዓይነ-ንስሪ

1. ገዛእ ርእሰም ዝጠበሩ ኣመንቲ፡፡ ጥ 6፡፡
   1.1 ምስ ኣምላኽ 'ሕብረት ኣሎና' በሃልቲ፣
   1.2 ግናኽ 'ኣብ ጸልማት' ዝመላለሱ፣
   1.3 ብዛዕባዚ እተሳዕሉ ሕቶታትን መልስታቱን፣

2. ምስትውዓሎም ዝሓበለ ኣመንቲ፡፡ ጥ 8፡፡
   2.1 'ሓጥያት የብልናን' በሃልቲ፡፡ ብግሀዶ እናሓዋኡ፡፡
   2.2 ዮሃንስ ዝህቦ መልሲ፡፡

3. ይረቕኺታት ኣመንቲ፣ ሓጥያት ኣይገብርናን በሃልቲ፡፡ ጥ 10 እዚኣ ድፍረት እያ፡፡ ካብ ሸለልትነት ናይ ህይወት ናብ ሓባል መትከል፣ ካብ ሓባል መትከል ድማ ናብ ድፍረት፣ ሰለስተ ለከምትና ሰንሰለት ናይ ጥፍኣት እዮም፡፡

ትንታኔ

1. ብእፍ ክርስትያን ምኺንካ እናተኣመንካ ግናኽ ከይሓንኸካ ብናብራኽ ምፍራሱ ቅቡል ዝገብሩ ኣመንቲ ተሳዕሊሎም፡፡ ገዛእ ርእሶም ዝጠበሩ ኣ መንቲ ተሳዒሎም ኣብታ ማሕበር፡፡

1.1 እዚኣቶም 'ምስ አምላኽ ሕብረት አሎና' በሃልቲ እዮም። ማለት ኣመንቲ ብአምላኽ፣ ኣመንቲ ብየሱስ ክርስቶስ፣ እተጠመቐ፣ እተሃደሰ፣ ካል ኣይ ተወሊድና በሃልቲ፣ ብልሳን ተዛሪብና በሃልቲ፣ ቅዱስ ቍርባን ተኻፊ ልቲ፣ ወሃብቲ መባእ፣ ኣብ ኣገልግሎታት ቤተ ክርስትያን ተኻፈልቲ ... ወዘተ፣ እዮም። ከላዕ እዚ ድማ ጽቡቕ እዩ። ግናኸ ዘይምሉእ ኮይኑ፣ ናይ ኣፍ ጥራይ ኮይኑ።

1.2 እዚኣቶም ኣብ ጸልማት ከኣ ይመላለሱ። ማለት እዞም ኣቐዲሞም እተጠቕሱ ክርስትያናት ምኽኖም ዝእመኑ ከምቶም ዓለማውያን ይነብሩ። ይስስዑ፣ ይዝምዉ፣ ይሕስዉ፣ ይዕምጹ፣ ይብኡ፣ ይቕየሙ፣ ይሰኽሩ፣ የሻርዉ፣ ይቕንኡ፣ ይቕትሉ፣ ይንውሩ፣ ይሰርቁ፣ ሓዳሮም ይብትኑ ...ወዘተ፣ በቲ ሓደ ወገን ሃይማኖታውያን ኣመንቲ እዮም። በቲ ሀይወቶም ግና ካብ ቶም ዓለማውያን ኣይፍለዩን።

1.3 ዓቢ ሕቶ? ከምዚ ዝበለ ክርስትና ኣብ ቅድሚ አምላኽ ቅቡልዶ እዩ? ብአምላኽ ሸለል ዝበሃልዶ እዩ? ካብ መንግስተ ሰማያት ምእታውዶ ይኸልክል እዩ? ንሕብረት ኣመንቲኽ የበላሹዶ እዩ? ሽው ክልተ ጉጅረንቲ መልስታት እተዋህቡ እስከ ንስማዕ።

ሀ. ምስ አምላኽ ሕብረትና ከየባተኽ፣ ካብ መንግስተ ሰማያት ከይተኽለፍና፣ ሕብረት ክርስትያናት ከይተደምሰሰ፣ ኣብ ጸልማት ክንመላለስ ይክኣል እዩ ኢሎም ዝምልሱ ብዙዓን ዮሃንስ ነይሮም። ሕጂውን ብሚልዮናት ኣለዉ። ከምኡ ምባሎም ድማ ዝህብዎ ምኽንያት ኣለዎም።

ኖስቲሲዝም ዝብሃል ግኑን ፍልስፍናን ሃይማኖትን ባህልን ነይሩ ከምኡ ክሓስቡ ዝጸለዎም። ከምዚ ይብሉ፣ ስጋ ዝለበሰ ፍጹም የልቦን። ስጋ ወትሩ ጐታቲና፣ መስነፊና፣ ፈታኒና እዩ። ምስናይዚ ብፈተናታት ለይጣ ንን ዓለምን ተኽቢብና ንውጠጥ። ናይ ግድን ድማ ከምቲ አምላኽ ዚደልየና ኣይንኸውንን። ግናኸ እቲ ልብና፣ እቲ ምንዮትና ወትሩ ምስ አምላኽ እዩ። በዚ ኣተሓሳስባ እዚ 'ሓጢኣት የብልናን ... ሓጢኣት ኣይገበርናን' ክብሉ ይደፍሩ። እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ኣብ ኣከባቢ ኤፌሶን፣ዮሃንስ ዝነብረሉ ዝነበረ፣ ጥራይ ኣይኮነን ነይሩ። ኣብ ማሕበር ቈረንቶስ'ውን ከም ዝነበረ 2ይ ቈሪ 6፣14-18 ብምንባብ ንዕዘቦ።

ሎሚኸ ንየሱስ ክርስቶስን ንዓለምን ብሓንሳእ ሓቕፍና ክንነብር ያኢ ከም እንኸእል ኣብቲ ዕለታዊ ናብራናዶ ይርኢ የሎን? ከምዚ ጌርና ክንስሕት ዝደፍነናኸ እንታይ እዩ?

ለ. ብኣንጻር ናይዚ ቀዳማይ መልሲ፣ ናይ ሃዋርያ ዮሃንስ ብትኽ ዝበለ መልሲ ንስማዕ። ከምዚ ይብለና። ምስ አምላኽ 'ሕብረት ኣሎና ኢልናስ ኣብ ጸልማት እንተ ተመላለስና፣ ንሕሰ ሓቂውን ኣይንገብርን ኣ

ናኹ ዘሎና። ' ናይ ዮሃንስ መልሲ ንማእከላይ መርገጺ ስድራ'ውን ኣይትህብን።

ሰዓብ ክርስቶስ ምኽንካ እናተኣመንካ ኣብ ሓጢኣት ምንባር ጸልማትን ብርሃንን ከም ምቕራን፣ አምላኽ ዘይቅበሎ ሓሶት፣ መማሰኢ ሕብረት ኣመንቲ እዩ። ከንቱ ክርስትና ሒዝና ከይንመላለስ ሃዋርያ ዮሃንስ ዝምህረና ማእከላይ መርገጽ ዘይብሉ ሓቂ ሒዝና ንለብም።

2. ካልኣይቲ ሓባል ኣተሓሳስባ 'ሓጢኣት የብልናን' ትብል። እዚኣ መሰረት ናይታ ኣተጠቕሰት ቀዳመይቲ ስድነት እያ። ጥ 8። ምስትውዓሎም ዝሓበለ ኣመንቲ ትገብረና።

2.1 እታ ቀዳመይቲ ናይ ጠባይ ስሕተት ክትከውን ከላ፣ እዛ ካልኣይቲ ናይ ሓባል ስነ መለኮታዊ ኣተሓሳስባ እያ። ኣብቲ ቀዳማይ ደረጃ ኣብ ሓጥያት ምንባሮም ኣይክሓድምን። ግናኸ ጽድቅን ሓጢኣት መናብርቲ ገይሮም ወሲዶምምም። ሕጂ ግና 'ሓጢኣት የብልናን' ንምባል ደፈሩ። እዚ መትከላዊ ስሕተት ብዛዕባ መንነትና እዩ። ሓባል ኣእምሮ ኣብ ሓባል መንገዲ ይሰርዓካ። ደፊኑ የድፍረካ። መን እዩ ሰብ? መን እየ ኣነ? መን ኢኻ ንስኻ/ንስኺ? ነዛ ሕቶ እዚኣ ዝሃብዎ ናይ ስሕተት መልሲድማ እዩ 'ኣብ ጸልማት' ምምልላስ ኣድፊርዎም። መን እየ ኣነ? መን ኢና ንሕና ንዝብል መልሲ 'ሓጥያት የብልናን' ዝብል መልሲ ሂቦምሉ ብዘመን ዮሃንስ ዝነበሩ መስሓትቲ።

ጠባያቶም እናመስከረሎምሲ ከመይ ገይሮም ከምኡ ክብሉ ይደፍሩ? እዚኣቶም ነቲ ግሁድ ሕማቕ ጠባያት ናይ ሓጢኣት ኣይክሓድምን። ንስኽራን፣ ንዝሙት፣ ንጽልኢ ... ወዘተ፣ ጽቡቕ እዩ ኣይብሉን። ከም ዝፈጸምዎ ድማ ኣይክሓዱን። እንታይ ድኣ? ከምዚ ዝስዕብ ስነ ሓሳብ ብምሃብ ይፈላሰፉ።

> ሰብ ብመሰረታዊ ውሽጣዊ እንታይነቱ ጽቡቕ እዩ። ሓጢኣት የብሉን። ብአምላኽ ይኣምን፣ ነቲ ሰናይ ዘበለ ድማ ብውሽጡ ይምነዮ። እቲ ሓጢኣት ክንብር ከሎ ድማ ከም ኣብ ጐዱፍ እተደርበየት ወርቂ እዩ። ነቲ ናይግዳም ካባይ ኣልግስ እንተ ኣበልካዮ ብውሽጡ ደጊ እዩ። ናይ ጠባይ ሓጢኣት ድኣ እምበር ናይ ባህሪ ሓጢኣት የብሉን። ሰብ ሓደ ሓደ ሓጢኣት ድኣ እዩ ዝፍጽም እምበር ሓጢኣተኛ ኣይኮነን ይብሉ። 'ኣብ ልቡ ሓንቲ ከፍኣት የብሉን' ዓይነት ኣዘራርባ እዩ።

2.2 ብኣንጻሩ፣ ዮሃንስ ካብዚ ስነ መለኮታዊ ስሕተት ክንሕሎ ይምህረና፣ ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ዘይሓጥኣን ጌርና ምሕሳብ ይብለና፣

ሀ. <u>ርእሰ ጥበራ እዩ፡፡</u> አዝዩ ግናይ ሳዕቤናት ዘሽትል ሰራም ሓጢ
ኣት እዩ፡፡ ብዛዕባ መንኑትካ ድፍኖ ትኽውን፡፡ ሕሙም ከሎ'ኳስ ጥውይ
እየ ከም ምባል፣ ኣድላይነት ናይ ሓኪም ዘይረኣየካ ከም ምኽን እዩ፡፡

ለ. <u>ባጥራም ምኽን እዩ፡፡</u> 'እታ ሓቂውን ኣባና የላን፡፡' ይብል ዮሃን
ስ፡፡ <u>ባጥራም</u> ከሲሩ ነድዩ ባዶ ዝተረፈ ማለት እዩ፡፡ እቲ ፍልጠት ሓቂ
ናይ የሱስ ክርስቶስ ብውሽጡ ዘይብሉ ሰብ ድማ ባጥራም፣ መብራህቱ ግ
ብ ዝበለቶ፣ መንኑቱ ምልላይ ዝሰኣነ እዩ፡፡

2.3 ከምቲ ዮሃንስ፡ ሰብ ሓጢኣትኻ ምኽኑ ኣዳዕዲው ዚምህረና፣ ካልእ
ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ድማ የጽንየ፡፡ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ መን
ምኽንና፣ ዝነግረና ዘኸድዕ ኣይኮነን፡፡ ብባህሪና፣ ብውሽጥና፣ ብሱር መ
ሰረት መንኑትና ነፍሰ ወከፍና ሓጥኣን ኢኹም ይብለና፡፡ ብደገ ከም ጉ
ዱፍ ዝኸወለኩም ብውሽጢ ግና ከም ወርቂ ደግታት ኢኹም ኣይብሉና
ን፡፡ ዮሃንስ ነዚ ሓጢኣት የብልናን፣ ሓጢኣት ኣይገበርናን ዝብል ትምህ
ርቲ ሓሶትን ጥበራን ከም ዚብሉ፣ ጳውሎስ ድማ ነቶም ብዛዕባምን ታ
ሪኽምን ዝንየቱ ዝነበሩ ኣይሁድ ከምዚ ይብሎም ኣብ ሮሜ 3፡9-11፣23

> 'እንታይ ደኣ እዩ? ካባታቶም እንሕሸሉዶ ኣሎና? ሓንቲ'
> ኳ፣ ኣይሁድ ኩነ ወይስ ጽርኣውያን፣ ኵላቶም ትሕቲ
> ሓጢኣት ምኽኖም ቅድም ከሲስና ኣሎና፡፡ ... ሓደኳ
> ጻድቕ የልቦን፡፡ ... ኵሎም ሓጢኣም ክብሪ ኣምላኽ'ውን
> ስኢናም፡፡'

ስለዚ፣ ብዘይ ጸጋ የሱስ ክርስቶስ፣ ሓጢኣተኛ ምኽነይ ክርዳእን ክእ
መንን ናይ ግድን እዩ፡፡ ከምኡ ምኽነይ እንተ ድኣ ዘይተረዲእን ተኣማ
ነን ድማ መድሓኒውን ኣየድልየንን እዩ፡፡

እንታይስ እዩ ሓጢኣት? በዓለን ጥራይዶ እዩ ሓጢኣተኛ? ወረኛ ሓ
ጢኣተኛኸ ኣሎዶ? ሓጢኣት እንታይ ምኽኑ ብሓቂ ክንፈልጦ ብዓይኒ
ኣምላኽ፣ ማለት ብኣመላኽኽታኡ ክንርእዮ ኣሎና፡፡ ንሱ ከኣ ኣብ መጽሓ
ፍ ቅዱስ ሰፊሩ ንረኸቦ፡፡ ብዘይ ሰፊሕ ትንታኔ፣ ብዛዕባ <u>ኣምር</u> ሓጢኣት
መጽሓፍ ቅዱስ እዘን ዝስዕባ ነጥብታት ይህበና፡

- ሓጢኣት ብዘይ ኣምላኽ፣ ብዘይ የሱስ ክርስቶስ፣ ብዘይ መንፈስ ቅዱ
ስ ምኽን፣ ንኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ግቡእ ቦታ ዘይምሃብ እዩ፣ ሓጢ
ኣት ረሰእነት እዩ፡፡
- ሓጢኣት ኣነነት እዩ፡፡ ኣብ ክንዲ ፍቓድ ኣምላኽ ብፍታውን ብምር
ዳእን መምርሒኻ ዝኸውን፣ 'ኣነ ከም ድላየይ' ኢልካ ትነብር፡፡
- ሓጢኣት ስሕተት እዩ፡፡ ነቲ ኣምላኽ ጽቡቕ ኢሉ ዝሕብረልና ዕላማ
ስሒትና፣ ናይ ገዛእ ርእስና፣ ተቓራኒ ዝኾነ ዕላማ ንስዕብ፡፡

- ሓጢኣት ምፍራስ ሕጊ እዩ፡፡ እግዚኣብሄር ብስልጣኑ ዘንበሮ ዘይስዓር
ሞራላዊ ሕግታት ሰሪዑ ኣሎ፡፡ ምስ ጠሓስናዮ በደልኛታት ኼንና ንር
ከብ፡፡ ርእሰ ጥበራ ሓደገኛ እዩ፡፡ ሕማቕ ከሎ'ኳስ ጽቡቕ ከም ዘሎ
ኻ ይመስለካ፡፡ ኣብ ጸልማት እናተመላለስካ ሽለልተኛ ትኽውን፡፡ ዘይ
ቋረን ሞራላዊ ነባራት ከተቋርን ክትፍትን ትርኢ፡፡

3. ደረቕኛታት ኣመንቲ፡፡ 'ሓጢኣት ኣይገበርናን' በሃልቲ ሳልሳይ ነፍሲ
ናይ ሓባል መንነት እዩ፡፡ ሰለስቲኦን እተቓረና እየን፡፡ ምንጪ ግና እ
ታ ካልኣይቲ፡ ዘባል ምርዳእ ናይ መን ምኽንና እያ፡፡ ኣብ እታ ቀዳ
መይቲ ስድነት ናይ ሀይወት፣ ማለት ከም ድላዮም ሕግታት ኣምላኽ እና
ጥሓሰስ ክርስትያናት ኢና፣ መንግስተ ሰማያት ክንኣቱ ኢና ኣብ ምባል
ዘብጽሓቶም፣ ሱራ ኣብታ ካልኣይቲ እያ፣ ማለት ሓባል ኣተሓሳሰባ፡፡

እታ ካልኣይቲ ድፍነት ኣእምሮ ወይ ርእሰ ጥበራ እያ፡፡ ሓጢኣተኛ
ምኽንካ ዘይምልላይ እያ፡፡ ሕልና ዘልምጽ ዘባል ሰነ መለኮት ኣብ ኣእ
ምሮኻ ሰፊሩ ሓጥያተኛ ምኽንካ ትኽሕዶ ወይ ድማ ትርስዖ፡፡

እዛ ካልኣይቲ ድርብ ድፍረት እያ፡፡ ኣሉታ እያ፣ ማለት 'ሓጢኣት
ኣይገበርናን' ተብለካ፡፡ ዳርጋ ንኣምላኽ ባዕሉ ሓሳዊ ኢኻ ከም ምባል፣ነ
ቲ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚብዎ ዘሎ ቃሉ ድማ ዋጋ ዘይምሃብ እ
ዩ፡፡ ሃዋርያ ዮሃንስ ከም ዚብለና፣ ሓሳዊ ንገብር፣ ቃሉ'ውን ኣብና የሎ
ን፡፡' እምብኣር እዘን ንሕብረትና ምስ ኣምላኽን፣ ንሓድሕዳን ዘማስና ስለ
ስተ ጠንቅታት፣ ነቲ ክቡር ዕላማ የሱስ ክርስቶስን ነቲ ንሱ ዝመሃረና ሓ
ቅን <u>ዘመግድራ</u> ኣለሊና ብኣእምሮ ንንቅሓለን፡፡ ብስነ መለኮታዊ ሓሳብ
ኩነ ወይስ ብተግባር ወጊድ ንበለን፡፡

ሕቶታትን ገርርብን

ካብዚ ትምህርቲ እዚ፣

1. ሰለስተ ሓባላት ምርዳእ ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ከም ክርስትያናት ክን
ጥንቀቕለን ዘለና፣
   ሀ. ስመየንን ግለጸንን
   ለ. ዮሃንስ ዝሃቦ ሰለስተ ተቓውሞታት (ዮ 6፡8፡10) ግለጸ፡፡
2. ነቲ ዮሃንስ ዝተቓወሞ ትምህርትታትን ጠባያትን ዘተባብየ ዝቡል ባ
ህልን ፍልስፍንናን ተዛረበሉ፡፡
3. እንታይ ስነ መለኮታዊ ሓቅታት ተረዲእካ ብዛዕባ ሕብረትና ምስ
ኣምላኽን ነንሓድሕና ከም ኣመንትን ዘማስን?
4. እንታይ ስጕምትታት ክወስድ የድልየኒ ኢልካ ኣሰላስሎ፡፡

ሻዱሻይ ትምህርቲ
3ይ መሰረት፡ ንሕብረትና ምስ አምላኸን ንሓድሕድናን ዘደልድልዎ ነገራት
1ይ ዮሃ 1፡7-9

መእተዊ

አብ ራብዓይ ትምህርቲ፡ የሱስ ክርስቶስ መን እዩ? ናብዛ ዓለም ዘ ምጽአ ዕላማኸ እንታይ እዩ? አምላኸ መንዩ ዚብል ቀዳማይ ዓቢ መሰረ ት አንጺፍና፡፡ አብቲ ሓሙሻይ ትምህርቲ ንገዛእ ርእስና ብሓሶት ምልላ ይ ሰራም ምኻኑ ከነለሊ ካልኣይ መሰረት አስተብሂልና፡፡ ቀጺልና ሳልሳ ይ አድላዪ መሰረት ከንጽፍ ዘለ•ና ነስተብህለሉ፡፡

ቀንዲ ሓሳባት

ሕብረትና ምስ አምላኸን፡ ምስ ሓድሕድናን ብወገዚ ኣይመጽእን ኣ ይድንፍዕን ድማ እዩ፡፡ ዘስሰንዎ ከንምስርቶም ዝግብኣና ክልተ ነገራት ኣ ለዉ፡፡ ዓበይቲ መኽሰባት ክኣ ሒዞምልና ይመጹ፡፡ ናብኡ እምብኣር ነተ ኮር፡፡

ዓይነ-ንስሪ

1. ንሕብረትና ዘደልድሉ• ናትና አብ ብርሃን ምምልላስ።
   ስነ መለኮታዊ መሰረትና ምስ ዚኸውን እዩ፡፡
   1.1 ምምልላስ ዚብል ቃል ዘመልክቶ።
   1.2 አብ ብርሃን ምምልላስ ዘመልክቶ። (ሀ-መ)
   1.3 መሰረት ናይ አብ ብርሃን ምምልላስ።
   1.4 መኽሰብ ናይ አብ ብርሃን ምምልላስ። (ሀ-ሐ)

2. ሓጢኣቶም ዝናዘዙ ምኻን ድማ ንሕብረትና የደልድሉ•።
   2.1 ሓጥያት ምንዛዝ እንታይ እዩ? (ሀ-ሐ)
   2.2 መኽሰብ ናይ ሓጥያት ምንዛዝ እንታይ እዩ?(ሀ-ለ)

ትንታኔ

1. <u>አብ ብርሃን ምምልላስ ንሕብረትና ዘደልድሉ• መሰረት እዩ</u>፡፡ ድልዱል ህንጻ ድልዱል መሰረት ክም ዘድልዮ፡ ሕብረትና ምስ አምላኸንና ናይ ሓድሕድናን ዝለዓለ ጉዳይ ናይ ህይወትና እዩ እሞ፡ አብ ድልዱል ስነ መለኮታዊ መሰረት ክስረት ናይ ግድን እዩ፡፡ አብ ብርሃን ምምልላስ ናይ ግድን ምኻኑ መሰረትና ይኹን፡፡

1.1 <u>ምምልላስ እንታይ የመልክት</u>? ኣቐዲምና ምምልላስ ዚብል ቃል ዙሪ ምብዛ ንርእ፡፡ ምምልላስ አብ ኮሉ ዕታን ኮነታትን ጊዚን ክመይን እን ታይን ዓይነት ህይወት ክም እንነብር የመልክት፡፡ ሓሳባትና፡ ስምዒትና መደባትና፡ ጠባይና፡ ኣነይዳና፡ ዘረባና፡ ርክባትና ... ወዘተ፡ የጠቓልል።እ ቲ ናይ ሓቂ ክርስትያን ብኽለንትናኡ ዘወትር አብ ብርሃን እዩ ዚመላለ ስ፡፡ አብ ሽግር ምስ ወደቕካ ናብ አምላኸ ምቕራብ ምምልላስ ኣይኮነን፡ ናይ ወዝዚ ክርስትያን ምኻን ምፍታን እዩ፡፡ ምምልላስ ግና ናይ ዘወት ር ህይወት እዩ፡፡ ክምቲ ዓሳ ሓንሳእ ሓንሳእ ዘይኮነስ ዘወትር ብማይ ተኽቢቡ ዝነብር፡ እቲ ናይ ሓቂ ክርስትያን ዘወትር አብ ሃዋህው ህል ውና አምላኸ እዩ ዚነብር፡፡ ስለዚ እዩ ዳዊት "እግዚኣብሄር ኮሉ ዕፅ አብ ቅድመይ እርእዮ" ዝበለ፡፡ <u>ምምልላስ ናይ ኮለንትናኸ፡ ናይ ዘወትር፡ ድህልና ዘይብሉ፡ ምሉእን ምዉቕን ተሳታፍነትካ እተበርክቱሉ ናብራ እ ዩ</u>፡፡

1.2 <u>አብ ብርሃን ምምልላስ ዘመልክቶ</u> ናይ ክርስትያን ምምልላስ "አብ ብርሃን" እዩ፡፡ ብዛዕባ ለይትን መዓልትን ይዛረብ ክም ዘየሎ ርዱእ ይኹ ን፡፡ ብዛዕባ ናይ ሓቀኛ ክርስትያን ዓይነት ህይወት እዩ ዘመልክቱልና ዘ ሎ፡፡ ብርሃን ምልክት ናይ አምላኸ እዩ፡፡ አብ ብርሃን ምምልላስ ዝሰዕ ባ አርባዕተ ዓበይቲ ነጥብታት የጠቓልል፡፡

ሀ. <u>ናይ ወትሩ ምምልላስ የመልክት</u>፡፡ ኩሉ ጊዜ አብ ሃዋህው ህል ውና አምላኸ ይነብር፡፡ እቲ ቅኑዕን ጽዑቕን ከገብር ከሎ ጥራይ ዘይኮነ ስ፡ ሕማቕን ሓጢኣትን ገይሩ ክወድቕ ከሎ ከይተረፈ አብ ሃዋህው ህል ውና አምላኸ ይነብር፡ ነቲ ውድቀቱ ቀልጢፉ ክለልዮን ካብኡ ክምለስን ድማ የለብሞ፡፡ አምላኸ ብርሃን እዩ፡ አብኡ ድማ ሓንቲኳ ጸልማትየል ቦን፡፡

ለ. <u>ብሓቂ ምምልላስ የመልክት</u>፡፡ ብርሃን ምልክት ናይ ሓቂ እዩ፡፡ሰ ለዚ እቲ ምስ አምላኸ ሕብረት ዘለዎ ሰብ ወትሩ ብሓቂ ይመላለስ፡፡ አ ብ ሓሶት እንተ ወደቐኸ? ንሓሶቱ ክይከሓደ ይእመኖ፡ ይጥዓሰሉ፡ ይናዘዘ ሉ፡ ይቅሬታ ይሓትት፡፡ ግናኸ ብሓሶት አይቅጽልን፡፡ ይምለስ ካብ ሓጢ ኣቱ፡፡

ሐ. <u>ብቕድስና ምምልላስ የመልክት</u>፡፡ ብርሃን ምልክት ናይ ቅድስና እዩ፡፡ ንጹህ ምኻንን ኮብ ሓጢኣት ምርሓቕን ንአምላኸ እተወፈየ ህይወ ት ምህላውን ድማ የመልክተና፡፡ <u>ምስ አምላኸ ዝመላለስ ሰብ ብቕድስና ይመላለስ</u>፡፡

መ. <u>ብፍቕሪ ምምልላስ የመልክት</u>፡፡ ብርሃን ምልክት ናይ ፍቕሪ እዩ፡፡ ብርሃን አብ ዘለዎ ሙቕት ኣሎ፡፡ <u>ምስ ካልኦት ሰባት ብፍቕሪ ዝ መላለስ</u> ክርስትያን ንብጸቱ ይሃንጸም እምበር ክደቕ•ሶም አይርከብን፡ ኣጆ

ኻ ድኣ ይብሎም እምበር ከድህሎምን ከቋናጽቦምን አይርከብን፡ ንዝበደ ልዎ ብይቕረታ ድኣ እምበር ብቒምን ጽልእን አይጥምቶምን፡፡ ወትሩን ብሓቅን ብቕድስናን ብፍቕርን ምምልላስ አብ ብርሃን ምምልላስ እዩ፡፡ እቲ ክርስትያን ነዚ መትከል እዚ መሰረት ናይ ክርስትናኡ ይገብሮ፡፡

1.3 <u>መሰረት ናይ ምምልላስና አብ ብርሃንከ እንታይ እዩ?</u> ዮሃንስ 'ከም ቲ ንሱ አብ ብርሃን ዘሎ' ይብለና፡፡ እቲ ክርስትያን ከምዚ ኣቐዲሙ እተተንተነ ገይሩ ንገዛእ ርእሱ ዚቐጽዓሰ ሰለምንታይ? አብዛ ክፉኣት ሰባትን ኣጋንንትን ዝመልኡዋ ዓለም ዘወትር ሓቀኛን ቅዱስን ፈቃርን ኪንካ ክትነብር መስቀል እዩ፡፡ ሰለምንታይ እዚ ኮሉ ምቕጻዕ ገዛእ ርእሲ(ዲሲፕሊን)?

ሃዋርያ ዮሃንስ 'ከምቲ ንሱ አብ ብርሃን ዘሎ' ዚብል መልሲ ይህበና፡፡ 'ንሱ' ንመን የመልክት? ኣምላኽ ዘወትር ብርሃን እዩ፡ አብኡ ድማ ሓንትኳ ጸልማት የልቦን፡፡ ሰለዚ እቲ ምስ ኣምላኽ ዝመላለስ ክርስትያን፡ እዚኣብዚ መን ምኽኒኑ ጽቡቕ ምርዳእ ኣለዎ፡፡ እቲ ንሱ ዝምር ሓሉ ምቕጻዕ ገዛእ ርእሲ (ዲሲፕሊን) ድማ አብዛ ምርዳእ እዚኣ እተመሰረተ እዩ፡፡

ኣምላኽ ብርሃን ካብ ኮነ፡ አብ ጸልማት እናተመላለስና ምስኡ ሕብረት ክህልወና ኣይክኣልን እዩ፡፡ አብ ብርሃን እንተ ተመላሊስና ግና ናይ ብሓቂ ክርስትያናት ንኸውን፡፡ ብተወሳኺ 1ይ ቁረ 5፡9-13፡፡ 2ይ ቁረ 6፡14-18 ኣንብቡ፡፡

1.4 <u>አብ ብርሃን ብምምልላስ እንርብሓ ኣርባዕተ በረኽታት፡፡</u>

ሀ. <u>ንሓድሕድና ሕብረት ይህልወና</u>፡፡ ኮሉ ሳዕ አብ ሃዋህው ህልውና ኣምላኽን፡ ብሓቅን፡ ብቕድስናን፡ ብፍቕርን ክንነብር ከሎና መስተንክር ዝኸነ ሕብረት፡ እተወሃሃደ ናይ ኣምልኮ ማሕበር፡ ሽቶኡ ዝሃርም ሰልፊ ንኸውን፡፡

ለ. <u>ካብ ኮሉ ሓጢኣትና ንነጽህ</u>፡፡ እታ 'ኮሉ' እትብል ቃል ነቕልበላ፡፡ ብወዝቢ ኣይኮነትን አብኡ ሰፊራ <u>ብደይመይይ</u> ድኣ እምበር፡፡ ካብ ሓደ ሓደ ሕማቕ ጠባያት ንገላገል ዘይኮነስ ካብ ኮሉ ሓጢኣትና ኢና እንነጽህ ይብለና፡፡ ሓጥያት ልሕድድ ዝብለካ ናይ ሞራል ርስሓት እዩ፡፡ አብ ብርሃን ምምልላስ ግና ንዝልሕደድ ጠባያት ሓጢኣት ጽርግ የብለልና፡፡

ሐ. <u>ድርብ ውሕስነት ዘለዎ ምንጻህ ከኣ እዩ</u>፡፡ ከመይ ጌርና ኢና አብ ከሳዕ ክንድዚ ዝኣክል ደረጃ ንጽህና ንበጽሕ? ከቢድዶ ኣይኮነን? ብርግጽ ኣገዩ ከቢድ እዩ፡፡ ምቕጻዕ ገዛእ ርእሲ (ዲሲፕሊን) እውን እንተ ተመላለስና ብእኡ ጥራይ ምንጻህና ምሉእ ኣይክውንን፡፡ እሞ ድኣ

ከመይ ጌርና ኢና ካብኮሉ ሓጢኣትና እንነጽህ? <u>ንጹሃት ዝገብረና ካብ ሓይሊ መንፍዓት ምቕጻዕ ገዛእ ርእሲ (ዲሲፕሊን) ናትና ዝሓየለን ዝበሰጸን ኣሎ</u>፡፡ ንሱ ከኣ እቲ ደሙ ዘፍሰሰ የሱስ ክርስቶስ እዩ ይብለና፡፡

ሐ.1 ንሱ ንምንጻህና መስዋእትን በኻን ኮነ፡፡ ሃዋርያ ዮሃንስ ይብለና፡ '<u>ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኮሉ ሓጢኣትና የንጽሃና እዩ</u>፡፡' ከመይ ገይሩ እዩ ደም የሱስ ክርስቶስ ካብ ኮሉ ሓጢኣት ዘንጽሃና?

<u>ብመስዋእቱ እዩ</u>፡፡ ካብ ናትና ምቕጻዕ ገዛእ ርእሲ (ዲሲፕሊን) ዝበለጸ፡ የሱስ ክርስቶስ ምእንቲ እዚ ንጽህና እዝን እዚ ሕብረት እዝን ከንረኽቦ፡ ዓቢ መስዋእቲ ከም ዝኸፈለሉ ንርዳእ፡፡ የሱስ ክርስቶስ ዝኣክል እተሰውኣሉ ዕላማ ከምዝሰልጥ ከኣ ርዱኣት ንኹን፡፡ የሱስ ክርስቶስ ነቶም ጸላእቱ ልሕስ ከብሎም፡ ሰባት ዘይኮነስ ኣእላፋት መላእኽቲ ኣኽቲቱቱ ም ገጠመሉም ነይሩ፡፡ ዓቕሚ ስኢኑ ኣይኮነን ዝተሰውኣ፡፡ ሰለምንታይ ድኣ ነቲ ናይ መስቀል ሞት ተቐቢሉም? ንሕና ሰባት፡ ኮላትና፡ ኣምላኽ ዝኸሓድና፡ ዝረሳዕና፡ ሕግታቱ ዘፍረስና በደልቲ ኢና፡፡ ነፍሰ ወከፍ በዳሊ ድማ ናይ ግድን ፍርዲ ኣምላኽ አብ ልዕሊኡ ኣንጠልጢሉ ኣሎ፡፡ እቲ ብልሒ ሕጊ ከም እተወርወረ ኮናት ናባና ክንሀር ከሎ የሱስ ክርስቶስ ዋልታና ይኸውን፡፡ ማለት በኻና ይኸውን እሞ ብፍርዲ ኣምላኽ ኣይንቕ ዘፍን፡፡ የሱስ ካብ አብ መትከሉም ዝሞቱ ሰማእታት ንላዕሊ እዩ፡፡ ብፍታዉ በኻና ዝኹነ መድሓኒና እዩ፡፡ መስዋእትን በኻን ኮይኑ ዝተዓጠቐሉ ዕላማ ከሰልጥ ናይ ግድን እዩ፡፡

ትርጉም ሞት ናይ የሱስ ክርስቶስ አብ መስቀል ሰፊሕ ትምህርቲ እዩ፡፡ ኣቐዲምና ከልተ ዓበይቲ ክፍሊ ናይቲ ሰፊሕ ትርጉሙ ኣዚና ኣ ሕጺርና ኣስተብሂልናሉ፡፡ ብዘይ ትንታኔ፡ ሞት የሱስ ክርስቶስ አብ መስቀል መሰረት ናይ፡ (1)ኪዳን ምስ ኣምላኽ፡ (2)ዕርቂ ምስ ኣምላኽ፡ (3)ምርካብ ሓድሽ ህይወት ከኣ እዩ፡፡ የሱስ ክርስቶስ ከምቶም ካልኦት ሃ ይማኖት ዝተኸሉ መማህራን እዩ፡፡ ግናኸ ብሞቱ አብ መስቀል ፈጺሙ ካብ ኮላቶም ይፍለ፡፡ እቲ ትርጉምን ጸጋን ናይ የሱስ ክርስቶስ ሞት አብ መስቀል ድማ አብ ልብን ምስትውዓልን እቲ ኣማኒ ዘስልጦ ለውጢ ኣዝዩ ሓያል እዩ፡፡ ስለዚ አብዛ ምድሪ ናይ ብሓቂ ቅዱሳት ሰባት የፍሪ፡

ሐ.2 <u>የሱስ ክርስቶስ ወዱ የጽርየና</u>፡፡ ካልኣይ፡ ዮሃንስ ካብ ኮሉ ሓጢኣትና ንጽህና እንረክብ በየናይ መንገዲ ምኽኒኑ ከሕብረልና ከሎ፡ 'ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱ'ውን ካብ ኮሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ፡' ይብለና፡ ነዚ ምንጻህና ዘስልጦ፡ ዓቕሚ ዘለዎ መን ምኽኒኑ ክንፈልጥ ይደልየና፡፡ ብየሱስ ክርስቶ ወዲ ኣምላኽ ምኽኒኑ ብሰለስተ መለዮታት ክንፈልጦ ይደልየና፡፡

የሱስ ዚብል ስም፡ ኣምላኽ ክነሱ ሲጋ ለቢሱ ንሕና ሰብ ክም ዝመሰ

ለ ይሕብር።። ክርስቶስ ድማ ተራ ሰብ ወይስ ጥራይ መምህር ከም ዘይኮነ፣ ግዳ መድሓኒ ምኳኑ ዘፍልጠና ስሙ እዩ።። ወዲ አምላኽ ድማ መለከት፣ ማለት ካብ ሰብ ዝያዳ፣ ምኳኑ ይነግረና።። እቲ ምንጻህና እምበአር ምኞጻዕ ገዛእ ርእሲ (ዲሲፕሊን)፣ ናትና ጥራይ ዘይኮነስ ካባና ዝዓቢ አካል ዝግደሰሉን መስዋቲ ዝኸፈለሉን ምኳኑ ንፈልጥ።። ስለዚ ካብ ሓጢኣት ምንጻህና ድርብ ውሕስነት ዘለዎ በረኸት እዩ። የሱስ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ እተዓጥቀሉ ንሕና ድማ ፈቲና ዘንቀድናሉ ጉዳይ እዩ።።

2. ካልኣይ ክፍሊ ናይዚ ሳልሳይ መሰረት ብሉና ክፍጸም ዘለዎ ተግባር ኣሎ።። 'ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና' ይብለና።። እንታይ እዩ ሓጢኣትና ምንዛዝ? ረብሓታቲኽ እንታይ እዩ?

2.1 እንታይ እዩ ሓጢኣትና ምንዛዝ?

ሀ. <u>ቅኑዕ ምርዳእ ብዛዕባ ሓጢኣት ይህልወና ግዴት እዩ</u>።። ሓጢኣት የብልናን፣ ሓጢኣት ኣይገበርናን ካብ ዝብል ሓሶት ንሕለ።። ብዘይ ኣምላኽ ምኳን ንባዕሉ እቲ ዝዓበየ ሓጢኣት ምኳኑ ይስቈረና።። ብዘይ ቅድስ ናን ፍቕርን ሓቅን ምምልላስ፣ ሕግታት ኣምላኽ ምፍራስ ምኳኑ <u>ይስመ</u>ዮ።።

ለ. <u>ቀጺሉ ሓጢኣት መድሃኒት ከም ዘለዎ ንርዳእ</u>።። ብሓጢኣት ተመሊኽና፣ <u>ግሰንና፣ ተደዊንና</u> ክንነብር ናይ ግድን ከም ዘይኮነ፣ የሱስ ክርስቶስ መስዋእቲ ዝኸፈለሉ መፍትሒ ከም ዘለዎ ንኣምን።።

ሐ. <u>ናይ ምንዛዝ ስጉምቲ ንወስድ</u>።። ምእንቲ ንሓጢኣትና ፈውሲ ክንረኽበሉ ብኣና ወገን ስጉምቲ ናይ ኑዛዜ ክንወስድ ናይ ግድን እዩ፣ ማለት ንሓጢኣትና፣

1. ነስልዮ፣
2. ንእመኖ፣
3. ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንንስሓሉ፣
4. ንሓድን፣
5. ሓድሽ መንገዲ ኣምላኽ ንሕዝ።።

2.2 <u>ምንዛዝ ዘኽስበና በረኸት</u>።።

ሀ. <u>በረኸታት ኣምላኽ የሕቑፈና</u>።። ኣምላኽ ብወንኡ ኣብ ህይወትና ዝፍጽሞ ኣለዎ።። (1)ይቕረ ይብለልና፣ (2)ካብ ኵሉ ዓመጻ የንጽሃና።።ዓመጻ ምግሃስ ሕግታትን መምርሒታትን ናይ ኣምላኽ እዩ።። ነቲ ሓጢኣት ና ከምቲ ኣቐዲሙ እተሓበረ (1)-(5) ጌርና ምስ ተናዘዝና፣ ሽው ኣምላኽ ብጸጋኡ ነቲ ጠባይ ናይ ምግሃስ የርሕቕልና።። ብጠባይ ናይ ቅኑዕ ምፍታውን ምግባርን ድማ ይመልኣና።።

ለ. <u>በረኸታትና የረጋግጸልና</u>።። እዝስ ብሓቂ ይፍጸምዶ እዩ ኢልና ከ ይንግረም፣ ወይስ ሕልሚ፣ ሃረርታ ናይ ሰባት ጥራይ እዩ ኢልና ሀርፋን ጥራይ ከይንኽውን፣ ዮሃንስ ከም ዝፍጸም መረጋገጺ ይህበና ከምዚ ኢሉ፣ እሙንን ጻድቕን እዩ።።

ኣምላኽ እሙን እዩ፣ ማለት እታ ዝሃባ ተስፋ ምድሪ ኣይትወድቕን፣ ዘኪልፋ የልቦን።። ኣምላኽ ዘይገብራ ኣየተስፍዋን እዩ።። ዘተስፈዋ ድማ ወትሩ ይፍጽማ እዩ።። ኣምላኽ እሙን ኣብ ርእሲ ምኳኑ ጻድቕ ድማ እዩ።። <u>መዓሾ</u> ኣይኮነን፣ ማለት ዘይሓቂ፣ ዘይርግጽ ኣየተስፋን እዩ።። እቲ ዘተስፍወና ጽቡቕ ዝፍጸም ሓቂ እዩ።።

ሕቶታትን ዝርርብን

1. ክልተ፣ ንሕብረትና ምስ ኣምላኽን ናይ ሓድሕድና ሕብረትን ስነ መለኮታዊ መሰረት ዝኾና እንታይ እየን።።

2. ኣብ ብርሃን ምምልላስ ዘመልክቶን፣ ክልተ መንፈሳዊ ረብሓታቲን ተዘራረቡሉ።።

3. መሰረት ናይ ኣብ ብርሃን ምምልላስ መን እዩ? ከመይ ኢሉኽ እዩ መሰረት ዚኾነውን?

4. 'ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱ'ውን ካብ ኵሉ ሓጢኣትና የንጽሃና እዩ' እትብል ዮሃንስ ዝሓበረልና ዓባይ መልሲ እያ።።
   4.1 ናትና ዲሲፕሊን ብዘይ እዛ ረድኤት እዚኣ ክሳዕ ክንደይ ኣስላጢ ይኽውን ካብ ኩሉ ሓጢኣትና ክንነጽህ?
   4.2 ዮሃንስ ዝበለን ቃላት፣
      1. ደም፣
      2. ኵሉ፣
      3. የሱስ፣
      4. ክርስቶስ፣
      5. ወዱ ክብል ከሎ ዝምህረና ዘለ። ተማራመሩሉ።

5. ምንዛዝ ሓጢኣት ናይ ግድንዶ እዩ? ምንዛዝ ዘየድልዮም ሰባት ኣለዉዶ? ምንዛዝ ሓሙሽተ ነጥብታት ይዓምም ኢልና።። ዝውሰኽዶ ኣለዎ ይመስለካ?



ሻቡዓይ ትምህርቲ

ድሕሪ መሰረትከ? ነዊሕ መንፈሳዊ ጕዕዞ አሎ።
መፈለጥታኡ ምቕጻልን ምእዛዝን እዩ።

1ይ ዮሃ 2፡1-6

መእተዊ

ንምጅማር መሰረት ናይ ግድን እዩ። መደምደምታ ግና ኣይኮነን። ምስ ኣምላኽን ንሓድሕድናን ቅዱዊ ሕብረት ምእንቲ ክህልወና፣ ኣቐዲምና ከ ንጽፎ ዘሎና መሰረት እንታይ ምኻኑ፣ ኣብ ራብዓይ፣ ሓሙሻይ፣ ሻዱሻ ይ ትምህርትታት ርኢናዮ። ድሕሪ መሰረት ናይ ነዊሕ መንፈሳዊ ጕዕዞን ምህናጽን ቃልስን ናይ ህይወት ኣሎ። ከም ድላይና ዘይኮነስ በቲ እተዋ ህበና ቅዲ ክንሃንጽን ክንጉዓዝን ክንቃለስን ይግባእ። ከምኡ ጊርና ንግ ስግስን ንሃንጽን ንቃለስን ምህላውና ከሰለ ዮሃንስ ኣብ ምዕራፍ ክልተን ሰለስተን ሓሙሽተ ዓበይቲ መፈለጥታታት ይህበና።

ቀንዲ ሓሳባት

ከም ቅዲ ንሃንጽን ንግስግስን ንቃለስን ከም ዘሎና መምርሒ ዝኾነ ና፣ ዮሃንስ ኣብ 2፡1-6 እተን ክልተ ቀዳሞት መፈለጥታታት ይህበና። ንሳተን ድማ በቲ ዝጀመርናዮ ምቕጻልን ነቲ እተዋህበና ሰማያዊ መምር ሒ ምእዛዝን እየን።

ዓይነ-ንሰሪ

1. 1ይ መፈለጥታ፡- ዝፈለምናዮ ከየባተኽና ክሳዕ መወዳእታ ምቕጻል እ ዩ። ጥ 1-2።
   - 1.1 ከየባተኽና ክንቅጽል ይከኣል እዩ።
   - 1.2 ከየባተኽና ክንቅጽል ፍቓድ ኣምላኽ ድማ እዩ።
   - 1.3 ዘኽእልና ጸጋውን ኣሎ።
   - 1.4 ዝኽእልዎ ኣርኣያታት ዝኾኑና ከኣ ኣለዉ።
   - 1.5 ኣብ ሓጥያት እንተ ወደቕናኽ?
     - ሀ. ክንወድቕ ይከኣል እዩ።
     - ለ. ግናኽ ንውድቀትና መድሃኒት ኣለዎ።

2. 2ይ መፈለጥታት፡- ሓለውቲ ትእዛዛት ኣምላኽ ምኻን እዩ። ጥ 3-5።
   - 2.1 ትእዛዛት ኣምላኽ እንታይ እዩ?
   - 2.2 ምሕላዉኽ እንታይ ማለት እዩ? (ሀ-ለ)
   - 2.3 ምሕላዉ እንታይ በረኸት የፍሪ? (ሀ-ለ)
   - 2.4 ዘይምሕላዉኽ እንታይ ሳዕቤናት የምጽእ?

ትንታኔ

1. <u>ቀዳማይ መፈለጥታ</u>፡ ከየባተኽካ ምስ ኣምላኽን ምስ ኣመንትን ብሕብ ረት ምቕጻል ቀዳማይ መፈለጥታ እዩ። ጥቕስታት 1-2 ነተኵረለን።

1.1 <u>ከየባተኽካ ምቕጻል ይከኣል ምኻኑ</u> ሃዋርያ ዮሃንስ ኣብ 2፡1 '... ሓ ጢኣት ምእንቲ ከይትገብሩ እዚ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ' ኢሉ ይሕብረል ና። ሓጢኣት መፍረሲ ሕብረት እዩ። ሓንሳእ ድልዱል መሰረት ምስ ሰ ረትና፣ ብድሕሪኡ ብዘይ ሓጢኣት ክንመላለስ ናይ ግድን እዩ ይብል ሃዋርያ ዮሃንስ።

1.2 <u>ከየባተኽካ ምቕጻል ፍቓድ ኣምላኽ እዩ</u>። ኣበር ዘይብሉም ቅዱሳ ት ኳንና ክንመላለስ ቃሉ ኣነጺሩ ይምህረና። 1ጴጥ 1፡15-16። ኣብ 12፡14 ኣንብቡ ብዝያዳ ክበርሃልኩም።

1.3 <u>ነዚ ዘገብቅና ጸጋ ኣምላኽ ይዕደለና እዩ</u>። ፊሊ 4፡13። ዮሃ 15 ፡4-5 ኣንብቡ ብዝያዳ ክበርሃልኩም።

1.4 <u>ሰባ ጸጋኡ ዝኸኣሉዎ ኣለዉ</u>። ንኣና ኣብነት ዝኾኑና፣ ናይ ኣምላ ኽ ሰባት ኣሰር ሓዲነሙልና ኣለዉ። ዳንኤል፣ ዮሴፍ፣ ማርያም፣ ሩት፣ ኤዮብ. . .ወዘተ። ሕጂ'ውን በባዕልና እንፈልጦም ሰባት በዛ መገዲ እዚኣ ምስ ኣምላኽን ኣብ ሕብረት ኣመንትን ዝመላለሱ ዝምስክሮም ኣለዉ።

1.5 እንተወደቕናኽ?

ሀ. <u>ክንወድቕ ይከኣል እዩ</u>። ዮሃንስ ኣብ ጥቕሲ ሓደ፣ ' ...ሓደ እ ኳ ሓጢኣት ዝገበረ እንተሎ' ብምባል፣ ዝወደቑ ምንባሮም ይእምተል፣ ተመከርና ድማ ይነግረና። ቃል ኣምላኽውን ዝወድቁ ብዙሓት ምኻኖ ም ይምህረና። እንተ ኾነውን፣ ሃዋርያ ዮሃንስ፣ ሕብረትና ዘየባትኽሉ መ ንገዲ ምህላዉ የርእየና። ዘውድቑና ኣለዉ። ሰይጣንን ኣጋንንቱን ኣለዉ ዝጸመዱልና። ድኻማት ናይ ገዛእ ርእስና ኣለዉ ዝፍንጡሩና። ፈተናታ ት ናይዛ እኽኽ ዝኾነት ዓለም ኣለዉ ተቓሊሶም ኣብ ሓጥያት ዘውድቑ ና። እንተኾነ'ውን ሕብረትና ምስ ኣምላኽ ከይነባተኽ ዮሃንስ ይምዕደና፣ ኣይተቋርጹ እናበለ ከኣ ክልተ ፍጡናትን ፍቱናትን መድሃኒት ንውድቀት ና ፈውስን ትንሳኤን ዝኾኑና ይሕብረልና።

ለ. <u>ንውድቀትና ፈውሲ ኣለዎ</u>።

ለ.1 <u>ፈውሲ ናይ ጠበቓ ኣሎና</u>። እንተወደቕና 'ጠበቓ ኣብ ኣቦ ኣሎና ንሱ የሱስ ክርስቶስ እቲ ጻድቕ እዩ' ይብለና ዮሃንስ። ንእንወድ ቕ ኩላትና እዚ እቲ ቀዳማይ መድሃኒት እዩ፣ ተሰ ኢልና ከንወሰዶ ዝ ግብእና፣ ብዛዕባ እዚ ጠበቓ እዚ እዘን ዝስዕባ ነስተብህል።

ጠበቓ ተባሂሉ ተተርጕሙ ዘለ።ው ብግሪኽ ጰራቅሊጦስ እዩ። ዓርኪ፣ ብጻይ፣ ተሓላቒ፣ ደጋፊ፣ ሓጋዚ፣ እውን የመልክት። ጰራቅሊጦስ ብሓደ ቃል ትግርኛ ጥራይ ክትርጕም ኣይክኣልን። ኣብ ሓጥያት ከንወድቕ ክ ለ።ና የሱስ ክርስቶስ ጰራቅሊጦስና እዩ። ሓጥያቕ ይፈላሊ፣ የረሓሕኾ፣ የጻልእ፣ ይኾንን፣ ይደቀ።ስ እዩ። ስለዚ በቲ ውድቀትና ስምዒት ውርደ ትና ከቢዱና ተደቒ።ስና ተስፋ ከይንቈርጽ፣ ሕጊ እግዚኣብሄር ብምግዛስና ኮነኔ ከይደቕ።ስና የሱስ ክርስቶስ ደጋፊና፣ ብጻይና፣ ጠበቓና ኮይኑ ኣጆ ዅም እናበለ ይቕርበናን የተንሰኣናን።

ፈውሲ ናይ ጻድቕ ጠበቓና ክኣ እዩ። ኣብ ሓጥያት ንእንወድቕ ክ ርስትያናት የሱስ ክርስቶስ 'እቲ ጻድቕ ጠበቓ' ድማ እዩ እምበር ጠበ ቓ(ጰራቅሊጦስ) ጥራይ ኣይኮነን። ጻድቕ ማለት ሚእቲ ብሚእቲ ሓቀኛ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከይተረፈ ምሉእ ዘይጕዱል ቅኑዕን ቅቡልን ማ ለት እዩ። ነዚኣ ዘማልእ ኣኣ ብዘይ የሱስ ክርስቶስ ሓደ እኺ የልቦን።እ ሞ ከመይ ገይሩ እዩ ብጽድቂ ዝጣበቕልና?

1. ብመሰረት ናይ ንሕና ባዕልና ቅድሚ ውድቀትና ዝገበርናዮ ካል እ ብዙሕ ጽቡቕ ብምጽብጻብ ኣይኮነን።
2. ዝከኣለ።ው ገይሩ እዩ፣ ልዕሊ ዓቕሙ እዩ ነይሩ ኢሉ ብምምስማስ ኣይኮነን። ብመሰረት ናቱ ጽድቂ ድኣ እምበር ብናትና መሰረት ኣይኮነን ዝጣበቕልና።
3. ከይከወለን ክዮናሰየን ውድቀትና የርእየና። ግናኸ ወዲቕና ክ ነስና ብኣና ተስፋ ቈሪጹ ብቕሊል ኣይርሕርሓናን። ይዕገስና፣ በ ደልና ይጸሪልና፣ ክሳዕ በጃ ምኂን የፍቅረና።

እሞ ካብ ውድቀትና ኣተንሲኡ ብጽድቂ ክንመላለስ ኣጆኻ በሃሊ ና ኮይኑ ይቕርበና። ኣንባቢ፣ ናይ እንዛረበሉ ዘለ።ና ኣብነት ካብ መጽ ሓፍ ቅዱስ መረድኢ ምሃብካ? ኣብ ሀይወትካኽ ተፈጺሙዶ ይፈልጥ?

ለ.2 ፈውሲ ናይ መተዓረቒ ኣለ።ና። ብጰራቅሊጦስነት የሱስ ክርስቶ ስ ካብ ውድቀትና ንምለስ እሞ ቅልጡፍ ዕርቂ ንረክብ። እዚ እቲ ካል ኣይ መድሃኒት እዩ። ዮሃንስ ይብል፣ የሱስ '... ብናይ ሓጥያትና መተዓረ ቒ እዩ። ብናይ ሓጥያት ኮኣ ዓለም ድማ እዩ እምበር፣ ብናይ ሓጥያት ና ጥራይ ኣይኮነን። ማለት ኣብ ሓጥያት ምውዳቕና ንእሽቶ ነገር ኣይ ኮነን። ግናኸ እቲ ሕብረትና ምስ ኣምላኽን ንሓድሕድናን ብጽልኢ ከይከውን፣ የሱስ ክርስቶስ መተዓረቒና ይኸውን። ንሕና ንስሓ ክንገብር ይመርሓና። ካብ ኣምላኽ ድማ ይቕረታን ምንጻህ ልብን ከም እንረክብ ይገብረልና። 1፡9 እንደገና ኣንብቡዎ። የሱስ ክርስቶስ ንፍሉያት ሰባት ኣይኮነን እዚ ጸጋ እዚ ዝህበም። ናብኡ ዝመጽኡ ዘበሉ፣ ንምሉእ ዓለም ድማ እዩ(ጥ 2)። እምብኣርክስ ሕብረትና ምስ ኣምላኽን ንሓድሕ ድናን ክየባቲኽ ምቕጻሉ፣ ንህጽን ንጋህማስን ክም ዘለ።ና ሓባሪ እዩ።

2. 2ይ መፈለጥታ። ትእዛዛት ኣምላኽ እናሓለዉ ዝቕጽሉ ክርስትያናት ምኂን፣ ኣብቲ መንፈሳዊ ጕዕዞ ገስገስትን ሃነጽትን ምኂንና ካልኣይ መ ፈልጥታ እዩ። ካብ 3-6 ዘለዋ ጥቕስታት ንመሃረን።

2.1 ትእዛዛት ኣምላኽ እንታይ እዩ? ክምዚ ግዜኩ ክምዚ ግና ኣይትግዘ ሩ፣ ክምዚ ኩኑ ክምዚ ግና ኣይትኹኑ ዝብሉ ብትሽ ዝበሉ ኣምላኽ ኣ ብ መጽሓፉ ዝሃበና መምርሒታት እዮም። ትእዛዛቱ፣ ክም ድላዩና እንወ ስዶም ርእይቶ፣ ሰበዊ፣ ምሕጽንታ፣ ስዘባ፣ ግዕደ ... ወዘተ ኣይኮኑን። ክንሕልምም ዘሎ።ና ግዴታታት እዮም። ንኣብነት ኣብ ገላ 5፡16-26 ኤ ፌ 4፡17-32 እንታይ ትእዛዛት ንረክብ?

2.2 ትእዛዛት ኣምላኽ ምሕላውኽ እንታይ እዩ?

ሀ. ብድላይና፣ ክም ስምዒትና፣ ክም ተጽዕኖታትን ኮነታትን፣ ዘይኮ ነስ ብፍታውን ምርዳእን ወትሩ ፍቓድ ኣምላኽ ክንገብር ምምራጽ እዩ። ሉቃ 22፡42።

ለ. ትእዛዛት ኣምላኽ፣ ኣብ ቃል ኣምላኽ ንረኽቦ።

ሐ. የሱስ ክርስቶስ ናይ ምእዛዝ ኣርኣያና ይኹነልና። 2፡6 ክምዚ ይብል፣ 'ክምቲ ንሱ እተመላለሰ' ንመላለስ፣ ዚብል ነቕልበሉ። ኣርኣያና ኪኸውን ግና ንየሱስ ክርስቶስ ኣጸቢቕም ዝፈልጡ ሰዓብቱ ክንከውን የድ ሊ።

2.3 ትእዛዛት ኣምላኽ ምሕላው በረኸት ኣለዉ።

ሀ. ምእዛዝ፣ ንኣምላኽ ምፍላጥና እተረጋገጸ ይገብር(ጥ 3)።

ለ. ኣብቲ ትእዛዛት ኣምላኽ ዝሕሉ ሰብ፣ 'ፍቕሪ ኣምላኽ ብሓቂ ኣ ብኡ ትፍጸም' ይብለና(ጥ 5)። እንታይ ማለቱ እዩ? ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ሀይወት እቲ እዙዝ ኣማኒ፣ ዓዝዝ፣ ይስስን፣ ይግሃድ፣ ይዓቢ፣ ... ወዘተ የስምዕ። እዚ ኣብቲ ተመክሮ እቶም እዙዛት ንርእዮ። ካብዚ ዚበልጽ ህ ይወትክ ኣለ።ዶ?

2.4 ትእዛዛት ኣምላኽ ዘይምሕላው። ግናኸ ክርስትያን እየ ኢልካ ምትእ ምማን ጕድኣት የምጽኣሉዶ ኑቲ ኣማኒ? 4ይ ጥቕሲ ኣንብቡ መልሲ ክ ትሰምዑ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓቂ ዘይብሉ።ም ሓሰውትን ተቕባልነት ዘ ጥፍኡን ንኸውን። ብመንዲ ዘይምእዛዝ ሞቕጻልክ ኣበይ የብጽሓና? ራእ 21፡8። ዮሃ 8፡44 ብምንባብ እስክ ርኸቡዎ። ካብዚ ዝኸፍእ የልቦን።

ሕቶታትን ዝርርብን

1. ኣብቲ መንፈሳዊ ጕዕዞ ንግስግስን ንሃንጽን ከም ዘሎና ዮሃንስ ክልተ መፈለጥታ ይህበና፡፡ እንታይ እየን?

2. ሓንሳእ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ምስ ጀመርካ ሓጥያት ከይገበርካ ክት ቅጽል ከም እትኽእል ዮሃንስ ከመይ ገይሩ የቕርበልና? እዚ ምስ እቲ ካልእ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ከመይ ገይሩ ይቋረን?

3. ሕብረት ምስ ኣምላኽ ዝጀመረ ሰብሲ፣
   (1) ዝወድቕዶ ኣሎ?
   (2) እዚ ሰብዚ ምስ ወደቐ ዮሃንስ ክልተ መድሃኒት ይሕብረሉ፡፡ እንታይ እየን? ከመይ ገይረንከ ይዓይያ?

4. ትእዛዛት ኣምላኽ ምሕላው ናይ እንታይ መፈለጥታ እዩ?

5. እንታይ እዩ ትእዛዛት ኣምላኽ? ከመይ ጌርና ንሓልዎ? እንታይ በረኸታትከ ኣለዎ?

6. ትእዛዛት ኣምላኽ ዘይምሕላው ኣመሉም ዝኹኑ ክርስትያናት ዝወ ርድእም ክልተ ፍርድታት ሰመ፡፡

7. ብምምሃርን ምምርማርን 1ይ ዮሃ 2፡1-6 እንታይ ተረቢሕካ? እንታ ይ ለውጢ ናይ ህይወት ክትገብር መዲብካ?



ሻሙናይ ትምህርቲ
3ይ ዝዓበየ መፈለጥታ ሃነጽትን ገስገስትን ምኽንና፡ ብፍቕሪ ምምልላስና እዩ፡፡
1ይ ዮሃ 2፡7-11

መእተዊ

ድሕሪ ድልዱል መሰረት፡ ህንጻ እምኒ ምስ እምኒ እናተጋጠመ እዩ ዚዓቢ፡፡ ሕብረትና ምስ ኣምላኽን ምስ ሓድሕድናን ድማ ከምኡ ገይሩ እዩ ዝህነጽ፡፡ ኣብ ሻቡዓይ ትምህርቲ ንሕብረትና እንሃንጸ ነቲ ዝጀመር ናዮ ዘወትር ቀጸልትን፡ ትእዛዝ ኣምላኽ ብምሕላውን ምኽኑ ተማሂርና፡፡ ዝዓበየትን ጠርናፊት ኮሉን ዝኹነት ትእዛዝ ድማ ኣላ ንሕብረትና እትኽ

ንጸ ንላ ደማ ክርስቶስ ዝመልከዓ ፍቕሪ እያ፡፡ ዮሃንስ ብዛዕባኣ ኣብ 2፡7 -11 ይምህረና፡፡

ቀንዲ ሓሳባት

ብዘይ ፍቕሪ ፍረ ኩሉ ጻዕርና ዑና እምበር ህንጻ ኣይኮነን፡፡ ፍቕሪ ኣብ ዘለዎ ግና እናተጋጠመ ዝህነጽ ሕብረት ይህልወና፡፡ ፍቕሪ ዘይብሉ መልኣኽ ናብ ሰይጣን፡ ፍቕሪ ዘይብሉ ሰብ ድማ ናብ ኣራዊት ይልወ ጡ፡፡ ፍቕሪ ክርስቶስ ኣብ ዘለዎ ግና ንክርስቶስ ዝመስሉ ሰባትን ማሕበር ን ይስስን፡፡ ዮሃንስ ኣብ 2፡7-11 ብዛዕባ ብፍቕሪ ምግስጋስን ምህናጽን ዝ ህበና ሰለስተ ተዓበይቲ ነጥብታት ነስትብሀለሎም፡፡

ዓይነ-ንስሪ

1. ፍቕሪ እታ ዝዓበየት መፈለጥታን ሕብረትና እንሃንጸላ መሳርያን እያ፡፡
   1.1 ዝዓበየት እያ፡ ጥንታዊት ስለ ዝኾነት(ጥ 7)
   1.2 ዮሃንስ፡ ስለምንታይ ንዕቤት ፍቕሪ ብጥንታዊነት ፍቕሪ ይገልጾ?
   1.3 ዝዓበየት እያ፡ ረዘንቲ መሰኻኸር ስለ ዝመስከሩላ(ጥ 7)
   1.4 ዝዓበየት እያ፡ ዘለላለማዊት ዘይትሰዓር ስለ ዝኾነት (ጥ 8)
   1.5 ዝዓበየት እያ፡ ብመዘና ዘይብሉ ብዝለዓለ ደረጃ ብድርብ ስለ እተጋህደት(ጥ 8)
      ሀ. ብየሱስ ክርስቶስን ፍቕሩን ተጋሂዳ።
      ለ. ብየሱስ ክርስቶስን ህዝቡን ተጋሂዳ።
      ሐ. ምግሃድ እዛ ፍቕሪ እዚኣ ዘስዓቦ ሰውራዊ ለውጢ ስነ ሓሳብ።

2. ብፍቕሪ ክርስቶስ ዝመላለስ ኣማኒ(ጥ 10)
   2.1 ርክቡ ምስ ብጻዩ ከመይ እዩ? ሕውነት።
   2.2 ምምልላሱ ኣብ ህይወትከ? ኣብ ብርሃን ይመላለስ፡፡
   2.3 ስለዚ? መዓንቀፊ ኣይከውንን ሃናጺ ድኣ እምበር።
3. ብዘይ ፍቕሪ ሕብረት ከሃንጽ ዝፍትን ክርስትያን (ጥ 9፡11)
   3.1 ኣፈኛ ብዘይ ግብሪ እዩ፡፡
   3.2 ርክቡ ምስ ብጻዩ? ብጽልኢ ኣታረኽኦ እዩ፡፡
   3.3 ምምልላሱ ኣብ ህይወት፡ ኣብ መንፈሳዊ ጸልማት እዩ፡፡
   3.4 ምርዳኡ፡ መንፈሳዊ ዑረት ኣለዎ፡፡
   3.5 ዘስልጦ ከኣ ዑና ኣብ ክንዲ ህንጻ ይኸውን፡፡

ትንታኔ

1. እታ ዝዓበየት መሳርያ ሕብረትና ንሃንጸላ ፍቕሪ እያ፡፡
   ዮሃንስ ኣቐዲሙ ኣብ 2፡3-6 ሕብረትና እንሃንጸ ዝጀመርናዮ ቀጸል ቲ፡ ትእዛዛት ኣምላኽ ሓለውቲ ምስ እንኸውን ምኽኑ ምዂሩና፡፡ ቀጺሉ፡

ናብታ ዝዓበየት ትእዛዝን ጠርናፊት ናይ ኵሉ ትእዛዛትን፡ ሃናጺት ሕብረትና ዝኾነት ክርስቶስ ዝመልክዓ ፍቕሪ የተኮረና።

1.1 <u>ጥንታዊነት ፍቕሪ፡</u> እታ ሕብረት ኣመንቲ እንሃንጸላ ፍቕሪ፡ ዘበን ኣ ምጽኣ ሓድሽ ነገር ኣይኮነትን።። ብዛዕባኣ 'ካብ መጀመርታ ዝነበረኩም ብሉይ ትእዛዝ እምበር፡ ሓድሽ ትእዛዝ ኣይኮነን' ይብሎም፡ (ዮ7)።። እ ቲ ብሉይ ዚብል ቃል ኣረጊት ወይስ ዘበኑ ዘሕለፈ ማለት ኣይኮነን።። ካ ብ ቀደም ዝነበረ፡ ጥንታዊ ማለት እዩ።። ብግዚን ብኮነታትን ብስልጣኔንን ዝልወጡ፡ ዝሕደጉ፡ ዝጐሓፉ ባህልታት፡ መምርሒታት፡ እምነታት ... ወ ዘተ፡ መሊእም እዮም።። ሕብረት ብፍቕሪ ጥራይ ከም ዝህነጽ ግና ዘይል ወጥ ትእዛዝ ኣምላኽ እዩ።። ኣብ ብሉይ ኪዳን'ውን ዝነበረ ትእዛዝ ድኣ እምበር ብወንጌል ዝጀመረ ከም ዘይኮነ ይነግረና።። ኣሪት ዘሌዋውያን 19 ።11-18 ኣንብቡ።።

1.2 <u>ጥንታዊነት ዝሕብሮ ማዛን።።</u> ስለምንታይ እዩ ብዛዕባ ጥንታዊነት ፍ ቕሪ ኣጥቢቕ ዝሕብር? ምስ ብጻይና ብፍቕሪ ክንመላለስ ዚብል ትእዛዝ መበገሲኡ ኣምላኽ ድኣምበር ሰብ ከም ዘይኮነ፡ ስለዚ ድማ ብሸለልትነት ኣፍኮሰካ ክርኢ ከም ዘይግብኣ ክንርዳእ ይደልየና።። ዮሃንስ ክሓምዩም ኣ ይደልን።። እዚ መልእኽቲ እዚ ክጽሕፍ ከሎ ዮሃንስ ወዲ 80 ዓመት ዕ ድሜኡ ዘሕለፈ ኣረጊት እዩ ነይሩ።። ስለዚ ምስ ኣረገ ዘምጽኦ ሓድሽት ምህርቲ ከም ዘይኮነ፡ ግዳስ ኣምላኽ ዝምንጪ ጥንታዊ ትእዛዝ ምኻኑ ክርድኡ የግንዘቦም።።

1.3 <u>ረዘንቲ መሰኻኸር ፍቕሪ።።</u> ዮሃንስ ጥራይ ኣይኮነን ከምዚ ገይሩ መስኪሩሎም ብዛዕባ ፍቕሪ።። ካብ ካልኦት ብዙሓት ድማ ከም ዝሰምዐዎ የዘኻኽሮም።። 'እቲ ብሉይ ትእዛዝ እዚ <u>ዘሰማዕኩምዎ ቓል እዩ</u>' ይብሎ ም።። ብዛዕባ እታ ሕብረት እንሃንጸላ ፍቕሪ ዝመሃሩን ዝመስከሩን ክቡራ ት ሰባት ቀኖድሮም ኣዝዩ ብዙሕ እዩ።።

1.4 <u>ፍቕሪ ንዲማ።።</u> ሕብረትና እንሃንጸሎም መሳርያታት ብዙሓት እኳ እንተ ኾኑ እታ ዝዓበየት ፍቕሪ እያ።። ጥንታዊትን ጊዝያዊትን ጥራይ ድማ ኣይኮነትን።። ዲማዊት ከኣ እያ።። ማለት ንሓዋሩ እያ።። ዘይትበሊ፡ ዘይትስዓር፡ ዘለኣለማዊት እያ።።

ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ዕቤትን ዘለኣለማዊነትን ስርዓት ፍቕሪ ከመ ይ ምኻኑ ጽቡቕ ገይሩ ኣብ 1ይ ቈሪ 13።1-13 ገሊጹዎ ኣሎ።። ኣን ብብዎ።።

1.5 <u>ምግባር ፍቕሪ ብዝለዓለ ደረጃ ብድርብ።።</u> ፍቕሪ እትግሃድ ብግብ ሪ እዩ።። ደረጃ ድማ ኣለዎ።። ዝለዓለ ደረጃ ናይዛ ሕብረት እትሃንጽ ፍ ቕሪ ብድርብ መረድኢ ኣብ ታሪኽ ተጋሂዱ ንረኽቦ።። ነዚ እዩ'ሓቂ ዝ

ኹነ <u>ሓድሽ ትእዛዝ</u>' ዝብሎ ዮሃንስ።። ማለት ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘ ይፈልጥ ፍቕሪ።። ብዛዕባ እዚ ኣብ ጥ 8 ሰለስተ ነገራት የመልክተልና።

ሀ. <u>ሓድሽ ነገር ኣብ ታሪኽ።።</u> ብዛዕባ ፍቕሪ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዓለ ም ተራእዩ ዘይፈልጥ ክልተ እተቓረነ ሓድሽ ነገር ተራእዩ።። እቲ ሓደ እቲ ምሰተንክር ምግሃድ ናይ ፍቕሪ ብየሱስ ክርስቶስ እዩ።። ነዚ ዮሃንስ፡ 'ከም ብሓድሽ <u>ሙእኒ</u> . . . ሓቂ ዝኾነ <u>ሓድሽ ትእዛዝ</u> . . . ጸልማት ሓ ሊፉ እዩ እሞ፡ እቲ ብርሃን ሓቂ'ውን ድሮ እኳ የብርሀ ኣሎ' ብዝብሉ ቃላት ይገልጾ።። ምግሃድ ናይ የሱስ ክርስቶስ፡ ኣምላኽ ክነሱ ስጋ ለቢሱ ኣብ ማእከልና ክርከብ፡ ንኣና ክመስል፡ ሓጥያትና ተሰኪሙ በጃና ኣብ መስቀል ክመውት፡ ብትንሳኤኡ ድማ ደገ ተስፋ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክኸፍተልና፡ ዝበለጸ ዘይፍለየና ብጻይና ክኾነና እቲ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ፍቕሪ እዩ።። ምግሃድ ናይ የሱስ ክርስቶስ፡ ነቲ ጥንታውን ዲማውን ሚዛ ን ናይ ፍቕሪ ሓድሽ ብስራት ወሲኹሉ።። ማለት ፍቕሪ ኣምላኽ ብዝለዓ ለ ደረጃ ተጋሂዱ።።

ለ. <u>ድርብ ሓድሽ።።</u> እታ ብየሱስ ክርስቶስ እተጋህደት ፍቕሪ መደ ረብታ ኣለዋ።። ብመሰረቱ፡ ብምግሃድ የሱስ ክርስቶስ እዝዩ መስተንክር ዝ ኾነ ነገር ብዛዕባ ፍቕሪ ተጋሂዱ።። ብተወሳኺ ተመሳሳሊ ፍቕሪ፡ ኣብ ዓ ለም ተራእዩ ዘይፈልጥ፡ ኣብቶም ጸጋኡ ዝዓዘሞ ሰዓብቲ ተጋሂዱ ከም ዘመስከረ ሓዲስ ኪዳን ብምንባብ ንርድኣ።። ነዚ ዮሃንስ '<u>ብኣኻትኩምውን ሓቂ ዝኾነ ሓድሽ ትእዛዝ</u>...' እናበለ ይገልጾ።። ብዛዕባ እቶም ብፍቕሪ ን ክርስቶስ ዝመስሉ ቀዳሞት ኣመንቲ፡ እቲ ንሳቶም ዝሃነጽዎ ተኣምራታዊ ሕብረት ኣብ ታሪኽ፡ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተመዝጊቡልና ኣሎ።። እቶም ና ይ ክርስቶስ ከም ክርስቶስ የፍቅሩ።።

ሐ. <u>ድርብ ምግሃድ ዘኸተሎ ሰውራዊ ለውጢ።።</u> እዚ ድርብ ምግሃ ድ፡ ሰውራዊ ለውጢ ብዛዕባ ታሪኽ ፍቕሪ እዩ።። ናይ ሓቂ ፍቕርን እቲ ብፍቕሪ ዝህነጽ ሕብረትን እንታይ ምኻኑ፡ መስፈሪኡ ተለዊጡ።። ነዚ ለ ውጢ'ዚ ዮሃንስ ኣብ ጥቕሲ 8-ለ ከምዚ ገይሩ ይገልጾ፡ 'ጸልማት ሓሊፉ እዩ እሞ፡ እቲ ብርሃን ሓቂ'ውን ድሮ እኳ የብርሀ ኣሎ።።' ማለት ዘበን ናይ ጐደሎን ሓባልን ምርዳእ ብዛዕባ ፍቕሪ ሓሊፉ እዩ።። እንታይነት ና ይ ሓቂ ፍቕሪ ዘለዎ ተራ ኣብ ምህናጽ ሕብረት ኣመንቲ ድማ በረሁ፡ ብመሰረት እዚ ዘመስከረ ሓድሽ ሓቂ ብዛዕባ ፍቕሪ ዝለዓሉ ሕቶታትን፡ ዝሃሱ መልስን ኣለዉ።።

ሐ.1 እቲ ሰዓብ ክርስቶስ ንመን እዩ ዘፍቅር? ከመይ ገይሩኸ የፍቅ ር? ንዘፍቅሩኻ ኩተፍቅር ባህርያዊ እዩ።። ንጸላእትኻ፡ ንዝብሉኻ፡ ንባህ ዘየብሉኻ ንዝዕምጹኻ፡ ንረስሓት፡ ንደናቕሩ፡ ንድኻታት፡ ንዘይንሌትካ ... ወዘተ፡ ኩተፍቅር ግና ክርስቶሳዊ ልዕሊ ባህርያዊ ፍቕሪ የድሊ።። ብዛዕባዚ

የሱስ ክርስቶስ አብ ወንጌል ማቴ 5፡43-45። ዮሃ 13፡34-35። ዝብሎ ንቕያዊ መልሲ ነቕበሉ።።

ሐ.2 ከምቲ ናይ ክርስቶስ ጌርካ ከተፍቅር ባህርያዊ ኣይኮነን።። ስለዚ ኣብ ባህሪና ዝርከቡ ኣበራት፡ ብፍቕሪ ክንሃንጽ ዘየግብሩና፡ ከምዞም ዝስዕቡ፡ ወጊድ ክንብሎም ናይ ግድን እዩ።። ምጽላእ፡ ምንኣስ፡ ምንዓኽ፡ ምሕማይ፡ ምዕማጽ፡ ምቕያም፡ ምጽራፍ፡ ምጥላም፡ ምሽራው፡ ምብላጽ፡ ምልጋጽ፡ ምሕሳው፡ ምሕሳም፡ ምቕጻጻዕ፡ ምውጋዕ፡ ሕነ ምፍዳይ፡ እንታ ምርካብ ... ወዘተ።። እዚታት ብተመክሮ ቅድስናኡ ካባና ተባሕጉጉ ምስ ወጸን ብፍቕሪ ክርስቶስ ምስ ተተክአን ከም ክርስቶስ ከተፍቅር ትኽእል።። ገላትያ 5፡16-26 ከምኡ እዩ ዚምህረና።።

2. <u>ብፍቕሪ ዝመላለስ ኣማኒ</u>።። ኣብ 10ይ ጥቕሲ ሰለስተ ሓጸርቲ ነጥብ ታት ዝሓዘ ስእሊ ናይቲ ብፍቕሪ ክርስቶስ ዚመላለስ ኣማኒ ይህበና።።

2.1 <u>ብጸይን ሓውን</u>።። ነቲ ብፍቕሪ ዚመላለስ ሰብ፡ ኮሉ ሰብ ብጸዩ እቲ ኣማኒ ከምኡ ድማ ሓዉ እዩ።። ነቲ ጸላኢኡ ከይተረፈውን የፍቅር።። ስለዚ ብእወንታዊ መንገዲ ብብጸዩ ባህ ይብሎ።። ንብጸዩ ይሃንጾ፡ ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ድማ ይጸሮ።። ቡቲ ሓደ መንገዲ ድማ ዕረ ዝጥዕሞ ጸላኢ ስለ ዘይብሉ ብውሽጢ ተመሪሩ <u>ኣይኩምተርን</u>።። ስለዚ ንገዛእ ርእሱ ካ ብ ጉድኣት ይሕልዎ።።

2.2 <u>ዘወትር መፍቀሪ</u>።። እቲ ዘፍቅር ሰብ 'ኣብ ብርሃን እዩ ዝነብር ይብለና።። ቀዳማይ እቲ 'ዝነብር' ዝብል ቃል ዝሕብሮ ኣለዎ።። ንሳ ብሓን ሳብ፡ ክጥዕሞ ከሎ፡ ሽግር እንተ ዘየጋጠሞ... ወዘተ፡ ዘይኮነስ ወትሩ ም ስ ኣምላኽ ይኸይድ ማለት እዩ።። እቲ 'ኣብ ብርሃን' ማለት ከኣ ኣብ ክባ ቢ ህልውና ኣምላኽ፡ ኣብ ፍቕርን ጽቡቕ ምርዳእን ይነብር ማለት እዩ።።

2.3 <u>ዘወትር መጸበቕ</u>።። እቲ ንሓው ዚፍቅር ሰብ 'መዓንቀፊ ኣብኡ የልቦን' ይብለና ዮሃንስ።። ማለት ንገዛእ ርእሱ ኣይዕንቀፍን።። ንኻልኦት'ውን መዓንቀፊ ኣይከውንን።። ሃናጺ እዩ ኣብ ክንዲ ደቓሲ።። እዚ ማለት ተ ቕባልነት ብዅሉ ሰብ ክረክብ እዩ፡ ሽግራት ኣይኪጋጠሞን እዩ፡ተጸረርቲ ኣይኪህልውዎን እዮም ማለት ኣይኮነን።። ግናኸ ብሰሩ ዝፈርስ ናይ ካል ኣት ሰባት ህይወት ወይስ መደባት የልቦን።። ከቶ መዓንቀፊ ኣይከውንን።።

3. ኣማኒ ብዘይ ፍቕሪኽ?

ንፍቕሪ ግቡእ ቦታ ከይሃቡ ምስ ኣምላኽን ንሓድሕዶምን ሕብረት ክህልዎም ዝፈተኑ ኣመንቲ ብዘበን ዮሃንስ ከም ዝነበሩ ኣብ ጥቕስታት 9 ን 11ን ይሕብረልና።። ሕጂውን ኣለዉ።።

3.1 እዚኣቶም ከሓድቲ ኣይኮኑን።። ነፍስ ወከፎም 'ኣብ ብርሃን


ኣሉኹ' በሃልቲ እዮም።። ማለት፡ ኣመንቲ፡ ኣባላት ቤተ ክርስትያን፡ ቁሪ ብቲ፡ ጸለይቲ፡ ጾም ዘዘውትሩ፡ ኣንበብቲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ እተጠመቐ፡ እ ተሃደሱ፡ መባእን ዕሸርን ወሃብቲ፡ ዘመርቲ፡ ሰበኽቲ፡ ብልሳን ተዛሪብና በሃልቲ ... ወዘተ፡ ክኹኑ ከም ዝክእል መጽሓፍ ቅዱስን ተመክሮታትን ይነግሩና እዮም።

3.2 እዚኣቶም ነዚ ኮሉ ጽቡቕ ሃይማኖታዊ ተግባሮም ብሓንቲ ና ይ ሞራል መዳፍዕ የፍርስዎ።። ይጸልኡ።። ጽልኢ ድማ መፍረሲ ሕብረት እዩ።።

3.3 ጸላእ ብጸዩ፡ ኮሉ ሃይማኖታዊ ተግባራቱን ብኣፉ ዝኣመኖን ብ ዘየገድስ 'ኣብ ጸልማት እዩ ዘሎ ... ኣብ ጸልማት'ውን ይመላለስ' ይብለ ና ዮሃንስ።። ኣብ ጸልማት ምምልላስ ኣብ ክንዲ ብሓቂ ብሓሶት፡ ኣብ ክ ንዲ ምስ ኣምላኽ ምስ ሰይጣን፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ምህናጽ ኣብ ምዕናው፡ ኣብ ክንዲ ብፍቕሪ ብጽልኢ ምንባር እዩ።።

3.4 ራብዓይ፡ ምስ ብጸይካ ኣብ ክንዲ ብፍቕርስ ብጽልኢ ምምልላስ ንምስትውዓልካ ከም ዝደፍን፡ 'ጸልማት ኒኁቱ ስለ ዘዕወሮ' ይብለና፡ብጽል ኢ ዝምራሕ ኣማኒ፡ ክረትዕ፡ ክሕምኽ፡ ሕነ ክፈዲ እዩ ዝህንደድ።። መፍ ትሒ ክረክብ፡ ዕርቂ ክገብር፡ ክሃንጽ ዝብል መንፈስ የብሉን።። ጽልኢ ህ ልኽኖ ይገብረካ፡ ለኻኺሙ የጥፍኣካ፡ ሰላምካ ይዝርፈካ።።

3.5 ጽልኢ ዕላማ ከም ትስሕት ይገብረካ።። እቲ ብጽልኢ ዝምራሕ ኣማኒ፡ 'ናበይ ከም ዚኸይድ ኣይፈልጥን እዩ' ይብለና ዮሃንስ።። ብጽልኢ ዝምራሕ ሰብ ኣርሒቑ ካብ ምርኣይ ይኸለፍ፡ ዝጉድኡ ጽቡቕ ኣይርእ ን።። እቲ ዝጽዶ ግናይ ሳዕቤናት ድማ ኣይርኣዮን።። ጽልኢ ህንጻ ኣየፍ ርየልካን እዩ፡ ዑና ድኣ እምበር።። እንዛረበሉ ዘሎና ኣብ ህይወት ናይ ሰ ባት ብግሊ፡ ብሓደር፡ ብቤተሰብ፡ ብማሕበር፡ ብዓዲ፡ ብሃገር ደረጃ ዝፍጸ ም መሪርን ግናይን ሓቂ እዩ።። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ኣኺል ታሪፍ ዝተፀ መረድኢ ክንረኽበሉ ንኽእል ኢና።።



ታሽዓይ ትምህርቲ
4ይ መፈለጥታ፡ ብጸጋ ኣምላኽ ምዕባይ
1. መበገስታኡ

መእተዊ

ድሕሪ መሰረት፡ ምቕጻልን ምሕላው ትእዛዛት ኣምላኽን ብፍቕሪ ም ምልላስን ናይ ግድን ምኻኑ ተማሂርና፡፡ ሪብዓይ መፈለጥታ ናይ ገስገስትን ሃነጽትን ምኻንና፡ ብጸጋ ኣምላኽ ዝዓብዩ ምኻን እዩ፡፡

ቀንዲ ሓሳባት

ዮሃንስ ብዛዕባ ብጸጋ ክርስቶስ ምዕባይና ከመይ ከም ዘሎ እንፈልጠሉ ሰለስተ መዓቀኒታት ይህበና፡፡

1. መንፈሳዊ ህይወትና ግቡእ መበገስታዶ ገይሩ?
2. ካብ ደርጃ መበገስታኻ ናብቲ ካልኣይ ደረጃ ናይ ጸጋ ተሳጊርናዶ? ማለት፡ ብጸጋ ጐቢዝናስ ንጋደልን ዲል ንገብርንዶ ኣሎና?
3. ቀጺልና ብጸጋ ዝበሰሉዶ ኼንና? መፍረይትዶ ኼንና ኣሎና?

ሕጂ ብዛዕባ እታ ቀዳመይቲ፡ ማለት ብዛዕባ ግቡእ መንፈሳዊ መበገስታ ምግባር ክንምሃር ኢና፡፡ ማለት ምእስ እዩ ሓደ ሰብ ኣምላኽ ብዝ ኾበሎ መገዲ ክርስቶስ ብዕሲ ጀሚሩ ዚብሃል?

እነተኵረሉ ክፍሊ ጽሑፍ፡፡ 1ይ ዮሃ.2፡12,13ሐ፡፡

- ደቀየ፡ ሓጢኣትኩም ስለ ስሙ ተሓዲጉልኩም እዩ እሞ፡ እጽሕፈልኩ ም ኣሎኹ፡፡
- ... ኣቱም ቁልዑ፡ ነቦ ስለ ዝፈለጥኩምዎ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ፡፡

ዓይነ-ንስሪ

1. መንፈሳዊ ህይወት ናይ ግድን ግቡእ መበገስታ ኣለዎ፡፡
   1.1 ሓበርቲ ቃላት ናይ ግቡእ መበገስታ፡ 'ቁልዑ፡ ደቀየ'
   1.2 ኩሉ-ም ኣመንቲ ዝብገሱላ መበገስታ እዩ፡፡

2. ብምርካብ ሕድገት ሓጢኣትና ግቡእን ዕላውን መበገስታ ንገብር፡፡
   2.1 እዚ ንነፍስ ወከፍ ሰብ ናይ ግድን መበገስታ እዩ፡፡
   2.2 ምርካብ ሕድገት ሓጢኣት ከመይ ኮይኑ ይፍጸም? (ሀ-ለ)
   2.3 ንዲማ ከምኡዶ እዩ? ወይስ ጊዝያውን ኮነታውን እዩ?

3. ውልድነት ብመንፈስ ብምርካብ ግቡእ መበገስታ ንገብር፡፡
   3.1 ሓበርቲ ቃላት ናይ መንፈሳዊ ውልድነት። ነቦ ምፍላጥ።

3.2 እንታይ እዩ ብመንፈስ ምውላድ? (ሀ-መ)
3.3 ምሉእ ሓዲስ ኪዳን ብዛዕባ ውልድነት ብመንፈስ ይምህር፡፡
3.4 ጥርኑፍ ትንታኔ ብዛዕባ ውልድነት ብመንፈስ።

ትንታኔ

1. ምስ ኣምላኽ ምምልላስን ሕብረት ኣመንቲ ምህናጽን ናይ ግ ድን ግቡእ መጀመርታ ኣለዎ፡፡

1.1 <u>ሓበርቲ ቃላት ናይ ምጅማር</u>፡፡

መበገሲኡ እንታይ ምኻኑ ኣብ ጥቕስታት 12ን 13ን ተሓቢሩልና ኣሎ፡፡ 'ደቀየ፡ ሓጢኣትኩም ስለ ስሙ ተሓዲጉልኩም እዩ ... ኣቱም ቁልዑ ነቦ ስለ ዝፈለጥኩምዎ...' ይብል፡፡ ቁልዑ፡ ደቀየ ዝብሉ ቃላትን መስነይታኡ ዝኾኑ ተመክሮታት ናይ ሕድገት ሓጢኣትን መንፈሳዊ ልደ ትን ብዛዕባ እቲ ቀዳማይ ደረጃ፡ መበገስታ ናይ ምስ ኣምላኽ ምምልላስ ይሕብር፡፡ ኵሉ ጀማሪ በዘን ክልተ መንቀልቲ ተመክሮታት ከም ዚብገስ ሃዋርያ ዮሃንስ ይነግረና፡፡

1.2 <u>ናይ ኩሉ መበገስታ</u>፡፡

ኣብርሃም፡ ሙሴ፡ ጳውሎስ፡ ሩት፡ ሳምራዊት ሰበይቲ ... ወዘተ፡ ኵ ሎም ኣመንቲ ዝተበገሱላ መበገስታ ኣላ፡፡ ንሕናኸ ቀኪሕ ኢልና ተመ ሊስና እንዝክራ፡ እንዝምረላ፡ እነመስግነላ መበገስታዶ ኣሳትና?

2. መበገስታ ብምርካብ ሕድገት ሓጢኣት፡

ምርካብ ሕድገት ሓጢኣትና መተካእታ ዘይብሉ መበገሲ እዩ፡፡ ብዝ ኹነ ይኹን ስርዓት ናይ ክርስትያን ሃይማኖት ክትካእ ኣይክኣልን፡፡ ስለ ዚ ብሕድገት ሓጢኣት መበገስታ ክንገብርሲ ኣብ ልብና ንሓዞ፡፡

2.1 <u>ብምርካብ ሕድገት ሓጢኣት ምጅማር ንነፍስ ወከፍ ሰብ ናይ ግድን እዩ</u>፡፡ (ጥ 13 ተመልከቱ)፡፡

ብንስሓ፡ ብእምነት ኣብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ብምምላስ ካብ መንገዲ ሓጢኣት ናብ መንገዲ ኣምላኽ፡ ሕድገት ሓጢኣት ካብ ኣምላኽ ንረክብ፡፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ብሕድገት ሓጢኣት ከም ዝጀመረ ናቱ ተመክ ሮ ድማ ንነፍስ ወከፍ ሰብ ኣርኣያ ምኻኑ ኣብ 1ይ ጢሞ 1፡13-16 የዘ ንትወልና፡፡ (ብዛዕባ ሕድገት ሓጢኣት፡ ኣብ 6ይ ትምህርቲ ዘሎ (1-5) ነጥብታት ኣቕልበሉ)፡፡

2.2 ብኽመይ መንገዲ እዩ ሓጢኣትና ዝሓድገልና? ምእንቲ እከላ ተባሂ ሉ ብዝስመ እንዝክሮ መልእኽ ወይስ ጸድቅዶ እዩ ዚፍጸመልና? ብጻማና እንረኽቦ በረኽትዶ እዩ? ወይስ ሳላ ብሩኻት ወላዲዶ ኢና ንረኽቦ? ኣይ ፋሉን፡፡ እዚታት ኵሉ፡ ጥቕሚ እንተለዎ እውን መሰረት ናይቲ እንረኽቦ

ሕድገት ሓጢኣት ከም ዘይኰነ፣ ሃዋርያ ዮሃንስ ከምዚ ገይሩ ይምህረና፡፡ ይብል፣ 'ሓጢኣትኩም <u>ስለ ስሙ</u> ተሓዲጉልኩም እዩ፡፡'

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ 'ስለ ስሙ' ወይስ ተመሳሳሊ ቃላት ኣማእታት ጊዜ ተጠቒሱ ንረኽቦ፡፡ 'ስለ ስሙ' ማለት፣

ሀ.) <u>ኣምላኽ ባዕሉ</u> እዩ ይቕረ ዝብለልና ማለት እዩ፡፡ ብመማለጃ ምእንተ እከላ፣ ወይስ ብጸማና ሰብ እዚ መዓልቲ ኢዙም ኢሉ ኣይኮነን ዝሓድገልና፡፡ ምሕረተኛ ስለ ዝኾነ ካብ ገዛእ ርእሱ ኣንቂዱ ይቕረ ይ ብለልና፡፡ ምስናይዚ መልኣኽ ይኹን ወይስ ቅዱስ ሰብ ሓጥያት ክሓድግ ስልጣን ዘለዎ ፍጡር የልቦን፡፡ ሓጢኣት ምሕዳግ መለኮታውን፣ <u>ኢፍጡራ ውን</u> ስልጣን እዩ፡፡

ለ. እቲ እንረኽቦ ሕድገት መለኮታዊ ማሕተም ስለ ዘለዎ እተረጋገጸ በረኽት ዝመልእን እዩ፡፡ ካብኡ ንላዕሊ ርግጽነት ዘለዎ ይቕሬታ የልቦን፡፡ 1ይ ዮሃ 1፡9 ኣንብቡ፡፡ ምስናይዚ የሱስ ክርስቶስ በኻ ሓጢኣትና ኣብ መስቀል ብሙግኡ፣ መስዋኣቲ ዚኽፈለሉ ክቡር ይቕረታ እዩ፡፡

2.3 <u>ዘይልወጥ ሰርዓት እዩ፡፡</u>

ብሕድገት ሓጢኣት ምጅማር ዘይልወጥ ሰርዓት ምኽኑ 'እጽሕፈልኩ ም ኣሎኹ፣ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ' ብዝብል ስዋስው ተሓቢሩልና ንረኽቦ፣ ቅድሚ ሕጂ ብዛዕባኡ ምሂረኩም ነይረ፣ (ምናልባት ዓመታት ሓሊፉ ይ ኽውን)፣ ሕጂ ድማ ዳርጋ 90 ዓመተይ ኩይኑ ምስ ኣረግኩ'ውን እጽሕፈ ልኩም ኣሎኹ ማለቱ እዩ፡፡ ቀደም ንሳ እያ፡፡ ሕጂ ንሳ እያ፡፡ ንዘልኣለ ም ንሳ እያ፡፡ ሕድገት ሓጢኣትና ምርካብ መበገስታ ናይ ምስ ኣምላኽ ምምልላስን ሕብረት ምህናጽን እዩ፡፡ ብእኣሰ ጀሚርናዶ? ከም ዝጀመር ናኽ ንፈልጥዶ?

3. ካልኣይ ክፍሊ ናይ መበገስታ-ውልድነት ብመንፈስ እዩ፡፡

እታ ቀዳመይትን ካልኣይትን መበገስታ ተሳንየን እየን ዝብገሳ፡፡ ቀዳ መይትን ካልኣይትን ማለት ናይ ቅድምን ድሕሩን ኣይሕብርን፡፡ እቲ መ በገስታ ክልተ ክፍሊ ኣለዎ ጥራይ ማለት እዩ፡፡ እቲ ቀዳማይ ክፍሊ ብዛ ዕባ እቲ ምስ ኣምላኽ ዝሀልወና ናይ ዕርቅን ሰላምን ሕጋዊ ርክብ ይነግ ር፡፡ እዚ ካልኣይ ክፍሊ ኣብ ውሽጢ ህይወትና ዝፍጸም ዓቢ ለውጢ፣ ደቂ ኣምላኽ እንኾነሉ ተመክሮ ይሕብር፡፡

3.1 <u>ሓበርቲ ቃላት ናይ ውልድነት ብመንፈስ፡፡</u>

ምስ ኣምላኽ ምምልላስን ሕብረት ድማ ምህናጽን እንጅምር ሕድገት ሓጢኣትና ብምርካብ ምኽኑ ኣቕዲምና ተማሂርና፡፡ ምስኡ ተሰንዩ ዝኽ ይድ መበገስታ ድማ በተን 'ኣቱም ቄልዑ ነቦ ስለ ዝፈለጥኩምዎ' ዝብላ ቃላት ይሕብረልና፡፡ እዚ ማለት መንፈሳዊ ውልድነት፣ ኣምላኽ ኣቦና ን ሕና ድማ ደቂ ኣምላኽ እንኾነሉ ተመክሮ ህይወት እዩ፡፡

3.2 <u>ውልድነት ብመንፈስ መለኮታዊ ለውጢ ህይወት እዩ፡፡</u> ምስ ኣምላ ኽ ዝሀልወና ዓይነት ርክባት ብእተፈላለዩ ቃላት ይግለጽ፡፡ ንኣብነት ንኣ ምላኽ ከም ፈጣሪ ክንፈልጦ ንኽእል፡፡ ማለት መሰረት ናይ ኵሉ ህልው ና ኣምላኽ ምኽኑ ንርዳእ፡፡ ወይ ከም ፈራዲ ንፈልጦ፡፡ ማለት ብዘይ ነ ምልጠሉ መንገዲ ንእኡ ተጠየቕቲ ምኽንና ንርዳእ፡፡ ኣምላኽ ኣቦና ንሕ ና ደቁ እንኾነሉ ተመክሮ ኣሎ መበገስታ መንፈሳዊ ህይወት ዝኾነ፡፡

ሀ. <u>ኣምላኻዊ ውልድነት እዩ፡፡</u> ሃዋርያ ዮሃንስ፣ ምስ ኣምላኽ ታቲ ክ ንብል መበገስታ ክንገብር ከሎና እንኣትዎ ተመክሮ፣ 'ምፍላጥ ንኣቦ' ኢ ሉ ይገልጾ፡፡ ሰብኣይ ከይወለደ ኣቦ፣ ሰበይቲ ከይወለደት ኣደ፣ ቁልዓ ከ ይተወልደ ውሉድ ኣይብሃሉን እዮም፡፡ ንሕና ድማ ኣምላኽ ኣቦና ንሕና ውን ውሉዱ እንኽውን ብመንፈስ ቅዱስ ካብኡ ምስ ተወለድና ጥራይ እ ዩ፡፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተወሊድካዶ?

ለ. <u>ኣብ ውሽጥና ዝፍጸም መንፈሳዊ ለውጢ እዩ፡፡</u> ኣቕዲምና ሓጢ ኣትና ዝሓድገልና ኣምላኽ ባዕሉ ምኽኑ ኣስተብሂልና፡፡ እዚ ብዛዕባ ምስ ኡ ዝትከል ሓድሽ ሕጋዊ ርክብና ይነግር፡፡ ኣብ ክንዲ ከም ፈራዲ ኩ ይኑ ዝኾንነና ምሕረቱ የብዝሓልና፡፡ ምስቲ ምሕረቱ ድማ ተወሳኺ ዝ ለዓለ ጸጋ ይህበና፡፡ ንሱ ኣቦና ንሕና ድማ ደቁ ንኽውን፡፡ ኣቦ ማለት ወላዲ፣ ሓላዪ፣ መሰረት ናይ ስድራ እዩ፡፡ በዚ ለውጢ እዚ ርክብና ምስ ኡ ሕጋዊ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ውሉድን ወላድን ርክብ ይኽውን፡

ኣብና ለውጢ ምስ ተፈጸመ፣ ብተመክሮ ከም ኣቦና ምስ ፈለጥናዮ፣ ሽው ንኣቦና፣ ንኣምላኽ፣ ነቲ ብመንፈስ ዝወለደና ንመስል፡፡ ኣብ ውሽጢ ህይወትና፣ ማለት ኣብ ኣተሓሳስባናን ልብናን ጠባይናን ተኣምራታዊ ዓቢ ለውጢ ይፍጸም፡፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወትና ይሰፍር፡፡ ሽው ንሕና መንፈሳውያን ሰባት ንኽውን፡፡ ቅድስና፣ ቃል ኣምላኽ፣ ቤት ኣምላኽ፣ ዕ ላማታት ኣምላኽ ዝፈትዉ፣ ንዓለምን ንሓጢኣትን ዝሓርሙ ንኽውን፣ ፈ ቃራትን ለጋሳትን ንኽውን፡፡ ኵላቶም ምስ ኣምላኽ ዝመለሳሱ በዘን ክል ተ እዮም መበገስታ ዝገብሩ፣ ማለት ብሕድገት ሓጥያትን ብሓድሽ ልደት ን፡፡

ብሕድገት ሓጢኣትን ብሓድሽ ልደትን መበገስታ ዘይገብርካ እንተ ድኣ ኳንካ ሕጂ ግበሮ፡፡ ብጸሎት ናብ ኣምላኽ ቅረብ፡፡ ብእምነት ብጐ ይታና የሱስ ክርስቶስን ብንስሓን ቅረብ እሞ ምሕረትን ሓድሽ ልደትን ድማ ክትረክብ ኢኻ፡፡ ኣምላኽ ከምታ ዘተስፈዋ ምሕረት ይገብር፡፡ ከም ታ ዘተስፈዋ ውሉዱ ይገብረና፡፡ ምሕረቱን ውልድነቱ ንክትረክብ ብእምነ ትን ብንስሓን ናብኡ ቅረብ፡፡

ብድሕሪኡ ዝስዕቡ መንፈሳውያን ምስጢራት፣ ናይ ምዕባይ ብጸጋ ኣ ለዉ፡፡ ግናኸ በዘን ክልተ ግቡእ መበገስታ ክንገብር ናይ ግድን እዩ፡፡ መበገስታ ዘይገበርካ ኣንባቢ መበገስታኻ ሕጂ ግበር፡፡

3.3 <u>መንፈሳዊ ልደት ትምህርቲ ምሉእ ሓዲስ ኪዳን እዩ።</u>

ብሓድሽ ልደት መበገስታ ምግባር ምሉእ ሓዲስ ኪዳን ዝምህሮ መ ተካእታ ዘይብሉ ወንጌል እዩ። ምእንቲ ትሕዝቶ ምስጢሩን በረኽቱን ከ ንፈልጠ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ብእተፈላለዩ ቃላት ይገልጸ። ዮሃንስ፣ 'ኣቱም ቁልው ነቦ ስለ ዝፈለጥኩምም' ይብሎ። ጉይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ ዮ ሃ 3፡3ን 7ን ምውላድ ካብ ላዕሊ፣ ጳውሎስ ኣብ 2ይ ቆሪ 5፣ 17 ሓድ ሽ ፍጥረት ምኻን፣ ጴጥሮስ ኣብ 1ይ ጴጥ 1፡4 ተማቐልቲ እቲ ኣምላኻ ዊ ባህርይ ምኻን ... ወዘተ፣ እናበሉ እቲ ብዙሕ ነጸብራቓቱ ይገልጽዎ።

3.4 <u>ቁርኑፍ ትንታኔ ናይ መንፈሳዊ ልደት።</u> ናይዚ ተኣምራታውን መለ ኮታውን ዝኾነ ኣባና ዝፍጸም ለውጢ ናይ ህይወት፣ ሃዋርያ ዮሃንስ፣ እ ንታይ ምኻኑን ዘይምኻኑን፣ ከመይ ጌርና ከም እንረኽቦን መብርሂ ኣብ ዮሃ 1፡12-14 ይህበና። ካብኡ ብዛዕባ እንዛረበሉ ዘሎና መንፈሳዊ ልደት እዞም ዝስዕቡ ዓበይቲ ነጥብታት ነስተብህል።

- ንየሱስ ብምእማንን ንእኡ ብምቕባልን ንረኽቦ(ጥ 12)።
- ውሉድ ኣምላኽ ዝገብረና ለውጢ ናይ ህይወትና እዩ(ጥ 12)።
- መለኮታዊ ለውጢ እዩ(ጥ 13)።
- <u>ናይ ትውልዲ ውርሻ ኣይኮነን</u>። ዮሃንስ መንፈሳዊ ልደት 'ካብ ደም ኣይኮነን' ይብለና። እዚ ማለት መንፈሳዊ ልደት ወዲ እ ከላ ጓል እከላ እናበልካ ብወለዶ መግለጺ ዘይትረኽበሉ መንፈሳ ዊ ምስጢር እዩ። ጽቡቕ ወለዶ ምናልባት መገዲ ይኽፍተልካ ይኽውን። ግናኸ መንፈሳዊ ልደት ኣየውርሰካን እዩ። መለኮታዊ እዩ።
- <u>ናይ መንፍዓት ኣይኮነን</u>። መኪትካን ተጋዲልካን ብስራኻ፣ ብመ ንፍዓትካ ዝብጻሕ ኣሳልጦን ምዕባሌን ብዙሕ ከም ዘሎ ኣይክሓድ ን። ግናኸ መንፈሳዊ ልደት ብመንፍዓት ዘይግለጽ መንፈሳዊ ም ስጢር እዩ። ነዚ እዩ 'ካብ ፍቓድ ስጋ ኣይኮነን' ዚብሎ ዮሃን ስ።(ጥ 13)
- <u>ኣተዓባብያ ኣይኮነን</u>። ጽቡቕ ዕድል ኣጋጢሙካ ብሩኻትን ከኢ ላታትን መልመልቲ፣ ሓበርቲ፣ ኮስኮስቲ ክትረክብ ከሎኻ ላዕሊ ክትበጽሕ ትኽእል። ሳላ እከላ ወይ እከላ ድማ ትብል። መንፈሳ ዊ ልደት ግና ልዕሊ ሳላ እከላ ዚብሃል መንፈሳዊ ምስጢር እዩ፣ መለኮታዊ እዩ። ኢድ ኣምላኽ ዘለዎ በረኽት እዩ።(ጥ 13)

ብወለዶ እትረኽቦ ጽቡቕ ርስቲ፣ ብመንፍዓት ገዛእ ርእስኻ እትድይቦ መሳልል ኣሳልጦ፣ ብኣያታት እትረኽቦ ምምልማልን ኣጆኻን ዝንኣድ እ ምበር ዝንቀፍ የብሉን። መንፈሳዊ ልደት ግና ልዕሊ ውርሻ፣ ልዕሊ መን ፍዓት፣ ልዕሊ ኣያታት ምርካብ እዩ። ኢድ ኣምላኽ ዘለዎ ተመክሮ ለው ጢ ናይ ህይወት እዩ።

ሕቶታትን ዝርርብን

1. ድሕሪ መሰረት ምህናጽን ምግስጋስን ኣሎ ኢልና፣ ንሃንጽን ንግስግስ ን ከም ዘሎና ድማ መፈለጥታታት ኣለዎ ኢልና።
   ሀ. ኣብ ሻቡዓይ ትምህርቲ እተጠቕሳ ክልተ መፈለጥታት ስመ።
   ለ. ኣብ ሻሙናይ ትምህርቲ እተጠቕሰት ናይ ምህናጽ መፈለጥታ ስመ፣ ዕቤታ ድማ ግለጽ።
   ሐ. ኣብ ታሽዓይ ትምህርቲ እተጠቕሰት ሰለስተ ክፍሊ ዘለዋ መ ፈለጥታን ክፍልታታን ስመ።

2. መንፈሳዊ ምዕባይ ብግቡእ መበገስታ ይጅምር።
   ሀ. ክልተ ክፍልታት ናይ ግቡእ መንፈሳዊ መበገስታ ምግባር ስ መየን።
   ለ. ብዛዕባ ምርካብ ሕድገት ሓጢኣት፣
      ለ.1 እንታይ እዩ ሕድገት ሓጢኣት ምርካብ?
      ለ.2 ብዘይ ምርካብ ሓዋያት መንፈሳዊ ህይወት ይጅመርዶ እዩ?
      ለ.3 'ሓጢኣትኩም ስለ ስሙ ተሓዲጉልኩም እዩ' ዝብል ጥቕሲ ተንትኖ።

3. ብዘይ ሓዲስ ልደት ብሓቂ ምስ ኣምላኽ ምምልላስን ሕብረት ኣሕዋት ምድልዳልን ይከኣልዶ እዩ?

4. ዮሃ 1፡12-14 መሰረት ብምግባር ሓድሽ ልደት እንታይ ምኻኑን ዘይምኻኑን ተንትኖ።

ዓስራይ ትምህርቲ
5ይ መፈለጥታ፡ ብጸጋ ኣምላኽ ምዕባይ
2. ምጉባዝ ብጸጋ ኣምላኽ

መእተዊ

ድሕሪ መሰረት ኣብቑዓት ሃነጽትን ንቕድሚት ገስገስትን እንኽውንሲ ከመይ ጌርና ኢና ንዝብል ሕቶ፡

1ይ ቀጸልቲ ብምኽን፡
2ይ ሓለውቲ ትኣዛዝት ኣምላኽ ብምኽን፡
3ይ ብፍቕሪ ዝመላለሱ ብምኽን፡
4ይ ብጸጋ ኣምላኽ ዝዓብዩ ብምኽን እዩ ኢልና ተማሂርና፡፡ ሕጂ እንምሃሮ እቲ ካልኣይ ደረጃ ናይ ምዕባይ ብጸጋ 'ምጉባዝ ብጸጋ ኣምላኽ ' ሰሚናዮ ዘሎና ነጥኮረሉ፡፡

ቀንዲ ሓሳባት

ካብ ደረጃ መንፈሳዊ ቍልዕነት፡ ናብ ደረጃ ምጉባዝ ብጸጋ ኣምላኽ ክንሳገር ናይ ግድን እዩ፡፡ እዚ ካልኣይ ደረጃ ናይ ዕጥቅን ቃልሰን ዓወትን ህይወት ኮይኑ ንረኽቦ፡፡ በቲ ሓደ፡ የሱስ ክርስቶስ ዝመራሒኡ ሰልፊ ናይ ብርሃንን ጽድቅን ኣሎ፡፡ በቲ ካልእ ክኣ እቲ 'እኩይ' ዝመራሒኡ ም ሓይልታት ጸልማትን ሓጢኣትን ኣለዉ፡፡ ኣብዚ ካልኣይ ደረጃ ናይ ምዕባይ ብጸጋ ኣብ ርእሲ እቲ ዝነበረና ደቂ ኣምላኽ ምኽን፡ ወትሃደራት ኣምላኽ ንኽውን፡፡ ኩቲትና ኑቲ 'እኩይ' ንገጥመሉን ንስዕሮን፡፡ ከመይ ጌርና ኢናኽ ንስዕሮ? ብሰለስተ መንገዲ ብምኽታት ንስዕሮ፡፡

1. ብርቱዓት ብምኽን፡
2. ቃል ኣምላኽ ኣባና ምስ ዝነብር፡
3. 'ነቲ እኩይ' ብግምባር ገጢምና ምስ እንዕወተሉ፡

እንተኮረሉ ቅዱስ ጽሑፍ፡፡ 1ይ ዮሃ 2፡13ለ፡14ለ

13. ... ኣቱም ኣጉባዝ፡ ነቲ እኩይ ስዒርኩምዎ ኢኹም እሞ፡ እጽሕፈ ልኩም ኣሎኹ፡፡
14. ... ኣቱም ኣጉባዝ፡ ብርቱዓት ስለ ዝኾንኩምን ቃል ኣምላኽ ኣባኻ ትኩም ይነብር ስለ ዘሎን፡ ነቲ እኩይውን ስዒርኩምዎ ኢኹም እሞ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ፡፡

ዓይነ-ንስሪ

1. ካብ ደረጃ ደቂ ኣምላኽ ናብ ደረጃ ተጋደልቲ ክርስቶስ ክንሳገር ናይ ግድን እዩ፡፡

1.1 ሓበርቲ ቃላት ናይ ካልኣይ ደረጃ'ኣቱም ኣጉባዝ...'(ሀ-ሐ)
1.2 ብጸጋ ዓቢና ኣጉባዝ ክንከውን ግድን እዩ፡፡ (ሀ-ሰ)
1.3 ናይ መንፈስ ኣጉባዝ ብዓወት ይልለዩ፡፡ (ሀ-ሰ)

2. እቶም ኣጉባዝ ዝስዕርዎ፡ 'እቲ እኩይ' እዩ፡፡
   2.1 መንዩ እቲ እኩይ?
   2.2 ዕላማኡ?
   2.3 ሚላታቱ?

3. ሰዓብ ክርስቶስ ምኽን ምእመን ምኽን ጥራይ ኣይኮኑን፡ ተጋዳላይ፡ ወትሃደራት መስቀል ድማ እዩ፡፡
   ኣበይ ኣሎና?

ትንታኔ

1. ምስጋር ናብ ካልኣይ ደረጃ ናይ ምዕባይ ብጸጋ፡፡

ድሕሪ ደረጃ መበገስታ፡ ብጸጋ ኣምላኽ ኣጓብዝ ምኽን ይስዕብ፡፡ ነቲ ባህራዊ ምዕባይ ቁልው፡ ኣጉባዝ፡ ኣቦታት ኢልና ንኽፍሎ፡፡ የሃንስ በዚ ምሳሌ ብዛዕባ ሰለስተ ደረጃታት ምዕባይ ብጸጋ ይምህረና፡፡

1.1 <u>ሓበርቲ ቃላት ናይ ካልኣይ ደረጃ</u>፡፡ ብዛዕባ እቶም መንፈሳዊ መበገስታ ዝገብሩ ዘለዉ ክዛረብ ከሎ 'ደቀየ'፡ 'ኣቱም ቁልው' እናበለ ይጽውየ ም፡፡ ዘሰንዮ ጠባያት ድማ ሂቡና፡፡ ነዞም ናብ ካልኣይ ደረጃ ዝሰገሩ ድማ 'ኣጓብዝ' ዝብል ስም ይህቦም፡፡ ምስቲ ኣጓብዝ ዝብል ቃል ተሰንዮም ዝኸዱ ሰለስተ መለለዪ ጠባያት ድማ የመልክተልና፡፡ እዞም ብጸጋ' ኣጓብ ዝ'፡ ተባሂሎም ዝስመዩ፡

ሀ. ብጸጋ ኣምላኽ ብርቱዓት እዮም፡፡
ለ. ቃል ኣምላኽ ኣባታቶም ይነብር፡፡
ሐ. ነቲ 'እኩይ' ይስዕርዎ፡፡

1.2 <u>ምዕባይ ናብ ካልኣይ ደረጃ ናይ ግደን እዩ</u>፡፡ ስለምንታይ?

ሀ. እንበጽሖ ዕላማ ስለ ዘሎና፡፡ ዘይምዕባይ ብጸጋ ኣብረኻ እዩ፡፡ ናብ ውድቀት እዩ ዘምርሕ፡፡ ምዕባይ ብጸጋ መሰረታዊ ትምህርቲ ናይ ምስ ኣምላኽ ምምልላስ ስለ ዝኾነ ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ብሰፊሕ ሰፊሩ ንረኽቦ፡፡ ኮሉ ክንበጽሖ ዘሎና መንፈሳዊ ዕላማ ምዕባይ ብጸጋ ይሓትት፡፡ ምስጋርና ናብ ካልኣይ ደረጃ ኣተኩርና ክነቕልበሉ ይግብኣና፡፡

ለ. እንበጽሖ ዕላማ ቃልሲ ስለ ዝሓትት፡፡ ኣብቲ እንምነዮ ዕላማ ክርስቶስ ከይንበጽሕ ዝቃወሙና፡ ሕልኽ ዝመልሱልና፡ ዝቕጽዩና፡ ዘሰልከዩ ና፡ ዝወቕዑና፡ ጻብእትታት ብዙሓት ሓያላት ኣለዉ፡፡ ገሊኣም ገንዘቦ ም ስለ ዝበዝሐ፡ ገሊኣም ሻራኣም ስለ <u>ዝመንገዮ</u>፡ ገሊኣም ስልማን ስለ

ዝሓዙ፣ ገሊኦም ብረትን ዱላን ስለ ዘለዎም፣ ገሊኦም በላሕቲ ሰብ ስያሳ ስለ ዝኾኑ፣ ገሊኦም ብጌጽን ዓላን ዓለም ሰብ ስለ ዝምስጡ፣ . . . ወዘተ፣ ነቲ ውሑድ ኣምላኽ ጀሰ ክርስትያን ከንብርዎ ዝኽተቱ እዮም።። ስለዚ እዚ ካልኣይ ደረጃ ናይ ምስ ኣምላኽ ምምልላስን ሕብረት ኣሕዋት ምህ ናጽን ናይ ነዊሕ ቃልሲ ጉዕዞ እዩ።። ኣብዚ ደረጃ እዚ ኻለ ክርስትያን ዝብሃል ቦታ የብሉን።። ከም ነፋሒቶ ንከሽባኢ መሲሉ ዝነብር ማእከላ ይ መርገጽ ዝሜላኡ ክርስትያን ቦታ የብሉን።።

እቲ ምስ የሱስ ክርስቶስ ዝመላለስ ኣማኒ ውሑድ ኣምላኽ ጥራይ ዘ ይኮነስ፣ ብርቱዕ ተጋዳላይ ኣምላኽ ክኸውን ናይ ግድን እዩ።። መራሕ ሰ ልፍናን ኣርኣያናን ከኣ እቲ መትከሉ ዘነጸረ የሱስ ክርስቶስ እዩ።። ቤተ ክርስትያን ኣመንቲ ኣይወሓዱዋን።። ተጋደልታ ግና ቀጻጣሮ ምኺኖም የ ሕዝን።። ክልተ ቢልዮን ምእመናን ክርስትያናት ኣለዉ ኣብዛ ዓለም።። ካ ብዚኣቶም ክንደይ ናይ ብሓቂ ተጋደልቲ ክርስቶስ እዮም?

1.3 ኣንብዝ ናይ ክርስቶስ ብዓወት ይልለዩ።። የሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛ ሙርቱ '... ኣጆኹም፣ ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ...' ኢሉ ተሰናቢቱዎም።። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዕላማ ንየሱስ ክርስቶስ ናብዛ ዓለም ዘምጽኣ ድማ '... ግብሪ ድያብሎስ ምእንቲ ኼፍርስ ኢሉ እዩ ነዚ እተገልጸ' ይብለና ዮሃን ስ።። እምብኣርከስ ተጋደልቲ ክርስቶስ እተረጋገጸ ዓወት ናትና እዩ።። ሽቶ ና ክንሃርምን ተቓሊስና ክንዕወትን ድማ ብሰለስተ መንገድታት ዕጡቓት ክንከውን ሃዋርያ ዮሃንስ ይምህረና።።

ሀ. ብርቱዓት ብምኺን ንዕወት! ብርታዐና ንጹር መለዮና እዩ።።

ሀ.1 ምብርታዕ ብመንፈስ ኣድላዪ እዩ።። ምስ ኣምላኹ ክንመላለስን ሕብረት ኣሕዋት ክንሃንጽን ዕላማ ኣሎና።። ግናኸ ዘየግብሩና ሕሱማት ተቓወምቲ ብብዝሒ ክም ዘለዉና ድሮ ተኣሚቱ ኣሎ።። ስለዚ ናይ ግድ ን ብርቱዓትን ተጋደልትን ዕጡቓትን ብምኺን ክንዳሎ ይግባእ።።

ሀ.2. ባህሪ መንፈሳዊ ብርታዐ።። እቲ በኹሪ ቃል ግሪኽ ናብ ትግ ርኛ ብርቱዓት ተተርጕሙ ዘሎ ዚእምቶ ዘተሓሳስብ ስእሊ ኣለዎ።። ተቓ ሊሱ ዘሕምኽ፣ ንዘጋጥሞ ብእኹል ዓቕሚ ተቕሪቡ ዝጸንሕ፣ ብሃንደበት ከይዝንጋዕ ወትሩ ንቑሕ፣ ብመሰሓትቲ ከይድለል ኣእምሮኡ ብሩህ፣ ብፈ ተናታትን መከራታትን ከይድቂስ፣ ከይፍንጠር ድማ ምኩት ተቓላሲ ም ኺኑ የስምዕ።። እዚ መንፈሳዊ ብርታዐ፣ ውሽጣዊ ኮነታት ናይ ልብን ኣ ተሓሳስባን መንፈሳዊ መዓንጣን ናይ እቲ ኣማኒ የመልክት።። መንፈሳዊ ብርታዐ ወሳኒ እዩ።። (ሮሜ ፡8፡31-39 ንኣብነት ተመልከቱ)።።

ቃልሲ ናይ ዳንኤል፣ ቃልሲ ናይ ዮሴፍ፣ ቃልሲ ናይ ሩት፣ ... ወዘ ተ፣ ዘክር።። ጳውሎስ፣ ንኣብነት፣ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ክምዚ ኢሉ ይምስክ ር፣ 'ብቲ ሓደሊ ዚህበኒ ንኹሉ እኽእሎ እየ።።' ዕጡቕ እዩ ነይሩ።። ኮሳ ትና ድማ ክምኡ ንኹን።። ፊሊ. 4፡13።።

ዮሃንስ ዝዛረበሉ ዘሎ ብርታዐ መንፈሳዊ እዩ።። ብረታዊ፣ ፖሊቲካዊ፣ ናይ ግሊ መንፍዓት፣ ናይ ሻራኻ ምብርታዕ፣ ናይ ገንዘብ፣ ናይ ፍልጠት ናይ ጉልበት... ወዘተ፣ ኣይኮነንን።። ክም ብርታዐ ናይ የሱስ ክርስቶስ እዩ፣ ብርታዐ ብመንፈስ ቅዱስ፣ ብእምነት፣ ብሓቂ፣ ብፍቐሪ፣ ብጽድቂ፣ ብኣገል ግሎት፣ ብትዕግስቲ፣ ብለውሃት፣ ብሓጐስ፣ ብህድኣት፣ ብተስፋ፣ ብተመስገ ን ምባል፣ ብህድኣት፣ ... ወዘተ፣ ዓወት ይጭብጥ።። ክም የሱስ ክርስቶስ ብመስቀል ከይተረፈ ዓቢ ዓወት ይዕወት።። መስቀል መሪር እዩ፣ ምስጢሩ ንዝፈልጡም ግና ናብ ዓቢ ዓወት የእትዎም።።

ንሕና ኣመንቲ ንመንፈሳዊ ውግእ እንታይ ምኺኑ ስለ ዘይንፈልጠን፣ ብውሽጥና ክም ግቡእ ብርቱዓት ስለ ዘይኰንና፣ ኣብ ክንዲ መንፈሳውስ ስጋዊ ቃልስታት፣ ብስም የሱስ ክርስቶስ፣ ብስም ቤተ ክርስትያን ክነካይድ ንርእ።። ክምቶም ዓለማውያን ንረብሓ፣ ንስልጣን፣ ንሻራ፣ ንምቾት መነባብ ሮ፣ ንሽም ክንቃለስ ንርእ።። ንቤተ ክርስትያንን ስም ክርስቶስን ንሽፋን ንጥቀመሉም።። ወይለናን! ወይለና!

ሀ.3. ብርታዐና ዝገሃደሉን መመሊስና እናበርታዕና እንላደየሉን ዕድ ላት ወትሩ ምሳና እዩ።።

- ሕብረት ኣሕዋት ክንሃንጽ ክንቃለስ ዕድል ምሳና እዩ።።
- ብምስታፍ ኣብ ኣምልኮ ኣመንቲ ክንድልድልን ክንሃንጽን።።
- ብኣገልግሎት (ብድያቆንነት) ኣብ ቤተ ክርስትያን ክንብርትዕ።።
- ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል ዝግበር ብዙሕ ጽዓታት ክንሳተፍ።።
- ብግሊ ኮነ ብስም ማሕበር ብምልጋስ ንሸኑራት ክነርሁ።።
- ኣብ ዘጋጠሙና ፈተናታት ክንዕወት ክንምክት።።
- ብፍቐርን ብሓቅን ብቕድስናን ኣርኣያ ክርስቶስ ክንከውን።።
- ኣብ ሓዳርና ኣብ ክንዲ ጸልማትሲ ኣድሃ ክርስቶስ ክንተክል።።
- ንግፍዕታት ብክርስቶሳዊ መንገዲ ንምቅዋም ክንስለፍ።። ኣባይ ኣ ይበጽሐን ኢልና ሱቕ ብዘይምባል ክንቃለስ።።
- መንፈሳዊ ህይወትና ብጸሎት፣ ብጾም፣ ብቓል ኣምላኽ፣ ብመገሙ ር ብኣምልኮ ... ወዘተ፣ ክንኮስኮስ።።

ኣብዚታት ክዕጠቕ ዘይደሊ ኣማኒ ብርቱዕ ኣይከውንን።። ካብ ውትህ ድርና ክም ዝሃድም ተጋዳላይ እዩ።። ብርታዐ ብዘይ መንፍዓሳዊ ኣገልግ ሎትን ቃልስን ኣይርከብን እዩ።።

ለ. ብርቱዓት እንኽውን ብቓል ኣምላኽ እዩ።። ነዞም ብርቱዓት፣ ሃዋር ያ ዮሃንስ፣ 'ኣቱም ኣንብዝ፣ ብርቱዓት ስለ ዝኾንኩምን ቃል ኣምላኽ ኣ ባኻትኩም ይነብር ስለ ዘሎን' ይብሎም።። ሓደ ካብቲ ዋና ምንጪ ናይ መንፈሳዊ ብርታዐ ቃል ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ግቡእ ቦታኡ ምስ ዝህል ው እዩ።። ቃል ኣምላኽ ኣባኻትኩም 'ይነብር' ማለት፣

ለ.1 ንቓል ኣምላኽ ይፈትውዎ ነይሮም ማለት እዩ። ፍቐሪ መጽሓፍ ቅዱስ ኣለዎም። (ኣብነት ናይ ዳዊት ንርኣ፣ መዝ 1፡1-2፣ 19፡7-14)

ለ.2 ይርድኣዎ። ወትሩ ስለ ዘንብብዎን ዝምሃርዎን ዝምርምርዎን ሰፊሕ ፍልጠትን ጽቡቕ ምርዳእን ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣለዎም። ከም <u>ልቕሚጸ</u> ወይ <u>ጥዓሞት</u> ዘይኮነስ ብኣገባብ ዘወትር፣ ምዱብ ጊዜ ወሲዶም ቃል ኣምላኽ ይምገቡ።

ለ.3. የዘውትርዎ። ይፈትውዎን ይፈልጥዎን ጥራይ ዘይኮነስ ምሉእ ህይወቶም ብቓል ኣምላኽ ይምራሕ። ሓሳባቶም ብቓሉ ይጸሪ። ክርክሮም ብዛዕባ ሓጥያትን ጽድቅን ብባህሊ ወይስ ከም ዝመስለሙ ዘይኮነስ ብቓል ኣምላኽ ይውስንዎ። ኣብ ጽንኩር ኵነታት ብቓል ኣምላኽ ይጸናን ዉን የጸናንዉን። ኣብ ፈተናታት ናይ ዓወት መሳርያኡም እዩ። ስለዚ እዩ የሃንስ 'ቃል ኣምላኽ ኣባኻትኩም ይነብር' ዝበለሙ።

ለ.4. ይኽስተለሙ። ልዕሊ ኣእምሮ ሰብ ዝኾኑ ምስጢራት ከም እኒ ስላሴ፣ ህይወት ድሕሪ ሞት፣ ትንሳኤ፣ መንግስተ ሰማያት፣ ናይ ዘለኣለም ህይወት፣ መላእኽቲ፣ ካልኣይ ልደት፣ ቅድስና፣ ጸሎት፣ ጾም፣ ምምላስ የሱስ ክርስቶስ፣ መወዳእታ ዓለም፣ ሰይጣን፣ ኣጋንንቲ፣ ገሃነም፣ ብዛዕባ እቲ ተፈላለዩ ሃይማኖታት ... ወዘተ፣ ልዕሊ ባህርያዊ ምርዳእ እዮም። ግናኸ እቲ ብቓል ኣምላኽ ዝበሰለ ሰብ ብዛዕባ መንፈሳውያን ምስጢራት ብቓል ኣምላኽ ስለ ዝኽሰቱሉ ምርዳእን ፍልጠትን ይረክብ።

2. ኣንብዝ ክርስቶስ 'ነቲ እኩይ' ይስዕርዎ።

ሰዓብቲ ክርስቶስ ዘጋጥሞም ቃልስታትን መሰናክላትን ብዙሕን በብዓ ይነቱን እዩ። ብዝኾነ መልክዕ ይምጻእ ናይ ኩሉ ጻብኣትታትን ሕሰማትን መዋደዲኡን ምንጩን ሓደ ወደረኛ ኣሎ። ንሱ ድማ 'እቲ እኩይ' እዩ ይብለና ዮሃንስ። መን እዩ እዚ 'እኩይ' ክሳዕ ክንድዚ ሓይሊ ዘለዎ፣ ግናኸ ኣንብዝ ክርስቶስ ዝዕወትሉ?

እቲ ምስ ኣምላኽ ዝመላለስ፣ ሕብረት ኣሕዋት ዝሃንጽ፣ ብመንፈስ ብርቱዕ ዝኾነ፣ ቃል ኣምላኽ ክኣ ኣብኡ ዝነብር ኣማኒ ግና 'ነቲ እኩይ' ይስዕር።

2.1 <u>መንዩ 'እቲ እኩይ'</u>? 'እቲ እኩይ' ሓደ ካብቲ ብዙሕ ስማት ናይ ሰይጣን እዩ። ብእብራይስጢ ሰይጣን፣ ብግሪኽ ክኣ ድያብሎስ መጸውዒኡ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዕስራ ንላዕሊ መጸውዒታት ኣለዉዎ። ነፍስ ወከፍ ድማ ፍሉይ ሓበሬታ ብዛዕባ ሰይጣን ይህበና። ብዛዕባ ሰይጣንን ክፉኣት መናፍስቲን፣ ኮላቶም ሰዓብቲን ክብሃል ዝከኣል ብዙሕ ኣሎ። ኣሕጺርና ጥራይ ነስተብህለሉ። ነቲ ኣማኒ 'እቲ እኩይ' ባዕሉን፣ ኣጋንንቱን፣ መሳርያ ናቱ ዝኾኑ ሰባትን ከጥፍእዎ ዓጢቕዎሉ ኣለዉ። እቲ ብቓል ኣምላኽ ዝለበመ ኣማኒ ነዚ ይፈልጦ እዩ። ስለዚ ክርስቶስ

ኣሚኑ፣ ዓወቱ ኣቕዲሙ ኣረጋጊጹ፣ መኪቱ ድኣ ይገጥም እምበር <u>ኣይብር ግግን</u>።

መጽሓፍ ቅዱስ ድያብሎስ፣ ሰይጣን፣ ተጻራሪ፣ ክሳሲ፣ ሓሳዊ፣ ብኢል ዚቡል፣ ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ፣ ኣምላኽ እዛ ዓለም እዚኣ፣ ሓለቓ ስልጣን ኣየር፣ ዝጓዝም ኣንበሳ፣ ንርእሱ ንመልኣኽ ብርሃን ዘምስል፣ እቲ ክፉእ ... ወዘተ፣ ብዝብሉ እተፈላለዩ ቃላት ይሰምዮ። እዚኣቶምን ካልኦትን መንነት ናይ ሰይጣን ክነለሊ ዘለብሙና ስማት እዮም።

ህዝቢ ዓለም እናተፋረና ቑጽርና ሽዱሽተ ቢልዮን ተገማጊሙ ኣሎ። ድያብሎስን ኣጋንንቱንስ ብዝሓም ክንደይ ይኸውን? መጽሓፍ ቅዱስ ኣዝዮም ብዙሓት ምኽኖም ድኣ እምበር ቑጽሮም ኣይነግረናን እዩ። ክንግምትዶ ግን ንኽእል? እቶም ነቲ ሓደ ሕሙም ወራሰምዎ ዝነበሩ ክፉኣት መናፍስቲ ብዝሓም ክነግሩ ክለዉ፣ ለጌዎን፣ ማለት ሽዱሽተ ሽሕ ኣጋንንቲ ምንባሮም ይነግረና። ስለዚ ማዕረ ሰላሳን ሽዱሽተን ትሪል ዮን ኣጋንንቲዶ ክህልዉ ይኽእሉ?

(6,000,000,000 ሰባት X 6000 ኣጋንንቲ ንሓደ ካብ ገጠሙሉ = 36,000,000,000,000,000 ትሪልዮን ኣጋንንቲዶ ይህልዉ?) ነዚኣም፣ ቑጽሪ ናይቶም ንሰይጣን ዝስዕቡ ሰባት ክኣ ንደምረሉ። እቲ ሰዓብ ክርስቶስ ምስ እዚኣቶም ገጢሙስ ክወጸዶ እዩ? እወ፣ '... ኣቱም ኣንብዝ፣ ነቲ እኩይ ስዒርኩምዎ ኢኹም' ይብል ዮሃንስ ደጋጊሙ።

2.2 <u>ዕላማ እቲ እኩይ</u>። ኣቢላ ኣቢላ ሓንቲ እያ ዕላማኡ። ንሕና ካብ ኣምላኽ ከም እንርሕቕ፣ ዕላማ ክርስቶስ ከም ዚፈርስ ምግባር እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝሕብረና ክኣ ንጊዝኡ ዚሰልጠ ዘሎ ይመስል። ስለዚ'ውን እዩ 'ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ'፣ 'ኣምላኽ እዛ ዓለም እዚኣ' ዝብል መለዮ ተዋሂቡዎ ዘሎ ብመጽሓፍ ቅዱስ። ዮሃ 12፡31፣ 2ይ ቆሪ 4፣ 4 ተመልከቱ። ዮሃንስ ኣብ 5፡9 ከምዚ ኢሉ ይእመነሉ፣ 'ብዘላ ዓለም ውን በቲ እኩይ ተታሒዛ ምህላዋ ንፈልጥ ኢና።'

ሰይጣንውን ነዚ ጊዝያዊ ዓዉቱ ንዲማ ጭቡጥ መሲሉም ክፍክር ክሎ ኣብ ማቴ 4፡8-9፣ ሉቃ 4፡5-7 ኣንብቡዎ። ሰይጣን፣ ይትረፍዶ ንድኹማት ሰባት ንየሱስ ክርስቶስ ከይተረፈ ደፊሩ ከም ዝፈተኖ ንዘክር፣ንኣናውን ኣየከናሕስየልናን እዩ። ዓጢቕና ጥራይ ንጽንሓዮ።

2.3 ሜላታቱ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብነታት እናሃበ ሰይጣን ዝጥቀመሉም ሜላታት ክንፈልጠም ይምህረና። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣጽንዒም ነይሩ፣ ስለዚ ኣብ 2ይ ቆሪ 2፡11 ከምዚ ይብል፣ '... ሰይጣን ከይብለጸልና <u>ውዲ</u>ቱ ኣይንስሕቶን ኢና እሞ ...'። ሜላታቱ እተፈላለዩን ማእለያ ዘይብሉ

ምን ምኽኖም ንገንዘበ። እዞም ዝኽተሉ፣ ሰይጣን ነቲ ኣማኒ ንምጥቃዕ ዝጥቀመሎም ሒደት ሜላታቱ እዮም።

- ምስትውዓልካ የሐብል። ነቲ ኣንጻር ኣምላኽ ዝኽሉ ሓሶት ከም ሓቂ፣ ነቲ ሕማቕ ከም ጽቡቕ ጌርካ ንከኽትርኢ ይፍትነካ።
- ይድህለካ። ብፍርሂ፣ ብሰይጣን ዝማረኹ ታእላው የብሉምን።
- ብዓለም ይምስጠካ። ቀይዲ በተኽ ደስታን ዓላን ይኽፍተልካ።
- የጻብዕልካ። ከም ኣፍ ዕንቊ ኣጻቢቡ ዘይትደልዮን ዘይትኣምነሉን ስጉምቲ ክትወስድ ትፍተን።
- ምስትውዓልካ የዕውር። ነቲ ናይ ኣምላኽ ነገራት ኣብ ምስትውዓልካ ምእንቲ ከይሰፍር ንልብኻን ኣእምሮኽን ኣትራሩ ከም ኣብ ከውሒ እተዘርኣ ይገብሮ።
- ቃል ኣምላኽ ካብ ልቢ ይምንጥል። ጥርጥር የሕድረልካ፣ ይፍን ጥረካ፣ የዐሽቀካ፣ የዋቕዓካ፣ የደናግረካ፣ ይድርዕመካ፣ የሀርፈካ፣ ስዲ ይሰደካ፣ ኣምሰሉ ይገብረካ፣ መሻረዊ ይገብረካ።
- ንሰባት ክፍትኖም ጥራይ ዘይኮነስ ኣብኣም ክሰፍር ይፍትን።

ዝርዝር ሰይጣን ዝጥቀመሎም ሜላታት መወዳእታ የብሉምን። ናይ ነፍስ ወከፍ ሜላ መረዳእታ ድማ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ኣሎና። እቲ ብጸጋ ኣምላኽ ዝደልደለ ሰብ ድማ ምስ መን ይገጥም ከም ዘሎን ብዛዕባ ሜላታቱን ርዱእን ድሉውን ስለ ዝኽኑን፣ ልዕሊ ኩሉ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ምስኡ ስለ ዘሎ በቲ 'እኩይ' ኣይርዕድን።

3. ዕቱብ ተጋዳላይ ክርስቶስ፣

ኣንጻር ሰይጣንን ኣጋንንቱን ዓለምን ይገጥም ከም ዘሎ ርዱእ እዩ። መን ምስኡ ከም ዘሎ ይፈልጥ። ስላሴ ባዕሎም፣ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምስኡ ከም ዘለዉ ይፈልጥ። ስለዚ ተቢዑን ዓጢቑን ድኣ ይጸንሕ እምበር፣ ኣይብርግግን፣ ኣይታለልን፣ ኣይሰልልን ኣይስነፍን እዩ።

- መንፈስ ቅዱስ ኣብኡ ሓዲሩ ብብርታዐ ክርስቶስ የኽትቶ።
- ብቓል ኣምላኽ ተመሊኡን ተሳሒሉን ተዓጢቑ ይጸንሕ።
- ብእምነት፣ ብጽድቂ፣ ብሕብረት ኣሕዋት ይዕጠቕን ይዕወትን።
- ብጸሎት፣ ብጾም፣ ብተስፋ ይጋደልን ይዕወትን።
- ብታሪኽ ይዕወት። ኣሰር ክርስቶስን ናይ ኩሎም ጀጋኑ ናይ እምነትን ኣሰርን ይኽተል።
- ብውህበታት ጸጋ ይዕወት። ኣምላኽ ግበሩ ጥራይ ዘይኮነስ ዘኽእል ውህበታት ጸጋ ብሽሻይ ኣዳልዩሉ ከም ዘሎ ይፈልጥ።

ዓወት ናይ ክርስቶስን ሰዓብቱን እዩ!

ሕቶታትን ዝርርብን

ምዕባይ ብጸጋ ኣምላኽ፣

1. ነቲ ካልኣይ ደረጃ ናይ ምዕባይ ብጸጋ ኣምላኽ፣
   ሀ. ስመዮ።
   ለ. ካብቲ ቀዳማይ ደርጃ ብምንታይ ይፍለ?
   ሐ. ነዚ ካልኣይ ደረጃ፣ ኣድላዪ ዝገብርዎ ምኽንያታት ኣሰላስሉ።

2. ኣብዚ ደረጃ እዚ ዝኣተዉ ሰዓብቲ ክርስቶስ፣
   ሀ. ብምንታይ ይልለዩ?
   ለ. ብርቱዓት እዮም ኪብል ከሉ እንታይ ማለቱ እዩ?
   ሐ. ከመይ ገይሮም ኣዮም ብቓል ኣምላኽ ብርቱዓት ዝኾኑ?

3. 'ኣንብዝ' ብኽርስቶስ ዝስዕርዎ ኣካል፣
   ሀ. ብዛዕባ መንነቱ ተዛተየሉ።
   ለ. ብዛዕባ ዕላማታቱ ተዛተዛ
   ሐ. ብዛዕባ ሜላታቱ ተዛተዛ

4. ኣበይ ኣለኹ ትብል ብዛዕባ መንፈሳዊ ኮነታትካ?
   ሀ. ተጋዳላይ ክርስቶስ እየዶ ምበልካ?
   ለ. ኻለ ክርስቶስ እየዶ ምበልካ?

መበል ዓሰርተው ሓደ ትምህርቲ
6ይ መፈለጥታ ናይ ምዕባይ ብጸጋ
3. ብስለት ብጸጋ ኣምላኽ

መእተዊ

ዋና ትምህርቲ ናይ ቀዳማይ መልእኽቲ ዮሃንስ ብዛዕባ ሕብረትና ምስ ኣምላኽን ሕብረት ሓድሕድና ከም ኣመንትን እዩ።

1. ኣብ ራብዓይ፣ ሓሙሻይ፣ ሻዱሻይ ትምህርትና ብዛዕባ መሰረት ሕብረትና ተማሂርና።
2. ኣብ ሻቡዓይ ትምህርቲ፣ ድሕሪ መሰረትክ ዝብል ሕቶ ኣልዒልና፣ ኣብ ሻቡዓይ፣ ሻሙናይ፣ ታሽዓይ፣ ዓሰራይ ትምህርትታትና ድማ መልሱ ተማሂርናዮ። ክሳዕ መበል ዓሰርተ ሸዱሽተ ትምህርትና ድማ መልስና ይቕጽል።
3. ሕጂ ኑቲ ሳልሳይ ደረጃ ናይ ብጸጋ ክርስቶስ ምዕባይ 'ብስለት ብጸጋ ኣምላኽ' ዚብል መልሲ ክንስተብህለሉ ኢና።

ቀንዲ ሓሳባት

መንፈሳዊ ብስለት፣ እቲ ሳልሳይን ዝለዓለን ደረጃ ናይ ምዕባይ ብጸጋ ኣምላኽ እዩ። ነዚ ደረጃ፣ መዛዘሚ ዝኾነ፣ እምብኣር ንምሃሮ።

እንተኮረሉ ክፍሊ ጽሑፍ

13. ኣቱም ኣቦታት፣ ኑቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ ፈሊጥኩምዎ ኢኹም እሞ፣ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ ...

14. ኣቱም ኣቦታት፣ ኑቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ ፈሊጥኩምዎ ኢኹም እሞ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ።

ዓይኑ-ንስሪ

1. ዝለዓለ ደረጃ ናይ ምዕባይ ብጸጋ፣ 'ብኣቦታት' ዚብል ቃል ተሓቢሩ ኣሎ፣
   1.1 እዚ ስለምንታይ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ምዕባይ ይኸውን?
   1.2 እዚ ደረጃ እዚ ንነፍስ ወከፍ ኣማኒዶ እዩ?
   1.3 ሓበርቲ ቃላት ነዚ ደረጃ እዚ መለለዩ ዝኾኑና

2. 'ኣቦታት' ዚብል ቃል ዝሕብሮ ትምህርትን መልእኽትን፣
   2.1 ኣቦታት ናይ መዋእል ዘይኮነስ ናይ ጸጋ ዕድመ ይሕብር።
   2.2 ብኣተሓሳስባን ብልብን ብጠባይን ንክርስቶስ ምምሳል እዩ።
   2.3 መንፈሳውያን ወለዲ ምኻን እዩ።
   2.4 መንፈሳውያን መዕበይቲ ምኻን እዩ።
   2.5 መንፈሳውያን መውረስቲ ምኻን እዩ።

3. ነቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ ብኣእምሮን ተመክሮን ምፍላጥ ምልክት ናይ መንፈሳዊ ብስለት እዩ።
   3.1 <u>ዝጸንሐ</u> ፍልጠት ናይቶም ብጸጋ ዝበሰሉ ይሕብር።
   3.2 መንዩ እዚ ካብ መጀመርታ ዝነበረ? ንእኡ ከምዚ ኣተባህለ ጌርካ ምፍላጡኽ እንታይ ማለት እዩ?
      (ሀ) ክርስቶስ ዘለኣለማዊ ምኻኑ ምልላይ።
      (ለ) ክርስቶስ ታሪኻዊ ምኻኑ ምልላይ።
      (ሐ) መዘና ዘይብሉ ደምዳሚ ፍልጠት እዩ።
   3.3 ኣብነት ናይ ኣብዚ ዝበጽሑ ኣመንቲ።

ትንታኔ

1. ዝለዓለ ደረጃ ናይ ምዕባይ ብጸጋ።

ዮሃንስ፣ በብደረጃኡ ምዕባይ ብጸጋ ከም ዘለሙ ክንርዳእ ብምስላ፣ ቁልዑ፣ ኣጓብዝ፣ ኣቦታት እናበለ ምዂሩና። በቲ ባህራዊ ደረጃ ኣቦ ምኻን እቲ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ምዕባይ እዩ። ከምኡ ድማ ኣብቲ መንፈሳዊ ምስጢር።

1.1 እዚ ደረጃ እዚ ዝዓበየ ምኽኑ ሃዋርያ ዮሃንስ በቲ ነዚ ደረጃ እዚ ነቲ 'ኣቦታት' ዚብል ዚህቦ ስምን በቲ ንእኡ ዘሰንዮ መለለዪ ጠባያትን ይሕብረልና። ቀጺልና ኼንዝትየሉ ኢና።

1.2 እዚ ሳልሳይ ደረጃ ንነፍስ ወከፍ ኣማኒዶ እዩ? ቃል ኣምላኽ ከም ዘብርሆ ብትኽ ዝበለ መልሱ፣ እወ እዩ። ስለዚ፣ ኣንባቢ እዚ ደረጃ እዚ ንኣይ ድማ ይምልከተኒ እዩ ኢልካ እናኣቕለብካ ኣስተብህለሉ። ሃዋርያ ዮሃንስ ብምስላኡ ዝምሃረና፣ እናተሳገርና ኣብቲ ዝለዓለ ክንበጽሕ ከም ዝኽኑ ሓበራታኡ ኣይንስሓቶ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ ኣብ ኤፌሶን 4፡11-16 ኣብቲ ህይወትና ንሕብረትናን ክርኤ ዝግብኦ ምዕባይ ብዛዕባ እዚ ዝለዓለ እንዛረበሉ ዘሎና ደረጃን ከምዚ ይብል፣

> ነቦላትና ናብ ሕብረት እምነት፣ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፣ ናብ እኹል ሰብኣይ፣ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ክሳዕ እንበጽሕ ... ምሉኣት ምእንቲ ኪኽኑ ... ቁልዑት ምእንቲ ከይንኸውንሲ ... ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ ... ።

1.3 ነዚ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ምዕባይ ብጸጋ ሃዋርያ ዮሃንስ 'አቦታት' ኢሉ ይሰምዮ። ጳውሎስ ድማ 'ሕብረት እምነት፣ ፍልጠት ወዲ አምላኽ፣ እኹል ሰብኣይ፣ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ፣ ምሉእት' እናበለ ብብዙሕ መልክዕ የብርሆ። ናይዚ ብስለት ብጸጋ አምላኽ መለለዩ ባህሪ ክእ ሃዋርያ የሃንስ 'ኑቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ' ምፍላጥ ምኻኑ የመልክተልና።

2. 'አቦታት' ዚብል ቃል ዚሕብሮ ትምህርትን ዘተሓላልፎ መልእኽትን።

2.1 'አቦታት' ዚብል ቃል ናይ ጸጋ ዕድመ ድኣ እምበር ናይ ግድን ናይ ዓመታት ዕድመ ኣይሕብርን። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ብዕድመ ደፊእም ክነሶም ብመንፈሳዊ ምርድኣምን ጠባያቶምን ከም ዝግብኦም ንዘይስ ጉሙ እናነቐፈ ይጠቕሶም። ካብ ደረጃ ቍልዕነት ንዘይተሳገሩ ዓበይቲ፣ ጳውሎስ ኣብ እብ 5፡11-14 ዚነቕፎም ተመልከቱ።

በቲ ሓደ ድማ ከም ብዓል ሩት፣ ማርያም፣ ዮሴፍ፣ ዳንኤል፣ ዳዊት ... ወዘተ፣ ኣለዉ። እዚኣቶም ብዕድመ ገና ዘይደፍኡ ክነሶምሲ ብስለት ናይ ጸጋ ኣብቲ ህይወቶም ይርእ። እዚኣቶም ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ ኣብ ደረጃ ናይ 'አቦታት' ኣለዉ። ዳዊት ኣብዚ ደረጃ እዚ ከም ዝኣተወ ተፈ ሊጡም ዝህቦ ምስክር ኣብ መዝ 119፡97-104 ኣንብቡም።

2.2 'አቦታት' ዚብል ምስጢር እቲ <u>ዝሰዓሰ ደረጃ</u> ናይ መንፈሳዊ ህይወት የመልክት። ንሱ ድማ ኣረኣእያኡ እናተኽተልና ንክርስቶስ ምምሳል እዩ፣ የሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ፣ ኣብ ዮሃ 14፡9ለ ከምዚ ይብል፣ 'እቲ ንኣይ ዝረኣየ ነቦ ረኣየ።' ንክርስቶስ ምምሳል ድማ ንእግዚኣብሄር እምላኽ ምምሳል እዩ። ንሰላሴ ክንጠቅስ ከሎና፣ ኣቦ ዚብል ስም ንእግዚኣብሄር እንህቦ መለለዩ እዩ። ስለዚ ንክርስቶስ ምምሳል ንእግዚኣብሄር ኣቦና ምምሳል እዩ። ኣብዚ ደረጃ እዚ ምብጻሕ ኣዝዩ ዓቢ፣ ግርማዊ፣ ብሩኽ ህይወት እዩ። እምበኣርከስ ንክርስቶስ ምስዓብ ኣንቂድና ዝነቐልና ኣተኮሮ ህይወትና 'ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ' ክንኣቱ ይኹን። ሃዋርያ ጳውሎስ ዕላማኡ ንሱ እዩ ነይሩ። ከምዚ ድማ ይብል፣ 'ከምቲ ኣነ ንክርስቶስ ዝመስሎ ዘሎኹ፣ ንስኻትኩም ንኣይ ምስሉ።' '1ይ ቈሮ 11፡1።

2.3 'አቦታት' <u>ወሰዲ እዮም</u>። ዘይወለደ ኣቦ ኣይብሃልን። ዘይወለደት ኣደ ኣይትብሃልን። ውሉድ ካብ ሕብረት ሰብኣይን ሰበይትን ይመጹ። ናይ ፍቕሪ መስተንክራዊ ፍረ እዮም። ከምኡ ድማ ብመንፈሳዊ ምስጢር፣ 'አቦታት' ንሰባት ናብ ክርስቶስ፣ ናብ መንፈሳዊ ሓዲሽ ልደት የብጽሑ። ንሕናኸ ሳላ ምስክርና፣ ሳላ ምግዳስና፣ ሳላ ፍቕርና ሓዲሽ ህይወት ብክርስቶስ ዝረኸቡ ከንደይ ኮን ንኸኸውን? ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ መኻን ኣማኒ ክህሉስ ፍቓድ ኣምላኽዶ እዩ?

መደብ ናይ የሱስ ክርስቶስ ንክኹሉም ደቀ መዛሙርቱ ዝኹንና ሰ ዓብቱ ክንከውን ጥራይ ኣይኮነን። ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ፣ መንፈሳውያን ውላድ ዝወልዱ ክንከውን እዩ። ዮሃ 15፡16 ከምዚ ይብል፣ ' ... ከትኸዱ ን ፍረ ኽትፈርዩን ፍሬኹምውን ነባሪ ኪኸውን፣ ... ነዚ መደብኩኹም።' ሰባት ብየሱስ ክርስቶስ ኣሚኖም ናብ ኣምላኽ ዝምለሱ መንፈስ ቅዱስ ኣ ባታቶም ሓዲሩ ተለዊጡም ሓደስቲ ፍጥረት ዝኹኑ ብጽዓት ናይ ሓደ ሰ ብ ጥራይ ኣይኮነን። ሓደ ይሓርስ፣ ሓደ ይዘርእ፣ ካልኣት'ውን ኣብቲ መንፈሳዊ ወፍሪ ገማዲኦም ይገብሩ። ሰባት ድማ ናብ ኣምላኽም ይምለ ሱ። እንታይ ተሳትፎ ኮን ይህልወና፣ ኣምላኽ ዝፈልጦን ዝኣመኖን፣ ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል ምድሓን? ኣቦታትዶ ኢና?

ጳውሎስ ኣብ 1ይ ቈረ 3፡5-9 ብምስላ፣ ንገዛእ ርእሱ ከም ተኻሊን ኣጸሎስ ድማ ከም መስተዪ ማይ፣ ኣምላኽ ድማ ከም ኣብ ፍረ መብጽ ሒ ገይሩ ዝህቦ መረኢ ኣቕልቡሉ።

2.4 ኣቦታት መዕበይቲ እዮም። ኣቦ ምኻን መስቀል እዩ። መስዋእቲ፣ በኻ፣ ትዕግስቲ፣ ፍቕሪ፣ እምነት፣ ተስፋ፣ ሜላ ይሓትት። እተወልደ ብዘይ መዕበዪ ኣቦይ ኪብጽሕ ይኽእል? ወላዲ ራህራሂ። ኣብ ክንዲ ራሕራሒ፣ ኮስኳሲ፣ ኣብ ክንዲ ነጻዪ ሓጇፊ፣ ኣብ ክንዲ ነዳሒ መመስገኒ፣ ኣብ ክ ንዲ ተራጋሚ መራቒ እዩ። ኣምላኽ ብተፈጥሮ እዚ ባህርይ እዚ ስለ ዝኾ ደለና እዩ። እቶም ብስጋ ዝወለድናዮም ውሉድ ኣብ ዝብጻሕ ዝበጽሑ፣ ከምኡ ድማ ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ እቶም 'አቦታት' ነቶም ሓደስቲ ኣመን ቲ እናኾነስኮሰ ኣብ ዝብጻሕ የብጽሑዎም። ከምቲ ንእና ካልኦት ኣብ ዝብጻሕ ዘብጽሑና እንዝክሮም ዘለዉና፣ ሳላ እከላ ኢሎም ብምስጋና ዝዝ ክሩና ዶኾን ይህልዉ? ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ መዕበይቲዶ ኢና? ሃዋርያ ጳውሎስ ከም መዕበዪ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ዝዛረቦ እስከ ኣብ 1ይ ተሰ 2፡7-12ንቕልበሉ።

2.5 ኣቦታት መንፈሳዊ ርስቲ የውርሱ። እዚ ሕጂ ኣባና በጺሑ ዘሎ ወ ንጌል ሳላ እሙናት ሕድሪ ዘሰጋግሩ እዩ። እቶም ቀዳሞት ኣመንቲ ካብ ጉይታና የሱስ ክርስቶስ ተቐቢሎም ከመይ ገይሮም ከም ዘሳገርም ኣብ ግብሪ ሃዋርያትን መልእኽትታትን ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ተመዝጊቡ ንረኽቦ። ብወዝቢ ኣይኮነን ተሳጊሩ። ብራእይ፣ ብመደብ፣ ብሜላታት፣ ብመሰዋእቲ ብጅግንነት፣ ልዕሊ ኩሉ ድማ ብሓገዝ መንፈስ ቅዱስ እዩ ተመሓላሊፉ።

ኣብ ቀዳማይ ዮሃንስ 1፡1-4 ብዛዕባ እቶም ቀዳሞት ኣመንቲ ዝወሰድ ዎ ናይ ምትሕልላፍ ገድሊ ነንብብ። እቶም ቀዳሞት ኣመንቲ ናይ ወንጌ ላዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ መጽሓፍ ቅዱስ ናብ ትግርኛ ብምትርጓ ም ዓቢ ርስቲ ኣውሪሰምና እየም። ዛንታኡ ክንፈልጠ ይግብኣና። ኣብ ኤርትራ እትገብረን ዝግበር ዘሎን ጸዓታት ናይ ምስጋር ወንጌል ክንፈል ጦ ኣድላዪ እዩ።

ሽሻዩ ዝበርክተ ስደት ሰጋኻ አስቢሑ ነፍስኻ አዕቢሩ ከጥፍአካ ሓይ ሲ አለዎ። ባህልኻ ተጥፍአ። ዝኸፍአ ድማ ሽሻዩ ዝበዝሐ አረሜን ይ ገብረካ። አብ ዓዲ ስደትና መንፈሳዊ ርስቲ ንህዝብና ከሳግረሉ መደብ አሎናዶ? ብመንፈሳዊ ብስለት 'አቦታት' ዝኾኑ፣ ወንጌል ብኣታቶም ይሳ ገር ድአ እምበር አባታቶም በጺሑ ቅሂሙ አይተርፍን። አቦታት ብስለት አለዎም። አቦታት እናዓበዩ መመሊሶም ንክርስቶስ ይመስሉ፣ አቦታት መ ንፈሳውያን ወለዲ፣ መንፈሳውያን መዕበይቲ፣ መንፈሳውያን መውረስቲ እ ዮም። አበየናይ ደረጃ አሎ መንፈሳዊ ኮነታትና?

3. ፍልጠት ናይ አቦታት።

ዝለዓለ ደረጃ መንፈሳዊ ብስለት ናይዞም ሰባት በቲ አቦታት ዚብል መለልዪ ቃልን ንሱ ዘተምብሆን አስተብሂልናሉ። ካልኣይ፣ በቲ ፍሉይ ፍልጠቶም ነለልዮም። እዚ ፍሉይ ፍልጠቶም መምርሒ ናይ ሀይወቶም እዩ።

'አቦታት' እንታይ ወይ መን ይፈልጡ? ዮሃንስ፣ 'ነቲ ካብ መጀመር ታ ዝነበረ ፈሊጥኩምዎ ኢኹም' ይብሎም። ክልተ ነገራት ብዛዕባ እቲ ፍልጠቶም ንመልከት።

3.1 <u>ዝጸዓየ ፍልጠት አለዎም</u>። ፍሉይ ፍልጠት አለዎም። ናይ ግድን ብብዝሒ ፍልጠቶም አይኮነን ዝልለዩ <u>ብምጽዓይ</u>፣ ማለት ብምጥርናፉ ድ አ እምበር። ንኹሉ ስፍሓትን ጥልቀትን ፍልጠት ዝበጽሐ ሓደ እኳ የ ልቦን። ፈሊጥና ተባሂልና ዶክቶር ዚብሃል መዓርግ ክንለብስ ከሎና ከም መገዲ ጻጸ ብሓደ፣ ብክልተ ወይስ ብሰለስተ መስመር ኢና እንልስ። ፍ ልጠት ናይ እዞም 'አቦታት' ግና ተሓቑኑ አብ ሓደ፣ ማለት አብ ምፍላ ጥ የሱስ ክርስቶስ ይጽዒ። አቦታት፣ 'እቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ' የሱስ ክርስቶስ ምኻኑ አብ ምርዳእ ይበጽሑ። ማለት አብ የሱስ ክርስቶስ መ ልሲ ናይ ኩሉ ሕቶታት ናይ ሀይወት ይረኽቡ። ኤፌ 4፡11-16፣

3.2 <u>ንየሱስ ክርስቶስ 'ካብ መጀመርታ ዝነበረ' ምኻኑ ብጥልቂ ይፈልጥዎ</u>
በዚ መለኮታዊ ስም ዮሃንስ ደጋጊሙ ንክርስቶስ ይሰምዮ። ዮሃ1፡1 ራእ 1፡8፣ ኢሳ 44፡8 ተመልከቱ። እዞም አቦታት ንየሱስ ክርስቶስ በዚ መገዲ እዚ ምፍላጦምሲ ከመይ ኮይኑ እዩ መልሲ ናይ ኩሉ ሕቶታት ናይ ሀይወት፣ ማለት ዝጸዓየ ምፍላጥ ሓቂ ዝኾነሎም?

ሀ. የሱስ ክርስቶስ ዘለአለማዊ ምኻኑ አብ ምሉእ ምርዳእ ይበጽሑ። የሱስ ክርስቶስ ጊዚን ኮነታትን ዘምጽአ፣ ምናልባሽ ድማ ጊዚን ኮነታት ን ዝስዕሮ መራሒ ከም ዘይኮነ፣ ዘለአለማዊ ድአ እምበር ጊዝያዊ ከም ዘይኮነ አጸቢቹ ተሰቑርዎም። አብቲ ዘልአለምነቱ ክአ መልሲ ውሕስነት ሀልውናአምን በረኽቶምን ይርእዩ። ንድሕሪት እንተ ጠመቱ፣ አብ ናይ

ሕጂ እንተ አስተብሃሉ፣ ናብ መጻኢ እንተ አማዕደዉ ወትሩ የሱስ ክርስ ቶስ መልሲ ናይ ሕቶታቶም ኮይኑ ይረኽብዎ።

ለ. የሱስ ክርስቶስ ታሪኻዊ ምኻኑ ድማ የለልይዎ ማለት እዩ። ንየ ሱስ ክርስቶስ 'ካብ መጀመርታ ዝነበረ' ገይሮም ክፈልጥዎ ከለዉ፣ ዝኸታ ተልዎ ታሪኽ አሎ። መጽሓፍ ቅዱስ ግብርታት እግዚኣብሄር ዘዘንቱ ታ ሪኽ እዩ። አብኡ መስተንክር ግብርታቱ፣ ትንቢታቱ፣ ተኣምራታቱ ኣብዛ ምድርና ተመዝጊቡ አሎ። እንተ ክባርኽ ወይስ ክቕጽዕ አምላኽ ቀረባና ምኻኑ ይምህረና። ክሳዕ ክንደይክ እዩ ዝቕርበና? ስጋ ለቢሱ ክሳዕ ብ ትስብእቲ አብ ማእከልና ተጋሂዱ። ካብ ድንግል ማርያም ተወሊዱ፣ንአና መሲሉ። አብ ማእከልና ብየሱስ ክርስቶስ ወዱ ተረኺቡ፣ በጃና ተሰቒሉ፣ ምእንታና ካብ ምዉታት ተንሲኡ። ናብ ሰማይ ዓሪጉ፣ ማናኽ ወትሩ ብ መንፈስ ቅዱሱ አብ ማእከልና አሎ። እምብኣርከስ 'አቦታት' ብዛዕባ የሱ ስ ክርስቶስ ክልተ በረኽት ዝመልአም ሓቅታት አብ የሱስ ይረኽቡ። ዘለ አለማዊ አምላኽ ምኻኑን ናይ ቀረባ ዝዘለጸ ብጸዮም ምኻኑን ብጥልቂ ይርድኡ።

ሐ. እዚ ናይ 'አቦታት' ተሰምዩ ዘሎ ደረጃ መንፈሳዊ ሀይወት ዝለዓ ለ እዩ። መዘና የብሉን። የሱስ ክርስቶስ ዘለአለማዊ፣ መለኮታዊ፣ ቀረባ ብጸይና፣ ተበጃዊና ምኻኑ ክርድኣና፣ ክንእመኖ፣ አብ ሀይወትና ብተመክ ሮ ክንፈልጦ ዝለዓለ ደረጃ ናይ መንፈሳዊ ሀይወት እዩ። አብ ደረጃ አቦ ታትሲ አቲኻዮዶ አሎኻ፣ አንባቢ? አብኡ ክንኣቱ ተንጊሩና እዩ።

3.3 አብዚ ደረጃ እዚ ዝአተዉ፣ አርአያ ዝኾኑና አመንትሲ ብሓቂዶ ይ ሀልዉ ይኹኑ? እወ አለዉ። አብ ታሪኽ አለዉ። ብዘበንና ከአ አበየ ዓ ዱ አለዉ። አብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሶም እንረኽቦም አለዉ። ክንፈል ጦ፣ ሀይወቶም ከነጽንየ፣ አሰሮም ክንክተል ክንምክትን ክንጋደልን ናይ ነፍስ ወከፍና ሓላፍነት እዩ። ምዕባይ ብጸጋ ናይ ግድን ምኻኑ አብ ል ብና ነእትም። ደረጃታት ከም ዘለዎ ድማ ንጥንዘቦ። ካብ ደረኛ ናብ ደረ ኛ ብጸጋ እናዓበና ናብ ብስለት ናይ 'አቦታት' ክንበጽሕ ግቡእና እዩ። አ ብቲ ቀዳማይ ወይ ካልኣይ ደረጃ በጺሐ አለኹ ኢልና ዓሊብና ከየሳንሖ ን ክንነብር አይተፈቕደልናን። ብተወሳኺ ፊሊ 3፡5-16፣ ማቴ 13፡44፡45 ሮሜ 8፡31-39 አንብቡ።

ሕቶታትን ዝርርብን

1. ሃዋርያ ዮሃንስ፣ ንመንፈሳዊ ብስለት ምግላጽ ዝጥቀመሉ ቃላት ጥቐ ሶም። ብኣታቶም ዘተሓላልፎ ዘሎ ትምህርትን መልእኽትን ግለጸም፣
2. መንፈሳዊ ብስለት ንነፍስ ወከፍ ዝደሓነ ሰብ ምኻኑ አብርሃዮ።
3. 'አቦታት' ዝብል ቃል ሓሙሽተ መንፈሳውያን ምስጢራት ዘጠቓልል ምኻኑ ጠቒስና። ስመዮምን አብርሃዮምን።
4. 'አቦታት' ንየሱስ ክርስቶስ 'ነቲ ካብ መጀመርታ ዚነበረ' ገይሮም ይፈ ልጥዎ።

4.1 በዚ ሰም እዚ ምፍላጦም ብዛዕባኡ እንታይ ምርዳእ ኣሕዲርም ማለት እዩ?

4.2 ሰለምንታይ እዩ ነዚ ፍልጠት እዚ ዝለዓለ እዩ ዝበልናዮ?



መበል ዓሰርተው ክልተ ትምህርቲ
7ይ መፈለጥታ መንፈሳዊ ቃልስታት
1ይ ዓወት ኣብ ልዕሊ ዓለም
1ይ ዮሃ.2፡15-17

መእተዊ

ኣብ ራብዓይ፡ ሓሙሻይ፡ ሻዱሻይ ትምህርትታት ብዛዕባ መሰረት ተዛቲና፡፡ ካብ ሻብዓይ ክሳዕ መበል ዓሰርተ ሓደ ዘሎ ትምህርትታት ከኣ ብዛዕባ ምህናጽን መንፈሳዊ ጕዕዞን ተማሂርና፡፡ ኣብቲ ምህናጽን ጕዕዞን ግና መንፈሳዊ ቃልስታት ከኣ ኣሎ፡፡ 1ይ ዮሃ 2፡15-3፡ 1-24 ብዛዕባ ሰለስተ ዓበይቲ መንፈሳዊ ቃልስታት ይዛረብ፡፡ ነዚ ኣብ መበል ዓሰርተ ክልተ ክሳዕ መበል ዓሰርተ ሸዱሽተ ትምህርትታት፡ ኣብ ሓሙሽተ ከፈልና ክንምሃሮ ኢና፡፡

ቀንዲ ሓሳባት

ኣንጻር ዓለም እንቃለሶን ክንጭብጠ ዝግብኣናን ቀዳማይ ቃልሲ ኣሎና፡፡ ብዛዕባ እዚ ሰለስተ ዓበይቲ ነጥብታት ነስተብህል፡፡

1. ካብ እዛ ቃልሲ እዚኣ ዘምልጥ ኣማኒ የልቦን፡፡
2. ሓደ ክነለልዮ፡ ክንቃለሶ፡ ክንዕወተሉን ዝግብኣና ጸላኢ ንዓለም ምፍቃር እዩ፡፡
3. ስለምንታይስ ነዚ ጸላኢ እዚ፡ መኪትና ብዕቱብ ክንገጥመሉ የድልየና?
4. ሰለስተ ዓበይቲ ሚላታት ንዓለም ክነፍቅር ሰይጣን ዝጥቀመሎም ኣለዉ ክነለልዮምን መኪትና ክንገጥመሎምን ዝግብኣና፡፡

ዓይነ-ንስሪ፡ ቃልስን ዓወትን ኣንጻር ዓለም

1. መን እዩ ኣንጻር ዓለም ክቃለስ ዚግብኦ? ጥቕሲ 15፡፡
   1.1 ነፍስ ወከፍ ኣማኒ፡ ሰዓቢ ክርስቶስ ዚኾነ
   1.2 ኣብነታት ብዓለም እተፈተኑ፡ እተዓወቱን፡ እተፈንጠሩን፡

2. ምፍቃር ንዓለም እንታይ እዩ?
   2.1 ኣቐዲምና እንታይ ኣይኮነን ነስተብህለሉ፡፡

   2.2 እንታይከ እዩ? (ሁ-መ)

3. ብዘይ ማእከላይ መርገጽ ዓቲብና ክንቃለስ ይግብኣና፡፡ ጥ 15፡17
   3.1 ማእከላይ መርገጽን ሰዓብ ክርስቶስ ምኻንን ኣይቕረንን እዩ፡፡
   3.2 ዓለም ሓላፊት ፍቓድ ኣምላኽ ግና ዘለኣለማዊ እዩ፡፡
4. ሰይጣን ዝጥቀመለን ሰለስተ መፈንጠራታት ኣለሊና ክንምክተለን ዝግብኣና፡ ጥ 16፡፡

ትንታኔ

1. <u>መን እዩ ኣንጻር ዓለም ክሽትት ዝግብኦ ኣሚኒ?</u> ዓለም እተናሕየሎ ም ወይስ ኣምላኽ ሸለል ዝብሎም ኣመንቲ ኣለዉዶ? መንፈሳዊ ቃልሲ ዝገጥሙስ ፍሉያት ኣመንቲ ጥራይዶ እዮም?

1.1 ዮሃንስ ኣብ ጥቕሲ 15 ሓቢሩዎ ኣሎ፡፡ 'ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተዉ' ኢሉ ምስ ኣወጀልና ዝወሰኽሉ ቃል ነቕልበሉ፡ም ናልባሽ ነቶም ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ናይ መንፈሳዊ ህይወት ዘለዉ ጥራይ ከይመሰለና 'ሓደ እኳ ንዓለም እንተ ፈተዋ፡ ፍቕሪ ኣቦ የብሉን' ዝብል ክቱት ዘረባ ይውሰኽሉ፡፡ 'ሓደ እኳ' ክብል ከሎ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ሓደ ከይተረፈ ማለቱ እዩ፡፡

ሰዓብቲ ክርስቶስ ዝኾንኩም ኮላትኩም፡ ኣበየናይ ደረጃ ናይ መንፈሳዊ ህይወት ብምህላውካ ብዘይየገድስ ፈተና ናይ ምፍቃር ንዓለም ክመጸኩም ናትና ኢልኩም ተጸበይዎ፡፡

1.2 ምፍቃር ንዓለም፡ ሰይጣን ንነፍስ ወከፍ ሰዓብ ክርስቶስ ዘጸውዶሉ መፈንጠራ እዩ፡፡ ይትረፍዶ ንኣናስ ንየሱስ ክርስቶስ ከይተረፈ ብእኣ ከፍ ንጥሮ ሰይጣን ዘዳለዎ መላርያ ምኻና ንፍለጥ፡፡ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ዮሃ 16፡33 '... ኣጆኹም እነ ንዓለም ስዒረያ እየ' ኢሉ ይምስክር፡፡ ደቀ መዛሙርቱ ብመጻወድያ ዓለም ከይተፈንጠሩ ክዕወቱ፡ የሱስ ዝጸለየሎም ጸሎት ኣብ ዮሃ 17፡14-18 ኣንብቡዎ፡፡

እተን የሱስ ዘጋጠምኦ ሰለስተ ዓበይቲ ፈተናታት ሰይጣን (ማቴ 4፡ 1-11፡ መፈንጠራ ብዛዕባ ንዓለም ምፍቃር እየን ነይረን፡፡ ክምኡ ከኣ ን ምጥፋእ ነፍስ ወከፍ መንፈሳዊ ሰብ ክሽውን ንእተሰለፈ ኣማኒ እተዋደደ ዓቢ መፈንጠራ ድያብሎስ ዝጥቀመሉ፡ ምፍቃር ንዓለም እዩ፡፡

1ይ ዮሃ 4፡4-5፡፡ 5፡4-5፡፡ ሮሚ 8፡31-39 ብዛዕባ ንዓለም ዝሰዓሩዎ ኣመንቲ ብሰፊሑ ይዛረብ፡፡ ካብ ኣቤል ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ዘሎ ጀሚር ና ክሳዕ ራእይ የሃንስ ኣርኣያ ዝኾኑና ንዓለም ዝሰዓሩዋ ኣመንቲ ብብዝሒ ኣለዉና፡፡ ከምኡ ድማ ብዓለም ዝተፈንጠሩ ካብ ኣዳምን ሄዋንን ጀሚሩ ክሳዕ ራእይ የሃንስ መለበሚ ዝኾኑና ብብዝሒ ኣለዉ፡፡ ናይ መን

ኣሰር ከም ንዅተል ናትና ምርጫ እዩ። መለበምን ኣርኣያን ዝኾኑና መ ጽሓፍ ቅዱስ ሂቡና ኣሎ።

2. ምፍቃር ዓለም እንታይ እዩ?

2.1 ኣቐዲምና እንታይ ከም ዘይኮነ ንርኣዮ። ከይንደናገር፣ ዓለም ከብል ከሎ እዛ ምድሪ ምስናይ ኩሉ ሽሻያን ጽባቐኣን ማለት ኣይ ኮነንን። ምድርን ሽሻያን ብእግዚኣብሄር ንሓጐስና፣ ንጥቅምና፣ ንባህግና ብሕያውነቱን ብቕድስናኡን ዝሃበና እዮም። ከምኡ ምኽኑ ዘፍ 1፡26-31 ዝዘርግትእ ዘረባ ይነግረና። በዛ እግዚኣብሄር ዚፈጠራ ምድሪ ክንጥቀምን ባህ ክብለናን መደብ ናይ ኣምላኽ እዩ። ግናኸ እቲ ብኣምላኽ ንጽቡቕና ኣትዋህበና ድያብሎስ ናብ መፈንጠራና ክልውጠ ይኽእል እዩ።

2.2 ፍቕሪ ንዓለም ድኣ እንታይ እዩ?

ሀ. ረሲእነት እዩ። ነቲ ንምድርን ኩሉ ሽሻያን ዝሃበና ፈጣሪ ዘንጊዕ ና ወይ ረሲዕና ወይ ክሒድና ብፍጡር ጥራይ ልብና ተሰሊቡ ኣብ ሀይ ወትና ዝለዓለ ደረጃ ሒዙ ምስ ዝርከብ፣ ሽው ፍቕሪ ዓለም ዝዓዘም ሰ ባት ኪንና ንርከብ። ምፍቃር ንዓለም ብምድራዊነት ልብና ተዓዚሙ ንኣ ምላኽም ዘዘንግው፣ ዝረስው፣ ዝኽሓዱ ወይስ ንእኡ ዝነአሰ ደረጃ ዝሃቡ ምኽን እዩ።

ለ. ጥልመት ንኣምላኽ እዩ። ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ ምፍቃር ንዓለም ከም ንዘይበደለቶ በዓልቲ ቃል ኪዳኑ ጠሊሙ ናብ ካልእ ዝሰልጠን ዝዝ ሙን ሰብኣይ ኪምሰል ይከኣል። ፍቕሪ ንዓለም መንፈሳዊ ዝሙት እዩ። ጥልመት ንኣምላኽ እዩ።

ሐ. እንስሳዊነት እዩ። ምፍቃር ንዓለም ምድራዊነት፣ ረሲእነት፣ ጥል መት ኣብ ርእሲ ምኽኑ እንስሳዊነት ድማ ይኽውን። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣ ብ ኤፌ 4፡17-19 ከምዚ ገይሩ ይገልጾ፣ '... ኣህዛብ ብናይ ከንቱ ሓሳቦ ም ዚመላለስዎ ኽይትመላለሱ ... ንሳቶም ብሰሪ ትሪ ልቦምን እቲኣባታቶ ም ዘለሙ ድንቍርናን ኣእምሮኦም ጸልሚቱ፣ ካብ ህይወት ኣምላኽ ርሒቖ ም፣ ድንዙዛት ኹይኖምኦን ብስስዔ ርኽሰት ዘበለ ንምግባር ናብ ዕብዳን ተለቁ።' ፈተውቲ ተድላ፣ ደለብቲ ረብሓ፣ ብዘይ ሞራሳዊ ገደባት ንኽው ን።

መ. መለበምን ኣርኣያን ናይ ምፍቃር ንዓለም። ፍቕሪ ዓለም ዝዓበየ ት መፈንጠራ ድያብሎስ ምኽናን ብእላ እተፈንጠሩ ታእላው ከም ዘይ ብሎምን ከነቕልበሉ ይግባእ። ኣዳምን ሄዋንን ብድያብሎስ ምስ ተፈተኑ፣ ኣይፋልናን፣ ንጽቡቕና መሲሉ መጺኡ ካብ ፈጣሪና ዘርሕቕናስ ኣይንደል ዮን ኣይበሉን። ብኣንጻሩ በቲ ፈተና ተዓዘሙ። ነቲ ክሓርምዎ ዝግብኦ ም፣ ጽቡቕ መሲሉዎም ተመንዮምዎ ተፈንጢሮም ኣተዉዎ።

ቃኤል ካብ ኣምላኽ ርሒቑ ኣብ ምቕታል ሓዉ ዝበጽሐ ብመፈንጠ ራ ትዕቢትን ቅንእን እዩ። ሓዉ ኣቤል ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ካብኡ በሊ ጹ ስለ እተረኽበ ብቕንኢ ከጸሮ ኣይከኣለን። እዚ ፍቕሪ ዓለም እዩ። ኣ ብ ክንዲ ብኣምላኽ ባህ ምባልሲ ውድድር ምስ ሓዉ ዓብሉ።

እቶም ብዘበን ናህ ዝነበሩ ሰባት ብመፈንጠራታት ዓለም እዮም ጠፊ ኣም። ቅድሚ ኣብ መወዳእታ ብመዓት ማይ ኣይሂ ምጽናቶም፣ ካብ ረሲእነት ናብ ጥልመት፣ ካብ ጥልመት ድማ ናብ እንስሳዊነት ከም ዘንከ ራረጨ፣ ሃዋርያ ጳውሎስ ይምህረና። ሮሜ 1፡18-32 ኣንብቡ።

ከምቲ ብመፈንጠራ ዓለም ተጠሊፎም ዝጠፍኡ፣ ብኣንጻሩ ንኣምላኽ ኣብ ህይወቶም ዝዓበየ ቦታ ብምሃብ ንዓለም ተቓሊሶም ዝሰዓሩዋ ድማ ብዙሓት እዮም። ኣብርሃም፣ ሙሴ፣ ሃዋርያት ስዒሮሙዋ። ካልኦት ብዙ ሓት ድማ ከምኡ። ኣንባቢ ናይ ኣየኖት ኣሰር ትስዕብ ኣሎኻ? ዮሃ 16፡33፣ 1ይ ዮሃ 4፡4፣ 5፡4-5 ኣንብቡ።

3. ስለምንታይከ ኣትኪልና ክንቃለስ ዘድልየና?

3.1 ምፍቃር ዓለምን ሰዓብ ክርስቶስ ምኽንን ኣይቕረንን እዩ። ማእከ ላይ መርገጽ ክህልወና ኣይክኣልን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ በቲኹም እዩ' ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተዉ። ሓደ እኳ ንዓለም እን ተ ፈተዎ፣ ፍቕሪ ኣቦ የብሉን' ዝብል ክቲት ዘረባ እዩ። መጽሓፍ ቅዱ ስ ብዛዕባ እዚ ነጥቢ እዚ ከምህረና ከሎ ብዘይንሕስያ እዩ ዝበትኪ። ሮ ሜ 12፡2 ይብል፣ '... ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰሉዋ።' ያእ 4፡4 ድማ፣ 'ፈታው ዓለም ምኽን ዚደሊ፣ ንሱ ጸላኣ ኣምላኽ እዩ ዚኸውን' ይብል።

3.2 ዓለም ሓላፊት እያ። እምነትና ኣብቲ ሓላፊ ከይንገብር ብምሉእ ም ርዳእ ክንቃለስ ይግብኣና። ዝኹነ ጽቡቕ ኢልና ሓርኩት እንብለሉ፣ እን ኣምኖ፣ እንሕዞ፣ እንሕጐሰሉ ኩሉ ብዘይ ኣምላኽ ምስ ዝኸውን፣ ወይስ ን ኣምላኽ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሂብና እንቕድሞ ዘበለ ኩሉ ሓላፊ ም ኽኑ መትከላዊ ምርዳእና ይኹን። ሽው ንእስነት ምስ ሓለፈ ኣምላኽ ዘይ ብሉ እርጋን ይመጸና። ዝኣመንናዮ ገንዘብ ዕዳጋ ዓለም ከንቱ ይገብሮ እሞ ባዶ ድማ ንተርፍ። ሞት ምስ መጸኸ? እንማልኦ ዲግሪ፣ ጥበብ፣ ሃብቲ፣ ወገን ... ወዘተ፣ የልቦን።

ብኣንጻሩ፣ እቲ ኣምላኽ ዝሓዘ ግና ከም እዮብ፣ ዝመጸ እንተመጸ እ ቲ ሒዝም ዝተርፍ ኣምላኽ ካብቲ ኩሉ ዘጥፍኦ ከም ዚዓቢ ይፈልጥ። (እዮ 1፡20-22 ኣንብቡ።) ከም ማርያም ካብኡ ዘይውሰድ ግደ ሓርዩ ኣ ሎ። (ሉቃ 10፡38-42 ኣንብቡ።) ከም ዳዊት እዩ። 'ብርባርባ ሞት እኳ እንተ ኸድኩ፣ ክፉእ ኣይፈርህን እየ ንስኻ ምሳይ ኢኻ... ኣብ ቅድሚ

ገጽ ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ፡ ዝበለ።። ኣምላኽ ባዕሉ ከም ሰራሕ መ ግብን ኣሰላፍን ኮይኑ ይዓግብ።።

ኣምላኽ ዘይሓዘ ብኽስራን ይውድእ።። ኣምላኺ ዝሓዘ ግና ብመኽሰብ ብዘይክስራን ይውድእ።። ኩተማ ሮማ፡ ቅድም ዝነበረ ከተማ ዓንዩ ምስ ተ ደብየ፡ ካልእ ከተማ ኣብ ረርእሲኡ ኮይና እያ ተሃኒጻ።። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ሃናጻ ከተማ ሮማ ኣብ ድልዱል መሰረት ምእንቲ ክሃንጹ ክሳዕ ሰላ ሳ ሜትሮ (ተስዓ ፊት) ኣቢሎም ንታሕቲ ዝኾዕቱ።። ቅድሚ ናብ ድልዱ ል መሰረት ምብጽሖም ክለግስ ዝግብኦ እተጸፍጸፈ ጉዱፍ ናይ ቀደም ያ ናታት ኣሎ።። ምፍቃር ንዓለም ከም ኣብ ጉዱፍ ምምሰራት፡ ምፍቃርን ኣምላኽ ግና ከም ኣብ ከውሒ ምምሰራት እዩ።።

እቲ ሰዓብ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ መሰረት ምግባሩኽ መኽሰቡ እንታ ይ እዩ? መንፈስ ቅዱስ ዝዓዘዘ ናይ ዘለኣለም ህይወት፡ ይወርስ።። ልዕሊ ኩሉ ድማ ወራሲ ምስ ክርስቶስ ... ወዘተ፡ እዩ።። እቲ መሰረቱ ኣምላኽ ዝገበረ ሰብ ከምታ ብሃጽፍታትን ምንቅጥቃጥን ተወቒዓ ክነሳ ዘይትፈርስ ገዛ እዩ።።

4. ፈተውቲ ዓለም ክንከውን ድያብሎስ ዝጥቀመለን ሰለስተ ዓበይቲ መፈንጠራታት።

4.1 ሃዋርያ ዮሃንስ ከም ዘመልክተልና፡ <u>ፍትወት ስጋ ናብ ዓለም ዘእትወ ና መፈንጠራ እዩ</u>።። ስጋ ክብል ከሎ ናይ <u>ህዋሳት</u> ህይወትና የመልክት እዩ።። ብምርኣይ፡ ብምስማዕ፡ ብምትንካፍ፡ ብምሽታት፡ ብምስትምቓር እን ነብሮ ክፍሊ ናይ ህይወትና ስጋዊ ህይወት እዩ።። ፍጥረት ኣምላኽ ንው ሀበቱን እዩ።። እንስሳታትውን ናይ ህዋሳት ህይወት ኣለዎም።። ፍልልይና ካብኣም በዚ ጉዳይ እዚ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።። እንስሳታት ልዕሊ ህዋሳታዊ ህይወት የብሎምን።። ስለዚ በሃማውያን እዮም።። ሰብ ብሃማዊ ክኸውን ግ ና ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኮነን።። ናይ ህዋሳታዊ ህይወትና ብኣእምሮን ብመ ንፈስን እተመልከ ክኸውን ይግብኦ።። ነዚ ሓዲግና ብፍትወት ስጋ እተመ ለኽና ምስ እንኸውን ግና ናብ ደረጃ ናብራ እንሰሳ ኣንኮራርና፡ ዓለማ ውያን ኪንና ማለት እዩ።።

ሰብኣይን ሰበይትን ብጸታዊ ደረጃ ከደላለዩ ፍጥረት ኣምላኽ እዩ።። ደረት ግና ኣለዎ።። እቲ ናይ ጾታ ስጋዊ ርክብ ብቓል ኪዳን ጥራይ ክ ኸውን ከም ዝተደረተ ንረድኣሮ።። ሕጊ ኣምላኽ ጥሒሱ ከም ድላዩ ዚ ኸይድ ሰብ ዘማውን ኣመንዝራን በዳልን ይኸውን።። ክንሱቲ ባህርያዊ እዩ።። ኣልኮሳውን ጉዳእን ክንሰትን፡ ክንሰክርን ግና ፍትወት ስጋ እዩ።። ክንሰምዕ ባህርያዊ እዩ።። ንነውርን፡ ዘሕርቕን፡ ዘቃጽልን፡ ባህ ኢሉካ ምስ ማዕ ግና ፍትወት ስጋ እዩ።።

ተድላ ብዘይ ገደብ ፍትወት ስጋ እዩ።። ነዚታት ኩሉ ብበሊሕ ሰይፊ

ናይ መትከል ሓቂ ቃል ኣምላኽ ብዘይ ንሕስያ ወጊድ ኢልና ቕርጽ ኣ ቢልና ዓወት ንጨብጥ።።

4.2 <u>ፍትወት ኣዒንቲ ኣብ ዓለም ዘእትወና መፈንጠራ እዩ</u>።። ኣዒንትናን ብእኣም እንረኽቦ በረኽት ናይ ምርኣይን ውህበት ናይ ኣምላኽ እዮም።። ሳላ ዝርእያ ኣዒትና መስትንክርን ባህ ዘብሉን ነገራት ርኢና ንድሰትን ን ምሃርን ንፈልጥን።። ሳላ ኣዒንቲ መንገድታት ንርኢ።። መካይን፡ ነፈርቲ፡ መራኽብ፡ ባቡራት ንዝውር።። ደቅና፡ ፈተውትና፡ ሰማያትን ወርሕን ጸሓ ይን ከዋኽብትን ባሕርታትን ኣኽራንን ኣግራብን ንርኢ።። ስለዚ ኣምላኽ ኣይትርኣዩ፡ ዕዉራት ኩኑ ኣይኮነን ዝብል ዘሎ።። ዝብለና ዘሎ ኪኖ እ ዚ ደስታ ናይ ስጋዊ ዓይኒ መንፈሳዊ ዓይኒ ይሃልወና እዩ።። ነቲ ነዚ ኩ ሉ ዘርኣየና ፈጣሪ ንርኣዮ።። ኣይንረስዓዮ።። ናይ ፈጣሪ ቦታ ኣብ ህይወት ና ንሃቦ።። ፍጥረት ርኢና ከሳዕ ኣብ ግቡእ ምልላይ ፈጣሪ ዘይንበጽሕ እ ንተ ኼንና መርገም ኣለዎ።። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 1፡18-25 ዝዛ ረብሉ መጠንቀቕታ ከነቕልበሉ ይግብኣና።።

ከመይ ጌርናኽ ኢና ኣብ ግቡእ ምልላይ ፈጣሪ እንበጽሕ? ጽሩያት ልቢ ንኣምላኽ ክርእይዎ እዮም እሞ ብጹሓን እዮም ይብል ቃል ኣምላ ኽ።። ልቢ ሰብ ብመንፈስ ኣምላኽን ብቓሉን ከይጸረየ መንፈሳዊ ዓይኑ ኣ ይነቕሕን እዩ።። ስለዚ መስፈር ህይወትና ኣብ ህዋሳታዊ ኣይደረተ።። ኪ ኖ ፍትወት ዓይኒ ኣብ ፍትወት ኣምላኽ ንብጻሕ።። ሽዑ ንዓለም ንዕወ ተላ።።

4.3 <u>ንብረት ትዕቢት ናይ ዓለም መፈንጠራ እዩ</u>።። ንብረት ትዕቢት እት ሕበነሉ ትሕዝቶ፡ ኣሳልጦ፡ ስልጣን፡ ፍልጠት፡ ስልጫ ... ወዘተ፡ እዩ።። በዚታት ባህ ክብለና ግቡእ እዩ።። ካልኣይ ደረጃ፡ ኮለጅ፡ ምስ ወዳእና፡ ክሳዕ ዶክተር ክንበጽሕ ከሎና ዓቢ ኣሳልጦ እዩ።። ጽቡቕ ሰራሕ ምስ ሓዝና፡ ገንዘብ ምስ ኣጥረና፡ ጽቡቕ ሓዳር ምስ ገበርና፡ ኣብ ላዕላዋይ ደረጃ ምስ በጻሕና ኣሳልጦ እዩ።። ሰብ ሰልጢኑ ካብ ብኣእጋሩ ለፋዕ ም ባል ናብበዓል ፈረስ ምኺን ስጊሩ፡ ሰረገላ ምሂዙ፡ ዘዋር መኪና ኮይኑ።። ብነፋራት ድማ ይጉዓዝ ኣሎ።። በጽሒዎ ዘሎ ተክኖሎጂ ኮነ ወይስ ፍ ልጠት ናይ ሕክምና ንቕያታት እዩ።። ግናኸ ኣምላኹ ዝረስዐ ሓበንን ኣ ሳልጦን ስልጫን ... ወዘተ፡ ጥራይ እንተ ድኣ ኮይኑ ንብረት ትዕቢት እዩ።። ፍትወት ዓለም እዩ።። ሓላፊ ድማ እዩ።።

ኣምላኽ ከይሓዝና እንሕበነሉ ኩሉ ኣሳልጦ ከንቱ ትምክሕቲ እዩ።። ትዕቢት እዩ።። ካብ ንብረት ትዕቢትን ትምክሕትን ምእንቲ ሓራ ክንወጽ እ ንቲ ንዘልኣለም ዝነብር ዘይሓልፍ ክርስቶስ ንሕረ።። ይትረፍዶ ናትና ኣሳልጦስ ሰማይን ምድርን ከይተረፈ ክሓልፍ እዩ።። ዘይሓልፍ የሱስ ጥ ራይ እዩ።። ንሞት ስዒሩ ዝተንስኣ፡ ናብ ሰማይ ዝዓረገ፡ ኣብ የማን ስል ጣን ዝተቐመጠ፡ ንዘልኣለም ህያው ኮይኑ ዝነብር፡ ካልኣይ ዚምለስ ዘይ

ሓልፍ፣ ጽድቂ ዝነግሰሉ ዘለኣለማዊ መንግስቲ ዝተኽል የሱስ ጥራይ እዩ፣ ስለዚ እቲ ዝምነሕ ብየሱስ ጥራይ ይመነሕ።

ከም ኣቦና እዮብ ንኣምላኽ ጥራይ ንስገድ። ብኣምላኽ ጥራይ ይኹን ሓበንና። ዓለማውያን ክርስትያናት ኣይንኹን። ዓለማዊ ክርስትና ብድያብሎስ እተሓንኰለ ለኸባጥ ክርስትና እዩ።

ሕቶታትን ዝርርብን

1. ኣንጻር ዓለም ዚቃለስ ነፍስወከፍ ኣማኒ ድኣ እምበር ፍሉያት ኣመንቲ ጥራይ ከም ዘይኮኑ ብክልተ መብርሂታት ገሊጽኩም ተዛረቡሉ።
2. ምፍቃር ንዓለም እንታይ እዩ? እንታይከ ኣይኮነን?
3. ሃዋርያ ዮሃንስ ንዓለምን ነቲ ኣብኣ ዘሎን ኣይትፍተዉ ክብለና ከሎ ክልተ ምኽንያታት ይህበና። ሰመይወን ተዛረቡለን ድማ።
4. ናብ ፍትወት ዓለም ክንስሓብ ድያብሎስ ዝጥቀመለን ሰለስተ ዓዘምቲ ነገራት፣ ዮሃንስ ይጠቅስ። ሰመይወን ተዛተዩለን ድማ።



መበል ዓሰርተው ሰለስተ ትምህርቲ
8ይ መፈለጥታ፣ መንፈሳዊ ቃልሲ
2ይ ዓወት፣ ኣብ ልዕሊ ሓሶት ትምህርቲ

1ይ ዮሃ 2፡18-29

መእተዊ

ንክርስቶስ ክንስዕብ ዘንቀድና ዘበልና መጥቃዕቲ ድያብሎስ ካብ ብዙሕ ኮርናዓት ክውርወረና ከምዝኾነ ትሑዝ ንግበሮ። ብምፍታው ንዓለም ውሮ-ልብና ዓዚሙ ልዕሊ ኣምላኽ ምድራዊ ነገራት ክንፈቱ እሞ ምድራውያንን ስጋውያንን ክንከውን ይፍትነና። ብሓሳዊ ትምህርቲ ኣእምሮና ከይስሕት ድማ ክንቃለስ ናይ ግድን እዩ።

ቁንዲ ሓሳባት

ድያብሎስ ልብና ብዓለም ኣእምሮና ድማ ብሓሶት ከማረኽ ይፍትነና። ኣተሓሳስባና ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ሰንኰፍ፣ ድኹም፣ ሓቂ ዝሰሓተ ክኸውን ይፍትነና። ድያብሎስ ነዚ በቶም፣ ዮሃንስ፣ ኣጽራረ ክርስቶስ ዝብሎም ከስልጠ ከም ዝህቅን ይነግረና።

ዓይነ-ንስሪ

1. ኣጽራረ ክርስቶስን ጸረ ክርስቶስን፣
   - 1.1 ጸረ ክርስቶስ ገና ኣይመጸን ዘሎ፣ ኣጽራረ ክርስቶስ ግና ካብ ቀደም ኣትሒዞም ነይሮም ኣለዉ ድማ። (ጥቐሲ 18)።
   - 1.2 ምልክት ናይ ዳሕረይቲ ሰዓት እዮም።(ጥቐሲ 18)።
   - 1.3 ኣጽራረ ክርስቶስ ካበይ ይመጹ?(ጥቐሲ 19)
   - 1.4 ሓሶቶምከ እንታይ እዩ?(ጥቐሲ 22-23) (ሀ-ሐ)
2. ዕጥቅና ኣንጻር ኣጽራረ ክርስቶስ፣
   - 2.1 ካብቲ ቅዱስ ቅብኣት ዘለዎም ብምኺን ንዕወት።(ጥቐሲ 20ን 27ን)
   - 2.2 ብምፍላጥ እታ ሓቂ ንዕወት።(ጥቐሲ 21)(ሀ-ሐ)
   - 2.3 ነታ ሓቂ ጠቢቕካ ብምሓዝ ንዕወት።(ጥቐሲ 24)
   - 2.4 ክሳዕ ኣብ ዘለኣለማዊ ህይወት እንበጽሕ ብምቅላስ ንዕወት። (ጥቐሲ 25)
   - 2.5 ብዛዕባ ሓቂ ብዘይምግራህ ንዕወት። (ጥቐሲ 26)
   - 2.6 ብኣእምሮን ብግብርን ብምቅላስ ንዕወት። (ጥቐሲ 28-29)

ትንታኔ

1. ኣጽራረ ክርስቶስን ጸረ ክርስቶስን፣ ናይ ስሕተት ሰራዊት።

መን እዩ የሱስ ክርስቶስ? እንታይ ክንብርክ ናብዛ ዓለም መጸ? ናቱ መንነትን ናብዛ ዓለም ምምጻኡንከ ንኣና ብኽመይ ይምልከተና ንዚብሉ ሕቶታት ሚእቲ ካብ ሚእቲ ሓቂ ዝኹነ መልሲ ክንረኽበሉ ናይ ግድን ይኹነና። ካብ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ሓቂ ዝኾደለ እንሀቦ መልሲ ናይ ጸረ ክርስቶስን ኣጽራረ ክርስቶስን ሓሶት ስለ ዝኹነ ዓጢቕና ክንገጥመሉ ግዴታ ኣሎና። ኣቐዲምና ጸረ ክርስቶስን ኣጽራረ ክርስቶስን ዚብላ ቃላት ነብርሃየን።

1.1 ሓፈሻዊ ግንዛቤ ክልቲኣን ቃላት ዘተምብሀኡ ጥቐስታት 18፣ 19፣22፣ 26 ብምንባብ ኣጽራረ ክርስቶስ ኢሉ ዝሰምዮም መምህራን ሓሶት ብዘበን ዮሃንስ ከም ዝነበሩ ንርዳእ። ብዛዕባኡቶም እዞም ዝሰዕቡ ነጥብታት ክነስተብህል ንኽእል።

- ኣባላት ናይቲን ሽው ዝነበራ ማሕበራት ኣመንቲ ምንባሮም ንፈልጥ።
- ግናኸ ተነጺሎም ከም ዝተፈልዩን ምስ ትምህርቲ ሃዋርያት ዘይሰማማዕ ናይ ሓሶት መስሓቲ ትምህርትታት ከም ዝመሃሩ ነስተብህል።
- ኣመንቲ ሓቢሎም ክንገዝኡ ከም ዝፈተኑ ንርዳእ።
- ሃዋርያ ዮሃንስ ብዘመኑ (84-90 ድ.ል.ክ.) ኣምራሩ ከም ዝንጠመሉም ንርኢ።
- ሱር ዝኹነት ሓሶቶም ኣብ ጥቐሲ 22 ን 23 ተነጺራ ኣላ። ንሳ ድማ የሱስ ክርስቶስ መን እዩ? ናብዛ ዓለም ዘምጽኦ ጉዳይከ እንታይ እዩ ንዝብል ሕቶ ሓሳዊ መልሲ ምሃቦም።

- ካብ መስመር ትምህርቲ ክርስቶስ ዝወጸ ሞራል ምምሃሮምን ምቕባሎ ምን ንፈልጥ።
- ናይ እዚኣቶም መንፈስ ናይቲ ዳሕራይ ኣብ መወዳእታ ዘመን ዝግለጽ፣ መንፈስ ናይ ሰይጣን ድማ ብኽፉል ዘይኮነስ፣ ብምልኣት ዝዓዘበ ጸረ ክርስቶስ ዚብሃል ሰብ ምኻኑ፣ ንግንዘብ።

ብዛዕባ እቲ ጸረ ክርስቶስ ኣብቲ መወዳእታ ዘመን ዚግሃድ ሓጺር ዝርዝር፣ መጽሓፍ ቅዱስ ዚህበና ድማ ንመልከት፣

- ውልቀ ሰብ ክኸውን እዩ።
- ሰልጣን ናይ ዓለምለኽ መንግስቲ ዝህልዎ፣ ሓፋሽ ምሉእ ዓለም ኣድኒቕም ዝሰዕብዎ ኪኸውን እዩ።
- ሒደት ዓመታት የሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ምምላሱ ናብ ምድሪ ይግለጽ።
- ልዕሊ ዓቕሚ ተራ ሰብ ብሰይጣናዊ ሓይሊ ይምላእ።
- ሓሳዊ ነብዪ ዚብሃል ብርቱዕ ደጋፊ ኪህልዎ እዩ።
- ጸረ ክርስቶስ ትዕቢተኛ፣ ትምክሕተኛ፣ ተጻራፊ፣ ደፋር፣ ከሓዲ፣ መጨነቒ ኣመንቲ ኪኸውን እዩ።
- ኣብ መወዳእታ ዓለም ኣንጻር ክርስቶስን መንግስቱን ዓጢቕም ኪኸት ቱ፣ ግናኸ ኪሰዓሩ እዮም። እቲ ጸረ ክርስቶስ ድማ ናብ ቀላይ ሓዊ ኪድርበ እዩ።
- ሕጽር ዝበለ መብርሂ ብዛዕባ እቲ ጸረ ክርስቶስ ኣብ 2ይ ተሰ 2፡3-12 ኣንብቡ።

ካብ ዘመን ሃዋርያት ክሳዕ ሕጂ ክልተ ሽሕ ዓመታት ሓሊፉ፣ እቲ ጸረ ክርስቶስ ገና ኣይተጋህደን። ቅድሚ ምግሃዱ፣ እከላ እዩ ኢሉ ኣነጺሩ ዚፈልጦ ሓደ እኳ የልቦን። ስለዚ ብደፋራት ሰባት ከይንጋገ ንጠንቀቕ። ናይ ጸረ ክርስቶስ ጠባያትን መትከልን ግና ክንፈልጦ ኣይንኽእልን ኢና። እቶም ብመገዲ ጸረ ክርስቶስ ዝምርሑ ቀጽጽርም እናበዝሐ ይኸይድ ኣሎ። እዚኣቶም እቶም ኣጽራረ ክርስቶስ እዮም።

1.2 ኣጽራረ ክርስቶስ ባህርይ ናይ መወዳእታ ዘመን ምልክት እዮም።
ሃዋርያ ዮሃንስ ንመወዳእታ ዘመን 'ዳሕረይቲ ሰዓት' ኢሉ ይሰምዮ። ምስ ናይ ካልእ ክፍኣታቱ ሓደ ዓቢ መለልዪ ናይቲ መወዳእታ ዘመን ጉሊሁ ዝርኣ እቲ ብዛዕባ መንነት የሱስ ክርስቶስ ዝምህሮ ናይ ክሕደት ሓሶቱ እዩ። ብዘበን ዮሃንስ እዚ ክሕደት እዚ ኣብ ንእሽቶ እስያ (ሎሚ ምዕራባዊ ቱርኪ ዝብሃል) ክናኸሰ ጀሚሩ። እናገሰ ከኣ ገስጊሱ። እዚ ትምህርቲ እዚ ሽው ንዝነበራ ቤተ ክርስትያናት ኣማህሚኑ፣ ድሕሪ ሽዱሽተ ሚእቲ ዓመታት ንወረራ ምስልምና መገዲ ጸረገሉ። ማሕበራት ኤፈሶን፣ ገላትያ፣ ቁሎሴ፣ ጰምፍልያ፣ ጴርጌ፣ ኢቆንዩም፣ ልስጥራ፣ ደርቤ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ተሰምየን ዘለዋ ኣብ ቱርኪ ዝርከባ ዝነበራ ብርቱዓት ማሕበራት እየን ነይረን። ኣብ 1ይ ጴጥ 1፡1 ድማ ኣብ ክተማታት ጥራይ ዘይ

ኮነስ ኣብ ሰለስተ ናይ ሰሜን ኣውራጃታት ወንጌል ተተኺሉ ከም ዝነበረ ይነግረና።

እቲ ሓሶት እናለሓመ ገስገሰ። ማሕበራት እናደኸማ ከዳ። ሕጂ ዳር ጋ ሰም ክርስቶስ ኣብቲ ሃገር ዘየሎ ኮይኑ ተደምሲሱ ይርከብ። ዕድል ከሎካ፣ የሱስ ክርስቶስ መን ምኻኑ ዘይምፍላጥ ሓጥያት እዩ። ብተወሳኺ፣ ዘይኮነ ብዛዕባ መንነቱ ምምሃር ድማ መንፈስ ጸረ ክርስቶስ እዩ፣ ሰይጣናዊ እዩ። ክስራሑኽ መን ይሰፈር!

1.3 ኣጽራረ ክርስቶስ፣ ሽው ዝነበሩ፣ ካበይ መጹ? ደቂ ማሕበር ናይ እተን ሽው ኣብ ንእሽቱ እስያ (ቱርኪ) ዝነበራ ማሕበራት ምንባሮም ጥቕሲ 19 ኣዳዕዲው ይነግረና። እቲ ደቂ ማሕበር ምንባሮም ግና ምሉእ ኣይነበረን። ስለዚ ኣብቲ ማሕበር ጸኒያም ኣይነበሩን። ሃዋርያትን ዝነቕሑ ኣመንትን ነዞም ብሓሶት ኣንቈራ ፈለይቲ ዝኸኑ ምስ ተቓወምዎም፣ ተነጺሎም ከዱ።

ናይ ብሓቂ ሰዓብቲ ክርስቶስ ጉቲ ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ክንሕልዎ ግዴታን ሕድርን ካብ ኣምላኽ ኣሎና። ኤፌ 4፡3። እቲ ሕብረትና ክም ኣመንቲ ብንጹር እምነት፣ ብቅዱስ ህይወት፣ ብስምዒት ኣንድነት፣ ብዕላማ ተልእኾ ወንጌል ተጠርኒፉ ምስ ዘይግሰግስ ኣብቲ ሕብረትና ንሰይጣን ደገ ምኽፋት እዩ።

1.4 ሓሶት ናይ ኣጽራረ ክርስቶስ እንታይ ነበረ?
ሀ. ብዛዕባ መንነት የሱስ ክርስቶስ ክልተ ሓቂ ዘይኮኑ ሓደገኛታት ትምህርትታት ኣብታ ማሕበር ክእትዉ ሃቂኖም። ከምዚ ዚብል፣

1. የሱስ፣ ንሱ የሱስ ጥራይ ድኣ እምበር ክርስቶስ ኣይኮነን (ጥ22) ዚብል ሓሶት ነዚሓም ኣመንቲ ኣግሉ።
2. የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ኣይኮነን ኢሎም ሰባት መረዙ።

ለ. የሱስ፣ ንሱ የሱስ ጥራይ ድኣ እምበር ክርስቶስ ኣይኮነን ብምባሎም፣ ካብ ሓጢኣትና ዘድሕነናን ሓድሽ ልደት ዝህበናን መድሓኒ ምኻኑ ክሓድም። ጥቕሲ 22-23 ተመልከቱ። ክርስቶስ ብግሪኽ ትርጉም ናይቲ መሲህ ዚብል ቃል እብራይስጢ እዩ። ብሉይ ኪዳን፣ ካብ ኦሪት ዘፍጥረት ጀሚሩ ክሳዕ ነብያት፣ ሓደ ዓቢ መልእኽቲ ኣለዎ ከምዚ ዚብል፣ ኣምላኽ ባዕሉ ዘተስፈዎ መድሓኒ ዓለም፣ ንሰባት ካብ ሓጥያት ዘድሕኖም ደቂ ኣምላኽ ዝገብሮም፣ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ዚተክል ኪመጽእ እዩ። ሓዲስ ኪዳን ድማ፣ እዚ መድሓኒ እዚ የሱስ ክርስቶስ እዩ። እቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን እተተስፈወ ብየሱስ ክርስቶስ ተፈጸመ ኢሉ የበሰረና።

ስለዚ ብሉይ ኪዳንን ሓዲስ ኪዳንን ተጀሪኖም ዝምህርዎ ሓቂ ብዛዕባ መንነት የሱስ ክርስቶስ፣ ንሱ መድሓኒ ዓለም ወዲ ኣምላኽ ምኻኑ

እዩ፡፡ እዞም ክሓድቲ ግና የሱስ መምህር ወይስ ፈላስፋ ... ወዘተ እዩ፡፡ ግናኸ መድሓኒ ዓለም አይኮነን፡፡ ምድሓንና ካብ ባዕልና ስለ ዝኾነ መ ድሓኒ ኣየድልየናን እዩ ዝብል ናይ ትምክሕቲ ትምህርቲ ኣብታ ማሕበር ነዝሐሉ፡፡ እዚ ብግሁድ፡

(1) ክሕደት ኑቲ ንጹር ተሰፋ ናይ ብሉይ ኪዳን፡

(2) ክሕደት ኑቲ የሱስ ንሱ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ምኻኑ ዘበስር ትምህርቲ ወንጌል ሓዲስ ኪዳን እዩ፡፡ መሰረታዊ ክሕደት እዩ፡፡ እዚ ስ ሕተት እዚ ካብቲ ሽዑስ ብዘበንና ዝኒኑን ብዝዓበየ ተደራጅዩን ይርአ፡፡ ብዓይኒ ሃይማኖት እንተ ርአናዮ፡ ምስልምና፡ ናይ የሆዋ መሰኻኸር፡ ሃይ ማኖተ-ብሃይ፡ ብፍላይ ድማ ሀዩማኒዝም፡ ኑው-ኤይጅ ዝብሃሉ ዘመናውያን ሃይማኖታት ካብዚ ዮሃንስ ዝቃወሞ ዘሎ ስሕተት ዝነቐሉ፡ ካብ ዘይምቕባ ል የሱስ እቲ ክርስቶስ ምኻኑ ዝተላዕሉ እዮም፡፡ ብዓይኒ ሳይንስ እንተ ርኢናዮ ኢቮሉሽን (Evolution) እዩ፡፡ ብዓይኒ ፖሊቲካ እንተ ርአናዮ ኣ ምልኮ በብዓይነቱ መንግስታዊ ስነ ሓሳባት እዩ፡፡ ብዓይኒ ውልቀ ሰባት እ ንተ ጠመትናዮ፡ ንየሱስ ክርስቶስ ሽለል ዝብሉ፡ ዝርስያ፡ ዋጋ ዘይህቦ፡ ዝኽሕዶ ሰብ መን ቁጺሩ ይውድእ? የሱስ፡ መድሓኒ ማለት ክርስቶስ ወ ዲ አምላኽ ምኻኑ ዘይምልላይ፡ ምዝንጋዕ፡ ምኽሓድ ምንፈቕ ናይ ኩሉ ውድቀት እዩ፡፡ ስለዚ እዩ ነዚ ስሕተት እዚ ጸረ ክርስቶስን ኣጽራረ ክ ርስቶስን ኢሉ ዝሰምዮ ዮሃንስ፡፡

ሐ. እታ ካልኣይቲ ስሕተቶም ክልተ ክፍልታት ኣለዋኣ፡

(1) የሱስ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ኣይኮነን በሉ፡፡ ወዲ ወይስ ወዲ አምላኽ ዚብል ስም ናይ የሱስ ክርስቶስ መለኮታዊነቱ ዘመልክት ቃል እ ዩ፡፡ ሰጋ ለቢሉ እተጋህደ አምላኽ ድኣ እምበር ተራ ሰብ ከሚና ጥራይ ከም ዘይኾነ ከነለልየሉ ዚሕብረልና ስነ መለኮታዊ ቃል እዩ፡፡ የሱስ ክር ስቶስ ወዲ አምላኽ ምኻኑ ክንእመን ከለና፡ ንአምላኽ ከም አቦ ክንርድ ኣ ናይ ግድን እዩ፡፡ መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ይምህረና ከምኡ፡፡ ኣብ(አቦ)፡ ወልድ(ወዲ)፡፡ ዘይፈናተት ናይ ሓዲስ ኪዳን ስነ መለኮት ምኻኑ ዮሃንስ ከምዚ ገይሩ የዳዕድግልና፡ 'እቲ ነቦን ዝኽሕዶም ንሱ እዩ እቲ ጸረ ክርስ ቶስ፡፡ ነቲ ወዲ ዚኽሕድ ዘበለ ኮሉ፡ ንእኡ እቲ አቦ የብሉን፡፡'

(2) ብዘይ 'ወዲ' ንአምላኽ ከም አቦ ክንፈልጦ ንኽእል ኢና ኢሉም ምሃሩ(ጥቐሲ 22፡ 23)፡፡ ሃዋርያ ዮሃንስ ነዚ ኣኽቢዱ ይቃወሞ፡፡ ከምዚ ድማ ይብል፡ 'መን እዩ እቲ ሓሳዊ? እቲ ነቦን ወድን ዝኽሕዶም ንሱ እ ቲ ጸረ ክርስቶስ እዩ፡፡ ነቲ ወዲ ዚኽሕዶ ዘበለ ኮሉ፡ ንእኡ እቲ አቦ የ ብሉን፡፡' ከምቲ ቀዳማይ እዚ ካልኣይ ስሕተት፡ ኣብ ዓለምና ኣዝዩ ዝግስ ግስ ዘሎ ሰራም መርዚ ናይ ኣእምሮ እዩ፡፡ ንየሱስ፡ ከም ክርስቶስን ከም ወዲ አምላኽ ክንፈልጠን ክንኣምኖን፡ መሰረታውን መትከላውን መልእኽ ቲ ናይ ሃዋርያ ዮሃንስ እዩ፡፡

ወንጌል ዮሃንስ ስለምንታይ ከም ዝጸሓፎ ክነግረና ከሎ ከምዚ ይብ

ል፡ 'ግናኸ የሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ምኻኑ ክትኣምኑ፡ ኣሚ ንኩምኡን ብስሙ ህይወት ምእንቲ ኽትረኽቡ እዩ እዚ እተጻሕፈ፡፡' (ዮ ሃ 20፡31፡፡

እዚ ክሕደት እዚ ድርብ ሓሶት ኣለዎ፡፡

- በቲ ሓደ ወገኑ ንመለኮትነት የሱስ ክርስቶስ ይኸሕዶ፡፡
- በቲ ሓደ ድማ ንኣቦነት አምላኽ ይኸሕድ፡፡

ከምኡ ገይሩ ድማ ንእምነት ምስጢረ ስላሴ <u>ይብክስ</u>፡፡ ነቲ ሓደ ኣ ምላኽ ኣቦ፡ ወዲ፡ መንፈስ ቅዱስ ኢልና እንኣምኖ ምስጢረ ስላሴ <u>ናይ ስሕተት ፍልሒ</u> እዩ፡፡ ስለዚ እዩ፡ ሃዋርያ ዮሃንስ፡ ነዚ መዕነዊ ዝኾነ ት ምህርቲ ከየናሕሰየ ብብትኽ ዝበለ መትከል እተቓወሞ፡፡

እምብኣርከስ ሰይጣን በቲ ሓደ መንገዲ ውኖና ብእትስሕብ ዓለም ገ ይሩ፡ በቲ ሓደ ከኣ ሓሶታት ኣእሚኑ (ብፍላይ እኳ ብዛዕባ መንነት የሱ ስ ክርስቶስ) ከስሕተና መፈንጠራታት የጸውደልና ከም ዘሎ ክንፈልጦን ክንዕጠቕን ይግባእ፡፡ እንተ ዘይተዓጠቕና ውሩራት ንኸውን፡፡

2. ዕጥቅናን ቃልስናን ኣንጻር ስነመለኮታዊ ሓሶት፡

ነዚ ንምልእቲ ዓለም መሪዙዋ ዘሎ ሰራም ዝኾነ ሓሶታት ከመይ ጌርና ከም እንዓጥቀሉን እንቃለሰን ሃዋርያ ዮሃንስ ከምዚ ዝሰዕብ ገይሩ ይምህረና፡

2.1 ክንዕወት <u>ቅብኣት ናይቲ ቅዱስ</u> ኣባና ይሃልወና፡፡(ጥቐሲ 20ን 27)፡፡ እቲ ቅዱስ ዚብል ቃል ናይ የሱስ ክርስቶስ ስም፡ 'ቅብኣት' ድማ ናይ መንፈስ ቅዱስ እዩ፡፡ ስለዚ እቲ ኣማኒ ሓቂ ክፈልጥን፡ ብሓቂ ከኣ ኪቃ ለስንሲ ብየሱስ ክርስቶስ ዚውሃበ መንፈስ ቅዱስ ኣለዎ፡፡ ነገስታት፡ ካህና ት... ወዘተ፡ ነቲ ዝተሸሙሉ ሓላፍነት ብቐዓት ኩይኖም ክገልግሉ፡ ንም ልክት፡ ብዘይቲ ይቕብኡ ነይሮም፡፡ ንሕና'ውን ነዚ ቃልሲ እዚ ብቐዓት ክንከውን ብየሱስ ክርስቶስ ዝውሃበና መንፈስ ቅዱስ፡ ብቕብኣት ተመሊሉ ዘሎ፡ ኣሎና፡፡

ብቕብኣት መንፈስ ቅዱስ ልዕሊ ኮሉ ንተዓጠቕ፡፡ ቅብኣት መንፈስ ቅዱስ ንነፍስ ወከፍ ኣማኒ ዝወሃበ በረኸት እዩ፡፡ ብክፉት ኣእምሮን ልብ ን ንየሱስ ክርስቶስ ምስ ተቐበልናዮ፡ ንሱ ድማ ከምቲ ተስፋኡ ምሳናን ኣባናን ዚነብር ጸራቅሊጦስ ይህበና፡፡ ኣብቲ ቃልስናን ጉዕዞናን መንፈስ ቅዱስ እቲ ዝበለጸ ብጻይና (ጸራቅሊጦስና) ይኸውን፡፡ ውትሩ መንፈስ ቅ ዱስ ዝብጻዮም ኣመንቲ ክንክውን ካብዚ ቢጥዕምን ዚዓብን በረኸት የልቦ ን፡፡ ዮሃ 14፡16-21፡ 26፡፡ 16፡7-15 ኣንብቡ)፡፡

2.2 <u>እታ ሓቂ ብምፍላጥ ንዕወት</u>፡፡ ተገሪሀና ብሓሶት ከይንታለል፡ ብዛ

ዕባ ሓቅነት ናይ እምነት ነገራት ደናቕር ክንከውን ምኽኒት የብልናን።
ፍልጠት ይሃልወና። ክንፈልጥ ከኣ ንተዓጠቕ።

ሀ. ካብቲ 'መገድን ሓቅን ህይወትን' ኣነ እየ ዚበለ የሱስ ክርስቶስ ፍልጠት ሓቂ ንርከብ። ንሱ መን ምኽኑን እንታይ ከም ዝመሃረን ርዱኣት ንኹን። ተረዲኡ ንየሱስ ክርስቶስ ዝሰዕብ ሰብ ብፈተናታትን ቃልስ ታትን ከም ዝሓልፍ ፍሉጥ እዩ። ግናኸ ኣብ ጸልማት ናይ ሓሶት ደንበ ርበር ዚብል ኣማኒ የልቦን።

ለ. ብቓል ኣምላኽ ጌርና ሓቂ ንፍለጥ። ዳዊት ብዛዕባ ተመክሮኡ ይብል፣ 'ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ፣ ንመገደይ ብርሃን እዩ።' መዝ119፣ 105። እንተድኣ ቃል ኣምላኽ ክትፈልጥ እትውፍዮ ጊዜ ቀንጣረ ወይስ ባዶ ኩይኑ ኣብ መፈንጠራ ሓሶት ሰይጣንን ሳዕቤናቱን ከም ትወድቕ ት ሑዝ ግበሮ። ኣብዛ ዘለ'ና ዓለም ሓሶት ከም'ቲ ዝኸፍኦ ኣየር ሂኑ ምህላዉ ኣይንዘንግዓዮ። መጽሓፍ ቅዱስና ካብ ኦሪት ዘፍጥረት ክሳዕ ራእይ ዮሃንስ ዘወትር እናኣንበብና ርዱኣት ንኹን። ኣእምሮና ከይተመ ገበ ከይንሽይድሲ ኣኺባታትና ንስምዒትና ብዘዕግብ ጥራይ ኣይመልኽ። ስብከታትና እተፈትፈተ ቃል ኣምላኽ ንኣእምሮ ዝምግብ ድማ ይኹን።

ሐ. <u>ዘይተጀልሐ</u> ሓቂ ንሓዝ። እንነብረሉ ዘለ'ና ዘበን ንመንፈስናዩ ደሞክራሲ፣ ማለት ንመሰልን ርእይቶን ናይ ነፍስ ወከፍ ሰብ ክብ ዘብል ዘመን እዩ። ግናኸ ንሹሉ ምእንቲ ከንሓቀፍሲ ጉሓፍን ጥዑይን ከደባለ ቕ የብሉን። ኣየናይ-ኣየናይ ምኽኑ ከንጸር ኣለም። የሃንስ፣ ዘይሽምገል፣ ማእከላይ መርገጽ ዘይትወስደሉ፣ ነጥብታት ናይ ወንጌል፣ ሓቅታት፣ ከም ዘለዉ ክንግንዘብ፣ <u>ልኽሳማት</u> ክርስትያናት ከይንኸውን፣ <u>ከይንደባልቕ</u>፣ '... ኵሉ ሓሶትውን ካብ ሓቂ ኣይኮነን።' ይብለና።

2.3 <u>ሓቂ ብጥብቂ ምሓዝ ተቓሊስና ንተዓወት</u>፣ ሓቂ ምሓዝ መስረትን መፈለምታን እዩ። ብድሕሪኡ ብሓቂ ምጽናዕ፣ ምቕጻል፣ ምህናጽ፣ ምስሳ ን ... ወዘተ፣ ናይ ግድን ምኽኑ ንቀበሎ። ጀማሮ ኳንና ኣይንትረፍ።'... <u>ንስኻትኩምሲ፣ እቲ ካብ መጀመርታ ዝሰማዕኩምዎ ኣባኻትኩም ይነብን ር።... ከምቲ ንሱ ዝመሃረኩም ኳንኩም፣ ኣብኡ ክትነብሩ ኢኹም</u>...' (ዮሓ. 24 ን 27)።

ሰይጣን ጀሚሮም እዮም ኢሉ ከም ዘይሓድገና ንፍልለጥ። ክኹል ፈና፣ ክሕንኮስና፣ ክቕጽየና ሚላታት ከም ዘለዎ ተረዲእና ንቃለስ።

(1) ፍልጠትና ናይ ቃል ኣምላኽ ይሰስን፣
(2) ብህይወት ቅድስናን ፍቕርን ንገስግስ፣
(3) ነቲ ሕብረት ኣሕዋት ሃነጽቱ ንኹን፣
(4) ንዕላማ ወንጌል ንሰለፍ፣ 2ይጴጥ 1፡5-11፣ ማቴ 13፡3-9።

እንታይ እዩ እቲ ሓንሳእ ምስ ሓዝናዮ ኣጽኒዕና እንዓቕሮ? ሃዋርያ ዮሃንስ 'እቲ ካብ መጀመርታ ዝሰማዕኩምዎ' እዩ ይብለና። ካብ ሃዋርያት ጀሚሩ ክሳዕ ሕጂ እተሓላለፈ ዘይሰዓር፣ ዘይልወጥ፣ ዘይትካእ፣ ዘይውሰኽ፣ ዘይጐድሎ ሓቂ ናይ ወንጌል ኣሎ። ኣረ ካብ ሃዋርያት ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ኦሪት ዘፍጥረት ዝጀመረ እዩ።

ነዚ ሕድሪ እዚ መጽሓፍ ቅዱስ ብእተፈላለየ መገዲ ይሰምዮ። ይሁ ዳ 1፡3-4፣ ማር 13፡31 ብተወሳኺ ኣንብቡ። እዚታት እንታይ ከምም ኽኑ ጸሚቕና ክንፈልጠ፣ ክንምህሮ፣ ክነተሓላልፎ ግቡእና እዩ።

2.4 <u>ክሳዕ ምኣስ እዩ ቃልስና</u>? ሓቂ ምፍላጥን፣ ኣጥቢቕካ ምሓዙን ክ ቢድ ቃልሲ እዩ። ክሳዕ ምኣስክ ኢና ንቃለስ? ክንርድኦ የድልየና። ጥቕ ሲ 25ን 28 መልሲ ይህቡና። 'እታ ንሱ ዘተስፈወና ተስፋ ኽእናይ ዘለኣ ለም ህይወት እያ። ... ንሱ ኺግለጽ ክለ'ኣ ትብዓት ምእንቲ ኽንረክብ፣ ብምጽኣቱውን ኣብ ቅድሚኡ ኽይንሓፍርስ፣ ብእኡ ንበሩ' ይብል። ናይ ዘለኣለም ህይወት ክሳዕ እንሞብጥ፣ የሱስ ክርስቶስ ክሳዕ ዝምለስ ክንቃለስ ኢና። ፊሊ 3፡12-16። ኣብ 12፡1-3።

2.5 <u>ቃልሲ ብዘይምግራህ</u>። ሃዋርያ ዮሃንስ ነዞም ኣመንቲ ክጽሕፈሎም ዝ ደረኾ ምኽንያት ኣብ ጥቕሲ 26 ይነግረና። 'መስሓትቲ' መምህራንን ት ምህርቶምን ነይሮም። መስሓቲ ትምህርቲ፣ ጽቡቕ ዝመስል፣ ክፍኣት ዘ ይብሉ ዝመስል፣ ገሊኡ ብኣመንቲ ዝነበሩ ዝኾቐለ፣ ገሊኡ ካብ ካልኦት ዝ ነቐለ፣ ገሊኡ ኣትኪሉ ተጻራሪ ዝኾነ፣ ገሊኡ ንኹሉ ሕቕ-ፍ ዘብል ዝመ ስል ... ወዘተ፣ ከምዚ ዘሎ'ናዮ ዘመን ዝገነና የልቦን።


ስለዚ ኣይንገራህ። የሱስ ክርስቶስ መን ምኽኑ ብቓል ኣምላኽ ርዱ ኣት ንኹን። ቅብኣት መንፈስ ቅዱስ ይሃልወና። ንሕብረት ኣሕዋት ነጽ ንዓዮ። ብፍቕርን፣ ብሓቅን፣ ብእገልግሎት ወንጌልን ንመላለስ።

2.6 <u>ቃልሲ ብግብሪ</u>፣ ንሓሶት ብክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ሓቂ ከሰንፍ ንተዓ ጠቕ። በቲ ሓደ ወገን ሓሶትን ሓቅን ለሊና ብምርዳእን ብምብራህን፣ በ ቲ ሓደ ድማ ነቲ ዝኣመናዮን ዝፈለጥናዮን ሓቂ ብግብሪ ብምርኣይ፣ እ ዚ ኣብ ጥቕሲ 27ን 28 በዘን ቃላት እዚኣተን ተሓቢሩልና ኣሎ። ከም ዚ ድማ ይብል፣ '...ብእኡ ንበሩ፣ ... ጽድቂ ዚገብር ዘበለ ኵሉ ኻብኡ ኽም እተወልደ ፍለጡ።' ጽድቂ ማለት ህይወትና ብጸጋ፣ ምስትውዓልና ብሓቂ ምንባር ማለት እዩ። ምዕዋትና ብየሱስ ክርስቶስ ሽዑ ትሑዝ ይ ኽውን።

ሕቶታትን ዝርርብን

1. ሃዋርያ ዮሃንስ ብዛዕባ ጸረ ክርስቶስን ኣጽራረ ክርስቶስን ይዛረብ። ብ ዛዕባእም እንታይ ከም ዝበለ ጠርንፎ።

2. ንአጽራረ ክርስቶስ ስለምንታይን ከመይን ጌርና ክም ንቃለሶምን ክም ንዕወትን ክእ ይዛረብ። ነቲ ዮሃንስ ዝበሎ ብዛዕባ እዚ ቃልሲ እዚ ጠርንፍ።
3. መበል ዓሰርተው ክልተ ትምህርትና አንጻር ዓለም ክንቃለስ ክም ዘሎና ሓቢሩልና፣ መበል ዓሰርተው ሰለስተ ድማ አንጻር አጽራረ ክርስቶስ ክንዓጥቕ ሓቢሩልና። ስለምንታይ ክልተ ዓይነት ቃልሲ?
4. ምርዳእና ብዛዕባ መንነት ክርስቶስ ክሳዕ ክንደይ አገዳሲ ምኻኑ ሚዛን ሃቡ።



መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ ትምህርቲ

8ይ መፈለጥታ፣ መንፈሳዊ ቃልሲ

3 ዓወታት ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት

1ይ ዓወት ብምትኳር ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽን ተስፋ ምምላሱን

1ይ ዮሃ 3፣1-3

መእተዊ

ተቓሊስና ኣብ ልዕሊ ዓለም ንዕወት(መበል ዓሰርተው ክልተ ትምህርቲ)፣ ኣብ ልዕሊ ሓሶታት ድማ ንዕወት (መበል ዓሰርተው ሰለስተ ትምህርቲ)። ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ክንዕወት ከኣ ናይ ግድን እዩ። መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ ትምህርትና ብዛዕባኡ ይኸውን።

ቀንዲ ሓሳባት

እንታይ እዩ ሓጢኣት ከመይ ጌርናኽ ኣብ ልዕሊኡ ንዕወት? ኣንጻር ኣምላኽ እንገብሮ ዘበለ ክሉ ሓጢኣት እዩ። እንተ ድኣ ሰዓብቲ ክርስቶስ ኢና ክሳዕ ክንደይ እዩ ሓጢኣት ኣብ ህይወትና ቦታ ዘለዎ? ሃዋርያ ዮሃንስ ዝህበና መልሲ፣ ሓንትኳ እዩ። ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ፣ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ብሰለስተ ነጥብታት ክንዕወት ይምህረና።

ዓይነ-ንሰሪ

1. ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ብምትኳር ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ንዕወት(ዮ 1)
   1.1 100% ምትኳርና 'ርእዩ' ዝብል ቃል ተሓቢሩልና ኣሎ
1.2 ብፍላይ ናብ ፍቕሪ ኣምላኽ ክነትኮር ተመልኪቱልና ኣሎ።
   ሀ. ኣብቲ እንቃለሶ ጸላኢ እንገብሮ ኣተኮሮ ኣሎ።
   ለ. ዝዓበየ ኣተኮሮና ግና ናብ ፍቕሪ ኣምላኽን ተስፋታቱን'ዩ።

2. ብዛዕባ እቲ እነተኮረሉ ፍቕሪ ኣምላኽ ንመልከት።(ዮ 1-2)

2.1 እንታይ እዩ ፍቕሪ ኣምላኽ?
2.2 ባህርያት ፍቕሪ ኣምላኽ፣
   ሀ. ክም ናይ ወላዲ ፍቕሪ እዩ።
   ለ. ኣዝዩ ዓቢ ፍቕሪ እዩ።
   ሐ. ናይ ዘለኣለም ፍቕሪ እዩ።
   መ. ውሉዱ ዝገብረና ፍቕሪ እዩ።
   ሰ. ዓለም ዘይተቐበሉ እኳ እንተኾነት ንእና እቲ ዝዓበየ እዩ።

3. ብዛዕባ እነተኮረሉ ተስፋ ናይ ምምላስ የሱስ ክርስቶስ ንመልከት፣
   3.1 ምምላሱ ሒዙልና ዝመጽእ በረኽታት ኣለዎ (ዮ 2)።
   3.2 ተስፋ ምምላሱ ኣብ ህይወትና ዘስዕቦ ለውጥታት ኣሎ።
   (ሀ-ሐ)

ትንታኔ

1. ክሳዕ ክንደይ ብፍቕሪ ኣምላኽን ተስፋታቱን ተማሪኽና ኣሎና?

ኩላትና ኣብቲ መንፈሳዊ ጉዕዞኣም ኣብ ልዕሊ ሓጥያት ዝዕውቱ፣ 100% ልቦም ብፍቕሪ ኣምላኽ እተማረኸ እዮም። መንፈሳዊ ህይወት ብፈረቓ ልቢ ምሓዙ ኣየዋጽእን እዩ። ነቲን ኣብ ወንጌል ማቴዎስ 25 ዘለዋ ዓያሱ ደናግል እዩ ዘምስለካ። ናይ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣተኮሮ፣ ንኣብነት ክኾነና ኣብ ፊሊጲ 3፣14-17፣ ሮሜ 8፣31-39 ኣንቢብና ንመልከቶ።

1.1 <u>'ርእዩ' ዚብል ቃል ዚሕብሮ ነስተብህሎ</u>። ብዛዕባ እዛ ናብ ትግርኛ 'ርእዩ' ኢላ ተተርጕማ ዘላ ቃል ግሪኽ፣ ሓደ መዝገበ ቃላት ሰለስተ ገጽ ጽሒፉ ብኽምዚ ዚስዕብ የብርሃ። ኣተኮርኩም፣ ተገሪምኩም፣ ኣጸቢቕኩም ኣስተውዒልኩም ... ኣቕልዑ፣ እሞ ተረድኡ። ብእኡ መሰረት ድማ ስጉምቲ ውሰዱ። እምብኣርከስ ክምኡ ጌርና ክነቕልበሉ ዝግብኣና ፍቕሪ ኣምላኽ ኣሎ። ክምኡ ጌርና ምትኳርና ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ዓወት ምርካብና መልሲ እዩ። 'ርእዩ'።

1.2 <u>ክልተ ዓይነት ምትኳር</u>።

ሀ. ኣንጻሩ ኳንና እነተኮረሉም ኣለዉ። ዝምርዓዉ ሰብ ቃል ኪዳን እቲ መርዓዊ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚሩ ካልእ ሰበይቲ ብሂጉ ከይጥምት፣ እታ መርዓትውን ካልእ ሰብኣይ ብሂጋ ከይትጥምት ኪዳን ይኣትዉ። ክምኡ ድማ እቶም ሰዓብቲ የሱስ ክርስቶስ ንካብ ኣምላኽም <u>ኣስዲዱ</u> ኣብ ሓጥያት ዘውድቆም ነገራት ከይብህጉዎ ሰብ ኪዳን እዮም። ልቦም ናብ ዓለም ከይሰልል፣ ኣእምርኣም ብሓሶት ከይምረዝ ኣትኪሎም ኣንጻር ኮይኖም ዝቃለስዎን ዓወት ዝጭብጥሉን ኣለዎም። (መበል ዓሰርተው ክልተን ዓሰርተው ሰለስተን ትምህርታት ርኣዩ)። ግናኸ እቲ ዝዓበየ ዓወቶም፣ ቦታ እኳ እንተለዎ፣ ናይ ምክልኻል፣ ናይ ኣንጻር ምኻን ኣይኮነን።

ለ. ዝዓበየ ዓወቶም እቲ ብምስእ ልቦም አብ ፍቕሪ አምላኽን ተስፋ ታቱን ብምግባር ዝረኽብዎ ሓጕስ ናይ ህይወት እዩ። ሰብ ቃል ኪዳን መርዓዊ ብካልኡት ኣንስቲ ዘይምዕዛሙ፣ መርዓትኡን ብካልኡት ሰብኡት ዘይምዕዛማ ኣድላዪ እኳ እንተኾነ ኣዝዩ ንእሽቶ ምዕራፍ ናይ ህይወቶም እዩ። እቲ ዝዓበየ ዓወቶም አብ ነንሓድሕዶም ዘለዎም ፍቕርን፣ እምነትን ... ወዘተ፣ እዩ። ከምኡ ገይርም አብ ፍቕሪ አምላኽ ዝሰጠሙ ክርስቲ ያናትሲ ከመይ ገይሩ ሓጥያት አብ ህይወቶም ቦታ ኪረክብ ይኽእል?

2. ብዛዕባ እቲ ዝማርኽና ፍቕሪ አምላኽ እስከ ንመልከት።

አምላኽ ፈጣሪ፣ ዚሰእኖ ዘይብሉ፣ ዘለኣለማዊ፣ ኩሉ ዚፈልጥ፣ ቅዱስ፣ ሓያል ... ወዘተ እዩ። ምስናይ እዚ ኩሉ አምላኽ ፍቕሪ እዩ። አምላኽ ከም ዘፍቅረኒ ክሓስብ ክለኹ እግረም፣ እሕኰስ፣ እጸናናዕ፣ ተስፋ እገብር፣ ሓይሊ እረክብ ዓወት ይሞላብኒ ... ወዘተ። ነዚ እዩ ሃዋርያ ዮሃንስ ብኣድንቆት '... ርኣዩ... ፍቕሪ አምላኽ...' ዝበሎም።

2.1 <u>እንታይ እዩ ፍቕሪ አምላኽ ንዮሃንስ ዚዓዘሞ?</u> ፍቕሪ ብናፍቆት፣ ብምፍታው፣ ብኣድንቆት፣ ብባህጊ፣ ብምስትውዳል፣ ብጸጋ፣ ብተወፋይነት ናብ ካልእ ኣጥብቆ ኣሊሉ ብጸዩ ዚገብረካ ምስጢራዊ ብርኪዕ ሓይሊ እዩ። ፍቕሪ ጽምዋ፣ ብሕትውና ዘየፍትወና ስለ ዝኾነ ብጸይ፣ ብጸይቲ ንደሊ። ናይ ፍቕሪ ምስጢር ብምልኣቱን ብፍጽምናኡን አብ አምላኽ ጥራይ ይርከብ። ብዛዕባ ' ... ርኣዩ ... ከመይ ዝበለ ፍቕሪ...' ዚበለና ዮሃንስ ሓሙሽተ ባህርያት ናይ ፍቕሩ ነስተብህል።

2.2 <u>ባህርያት ፍቕሪ አምላኽ</u>

ሀ. ናይ ወላዲ ፍቕሪ ከም ዝመስል ምእንቲ ከነለልዮ እቲ አቦ ኽ መይ ዝበለ ፍቕሪ ሃበና' ይብል። ሰባት ብዕርክነት፣ ብመርዓ፣ ብማሕበር፣ ብሃገር፣ ብበብጓንይኑ ርክባት ተቓሪቦም ይፋተዉ፣ ይፋቐሩ እዮም።

ናይ ወላድን ውሉድን ፍቕሪ ኣዝዩ ሓያልን ንሓዋሩን እዩ። በቲ ፍ ቕሩ አምላኽ ወላዲና ምኽኑ <u>ይስመጠና</u>። ንአምላኹ ከም ወላዲ ገይሩ ዚ ፈልጥ ክርስትያንሲ ከሳዕ ክንደይ እዩ ንሓጥያት አብ ህይወቱ ቦታ ዚህ ብ? ውሉዳት አምላኽ ስለ ዝኾነና ብቐሊል ኣንጻሩ አይንኽይድን።

ለ. መዘና የብሉን። ሃዋርያ ዮሃንስ ብሓሳቡ ከመዝኖ ፈቲኑ። ኣዝዩ ስለ ዝዓበየ ድማ ብኣድንቆት '... ኽመይ ዝበለ...' ኢሉ ይገልጾ። አብ ዓ ለም ዝርኣዩ በብዓይነቶም ፍቕርታት በብሚዛኖምን ዋጋኦምን ተርእንተ ነ ብሎም፣ ፍቕሪ አምላኽ ብጕይታና የሱስ ክርስቶስ እቲ ቀዳማይን ዝዓበየ ን ኩይኑ ምረኽብናዮ።

ሐ. ዘለኣለማዊ እዩ። ከሳዕ መኣሰ እዩ አምላኽ ብዓቢ ፍቕሪ ዘፍቅ

ረና? አብ 2ይን 3ይን ጥቕስታት ሃዋርያ ዮሃንስ ክልተ መልሲ ይህበና፡ክ ሳዕ የሱስ ዚምለስን ንሕና ድማ ንእኡ ክሳዕ ንመስልን ዚብል። ብሓጺሩ ንዘልኣለም የፍቅረና ማለት እዩ። ፍቕሩ መወዳእታ የብሉን። አይኪሰፍን ድማ እዩ አብቲ ዝብጻሕ ክሳዕ እንበጽሕ። ወልዲ ንደቆም ክጸፉ ክለዉ ጥራይ ዘይኮነስ ክንፍጡ ክለዉ እውን ይፈትዉምም። ንፋጠም ጽርግ አ ቢሎም ይስዕምዎም። እናኾሰኰሱ አብ ዝብጻሕ የብጽሕምም። ብመንፈ ሳዊ አዘራርባ ድማ ከምኡ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ንክርስቶስ ክሳዕ ንመስል እናኣሳለየ እናኣጽፈፈ እናኣበርትዐ አብ ዝብጻሕ የብጽሓና። አምላኽ በብ ዝጕደልናዮን ዝወደቕናዮን ቅዝፍ ዘብለና እንተ ዝኾውን ይትረፍዶ ተራ ክርስትያናትሲ እቶም ጀጋኑ ከም በዓል ማርያምን፣ አብርሃምን ጳውሎስን ... ወዘተ፣ እኳ አይምተረፉን።

መ. ውሉዱ ዚገብረና ፍቕሪ እዩ። በቲ ፍቕሪ አምላኽ ደቂ አምላኽ ከም እንኾውን ሰለስተ ሳዕ ይደጋግሞ '... ውሉድ አምላኽ ኢና... ከምኡ' ውን ኢና ... ሕጂ ውሉድ አምላኽ ኢና' እናበለ። (ጥ 1-2)። ውሉድ ኣ ምላኽ ምኽን ፍሉይ በረኸት እዩ። ሓልዮት አምላኽ ንኹሉ ፍጥረት፣ ን ሓጥኣንን ጻድቃንን ንእንስሳታትን ይወሃበም። እቶም ውሉዱ ዝኾኑ ግና ጥራይ እቶም ንየሱስ ክርስቶስ ከም መድሓኒኦም እተቐበሉ ዝውሃብ ጸጋ እዩ።

ሰ. ውሉድ አምላኽ ምኽንና ዓለም ዋጋ ከም ዘይትህቦን ዘይትእመኖ ን ምኽኑ አብ ቀዳማይ ጥቕሲ ይነግረና። ናይ ብሓቂ ክርስትያናት ም ኽንና ተቐባልነት ካብ ዓለም ክንረኽበሉ አይንጽበዮን፣ አይንደልዮን ከኣ ኢና። አረ ብመትከል አንጻር ዓለም ዝኾተቱ ኢና። ውሉድ አምላኽ ም ኽንና ምስክር ናይ ጸጋኡን መንፈስ ቅዱስ አብ ህይወትናን አኻሲ ምስ ክር እዩ። ምስክር ናይ ዓለም አየድልየናን እዩ።

3. እንጽበዮ ዓቢ ተስፋ አሎና። ምምላስ ናይ የሱስ ክርስቶ ስን ተስፋ ናይ ዘልኣለም ህይወትን ንጽበ አሎና።

ስለዚ ነቲ ካብዚ ትጽቢት እዚ ዝኾልፈና ሓጢኣት አብ ህይወትና ቦታ አይንህቦን። ከም መርዓኣ ትጽበ ዘሎና ሕጽይቲ ኢና። ስለዚ ንተስ ፋና አብ ዘግራስሕ ሓጢኣት አይንወድቕን። (ጥ 2ን 3ን)

3.1 <u>ብምምላሱ ብርግጽ እንጽበዮም በረኸታት ብብዝሒ አለዉ</u>። ኮነና ተስፋ ዘለዎም ካልኦት ሰባት የለዉን። ተስፋታት ትንሳኤ ካብ ምዉታን፣ ዕርገት ናብ ሰማይ፣ ምርኻብ ምስ ኩሎም ደቂ አምላኽ፣ ምትካል ጽድቂ ዝነግሰሉን አበራት ዘይብሉን ሓድሽ ሰማይ ምድርን፣ ሰይጣንን ኣጋንንቱን ክፉኣት ሰባትን ተሳዒሮም ዝጠፍኡሉ ዘመናት ንጽበ አሎና። ደቂ ትንቢ ት ኢና። ካብቲ እንሓስቦን ተነጊሩና ዘሎን ዝበዝሐ ከም ዘሎ ምእንቲ ክንፈልጥ፣ 'ኣቲም ፍቁራተየ፣ ሕጂ ውሉድ አምላኽ ኢና፣ እንታይ ከም እንኾውን ከኣ፣ ገና አይተገልጸን' ይብለና ዮሃንስ።

3.2 <u>ካብቲ ብዙሕ ተስፋታት ትንቢት ብዝዓበየ ከኣተኵረላ እቲዋህበትና ከኣ እታ ከንናፍቓ ዝግብኣና ትንቢት ምምላሱ እዩ።</u> ኩሉ ትንቢት ኣብ ኣ ተጠሚሩ ኣሎ።(ጥ 2)። ነቲ ሃረር ንብሎ ዝነበርና የሱስ ክርስቶስ ሽ ው '... ከምታ ዘለዋ ክንርእዮ ኢና።' ንሕና ድማ ሽው ብትንሳኤ ንእኡ። ብቐድስና ንእኡ ክንመስል ኢና።። ሞትን ድኻማትን ኣበራትን ምድራዊ ደረታትን ዘይብሉን ዘየርክቦን ኣካላት ብትንሳኤ ክንለብስ ንጽበ ኣሎና።። (1ይ ቁሪ 15፡35-32 ኣንብቡ)።።

ከምዚ ኮይኑ ተስፋ ምምላሱ ዚጽበ ክርስትያንሲ ንኹላፈ ዝኹነ ሓ ጥያት ኣብ ህይወቱ ቦታ ይህብዶ? ዘይመስል እዩ።። እዚ ተስፋ እዚ ከመ ይ ጌርና ከም እንነብር ዘዋሪ ህይወትና ይኸውን፣

ሀ. እዛ ተስፋ እዚኣ ብርግጽ ዘላትና እንተ ድኣ ኴንና ከመይ ጌርና ከም ንነብር ተለብመና።። ንሓጥያት ኣብ ህይወትና ቦታ ኣይንህቦን።። ከም ቲ የሱስ ክርስቶስ ንጹህ ዝኾነ ብንጽህና ምንባር ትድርኽና (ጥ 3)።። እ ዛ ተስፋ እዚኣ ኣብ ክንዲ ከምቲን ዓያሱ ደናግል ከምቲን ስባግት፣ ኣብ ክንዲ ከምቲ ቀባር መክሊቱ ከምቶም ሀርኩታት፣ ኣብ ክንዲ ከም እቶም ርጉማት ርሓቕ ካባይ እተባህሉ፣ ከምቶም ብሩኻት እተባህሉ ኴንና ክንነ ብር መለበሚትና ትኾነና።። ማቴ 25፡1-13፣ 14-23፣ 31-40።።ራእ 22፣ 20።። 2ይ ጴጥ 3፡13። 2ይ ጢሞ 4፡8 ክኣ ብተወሳኺ ኣንብቡዎ።።

ለ. እታ ግሲ ናይ 'ንገዛእ ርእሱ የንጽህ ኣሎ'እትብል ሓረግ ነቕልበ ላ።። የንጽህ ኣሎ። ስዋስዉ ናይ ቀጻሊ፣ ናይ ዘወትር ተግባር እዩ።። ናይ ሕሉፍ ኣይኮነን።። ስለዚ እዚ ህይወት እዚ ብጸጋ ኣምላኽ እናዓበና፣ እና ሰስንና፣ እናተመሓየሽና እንግስግስሉ ናብራ እዩ።። ዕላማና ድማ ንየሱስ ክርስቶስ ምምሳል እዩ።።

ብዛዕባ ምክፋልና ኣብቲ ምምላስ የሱስ ክርስቶስን ሽው ዝፍጸሙን እ ንድዒ ዝብሉ ሰባት ዘይኮነስ ርግጸኛታት ክንከውን ናይ ግድን እዩ።። እን ድዒ ዚብል መልሲ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይፈቅዶ እዩ።። ወይ እዛ ተስፋ እዚኣ ብርግጽ ኣላትና ወይ ከኣ የብልናን።።

ሐ. እዛ ተስፋ እዚኣ ብርግጽ ዘይብሎም፣ ወይ ድማ ዘይብሎም ከለ ዉ፣ ዘለዎም ዝመስሉ ኣለዉ።። እቶም ተስፋኦም ርግጸኛ ዝኾነ ግና ንፈ ተናታት ሓጥያት ይስዕርም።። ርግጸኛታት ክንከውን እምላኽ መገዲ ገይሩ ልና ኣሎ።። ነቲ መገዱ ክንኣትዎ፣ ብእኡ ክንግስግስ፣ ፍቓደኛታት እንተ ድኣ ኴንና።።

ሕቶታትን ዝርርብን


1. ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞና ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ክንዕወት ናይ ግድን

እዩ።። እተረጋገጸ ዓወት እንሞብጥ ድማ ህይወትና ክሳዕ ክንደይ ብ ፍቕሪ ኣምላኽ ከም ዝማረኽ እዩ።።

ሀ. ሓይሊ ናይዚ መንፈሳዊ ምስጢር ተንትኖ።።

ለ. ብዛዕባ እዚ ኣብ ሮሜ 8፡31-39 ይዛረብ።። ኣንብቡ።።

2. ካልኣይ፣ እቲ ክርስትያን በቲ ንምምላስ የሱስ ክርስቶስ ዘለዎ ትጽቢ ት ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ዓወት ይረክብ።። ከመይ ኢሉ እዚ ምንጪ ናይ ዓወት ከም ዝኸውን ተንትኖ።።



መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ ትምህርቲ

9ይ መፈለጥታ፣ መንፈሳዊ ቃልሲ

2ይ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት

ሓጢኣት እንታይ ምኻኑ ብምርዳእ

1ይ ዮሃ 3፡4-12

መእተዊ

ልቡን ኣእምሮኡን ብፍቕሪ ኣምላኽ እተማረኸ፣ ነቲ ምምላስ የሱስ ክርስቶስ ድማ ተስፋ ገይሩ ዝጽበ ኣማኒ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ከም ዚዕወ ት ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ ትምህርትና ተማሂርናዮ።። ብተወሳኺ ሓጢኣት እንታይ ምኻኑ ብምርዳእ ንሓጢኣት ይሓርሞ እሞ ዓውቱ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ዝረጉዶ ይኹነሉ።። ምርዳእና ብዛዕባ እንታይነት ሓጢኣ ት እዩ?

ቀንዲ ሓሳባት

ሓጢኣት እንታይ ምኻኑ ንጹር ምርዳእ ዘለዎ ኣማኒ፣ ብትኽ ዝበለ ስጕምቲታት ይወስድ።። ኣብ ሓዚእናዮ ዘሎና ጽሑፍ፣ ሃዋርያ ዮሃንስ፣ ብ ዛዕባ እንታይነት ሓጢኣት ሓሙሽተ ነጥብታት ዝሓዘ ምርዳእ የስንቕና። በዚ ምርዳእ እዚ ድማ ምሉእ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሓጥያት ንሞብጥ።።

ዓይኑንሪ

1. ሓጢኣት እንታይ እዩ? ሓጢኣት ምፍራስ ሕጊ እዩ።። (ጥ 4)
   1.1 ናይ መን ሕጊ?
   1.2 ምፍራስ ሕጊ ኣምላኽ እንታይ ማለት እዩ?
   1.3 ሓጢኣት እናገበረ ሰዓብ ክርስቶስ እየ ንዚብል ሰብ ዮሃንስ ዚህቦ ምላሽ (6ለ)፣

1.4 ኣንጻር ትምህርቲ ዮሃንስ ዝምህሩ ሰባት? (ጥ 7ሀ)።።

2. የሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ሓጢኣት ዝወሰዶ ኣቐቕምን ዕጥቅን፣ (ጥ 5ን 8ን)።

3. ሰዓብቲ የሱስ ክርስቶስ ምኺንን ሓጢኣት እናገበርና ምንባርንሲ ክነ ቋርኖ ከቶ ከም ዘይክኣል ንርዳእ።።
   3.1 ከም ዘይቋረን ጥቕሲ 6 ኩቲቱ ዓጽይም እዩ።።
   3.2 እቲ ኣብ ህይወት እቲ ሓቀኛ ክርስትያን ሓዲሩ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ፣ ሓጢኣት ኪገብር ሽለል ኢሉ ኣይርእዮን እዩ።
   3.3 ህይወት ሰዓብ ክርስቶስ ብጽድቅን ፍቕርን ይልለ።
   3.4 ዝዓበየ ዓወት ኣለ።። (ሀ - ለ)
4. ሓጢኣት ዲያብሎሳዊ እዩ።።
   4.1 ጀማሪ ሓጥያት ድያብሎስ እዩ።። (ጥ 8)
   4.2 ሓጢኣት ዚገብር ሰዓቢ ድያብሎስ እዩ።። (ጥ 8)።።
   4.3 ድያብሎስን የሱስ ክርስቶስን ኣይተዓረቕን እዮም።። ብመትከል ኣንጻር እዮም።።
5. ሓጢኣት ዝብሃግ መልክዕ የብሉን።። (ጥቕሲ 10-12)።።
   5.1 ወጊድ ሓጢኣት ዝብሃል ድኣ እምበር።።
   5.2 ሓጢኣት ቀታል ሕውነት እዩ።።

ትንታኔ

1. ሓጢኣት እንታይ ምኺኑ ብምርዳእ መዚትና ወጊድ ኢልና ንቃለሰ እሞ ኣብ ልዕሊ ሓጥያት ዓወት ንሞብቲ።። ሓጢኣት ምፍራስ ሕጊ ምኺኑ ጽቡቕ ጌርና ክንርድኦ ሃዋርያ ዮሃንስ ይምህረና።።

1.1 ንሓጢኣት ካብ ገበንን ወንጀልን ... ወዘተ፣ ፍሉይ ዝገብሮ እቲ መ ፍረስ ሕጊ ጠሓሲ ኣብ ርእሲ ምኺኑ ናይ መን ሕጊ ይጥሕስ ምህላዉ እዩ።። ሓጢኣት ምፍራስ ሕጊ ኣምላኽ እዩ።። ምፍራስ ሕጊ ናይቲኩሉ ዝ ኽእል፣ ኩሉ ዚፈልጥ፣ ኣብ ኩሉ ዘሎ፣ ቅዱስን፣ ፈቃርን፣ ዘለኣለማውን፣ ከም ወላዲ ናባዪ ዝኾነን ኣምላኽ እዩ።። ሓጢኣት ደፋራትን ዓያሱን በ ደልቲ ዝገብረና ተግባርን ባህርይን እዩ።። ሕጊ ኣምላኽ ኣፍራሱስ መን እ ዩ ዘምልጥ? ሓጢኣት ምስባር ሕግን፣ ምስባር ልብን ናይ ኣምላኽ እዩ።። ንጉስ ዳዊት ምስ ባትሴባ ክዝሙ ከሎ ንእኣ ጥራይ ዘይኮነስ ንሰብኣያ ኡርያን፣ ንብዙሓት ካልኦትን በዲልዎም ነይሩ።። ግናኽ ኣንጻር ሰባት ጥ ራይ ዘይኮነስ ኣንጻር ኣምላኽ ከም ዝበደለ ምፍላጡ መረር።። ስለዚ እዩ ኣብ መዝሙር ዳዊት 51።4ለ 'ኣነ ንኣኻ ጥራይ በደልኩ፣ ኣብ ቅድሚኻ እከይ ገበርኩ' እናበለ እተናገዘ።። ኣንጻር ሕጊ ኣምላኽ ጥሒስና ንክ[illegible]ኦት ሰባት እንብድሎም ኩሉ በደል፣ ንኣምላኽ ምብዳል ድማ ምኺኑ ኣጸቢቹ ክስቁረና ይግባእ።።

1.2 ምፍራስ ሕጊ ኣምላኽ እንታይ ማለት እዩ? ሕግታት ናይ ኣምላኽ ከምዚ ግበሩ ከምዚ ግና ኣይትግበሩ፣ ከምዚ ኩኑ ከምዚ ግና ኣይትኹኑ ዝብለና ትእዛዛቱ እዩ።። ሕግታት ናይ ኣምላኽ ምስኡ እንስማምዓሉ ወይ ዘይንስማምዓሉ ናይ ውዕል ጉዳያት ኣይኮነንን።። ትእዛዛት እዩ።። ክንእዘዞ ድማ ካብ ኣምላኽ ምኺኑ ምፍላጥ ጥራይ እዩ ዘድልየና።።

ሀ. ትእዛዛት ናይ ኣምላኽ ኣበይ ንረኽቦ? ኣይፈለጥኩምን ኪብል ዝ ኽእል ሓደ እኺ የልቦን።። ቅሉዕ እዩ።። ገሊኡ ብፍጥረት ኣብ ሕልናና ሰ ሪጹ ይዓዪ።። ሮሜ 2።14-15 ኣንብቡ።። ኑቲ ድምጺ ሕልና እናጠሓስና ክነጉድሞ፣ ክነደንዝዞ ይክኣል እዩ።። (ኤፌ 4።17-19)።።

- ወጻኢ ካብ ሕልናና ኣብ ፍጥረት ክነስትብህሎ ንኽእል።። መዝ ሙር 19።1-4፣ ግሃ 14።15-18፣ 17።22-34፣ ሮሚ1።18-32 እና ኣ ቕለብኩም ኣንብቡም።።
- ኣብ ታሪኽ ከኣ ንርእዮ።። ኣብ ተመክሮ ግለ ሰባትን፣ ሕብረተ ሰ ባትን፣ ህዝብታትን ንርእዮ።። ዘርኢ ዘሪእካ ዓጺድ ዝርከብ ካብ እ ኽልን፣ ካብ ካልኦት ብቕሩልን ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ጠባያት ዘር እን ዓጺድን ከም ዘለዉ ንፈልጥ።። እንስሳታት ሕልና ወይ ናይ ሞራል ታሪኽ ወይ ናይ ምምሃር ካብ ፍጥረት ብተመክሮታት የብሎምን።። ንሕና ግና ሕግታት ናይ ኣምላኽ እንፈልጠሎም ዕ ድላት ኣለዉና።። ገላ 6።7-10።።
- ልዕሊ እዚ ኩሉ ከልተ ዓበይቲ ምንጭታት ናይ ሕግታት ኣምላ ኽ ዘፍልጡና ኣለዉና።። መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ሓደ ክኽውን ከሎ እቲ ካልኣይ ድማ ኣብቲ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ዘሎ የሱስ ክ ርስቶስን እዮም።።ኣንጻር እዚ ምኻድ እቲ ዝዓበየ ሓጢኣት እዩ።።

ስለዚ እቲ ሰዓቢ ክርስቶስ ሕልናኡ ያዕ እናበለ፣ ፍጥረት ኣምላኽ እ ና ኣጠንቀቐ፣ ተመክሮታት ናይ ዝሓለፉ ሰባት መለበምን ኣርኣያን እናሃ ቦ፣ ልዕሊ ኩሉ ድማ ቃል ኣምላኽ ብየሱስ ክርስቶስን መንፈስ ቅዱስን እ ናሓበረሉ፣ ነዚ ኹሉ ጥሒሱ ሓጢኣት ኣይፍጽምን እዩ።። ሓጢኣት ምፍ ራስ ሕጊ ምኺኑ ተረዲኡ ንሓጢኣት ወጊድ ይብለ እሞ ይዕወት።።

ለ. ዝርዝር ሕግታት ናይ ኣምላኽ ኣለናዶ? መጽሓፍ ቅዱስ ዘንብብ ሰብ ዳርጋ መብዝሕትኡ መጽሓፍ ቅዱስ ትእዛዛት ሕግታት ናይ ኣምላኽ ምኺኑ ብቕሊል የስተብህሎ።። ንኣብነት ዝስዕባ ክፍልታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብቡወን።። 1ይ ቁሬ 6።8-10፣ ኤፌ 4።25-32፣ ኢሳ 5።16-24፣ መዝ 19።7-14።።

ሐ. ምሕላው ሕግታት እግዚኣብሄር እተረጋገጸ በረኸት፣ ምፍራሱ ድማ እተረጋገጸ መቕጻዕቲ ካብ ኣምላኽ ዝወርድ ከም ዘለዎ ኣዝዩ ክስቁ ረና ይግባእ።። ስለዚ እዚ ተረዲኡም እቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ ተቕበልቲ

በረኽቱ ድኣ እምበር ተቐበልቲ መዓቱ ምእንቲ ከይኮኑ ንሓጢኣት ወጊድ ይብልዎ። ንሓጥያት ኣብ ሀይወቶም ቦታ ኣይህብን።

1.3 ኣብ ሓጢኣት እናነበርና ተዋህዶ እየ፣ ካቶሊክ እየ ወይስ ክንሻ እየ ኢልና እንተ ተነየትና እንታይ ዋጋ ኣለዎ? ሃዋርያ ዮሃንስ ዝሀበና ብትኽ ዝበለ ዘለምብድ መልሲ ንስምዓዮ። 'ነፍስ ወከፍ ሓጢኣት ዚገብር ኣይረኣየንን፣ ኣይፈለጠንውን' ይብለና። ኣይረኣዮን ማለት የሱስ ክርስቶስ መን ምኺኑን እንታይ ኪገብር ከም ዝመጸን ኣይተረድኦን ማለት እዩ። ኣይፈለጠን ማለት ድማ ሰዓብ የሱስ ክርስቶስ ምኺንን ካብ ሓጢኣት ዘድሕንጸጋኡ እንታይ ምካኺኑ ኣይጠዓሞን ማለት እዩ። ጥቕሲ 6 ኣስተብህሉሉ።

1.4 ኣንጻር እዚ ሃዋርያ ዮሃንስ ዝምህሮ ዝምህሩ ክርስትያናት ኢና በሃል ቲ ነይሮም። ብዛዕባኦም ኣብ ካልኣይን ሓምሻይን ትምህርትና ተማሂር ና። እቶም ክርስትያናት ምርዳኦም ብዛዕባ ሓጢኣት ሓቢሉ ከይጋገዩ፣ 'ደቀየ ሓደኺ ኣየስሕትኩም' ይብሎም። ምርዳእና ብዛዕባ ሓጢኣት ሓቀኛን ጥውይን ብምግባር ንሓጢኣት ኣብ ሀይወትና ቦታ ኣይንህቦን። ጥቕሲ 7 ኣስተብህሉሉ።

እምብኣርከስ፣ ሓጢኣት ምፍራስ ሕጊ ኣምላኽ ምኺኑ ተረዲእና፣ ብ መስሓትቲ ከይተታለልና ንሓጢኣት ብመትከል ወጊድ ንብሎ'ሞ ንዕወት፣ ዕዉታት ዚገብረና ካልእ ኣጽዋር ክኣ ኣሎ'ና።

2. ገድሊ ናይ የሱስ ክርስቶስ ኣሎ።

የሱስ ክርስቶስ ናብዛ ዓለም ዘምጽኦ ሓደ ኣገዩ ዓቢ ዕላማ ነይርዎ። ም እንቲ 'ንሓጢኣት ኪርሕቕ'እዩ መጺኡ(ዮ 5)። ሓጢኣት ግብሪ ናይድያ ብሎስ እዩ። 'ግብሪ ናይ ድያብሎስ ምእንቲ ኪፍርስ እዩ' የሱስ መጺ ኡ (ዮ 8)። ስለዚ የሱስ ክርስቶስ ንሓጢኣት ካብ ሀይወትና ኪርሕቕን ከፍርሶን ድኣ እምበር ንእሽቶ ቦታ ክሓድገሉ ኣይመጸን። እምብኣርከ ሓ ጢኣት ምፍራስ ሕጊ ምኺኑ ብምርዳእና እንዕወቶ ዓወት ጥራይ ዘይኮነስ የሱስ ክርስቶስ ብዕሉ ካብ ሀይወትና ክርሕቕን ከፍርሶን ዓጢቕሉ እዩ። ስ ለዚ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ክንዕወት ናይ ግድን እዩ።

3. ሰዓብቲ የሱስ ክርስቶስ ምኺንን ሓጢኣት እናነበርካ ምን ባርን ኣይቕረንን እዩ።

3.1 ሓውን ሓሰርን ብሰላም ንበሩ ክም ማለት እዩ። ክም ዘይቕረን ጥቕ ሲ 6 ኪቲቱ ዓጽይም እዩ። 'ኣቲ ኣብኡ ዚነብር ዘበለ ኮሉ' ማለት ነፍስ ወከፍ ሰብ፣ ሰዓቢ ናይ ክርስቶስ ምኺኑ ዚእመን ዘበለ፣ 'ሓጢኣት ኣይገ ብርን እዩ' ይብለና። ሓደ ሰዓቢ ክርስቶስ እየ ግናኸ ብዘይ ሓጢኣት ዝ ነብር የለን እንተበለኸ? ኣረ ዘደፋፍሮ ትምህርትን መምህራንን እንተረኸ

በኸ? 'ነፍስ ወከፍ ሓጢኣት ዚገብር ኣይረኣዮን ኣይፈለጠንውን' ኢሉ ይ ምልለና ዮሃንስ። (ዮ 7)።

3.2 ሓጢኣት እናገበረ ሰዓቢ ክርስቶስ ምኺኑ ዝመስሎ ስብ፣ ምስ ድያ ብሎስ ድኣ እምበር ምስ ክርስቶስ ተቓሪኑ ይጉዓዝ ክም ዘየሎ፣ ንሕስያ ዘይብሉ መልሲ ዮሃንስ ዚህቦ ኣብ ጥቕሲ 8ን 10ን ተመልከቱ። ስለዚ እቲ ሰዓቢ ክርስቶስ ምስ ሓጢኣት ተማሓዝዩ ኣይጉዓዝን እዩ።

3.3 እቲ ክርስቶስ ኣብ ሀይወቱ ዝሰረጸ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ዝምራሕ፣ ቃል ኣምላኽ ወትሩ ዝምገብ፣ ንሕብረት ኣመንቲ ዚፈቱ፣ ተስፋ ዘልኣለም ሀይ ወት ዘለዎ ኣሚኒ ሓጢኣት ክገብር ኣይኮነሉን እዩ። ጥቕሲ 6ሀ፣8ሐ፣9ለ ክቱት ገይሩ ዝዛረበሉ ኣስተብህሉሉ።

3.4 ዝዓበየ ዓወት ኣሎ። ንሓጢኣት ወጊድ ብምባል ዝንእሰ እዩ። እቲኣ ሚኒ ኣብቲ ተዓጢቕሉ ዘሎ ጉዳይ ዚሃንጸ፣ ዚግስግሶ፣ ዘስልጦ፣ ዝዓበየ ዓ ወቱ እዩ።

ሀ. ጥቕሲ 7። ኣስር የሱስ ክርስቶስ እናሰዓበ እቲ ቅኑዕ ዘበለ ወይ ጽድቂ ዘበለ ይገብር። 'ክምቲ ንሱ (የሱስ ክርስቶስ) ጻድቕ ዚኾ ነ፣ እቲ ጽድቂ ዚገብር ከኣ (እቲ ኣማኒ) ጻድቕ እዩ'።

ለ. ጥቕሲ 11። እቲ ሰዓብ ክርስቶስ፣ ኣሰር የሱስ ክርስቶስ እናሰዓ በ እቲ ቅኑዕ ዘበለ ዚገብር፣ ብፍቕሪ ተደሪኹ ይፍጽሞ።

4. ሓጢኣት ድያብሎሳዊ እዩ።

4.1 ጀማር ሓጢኣት ድያብሎስ እዩ። ትዕቢት፣ ዘይምእማን፣ ደረትካ ዘይ ምልላይ፣ ዘይምቕባል፣ ዘይምእዛዝ፣ ድፍረት፣ ዕልወት፣ ሓሶት ... ወዘተ፣ ሓጢኣት ናይ ድያብሎስ እዩ። (ዮ 8)

4.2 ንኣዳምን ንሄዋንን በቲ ናቱ ኣተሓሳስባን ዕልወትን መሪሑ ናቱ ተኽ ተልቲ ገበሮም። (ዮ 8)። ንቃየል ድማ ብቕንኢ መሊኡ መረዞ። ጸላእን ቀታልን ሓዉ ክም ዝኸውን ገበሮ። ኣብ ሓጢኣት ዘለዎ ጽድቅን ፍቕር ን ቦታ የብሉምን። (ዮ 12)።

4.3 ድያብሎስን መትከላቱን ምስ ክርስቶስን መትከላቱን ብማእከላይ መር ገጽ ክዕረቕ ኣይክኣልን እዩ። ስለዚ እቲ ሰዓብ ክርስቶስ ናይ ግድን ሚ እቲ ካብ ሚእቲ ንክርስቶስ እተወፈየ ኣማኒ ስለ ዝኾነ ኣብ ሀይወቱ ን ሓጢኣት ቦታ የብሉን።

5. እቲ ጸጋ ክርስቶስ ጥሚሙ ሰዓብ ክርስቶስ ዝኾነ ኣማኒ ርዱእ እዩ።

- ሓጢኣት ምፍራስ ሕጊ ኣምላኽ ምኺኑ።

- የሱስ ክርስቶስ ንሓጢኣት ካባና ከርሕቆ ከም ዝመጸ፡፡
- ፈራርቆስ፡ ለኽባዊ ሃይማኖት አምላኽ ከም ዘይቅበሎ፡፡
- ሓጥያት ዲያብሎሳዊ ምኽኑ፡፡
- ናይ ሓጢኣት ህይወት ዝፍንፈን ድኣ እምበር ዝብሃግ ከም ዘይብሉ ይርዳእ፡፡ ብጸጋ አምላኽ ድማ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ይሰወት፡፡

ሕቶታትን ዝርርብን

1. ሃዋርያ ዮሃንስ ከም ዚምህረና፡ ኣብ ህይወት ሰዓቢ ክርስቶስ ሓጢኣት ቦታ የብሉን፡፡ ሓሙሽተ ዓበይቲ መርትዖታት ድማ ይህበና፡፡ ሓሙሽቲኣን ስመየን፡፡ ብመሰረት እቲ ዓይነ-ንስሪ ድማ ኣስፈሕካ ኣብርሃየን፡፡

2. ሃዋርያ ዮሃንስ ዝምህሮ ብዛዕባ እተምሃርናዮ ኣርእስቲ፡ ሓጢኣት ኣ ብ ህይወት ኣማኒ እንታይ ቦታ ኣለዎ ዚብል፡ ምስ ርእይቶ ሃይማኖታትን ሓሳባትን ናይ ሰባት ክሳዕ ክንደይ ይሰማማዕ?



መበል ዓሰርተው ሸዱሽተ ትምህርቲ
10ይ መፈለጥታ፡ መንፈሳዊ ቃልሲ
3ይ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት
ኣብ ዕለታዊ ናብራና
1ይ ዮሃ 3፡13-24

መእተዊ

ብዛዕባ መንፈሳዊ ቃልሲ እዘን ዝስዕባ ተማሂርና፡ ብዛዕባ፡ ዓወት ኣብ ልዕሊ ዓለም፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ክልተ ትምህርቲ፡ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሓሰት፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ሰለስተ ትምህርቲ፡ 1ይ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ ትምህርቲ፡ 2ይ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ ትምህርቲ፡፡

ቀጺልና ሳልሳይ ክፍሊ ብዛዕባ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ኣብቲ ዕለታዊ ናብራና፡ ኣብ መበል ዓሰርተ ሸዱሽተ ትምህርቲ ተመልኪትና ንደ ምድሞ፡፡

ቀንዲ ሓሳባት

ዮሃንስ ኣብቲ ኮሉ ዝጋጠሞም ዕለታዊ ናብራኦም ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት እናተዓወቱ ክነብሩ ይምህሮም፡፡ ንኣና ድማ ከምኡ፡፡ ምስቶም ናይ እምነት መጋውርትኻ፡ ኣብ ገዛ ምስ ሓዳርካን ደቅኻን፡ ምስ መሳርሕትኻ ምስ ጕረባብቲ፡ ... ወዘተ፡ ክትነብር ከሎኻ ክትኮሪ፡ ክትቀንእ፡ ክትሓርቕ፡ ክትሕሱ፡ ... ወዘተ ክትፍተን ኢኻ፡፡ ኣብዛ ሸግርን ድኽነትን ዝመልኣ ዓለም ክትነብር ከሎኻ፡ ነቶም ዝሸገሩ መርሃዊዶ ኢኻ? ጥራይ ናይ ልሳን መፍቀሪዶ ኢኻ ብግብሪ ዘየርኢ? ሕልናኻ ሕርኽርኽ ክብለካ ከሎ ከመይ ጌርካ መስመር ተትሕዞ? ነቲ ትእዛዝት ኣምላኽ እናሓረኻዶ ኢኻ ትሕልዎ ወይስ ንኹሉ? ኣብ ቅኑዕ መንገዲ ከም ዘሎኻ ምስነር መንፈስ ቅዱስዶ ኣሎካ? ኣቐዲሞም እተተምብሁ ነጥብታት መረድኢ መሲዱ ኣብቲ ዕለታዊ ናብራና ከመይ ጌርና ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ክም ንዕወት፡ ሃዋርያ ዮሃንስ፡ ኣብ 1ይ ዮሃ 3፡13-24 ይምህረና፡፡

ዓይነ-ንስሪ

1. ዓለም እንተጸልኣትና ... ? ጥ 13፡፡
   1.1 ዓለም መን እዮም?
   1.2 ዓለም ንመን ይጸልኡ? ስለምንታይከ? ከመይከ የርእይም? (ሀ -ሐ)

2. ዓለም ከጸልኡና ከለዉ እንታይ ንገብር? ከመይከ ንኽውን?
   2.1 ኣይንግረምን፡፡ ንጽበዮ እሞ ድሉዋት ንኽውን፡፡ ጥ 13፡፡

2.2 አብ ክንዲ ብጽልኢ፣ ብተበጃውን፣ መርሃውን፣ ተግባራውን ዝ ዅነ ፍቕሪ ክርስቶስ ነፍቅሮም፣ ንዕወት ከአ፡፡ ጥ 14-18፣ (ሀ-ለ)

2.3 ብእተጀረነ ሓቅን ፍቕርን ንዕወት፡፡ ጥ 19-21፡፡

2.4 ትእዛዛት አምላኸ ንፈልጦ፣ ንፈትም እሞ ንእዘዞ፣ ንዕወት ከአ፡፡ ጥ 22-24 (ሀ-ለ)

2.5 ብማሕተም መንፈስ ቅዱስ ንዕወት፡፡ ኑቲ ብፍቕሪ፣ ብሓቂ፣ ብ ምሕላው ትእዛዛቱ እንቃለሶ፣ መንፈስ ቅዱስ ማሕተሙ የንብረ ሉ፡፡ ዓወትና ከአ እተረጋገጸ ይኸውን፡፡ ጥ 24፡፡

ትንታኔ

1. ዓለም እንተ ጸልኣትና ...? ጥቕሲ 13፡፡

1.1 ዓለም መን እዮም? ዓለም ንአምላኽን ንፍቓዱን ዋጋ ዘይህብ ሰብ፣ ሕብረተ ሰብ፣ ባህሊ፣ አተሓሳስባ፣ ጠባይ ... ወዘተ፣ እዩ፡፡ በዚ ዘለኖም ዘመን ህዝቢ ዓለም ልዕሊ ሽዱሽተ ቢልዮን በጺሑ ኣሎ፡፡ እቲ ዝበዝሐ ቁጽሪ ድማ ዓለም እዮም፡፡ ማቴ 6፡13-14፡፡ 1ይ ዮሃ 5፡19 አንብቡ እሞ ክተሓሳስበና ዝግባእ ነስተብህለሉ፡፡ ዓለም ነቲ እኩይ ተታሒዙም ዘለዉ ሰባት እዮም፡፡ ዓለምዶ ኢና ወይስ ሰዓብቲ የሱስ ክርስቶስ?

1.2 ዓለም ንመን ትጸልእ? ስለምንታይ? ከመይከ ተግሀዶ?

ሀ. ልዕሊ ኩሉ ዓለም ንየሱስ ክርስቶስ ትጸልእ፡፡ ንሱ ከኣ ከም ትጸ ልኦ ኣዳዕዲው ይፈልጥ እዩ፡፡ አብ ዮሃ 7፡7 የሱስ ከምዚ ይብል፣ 'ዓለም ንኣኻትኩም ክትጸልእ ኣይክኣላን፣ ንኣይ ግና፣ ግብራ ክፉእ ምኻኑ እምስ ክር እየ እሞ፣ ትጸልኣኒ እያ፡፡' ዮሃ 15፡18-19፡፡

ዓለም ነቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ ድማ ትጸልኦም እያ፡፡ ንደቀ መዛሙ ርቱ የሱስ ክርስቶስ ይብሎም፣

> 'ዓለም እንተ ጸልኣትኩም፣ ንኣይ ቅድሚኹም ከም ዝጸል ኣትኒ ፍለጡ፡፡ ኻብ ዓለም እንተ ትኸኑስ፣ ዓለም ነቲና ታ ዝኾነ ትፈትዎ እያ እሞ፣ ምፈተወትኩም ነይራ፡፡ ኣ ነ ድኣ እየ ካብ ዓለም ዝሓረኹኹም እምበር፣ ካብ ዓለ ም ኣይኮንኩምን፣ ስለዚ ዓለም ትጸልኣኩም እያ፡፡' ዮሃ1 5፡18-19፡፡

ለ. ስለምንታይ እዮም ዓለም ንየሱስ ክርስቶስን ነቶም መትከሎም ዘ ነጸሩ ሰዓብቱን ዝጸልኡዎም? ክልቲኦቶም ብማእከላይ መርገጽ ዘይትዓረቕ ኣቕዋም ኣለዎም፡፡ ዓለም፣ ዕላማ ኣምላኽ ስሒቶም፣ ሕግታትቱ ጥሒሶም፣ ጸጋኡ ነጊኑም ናብ ጥፍኣት ዝህንደዱ ዘለዉ በደልኛታት እዮም፡፡ ዓለም፣ ሰይጣን ዝድርኾም፣ 'ኣነ ከም ድላየይ' ኢሎም ብድፍረትን፣ ትዕቢትን ዝ ነብሩ ሰባት እዮም፡፡ ሓጕሶም ብፍትወት ዝዛእ ርእሶም ድኣ እምበር ብኣ ምላኽ ዘይኮነ ሰባት እዮም፡፡ ዓለምን የሱስ ክርስቶስን ክልተ ዘይትዓረቕ

ተቓራኒ ደምበታት፣ ሓይልታት፣ መትከላት ምኻኖም ርዱኣት ንኹን፡፡ ኣበየናይ ደምበ ኣሎና? እቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ ኣብ ክንዲ ኣነ ከም ድ ላየይሲ፣ ብምርዳእን ብፍታውን ንኣምላኽ 'ፍቕድካ ድኣ እምበር ፍቓደይ ኣይኹን' ዝብሉ፣ ኣምላኽ፣ ኣምላኽ ምኻኑ፣ ሰባት ድማ ደረቶምን መንነ ቶም ብሓቂ ከለልዩ ዝግብኦም ፍጡራት ምኻኖም ዝቕበሉ እዮም፡፡

ምስናይዚ እታ መገዲ ኣምላኽ ርኽሰትን ሓጢኣት ዘይትፈቅድ ናይ ቅድስና ጕደና ምኻና ነለሊ እሞ ብእኣ ንኽይድ፡፡ ነቶም ብእኣ ዘይከዱ ድማ ኣብ መገዲ ጥፍኣት ከም ዘለዉ ንምስክረሎም፡፡ ዝጠዓምናዮ ጸጋ ኣምላኽ ከም ዘሎ ድማ ነዘንቱ፡፡ ብእምነት ኣብ የሱስ ክርስቶስን ብንሱሓ ን ሕድገት ሓጢኣት ከም ዝርኽብና፣ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጥና ብም ሕዳሩ እተለወጡ መንፈላውያን ሰባት ከም ዝኾንና ነዘንትወሉ፡፡ ንሓጢ ኣት ወጊድ ኢልና ብመገዲ ጽድቂ ንመላለስ፡፡ እዚ ወንጌል እዚ ድማ ን ምሉእ ዓለም ነበስር፡፡

ዓለም ነዚ ኩሉ ኣይትደልዮን፡፡ ስለዚ ትጸልእና፡፡ ብእተፈላለየ መን ገዲ ድማ ናይ ጽልኣ ስጕምትታት ኣብ ልዕሊና ትወስድ፡፡

ሐ. ዓለም ጽልኣም ንክርስቶስን ሰዓብቱን ዓቕሮምዎ ትም ኣይብሉን የግህድዎ እዮም፡፡ ንየሱስ ክርስቶስ መጀመርታ ኣብቲ ናቶም ደምበ ክው ድብዎ ፈቲኖም፡፡ ምእታው ምስ ኣበዮም ተኸራኺሮም ክውጥርዎ እሞ ረቲየም ከሕምቕዎ ተጀሊቡ፡፡ ኣይተዓወቱን ግና፡፡ ብድሕሪኡ ብተንኪለኛ ምጽላም ምጥቃዉ ጀመሩ፡፡ ኣናሽዮም፡፡ ሕማቕ ወረታት ዘርእሉ (ሃገራ ዊ ኣይኮነን፣ ተጸሊሉ፣ ጋኔን ኣለዎ ዝብል)፡፡ ንሱ ድማ ክሳዕ መወዳእታ ንሰለስተ ዓመታት ብዘይ ምቑራጽ ተቓሊሶም፡፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ መ ስቀል ሸንኮርዎ፡፡ እቶም ቀዳሞት ክርስትያናት ዘሕለፍዎ ጽልኣት ናይ ዓ ለም እንተ ተፈለጠና እስከ እዝ 10፡32-36፡፡ ሮሜ 8፡35-39 ነንብብ፡፡

ሕጂውን እቲ ጽልኣት ዓለም ንወንጌል የሱስ ክርስቶስን ሰዓብቱን እ ናገደደ እምበር እናነከየ ይኸይድ የለን፡፡ ዶር ጀይምስ ኪነዲ፣ 1996-19 99 ዘሎ ዓመታት 600,000 ክርስትያናት ኣብ ምሉእ ዓለም ተሳቕዮም ከም ዝተቕትሉ ንባይቶ ኣመሪካ ጸብጻብ ኣቕሪቦም፣ዝግፍዉ ከኣ ብሚልዮና ት እዮም፡፡

2. ዓለም ክጸልኡና ከለዉ እንታይ ንግበር? ከመይከ ንኹን?

2.1 ሃዋርያ ዮሃንስ 'ኣይትገረሙ' ዚብል መልሲ ይህበና (ጥ 13)፡፡ ግለት፣ ከም ዝጸልኡና ትሑዝ ጌርና ንጸበዮ፡፡ ክንግረም ዘሎና ዓለም እንተ ጸል ኣትና ኣይኮነንን፡፡ ክንግረም ዘሎና እንተ ፈተውተና እዩ፡፡ ምስ ዓለም ም ሕዝነትን ሰዓብ ክርስቶስን ምኻንን ኣይቋረንን እዩ፡፡ ምስ ዓለም ዘሎና ኣቕዋምና ናይ ቃልሲ ድኣምበር ናይ ምልዛብ ኣይኮነን፡፡

2.2 ንዝጸልኡና ዓለም ዘሎና ኣቕዋም ናይ ቃልሲ ካብ ኩነ፣ ከምቲ ዝ ጸልኡናን ንኽጥፍኡና ዝወሰድም ናይ ጽልኢ ስጕምትታትን፣ ሕነዶ ንፍደ ዮም? ንምጥፋእምዶ ንሰለፍ? እንተውሓደ፣ ኣድጊ ንዝገበረካስ ጠይቂ ግብ ሮዶ ንግበር? ሃዋርያ ዮሃንስ ከምኡ ክንገብር ከም ዘይግብአና ይምህረና፡፡ እንታይ ድኣ? ከነፍቅር፣ በጃ ክንከውን፣ እዚ ድማ ብሚዘሪ ክነርእዮ፣ መ ርሃውቲ ክንከውን (ነቶም እተሸገሩ ጸላእትና ከይተረፈ)፣ ሕልናኣም ዘይኽ ሰም ቅኑዓት ክንከውን፣ ብጸሎት ክንዕወት፣ እንወስዶ ስጕምትታት መንፈ ስ ቅዱስ ዝምስከረሉ ክኸውን ይምህረና፡፡(ጥ 14-24)፡፡ ዘወትር መፍቀርቲ ኩኑ ይብለና፡፡

ሀ. <u>ንመን ኢና ነፍቅር</u>? "ንሕና ነሕዋት ነፍቅሮም" ይብል ሃዋርያ ዮሃንስ(ጥ 14)፡፡ መን እዮም እዞም እነፍቅሮም ኣሕዋት ዚብል መጸውዒ ተዋሂቡዎም ዘሎ? ከማና ሰዓብቲ ክርስቶስ ዝኾኑ እዮም፡፡ እቶም ዝጸል ኡና ዓለምከ? ንኣታቶም ድማ ከነፍቅሮም ከም ዝግብኣና ኣብ ጥቕሲ 14-16 ይሕብረልና፡፡

ሀ.1 ነቶም ዝጸልኡና ዓለም መፍቀርቲ ክንከውን ከሎና፣ ናይ ብሓ ቂ እተለወጡ ሰዓብቲ ክርስቶስ ምኽንና ንገባእ ርእሰና ምስክር ናይ ህይ ወት ነጥሪ፡፡ ማለት ብውሽጥና ይፍለጠና፡፡ እቲ ተዓዚቡን የለልዮ፡፡ (ጥ 14) ኣንብቡ፡፡

ሀ.2 ሰዓቢ ክርስቶስ እየ ዚብል ግና ነቶም ዝጸልእዎ ዓለም ዘየ ፍቅር ወይስ ዝጸልእ "ኣብ ሞት ይነብር"፣ "ቀታል ነፍሲ እዩ፣ "ናይ ዘልኣ ለም ህይወት" የብሉን ይብለና ሃዋርያ ዮሃንስ (ጥ 15)፡፡ ናይ ብሓቂ ሰዓ ቢ ክርስቶስ ኣብ ሞት ዝነብር፣ ቀታሊ ነፍሲ፣ ናይ ዘልኣለም ህይወት ዘ ይብሉ ኣይኮነን፡፡ ስለ እነፍቅር እዚታት ኣባና ቦታ የብሉን፡፡

ለ. ከመይ ጌርና ኢና እነፍቅር፣ ነቶም መጋውርትና ዝኾኑ ኣመን ቲ ኮነ ወይስ ነቶም ዝጸልኡና ዓለማውያን?

ለ.1 ተበጀውቲ ብምኽን ነፍቅር፡፡ ምፍቃርና ከምቲ ናይ ክርስቶስ ኪመስል ናይ ግድን እዩ፡፡ ማለት፣ ተበጀውቲ ኴንና ነፍቅር እሞ (ጥ16) መንፈሳዊ ዓወት ከኣ ንሞብጥ፡፡ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ንዕወት፡፡ ነቲ ሚሊ ዅመጸና ጽልኢ፣ ማይ ፍቕሪ ንኽዕወሉ፡፡ ተበጃዊ ክርስትያን መስዋእ ቲ ከፊሉ ዘፍቅር እዩ፡፡

ለ.2 መርሃውቲ ብምኽን ነፍቅር፡፡ እቶም ዝጸልኡና ምስ ተሸገሩ፣ ሕራይ ድኣ ኢልና ኣይንሕጐስን፡፡ ብዘሎና ትሕዝቶ ለኺና ነቕልለሎም ነርህወሎም፡፡ ሕሱማትን ፈደይቲ ሕነን ክንከውን ዝፍትነና ድያብሎስ ብ ለውሃት ለገስቲ ብምኽን ንዕወተሉ፡፡

ለ.3 ፍቕርና ብግብሪ ብምርኣይ፡፡ ከዘም ኮነታቲ ብዘሎና ዓቕሚ ፍቕሮም ብግብሪ ዘርእዩ ምኽን ንዕወት፡፡ ናይ ልባን መፍቀርቲ ጥራይ ዘይኮነስ ብግብሪ መፍቀርቲ ንኽውን፡፡ ናይ ሓሰት ክርስትያናት ኣይንኽ ውንን፡፡ ድንጋጽና ኣይንዓጽን፡፡ ኣብ ልዕሊ ሓጥያት ድማ ንዕወት፡፡ (ጥ 18)፡፡

2.3 ብሓቂ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ወትሩ ንዕወት፣ ኣብ ኩሉ ኮነታት፡፡ (ጥ 19-20)፡፡ ለውሃትና ብዘይ ሓቂ ምስ ዝኽውን፣ ጽድቅን ሓጢኣት፣ ክ ቡርን ነውራምን ዘይፈሊ <u>ገፈፐ</u> ይኽውን፡፡ ኣብዛ ዝጋጨ መትከላትን ደ ምዘታትን ዝመልኣ ዓለም ክንደናገር ቀሊል እዩ፡፡ ዝግብኣኒዶ እየ ገይረ ኣይገበርኩን፣ ሕማቕዶ እየ ገይረ ጽቡቕ ኢልና ክጋጨወና ይከኣል እዩ፡፡ ኣብዚ ኮነታት እዚ ምፍላጥ ሓቂ ካብ ምድንጋር የድሕነና፡፡ ነዚ እዩ ዮ ሃንስ "ኣምላኽ ካብ ልብና ዚዓብን ኩሉ ዚፈልጥን ስለ ዝኾነ ንልብና ኣ ብ ቅድሚኡ ነህድኣዮ" ዝብለና፡፡ ኣብ ምልክት ሕቶ ዝነብሩ ኣይንኸውን ን፡፡ ሓቅን ፍቕርን ኣቓሪንና ብምንባር ዘይዘባል፣ ዘይጐደለ፣ ምሉእ ዓወ ት ንዕወት፡፡

2.4 ብምሕላው ትእዛዝት ኣምላኽ ንዕወት፡፡ (ጥ 22-24)

ሀ. ትእዛዛት ኣምላኽ ምስ ኣምላኽ እንሰማምዓሉ ውዕል ኣይኮንንዅት እዛዝ ድኣ እዮበር፡፡ ናይ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ንእዘዞ፡፡ ኣምላኽ ድማ ዘየ ድልን ዘይንኽእሎን ዘይረብሓናን ከም ዘይእዝዘና ፈሊጥና ንእዘዞ፡፡ ስለም ንታይ ምኽኑውን እንተ ዘይተረዳእናዮ ናይ ኣምላኽ ምኽኑ ፈሊጥና ንእ ዘዞ፡፡ ኣብርሃም ኣብነትና ጌርና ንውሰዶ፡፡ ናይ ግድን ካብ ፍልጠት ዘይ ኮነስ ካብ እንድዒ ዘይብላ ርድኣቲ እምነት ንኣምላኽ ንእዘዞ፡፡

ለ. ክንእዘዝ ከሎና ድማ መሪጽና ኑቲ እንፈትዎን እንደልዮን ጥራይ ዘይኮነስ ንኹሉ ትእዛዛት ኣምላኽ ንእዘዞ፡፡

2.5 ማሕተም መንፈስ ቅዱስ ዘለዎ ዓወት ንዕወት (ጥ 24ለ)፡፡ ብሓቂ፣ ብፍቕሪ፣ ብምእዛዝ ንኣምላኽ፣ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ዓወት የጨብጠና፡፡ ዓወትና ኣገዳ ዝለዓለ መረጋገጺ ማሕተም ድማ ኣለዎ፡፡ ምስክር ናይ መ ንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጥና የረጋግጸልና፡፡ መንፈስ ቅዱስ ምስቲ ቃል ኣ ምላኽ ዝሰማማዕ ገይሩ ይምስክረልና፡፡ ኣብ ልዕሊ ዓለም፣ ኣብ ልዕሊ ሓ ሶት፣ ኣብ ልዕሊ ሓጥያትን ድያብሎስን ኣብቲ ዕለታዊ ናብራና ንዕወት፡፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ ይፍርሞ፡፡

እምብኣርከስ፣ ኣብቲ ዕለታዊ ናብራና፣ ከይጸላእና፣ ብጽልኣት ዓለም ከይሰምበድና፣ ፍቕርን ሓቅን ኣቓሪንና፣ ብልሳናዊ ጥራይ ዘይኮነስ ብግ ብሪ፣ እናራሕራሕና፣ ብምስክር መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጥና ብምንባር ኣብ ልዕሊ ሓጥያትን፣ ድያብሎስን፣ ሓሶትን፣ ዓለምን ንዕወት፡፡ መንፈሳዊ ቃልሲ ኣለ፡፡ መንፈሳዊ ዓወት ድማ ኣለ፡፡ ንቃለስ ንዕወት ከኣ፡፡

መበል ዓሰርተው ሸውዓተ ትምህርቲ
ካብ ስሕተት ንተሓለ፡ 1ይ ምድጋም
1ይ ዮሃ 4፡1-6

መእተዊ

ራብዓይን ሓምሳይን ምዕራፋት ናይ መልእኽቲ ዮሃንስ ድማ ናይ ኣቐዲምና እተምሃርናዮም ኣርእስትታት እዮም። 1ይ ዮሃ 4፡1-6 ድማ ናይ መበል ዓሰርተው ሰለስተ ትምህርቲ እዩ። ምርዳእና ከስሕቱ ንዝመጹና መዕነውቲ ጠንቅታት ኣዚና ንቐሓት ኪንና ክንጸንሕ እናደገመ ብተ ወሳኺ የብርሃልና።

ቀንዲ ሓሳባት

ሰይጣን ንኣዳምን ሄዋንን ምርዳእም ኣሓቢሉ እዩ ኣስሒትዎም። ንየሱስ ክርስቶስውን በዛ ተንኮል እዚኣ ክስሕቶ ደጋጊሙ ፈቲኑዎ። ንነፍስ ወከፍና ሰዓብቲ ክርስቶስ ድማ ከምኡ ስለ ዝጋጠመና ንቐሓት ኪንና ክን ቃለስን ክንዕወትን ናይ ግድን እዩ።

ዓይነ-ንስሪ

1. ዓውት ኣብ ልዕሊ ብምስትውዓል ዘጋጊ ናይ ስሕተት ፈተና፡
   1.1 እዚኣ ንነፍስ ወከፍ ሰብ እያ እትጻወደሉ። 1ይ ዮሃ 5፡19። 2ቆረ 4፡4።
   1.2 ግናኸ ብዝበርትዐ መገዲ ንሰዓብቲ ክርስቶስ እያ እትጻወድ።
      ሀ. ጥቕሲ 1ን 4-6 (ፍቁራተይ፡ ደቀየ፡ ንስኻትኩም-ንሳቶም ዝብሉ ምንንጻር መንነት ዝሕብሩ ቃላት ነተኵረሉ)።
      ለ. ተመከሮኽ እንታይ መለበምን ኣርኣያን ይህበና?

2. እቶም መስሓቲኽ እንታዮት እዮም?
   2.1 'ብዙሓት ነብያት ሓሶት' እዮም፡ 4፡1 ተመልከት። (ሀ-ለ)
   2.2 ክፉኣት መናፍስትን፡ ዓለማውያንን እዮም፡(4፡1ን 3ን 5-6) (ሀ-ለ)
   2.3 ከስልጥም ዝደልዩ ዕላማኽ እንታይ እዩ?
      ሀ. ቃልሶም ዓለማውነት ምትካል እዩ። ጥ 1ን 3ን 4ን።
      ለ. የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ከም ዝመጸ ዘይምእማን ከስፍሑ ዕላማ ኣም እዩ። ጥ 2ን 3ን።

3. ከመይ ጌርናኽ ንንጠመለሙም? (ሀ-ሰ)
   3.1 ተመራመርቲ ብምኻን ነልልዮምን ነጋልጸምን። 4፡1
   3.2 በታ ዝነበየት መመርመሪት ንመርምሮም። (ጥ 1-3)

ሀ. እንታይ እያ እታ ዓባይ መርመራ?
ለ. ዝነበየት ዝገብራኽ እንታይ እዩ?
3.3 እቲ ኣባና ዘለሙ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘለሙ ዚዓቢ ብምኻኑ፡(ጥ4-5)

ትንታኔ

1. ብዛዕባ ናይ ኣምላኽ ነገራት ምስትውዓልና ከደፍኑ ዝመጽኡ ፈተናታት ኣለዉ።

1.1 እዛ ድፍኢ ትንብር ፈተና ሰይጣን ንዅሉ እያ ትመጸ። ምስ ክርስቶስ ዘይመላለሱ ሰባት በዛ ፈተና እዚኣ ድሮ ምስትውዓሎም ወይ ሓቢሉ ወይ ተደፊኑ ወይ ዓዊሩ ከም ዘለሙ ኣብቲ ኣተሓሳስባኦምን ናብራኦምን ይግሃድ። 1ይ ዮሃ 5፡19። ኤፌ 4፡17-20፡ 2ይ ቈረ 4፡4 ዘነርሆ ብዛዓ ላ እዚ ኣንብብሎ።

1.2 ግናኸ እዛ ፈተና እዚኣ ኩቲታ እትመጸሎ ነቶም መረጥቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ ዝኾኑ እያ። ሃዋርያ ዮሃንስ ድማ ነዚኦቶም፡ ምእንቲ ተሃሚሉ ም ከይርከቡ፡ ነቒሑምን ዓጢቕምን ምእንቲ ክጸንሑ፡ 'ኣቱም ፍቁራተይ፡ ኣቱም ደቀይ፡ ንስኻትኩም ካብ ኣምላኽ ኢኹም፡ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ ዚዓቢ ስለ ዝኾነ፡ ንስኻትኩም ስዒርኩምዎ ኢ ኹም።' ንሕና ኻብ ኣምላኽ ኢና' ዝብሉ ሓበርቲ ቃላት ይጽሕፈሎም። (ጥ 4)።

ሰይጣንን ኢጋንንቱን ሰዓብቱ ሰባትን ንክርስቶስ ኣተሓሳስባኡ ዘባል ገ ይሮም ከስሕትዎ ደጋጊሞም ካብ ሂቲኡ፡ ንእና ድማ ከየናሕሰዩ ብኹሉ ተንኰላቶም ከም ዘጸውዱልና ትሑዝ ንግበሮ። ካብ ተመከሮታት ናይቶ ም ናይ ኣምላኽ ሰባት ምስትውዓሎም ንምዝባል ዘጋጠሞም ፈተናታት ክ ንልብም ይግብኣና። ንኣዳምን ሄዋንን ኣምላኽ ዝነፈገሎም ከምዘሎ፡ ዳር ጋ ተሓቢሶም ከም ዘለዉ፡ ሞት ዝብሃል ከም ዘይመጸም ኣእሚኑ ኣስሓቶ ም። ነዞም ዝሰዕቡ ኣመንቲ ድያብሎስ ከመይ ገይሩ ኣተሓሳስባኡም ጠም ዚዙ ከስሕቶም ከም ዝሃቀነ እስከ መርምርዎ፡ (1)ንኣቤል፡ (2)ንኖህ፡ (3) ንኣብርሃም፡ (4)ንዮሴፍ፡ (5)ንሙሴ፡ (6)ንኢዮብ፡ (7)ንዳንኤል፡ (8)ንጸው ሎስ፡ ... ወዘተ። ኣተሓሳስባኻ ካብ ሓቂ ክርስቶስ ክዘብል እተፈተንካሉዶ ኣሎ?

2. እዞም መስሓትቲ እንታዮት እዮም?
2.1 ኣብ 4፡1 ናብ ዓለም ወጺኦም ዘለዉ 'ብዙሓት ነብያት ሓሶት' ምኻኖም ይነግረና።

ሀ. ነብያት ሓሶት እዮም። ነብይ ካብ ኣምላኽ ተቐቢሉ ናብ ሰባት መልእኽቲ ዘብጽሕ፡ መገዲ ኣምላኽ ፈሊጡ ዝምህር ሰብ እዩ። እዚኣቶ

ም ግና መልእኽቲ ካብ ኣምላኽ ዘይብሉም፣ ቅኑዕ መገዲ ኣምላኽ ዘይም ሀሩ ክነሶም ብሰም ኣምላኽ ይንበዩ። ስለዚ ሓሰውቲ ነብያት እዮም። ዝ ምህርዎ ዘለዉ ቅኑዕ መሲልዎም፣ ወይ ምስ ጥቕሚ እተተሓሓዘ ኩይንዎ ም፣ ኮነታት ደፋፊእዎም ተሃንጥዮም ሓሰት ዝምህሩ ዝነበሩ ኣብነታት ና ይ ሓሰት ነብያት ኣብ ብሉይ ኪዳን ብብዝሒ ነይሮም። ከምኡውን ኣብ ሓዲስ ኪዳን። ንኣብነት፣ ማሃ 13፡6-12። 15፡1። 19፡13። ገላ1፡6-7። ፊሊ 3፡2። ቁሎ 2፡8። 2ይ ተሰ 2፡5። 1ይ ጢሞ 16-7። 2ይ ጢሞ 4፡1-4 ተመልከቱ። ብዛዕባ ነብያት ሓሰት።

እቶም ቀዳሞት ኣመንትን መራሕትን ክሳዕ ክንደይ ቃልሲ ከምዝነበ ሮም ካብዞም ኣቐዲሞም ተዋሂቦም ዘለዉ ጥቕስታት ክንግምቶ ንኽእል። ብዘበንና ግዳ ክንደይ ዝበርትዐን ዝበዝሐን ናይ መለኮታዊ ስነ-ምስትውዳ ል ቓልስታት ክነካይድ ዘይግብኣና!!

ለ. ዮሃንስ ብዝነበረሉ ዘመን ብዙሓት ምንባሮም ተሓቢሩልና ኣሎ። ድሕሪ 1900 ዓመታት ግዳ ክንደይ ኣዝዮም ብዙሓት ዘይኮኑ። ብስነ ጽ ሑፍ፣ ብራድዮ፣ ብተለቪዥን፣ ብሲነማ፣ ብሙዚቃ፣ ብተዋስኦ... ወዘተ ብነ ብያት ሓሰት ክም ብላየር ተኽቢብና ኣሎና። ስለዚ ብዝያዳ ክሳዕ ክንደ ይ ነቶም ናይ ሓሰት ነብያትን ንሓሰቶምን ክነለልዮን ክንገሥሉን ዘይግ ብኣና። ብዝሓም ብዘበንና ሽለል ኢልካ ዘይሕለፍ እዩ።

2.2 ስሕተት ዝዘርግሑ ሰባት ጥራይ ኣይኮኑን። መናፍስቲ እከይ ድማ ክም ዘለዉ ኣብ ጥቕስታት 1ን 3ን 5ን 6ን ተመልኪቱልና ኣሎ። ኣብዛ ዓለም ሰባት በይንና ክምዘየሎና ነቕልበሉ ድኣ። እዞም መናፍስቲ እከይ ብሰባት ገይሮም እዮም ኣብዛ ዓለም መርዛም ስሕተቶም ዝነዝሑ።

ሀ. ምስሓት፣ ሰይጣን ወትሩ ዝጥቀመላ ዓባይ ኣጽዋሩ እዩ። በቶም ኣጋንንቲን ነቲ ናቱ ስሕተት ኣሚኖም ዝስዕቡ ሰባትን ክሳዕ እታ ዓባይ መዓልቲ ኣርማጌዶን ክሳዩ እዮም። ራእ 20፡7-10። ክንደይ ኣጋንንቲ ክ ም ዘለዉ ዝተዋህበና ዘይልቲ የልቦን።

ኣብ ማር 5፡9-11-15 ዛንታ ናይቲ ኣጋንንቲ ሓዲሮሙዎ ዝነበሩ ሰ ብኣይ ነንብብ። ሓዲሮሙዎ ዝነበሩ ኣጋንንቲ ኣዝዮም ብዙሓት ክም ዝነበ ሩ ክሕብር ለጌዎን ይብሎም። ለጌዎን ናይ ላቲን ቃል እዩ። 4000 ክ ሳዕ 6000 ዝምብሐም ወተሃደራት ድማ የመልክት። ንነፍስ ወከፍና ክሳዕ ክንድዚ ዝምብሐም መናፍስቲ እከይ ኣንጻርና ክልኣኹ ክለዉ ክንደይ ዕ ጡቓት ኺንና ክንጸንሕ ይግብኣና! ስለዚ ድማ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ "ብዘላ ዓለምን ዘለዉ እኩይ ተታሒዛ ምህላዋ ንፈልዋ ኢና" ዚብል። 1ይ ዮሃ 5፡19።

ለ. እንተኾነ እውን ናይ ክርስቶስ ዘበልና ዘርዕድ የብልናን። እቲ

ብመንፈስ ቅዱስ ገይሩ ኣብናን ምሳናን ዘሎ ክርስቶስ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎ (ሰይጣን) ይዓቢ ስለ ዝኾነ፣ ሃዋርያ ዮሃንስ ንስኻትኩም ስዒርኩምዎ ኣሎኹም ይብለና። 1ይ ዮሃ 4፡4።

ምስናይዚ መላእኽቲ ኣምላኽ ክድግፉና ብኣምላኽ ዝልኣኹ ኣለዉ፣ ቁልዑ ሓለውቲ መላእኽቲ ክም ዘለዉዎም (ማቴ 18፡10)፣ ጴጥሮስ ዝሕ ልዎ መልኣኽ ክም ዝነበሮ (ግብ 12፡15)፣ ገብርኤል ናብ ዘካርያስን ማር ያምን ዝልኣኸ መልኣኽ ክም ዝነበረ ኣብነታት ኣለዉና። ንክርስቶስውን መላእኽቲ ኣገልጊሎምዎ። ማቴ 4፡11፣ ሉቃ 22፡43፣ ማቴ 26፡53። ስለ ዚ ክንዕጠቅ ድኣ እምበር ክንርዕድ ኣይግባእን።

ምስናይዚ ብርቱዓት ኣጽዋር ኣለዉና ክንጥቀመሉም እንኽእል፣

(1) ቃል ኣምላኽ ኣሎና። 2ይ ቈሪ 10፡4።
(2) ጸሎት ኣሎና።
(3) ሕብረት ኣሕዋት ኣሎና።

2.3 ሰይጣንን ኣጋንንቱን ሰዓብቱ ሰባትን ክምዚ ገይሮም ናይ ስሕተት <u>ጉስጓስ</u> ዘካይዱስ ኣብ እንታይ ንምብጻሕ እዩ? ክልተ ዝጨንፈራ ሓንቲ ዕላማ ኣላቶም። ንሳ ድማ ቡቲ ሓደ መገዲ ዓለማውነት ንምትካል ቡቲ ሓደ ድማ የሱስ ክርስቶስ ሲን ለቢሉ ክም ዝመጸ ንምኽሓድ እዩ።

ሀ. ዓለማውነት እታ ዝዓበየት መፈንጠሪ ሰይጣን ዝጥቀመላ እያ። እንቲ ብምኽሓድ ወይ ብምዝንጋዕ ንኣምላኽ ኣብ ሓሳባትካን፣ ናብራኻን፣ ስርዓተ-ባህልኻን ቦታ ምኽላእ ዓለማዊነት እዩ። ንኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ክህልዎ ዝግባእ ቦታ ብኻልእ ምትካእ ዓለማዊነት እዩ። ኣነነት እዩ። ዓለ ማዊነት ሰይጣናዊ እዩ። ኣብ ገደል ናብራ ህይወት ዘእቱ መንፈሳዊ ዑረ ት እዩ።

ነቶም ኣብዚ ስሕተት እዚ ተፈንጢሮም ዘለዉ፣ ንሳቶምሲ ኻብ ዓለ ም እዮም፣ ስለዚ ኻብ ዓለም ይዛረቡ ኣለዉ፣ ዓለሙውን ትሰሞየም ኣላ ይብለና ኣብ 5ይ ጥቕሲ። ዓለማውነት ኣገዩ ብርቱዕ ሓይሊ ምኂኑ ኽእ ብዘላ ዓለም በዚ እኩይ ሓሳባት ተታሒዛ ምህላዋ ኣብ 5፡19 ንምልከቶ። ሓቂ ምኂኑውና ተመክሮና ይነግረና።

ለ. ብፍላይ ሓንቲ ሓቂ ኣላ እዞም ኣብዚ ስሕተት እዚ ዘለዉ ኩላ ቶም ኣትሊሎም ኣንጻራ ዝቃለሱላ። ንሳ ድማ የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ክ ም ዝመጸ ይኽሕዱ። እዛ ክሕደት እዚኣ ብኹሉ ሰብ ቅብልቲ ኮይና ክትርከብ ድማ ይቃለሱ። ኣንጻር እቶም ዝእምንዎ ዘበሉ ኩሎም ድማ ይኽትቱ።

ለ.1 ከምዚ ክብሉ ከለዉ ኣንጻር የሱስ ክርስቶስ ዝብልም ሕማቕ ዳ ርጋ የሎን፡፡ ጻድቕ ሰብ፡ መስተንክር መምህር ደግኑት፡ ኣብ መትከሉ ዝ መውት ሰማእት ... ምኟኑ ብኣድንቕት ይእመንዎን ይምህርዎን፡፡ መን እዩ የሱስ ክርስቶስ ኪብሃል ከሎ ግና፡ ብምሽንያት ናይ እቲ ዘለዎም መትከል፡ መሰረታዊ ሓሰት ይምህሩ፡፡

ለ.2 የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ኣይመጸን ይብሉ፡፡ የሱስ ክርስቶስ ብስጋ መጺኡ ኢልካ ምእማን መን ምኟኑ ምርዳእ እዩ፡፡ ማለት የሱስ ክርስ ቶስ እቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣምላኽ እዩ፡፡ ምእንቲ ከድሕነና ድማ ብኮለንትናኡ፡ ብዘይ ሓጢኣት፡ ሰብ መሲሉ ናብዚ ምድሪ መጺኡ ማለት እዩ፡፡ ኣብዚ ክልተ ዓበይቲ ሓቅታት ኣለዋ ናይ ስሕተት ሰባት ዘይውሓጣሎም፡፡

(1) ቀዳማይ መን እዩ እቲ ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደ፡ ኣብ ዛ ምድሪ ስጋ ለቢሱ ዝተመላለሰ፡ ዝመሃረ፡ ኣብ መስቀል ዝሞተ፡ ብሳል ሰይቲ መዓልቲ ድማ ካብ ምዉታት ዝተንስኣ፡ ናብ ሰማይ ዚዓረገ የሱስ ሲ መን እዩ? ኣመንቲ ዝሀብዎ መልሲ፡ ኣምላኽ ስጋ ለቢሱ እተጋህደ እ ዩ ይብሉ፡፡ እቶም ከሓድቲ ድማ ኣይኮነን፡፡ ሓደ ምርኡይ መምህር፡ ግ ናኸ ሰብ ከማና ጥራይ እዩ ይብሉ፡፡

(2) ስለምንታይከ ናብዛ ምድሪ መጸ ኪብሃል ከሎ ድማ፡ እቶም ኣ መንቲ ከምዚ ዝስዕብ ይምልሱ፡፡

ሰብ ዝነፍዐ እንተነፍዐ፡ ዝሰልጠነ እንተ ሰልጠነ ንገዛእ ርእሱ፡ ብዓቕ ሙ ከድሕን ኣይክእልን እዩ፡፡ ብዓቕሙ ሕድገት ሓጢኣት ክረክብ፡ ካብ ምልኪ ሓጢኣት ሓራ ወጺኡ ጻድቕ ሰብ ክኸውን፡ ምስ ኣምላኽ ክተዓረ ቕ፡ ናይ ዘልኣለም ህይወት ኪወርስ ... ወዘተ፡ ኣይክእልን እዩ፡፡ ስለ ዘይ ክእል ካብ ኣምላኽ ባዕሉ ዝርከብ ምድሓን የድልዮ፡፡ ኣምላኽ ድማ መል እኽትታት ብነብያት ጥራይ ዘይኮነስ ምእንቲ ከድሕነና ባዕሉ ስጋ ለቢሱ ብየሱስ ክርስቶስ ተጋሂዱ፡፡ ማለት እቶም ኣመንቲ የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ከም ዝመጸ ይእምኑ፡፡ ስለዚ ንየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ዚብል መጸ ውዒ ይህብዎ፡፡

እቶም ከሓድቲ ኣቐዲሙ ንእተነግረ ይኽሕድዎ፡፡ ንየሱስ ክርስቶስ ከ ም ሓደ ኣዝዩ ዓቢ መምህር ካብ ኣምላኽ እተላእከ፡ ከም ካልኦት ነብያት ይቕበልዎ፡፡ መድሓኒ ዓለም ወይስ ወዲ ኣምላኽ ግና ኣይኮነን ይብሉ፡፡ ምድሓንና ካብ ገዛእ ርእስና፡ ብቃልስናን ብመንፍዓትናን ብምቕጻዕ ገዛእ ርእስናን (ዲሰፕልን) እንበጽሖ ይብሉ፡፡

እዚ መንፈስ እዚ፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ድሮ ኣብ ዓለም ዝነበረን፡ ዘሎን፡ ዚመጽእን እዩ፡፡ ናይቲ ዳሕራይ ኣዳዕዲው ዚግለጽ ጸረ ክርስቶስ መንፈስ ድማ እዩ፡፡ ጥቕሲ 3 ተመልከቱ፡፡

3. ከም ሰዓብቲ ክርስቶስ ነዚ መሰረታውን ሰይጣናውን ዓለማውን ዝኾነ ስሕተት ናይ ኣእምሮን ህይወትን ከመይ ጌርና ንጣመሉ?

3.1 መርምሩ ይብለና ዮሃንስ(4፡1)፡፡ እዚ እንዛረበሉ ዘሎና ስሕተት በብዓይነቱ ጽቡቕ ሽፋናት ስለ ዝመጸና ተመራመርቲ ክንከውን ተማሂድ ናን ተኣዚዝናን ኣሎና፡፡ ማለት፡ ብዛዕባ መንፈሳዊ ሓቂ፡ ብቕዕ መጽናዕ ቲ ኣካይድና ኣብ ልብና ዝቕስኑሉ ርዱይ ምርዳእ ንበጽሕ፡፡

ሀ. ኑቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ሕቶ ብብስለት ዘለዎ ፍልጠት ንመርም ሮ፡፡ 4፡1

ለ. ብጸሎት ንመርምሮ፡፡ ቃል ኣምላኽ ፊደላት ጥራይ ኣይኮነን ከ ም ስነ ጽሑፍ ጥራይ እንምርምሮ፡፡ ህያው ዝኾነ ቃል ኣምላኽ እዩ፡፡ ስ ለዚ ኣምላኽ ክኸስተልና ብጸሎት ናብ ኣምላኽ ንቕረብ፡፡

ሐ. ብስነ መለኮት ንመርምሮ፡፡ ሓንሳእ ንሓዋሩ እተዋህበ፡ ብጊዜን ኮነታትን ዘይልወጡ መሰረታውያን ናይ እምነትና ሓቅታት ኣለዉ፡፡ ስለ ዚ ኑቲ ዝቕርበና ሕቶ ብመሰረታዊ ናይ ስነ መልኮት መረጸን ንመርምሮ፡

መ. ብታሪኻዊ ንመርምሮ፡፡ እቲ ቀሪቡና ዘሎ ሕቶ ምኣሰን ኣበይን ነቕለ? መን ኣንቀሎ? መንቀሊኡ እንታይ ነበረ? እንታይከ እዩ ዕላማ ና ይቲ ቀሪቡና ዘሎ ሕቶ? ምስ ታሪኻዊ ቤተ ክርስትያን ከመይ ኢሉ ይቋ ረን ወይስ ይጋጮ ኢልና ንመምዮ፡፡

ሰ. ብህይወት ንመርምሮ፡፡ እቲ ቀሪቡና ዘሎ ሕቶ ሳዕቤናቱ ኣብ ህይወት እቲ ኣማኒ፡ ኣብ ህይወት ቤተ ክርስትያን፡ ኣብ ህይወት ሕብረ ተ ሰብ ... ወዘተ ዘፍርዮ ሞራላዊ ሳዕቤናቱ ንመርምሮ፡፡

3.2 ኑቲ ዝቕርበና ሕቶ ብዛዕባ መንፈሳዊ ሕቶ በታ ዝዓበየት መርመራ ኣብ 4፡1-3 ተሓቢራ ዘላ ጌርና ንዓቅኖ፡፡

ሀ. እታ ጨንፈራት ዘለዉዋ ዝዓበየት ምርመራ፡ መዓቀኒት ናይ ኣተ ሓሳስባ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ እዚኣ እያ፡፡
(1) የሱስ ክርስቶስ መን እዩ?
(2) ናብዛ ዓለምነ እንታይ ከገብር እዩ ዚመጸ?
(3) እዚ ንኣኻ፡ ንኣይ፡ ንኩላ ዓለም እንታይ ሰብኣዊ ትርጉም ኣለዎ? ንዝብላ ሰለስተ ሕቶታት እንሀቦ መሰረታዊ መልሲ ወሳኒ እዩ፡፡

ለ. ነዛ መዓቀኒ መርመራ ዝዓበየት ዚገብራ እንታይ እዩ? ኣምላኽ ባ ዕሉ ንምድሓንና ስጋ ለቢሱ፡ ንኣና መሲሉ ኪመጸና፡ ከሳዕ ብፍታዉ በጃ ና መስዋእቲ ክኸውን ካብዚ ዝዓቢ ሓቅን መስተንክርን የልቦን፡፡ ከምኡ

ምኂኑ ድማ መጽሓፍ ቅዱስ ብእተፈላለየ መገዲ የርእየና። ናይ መፈጸ
ምታን ዝለዓለ አምላኽ ንኣና ዘተሓላልፎ መልእኽቲ እቲ ብየሱስ ክርስቶ
ስ ገይሩ ዝሃበና ምግላጽ ምኂኑ ሓዲስ ኪዳን ደጋጊሙ ይነግረና።

3.3 ሳልሰይቲ ናይ ዓውትና ምስጢር ከኣ ኣላ። ተመራመርቲ ብምኂን
ካብ ስሕተት ንሕሎ። ሓቂ ንፈልጥ። የሱስ ክርስቶስ መን ምኂኑን፣ ስለ
ምንታይ ናብዛ ዓለም ከም ዝመጸን ንርዳእ። ብእምነት ምስ ተቐበልናዮ
ድማ መንፈስ ቅዱሱ ኣብ ህይወትና፣ ኣብ ኣተሓሳስባና ይሰርጽ። ሽዑ ካ
ብ ስሕተት ንሕሎ። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወትና ጸራቒሊጦስ፣ ማለት
ዝበለጸ ብጻይ ናይ ህይወትና፣ ዘበራትዓና፣ ናብ ኩሉ ሓቂ ዚመርሓና ይ
ኸውን። ዮሃ 16፡26።

ሕቶታትን ዝርርብን

1. ምስትውዓል ዚጋጊ ናይ ሰይጣን ፈተናስ፣
   1.1 ንመን ይበጽሖ?
   1.2 ዘይበጽሖ ሰብ ኣለ-ዶ?
   1.3 ናይ እተጠቕሱ ኣብነታት ሃብ።

2. ምስትውዓልና ኣስሒቶም ካብ ኣምላኽ ክርሕቹና ዚጋደሉኽ፣
   2.1 እንታዮት እዮም?
   2.2 ኣስሒቶም ክፍጽምዎ ዝደልዩ ዕላማ እንታይ እዩ?
   2.3 እቲ ሓሶቶም ክሳዕ ክንደይ ሰራሮም እዩ?

3. ነዞም ዘስሕቱ ክመይ ጌርና ንግጠመሉ-ም?
   3.1 ብሓሙሽተ መገድታት ክመይ ጌርና ክንምርምሮም ንኽእል?
   3.2 እታ ካብ ኩሉ ዝዓበየት መርመራኽ እንታይ እያ?

4. ሓቂ ወንጌል ክይፈለጥካ ተቓራኒኡ ሓሶት ምልላይ ይክኣልዶ እዩ?
   እሞ ነታ ሓቂኽ ክመይ ጌርና ንፍለጣ?

5. የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ክም ዝመጸ ምፍላጥን ምእማንን ክሳዕ ክን
   ደይ ወሳኒ እዩ?



መበል ዓሰርተው ሸሞንተ ትምህርቲ

ብፍቕሪ ክርስቶስ ምምልላስ፣ ኣርማ ክርስትያናዊ መንነትና እዩ።

ምድጋም ናይ ሻሙናይ ትምህርቲ

1ይ ዮሃ 4፡17-21

መእተዊ

እንኮ ሰብ ጋንታ፣ በይኑ ሓደ እምኒ ኽኣ ገዛ ክኾኑ ክም ዘይክእሉ
ክምኡ ድማ ናይ ሓቂ ክርስትያናት ምኂንና ምስ ካልኦት ናይ ሓቂ ክ
ርስትያናት ብኣድሃዊ ስምረት ብምንባርና እዩ ዝልለ። ክምኡ ክኸውን ኣ
ብ ህይወት ነፍስ ወከፍ ሰዓብ ክርስቶስ ናይ ግድን ክትርከብ ዘለዋ ባህሪ
ኣላ። ንሳ ድማ የሱስ ክርስቶስ ዝመልክዓ ፍቕሪ ኣብ ህይወት ነፍስ ወኪ
ፍና ክትርከብ ግድን እዩ።

ቀንዲ ሓሳባት

ተዓዘብቲ ዓለም ብክርስቶስ ኣሚኖም ናብ ኣምላኽ ክምለሱ እንተድ
ኣ ኹይኖም ብክርስቶሳዊ ፍቕርና እዩ። ንሕና ርግጽነት ናይ ምድሓንና
ዝህልወና፣ ዓወታት እንሞቱጥ፣ መፍትሒ እንረክብ፣ ንሓድሕድና ብክርስ
ቶሳዊ ፍቕሪ ብምፍቓር እዩ። ብዛዕባ ክምዚ ጌርና ምፍቓርና ዮሃንስ ኣ
ብ 4፡7-21 ሓሙሽተ ነገራት ይምህረና።

ዓይነ-ንስሪ

1. ንሓድሕድና ምፍቓር መግሃዲ ክርስትያናዊ መንነትና እዩ።
   1.1 ንኣምላኽና ዘምስለና ባህሪ እዩ።
   ሀ. ካብ ኣምላኽ ክም እተወለድና ይምስክረልና። (ጥ 7)
   ለ. ንኣምላኽ ክም ንፈልጦ ብርቱዕ ምርዳእ የሕድረልና።(ጥ 7)
   ሐ. መለኮታዊ ምንጪ ዘለዎ ፍቕሪ እዩ። (ጥ 7)
   መ. እዚኣ ኣብ ዮሃንስ እቲ ሽማግለ ክም ዝነበረት ንርእያ።(ጥ 7)
   1.2 ዘየፍቅር ወዲ ማሕበር ኣብ ሕብረት ኣመንቲ እንተ ሃለወኽ?
   (ጥ 8)
   ሀ. ክህሉ ይክኣል እዩ። (ጥ 8)
   ለ. ኣፉ ዝበለ ብዘየገድስ፣ ዝጸልእ ንኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ።(ጥ 8)
   ሐ. ዘየፍቅር ኣማኒ ንኣምላኽ ክም ዘይፈልጦ ይግሃድ እዩ።

2. ምፍቓር ሓድሕድና መግሃዲ ደረጃ መንፈሳዊ ንቕሓትና እዩ።
   (ጥ 9-12)

2.1 ንፍቕሪ አምላኽ ብዝለዓለ ደረጃ ዘስተወዓሉን ብእኡ ምኽንያት ድማ ንሓድሕዶም ዝፋቕሩ ንኽውን፡፡ (ጥ 9ን 10ን)
ሀ. ዝለዓለ ደረጃ ፍቕሪ አምላኽ ብምምጻእ የሱስ ክርስቶስ ናብዛ ዓለም እተገልጸ ንርዳእ፡፡
ለ. እዚ ንአታሓሳስባና ብመሰረታዊ ለውጢ ይልውጦ፡፡
ሐ. ንህልውና አምላኽን ጸጋኡን አብ ዓለም የግህዶ፡፡

2.2 ምስክር መንፈስ ቅዱስ አብ ውሽጥና ኰይኑ ድማ የረጋግጸልና፡ (ጥ 13)

3. ምፍቓር ሓድሕድና ንምስክርና ዝእመን ይገብሮ፡፡ (ጥ 14-16)
3.1 መን እዮም ክምስክሩ ብቑዓት? (ጥ 14-16)
3.2 ትሕዝቶ ምስክርናኽ እንታይ እዩ? (ጥ 14)
3.3 እነበስሮ፡ ምስክርና እምበር ርእይቶና ኣይኰነን፡፡ (ጥ 15-16)
3.4 ፍረ ምስክርና ምብዛሕ ኣመንቲ ክኸውን ይኽእል።

4. ንሓድሕድና ብምፍቓር፡ ካብ ሓንቲ ኣዘያ ዓባይ ሕማም፡ ፍርሃት እ ትብሃል፡ ሓራ ንወጽእ፡፡ (ጥ 17ን 18ን)
4.1 ካብ ፍርሂ ናይ ዚመጽእ ፍርዲ ሓራ ንወጽእ፡፡ (ጥ 17)
ሀ. ሓደ ሰብ እኳ ዘይምለጠላ ዓባይ መዓልቲ ፍርዲ ክትህሉ እያ፡፡ ማቴ 12፡36-37
ለ. ነዚኣ ኣብ ክንዲ ብፍርሃት፡ ብትብዓት ንጽበያ፡፡ (ጥ 17)
4.2 ምፍቓርና ካብ ፍርሃት ዘበለ ሓራ የውጽኣና፡፡ (ጥ 18)፡፡

5. ንሓድሕድና ብፍቕሪ ክርስቶስ ምፍቓርና ንገዛእ ርእስና መፍቀርቲ ኣምላኽ ምኻንና የረጋግጸልና፡፡ (ጥ 19-21)
5.1 ንሱ ቕድም ክም ዘፍቀረና ንርዳእ፡፡ (ጥ 19)
5.2 ንብጻይና ሰብ ፍቕሪ ድኣ እምበር ጽልኢ ዘይብሉም ይገብረና፡ እዚ መፍቀርቲ ኣምላኽ ምኻንና ምስክር እዩ፡፡ (ጥ 20)
5.3 ትእዛዙ ብፍታው ምሕላውና መፍቀርቲ ኣምላኽ ምኻንና ምስክር እዩ።(ጥ 21)

ትንታኔ

1. ንሓድሕድና ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ምፍቓርና ናይ ክርስቶስ ሰዓብቲ ምኻንና የማህድ፡፡ እዚኣ የሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ሰላ ዓመታት ኣቢሉ ዝመሃሮም እዩ ዮሃንስ ዝደግመሎም ዘሎ፡፡
ዮሃ 14፡34-35(116) ተመልከቱ፡፡

1.1 ንሓድሕድና ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ምፍቓር ንኣምላኽ ዘምስለና ባህሪ

እዩ፡፡ ኣብ ጥቕሲታት 7ን 8ን 'ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፡ 'ፍቕሪ ካብ ኣምላኽ እዩ' ዚብል ነንብብ፡፡ ስለዚ ንሕና ድማ ክምኡ ጌርና ክነፍቅር ክለ-ና ንኣምላኽ ክም ንመስል ይሕብር፡፡

ሀ. <u>ውልድነትና ይምስክር</u>፡፡ ዝፍቅር ዘበለ ኹሉ ካብ ኣምላኽ እተወ ልደ እዩ' ይብለና ጥ 7፡፡ ማለት ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ፡ ብቓላቱ ገይ ሩ፡ ንእኡ ክሳዕ እንመስል ኣብ ህይወትና ዓቢ ለውጢ ክም ዝፈለመ ይነ ግረና፡፡ ብዛዕባ ካብ ኣምላኽ ምውላድ' ኣብ ታሽዓይ ትምህርቲ ኣስፈሕና ተማሂርና ኣሎና እሞ ተመሊስኩም ርኣይዎ፡፡

ለ. <u>ንኣምላኽ ክም ንፈልጦ ይምስክር</u>፡፡ ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ምፍቓር ና ኣብ ምርዳእና ዘስርጾ ኣለዎ፡፡ ካብ ኣምላኽ ክም እተወለድና ብውሽጥ ና ይፍለጠና፡፡ ስለዚ እዩ 'ኩሉ ካብ ኣምላኽ እተወልደ' ንኣምላኽ ይፈል ጦ እዩ ዚብለና ሃዋርያ ዮሃንስ ኣብ ጥ 7፡፡

ሐ. <u>መለኮታዊ ፍቕሪ እዩ</u>፡፡ ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ምፍቃር ሰብ ብተፈ ጥሮኡ፡ በተዓባብያኡ፡ ብውርዝነቱ ዝገብሮ ኣይኰነን፡፡ ክምዚ ጌርካ ምፍ ቓር ካብ ኣምላኽ ጥራይ እዩ፡፡ ስለዚ እዩ ሃዋርያ ዮሃንስ 'ፍቕሪ ካብ ኣ ምላኽ እያ እሞ ንሓድሕድና ንፋቕር' ዚብል ኣብ ጥ 7፡፡

መ. <u>ዮሃንስ ብተመክሮ ይፈልጣ</u>፡፡ ብዛዕባ ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ምፍ ቓር ዮሃንስ ብተመክሮ ክም ዝፈልጣ ንሱ ባዕሉ ይምስክር፡ ንሕና'ውን ኣ ብቲ ጽሑፋት ክንዕዘቦ ንኽእል፡፡

1.2 ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ዘየፍቅር ኣማኒ፡ ወዲ ማሕበር፡ ክህሉዶ ይክኣል እዩ?

ሀ. ጥ.8 ክም ዝሕብሮ ብዘበን ዮሃንስ ነይሮም፡፡ ቃል ኣምላኽ፡ ተመ ክሮታትና፡ ታሪኽ ክም ዘለብመና ድማ ወትሩ ክህልዉ እዮም፡፡ 1፡9ን 11ን፡፡ 3፡10ን 12ን 15ን ኣንብቡ፡፡

ለ. ብዘይ ክርስቶሳዊ ፍቕሪ እንነብሮ ሃይማኖት ሰይጣናዊ፡ ንጹግ ኣ ብ ቅድሚ ኣምላኽ፡ መዕነዊ ቤተ ክርስትያን፡ መጥደሚ ዕዮ ኣምላኽ፡ ክ ንቱ እዩ፡፡ ብሃይማኖትና እንተ ተሓብንና ከንቱ ምእማን እዩ፡፡ እምብኣር ክስ ነዚ ጉዳይ እዚ ኣፍኩስና ኣይንርኣዮ፡፡

ሐ. ዘየፍቅር ኣማኒ ጠባዩ እዩ ዘሳዮሐ። ስሱዕ፡ ኣነን ንኣይን በሃሲ ተጻላኢ፡ ዓማጺ፡ ሓማዪ፡ መሸረዊ፡ ተቐያሚ፡ ኰራዪ፡ በቃኽ፡ ሓላዊ፡ ቀ ናእ፡ ተበላጺ፡ ኣምሰሉ፡ መቕሪምረሚ፡ ረባሺ፡ ... ወዘተ እዩ፡፡ ነዚ ዘየፍ ቅር ኣማኒ ክረድኦ ኢልካ ኣይትድከም፡፡ ምርዳእ ኣይኰነን ጐዲሉም፡፡ ግ ናኽ ኣይትጽልኣዮ፡፡ ኣምላኽ ባዕሉ ክረድኦ ብጸሎትን ብፍቕርን ተጓገሰ፡፡

2. ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ምፍቓርና መግሃዲ መንነትና ኣብ ርእሲ ምኽኑ፡ ደረጃ ናይ መንፈሳዊ ንቕሓትና ድማ ይሕብር፡፡ ጥ 9-12፡፡

2.1 ንፍቕሪ ኣምላኽ ብዝለዓለ ደርጃ ተረዲእም ዝነብሩ ምኽንና የመልክ ት፡ ህይወትና ድማ ከምቲ ዘማራይ ዝበሎ፡ 'ብሾሉ ዚሰዕር ፍቕሪ ኣብ ልበይ ኣንድዶ' ይኹነልና፡፡

ሀ. ቀዳማይ መለለይቲ መዘና ዘይብሉ ፍቕሪ ንኽውን፡፡ 'ኣምላኽ፡ ብ እኡ ብህይወት ምእንቲ ክንነብር ኢሉ፡ ነቲ ሓደ ወዱ ናብ ዓለም ብምል ኣኹ፡ እታ ፍቕሪ ኣምላኽ ንሕና በዚ ተገልጸት'፡፡ ጥቕሲ 6 ዝብሉ ነስተ ማቕሮ፡፡ ፈጣሪ ሰማይ ምድርን ክሳእ የሱስ ክርስቶስ ስጋ ለቢሱ ንሕና መሲሉ ናብዛ ዓለም ምምጻኡ፡ ኣብ መስቀል በጻና ክመውት. . . መዘና ዘይብሉ ፍቕሪ እዩ፡፡

እቲ ዝገበሮ መስዋእቲ ጥራይ ዘይኮነስ ንመን ኢሉ ክም ዝገበሮ ድ ማ ነስተብህሉ፡፡ ሓንጐፋይ ኢሉም ንዘቕበልዎ ሰባት ጥራይ ዘይኮነስ ንሰቕልቱ ዓለም ከይተረፈ እዩ ብተበጻዊ ፍቕሪ ኣፍቂሩና፡፡

ለ. እዚ ዓቢ መስተንክር ፍቕሪ ዘስተብሃሉ፡ ዘስተማቕሩ ሰባት ንኽው ን እሞ ብእኡ መሰረት ድማ እተለወጡ ሰባት ንኽውን፡፡ ንሕና ሓጥኣን ከሎና 'ኣምላኽ ባዕሉ' ክም ዘፍቀረና ንርዳእ፡፡ ማለት እቲ ንሕና ምፍቃ ሩ ካብ ርእሱ ኣንቂዱ ድኣ እምበር ዝብሃግ ኣባና ርእዩ ተሳሒቡ ክም ዘይኮነ ንርዳእ፡፡(ጥ 10)

ኣንቂዱ ከፍቅረና ከሎ ድማ፡ ንሕና ንጻድቃንን ንመፍቀርቱን ዘይኮ ነስ ንሕና ንሓጥኣን፡ ምስኡ እንዕረቐሉ መግዲ ባዕሉ ምሂዙ፡ ዓቢ መስዋእ ቲ ከፊሉ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ ኮነልና'(ጥ 10)፡፡ እዚ ፍቕሪ እዚ ተዓዚብናዮ፡ ኣብ ልብናን ምርዳእናን ምስ ሰረጸ፡ ንሕና ሽው እተለወጡ ሰባት ንኽውን፡፡ በቲ ናቱ መገዲ መፍቀርቲ ንኽውን፡፡ ብፍላይ እኳ ነቶ ም ክምዚ ናትና ፍቕሪ ክርስቶስ ዝጠዓሙ ነፍቅሮም፡፡ ክምዚ ጌርና ምፍ ቓርና መንፈሳዊ ምእድና፡ 'መንፈሳዊ ንይላና' ይኹነልና፡፡ ጥቕሲ 11 ተመልከቱ፡፡

ሐ. ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ምፍቓርና ኣድሃ ሕብረትና ኣብ ርእሲ ም ኽኑ፡ ንእትዕዘብ ዓለም ድማ ምስክር ይኹነልና፡፡ (ጥ 12) ብግዙፍ ዓይ ኒ 'ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ ክቶ የልቦን፡፡'(ጥ 12) ግናኸ እቲ ምፍቓ ርና ኣምላኽ ክም ዘሎ፡ ርሑቕን ሰዉርን ክም ዘይኮነ፡ ኣብ ማእከል እ ቶም ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ዝፋቕሩ ደቂ ክም ዝነብር ብሓይሊ ይግሃድ፡፡ (ጥ12)፡፡

ንኣምላኽ ሓደ እኳ ብዓይኒ ስጋ ዝረኣዮ የልቦን፡፡ እቲ ንየሱስ ክርስ ቶስ ዝጠመቶ፡ ዝተረድኣ ግና ኣምላኽ ምህላዉ ክኣምን ናይ ግድን እዩ፡፡ ክምኡ ድማ ነቶም ብፍቕሪ ክርስቶስ ዝፋቕሩ ዝዕዘብ ሰብ ኣምላኽ ህያው ምኽኑ ይኽስተሉ፡፡ ዮሃ 1፡18 ኣንብቡ፡፡

2.2 ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ንሓድሕድና ምፍቓርና እቲ ተዓዛቢ ኣምላኽ ምሳና ክም ዘሎ የስተብህል፡፡ ንሕናውን ነስተብህሎን ንርዳእን፡፡ ነዚ ሳል ላይን ዝዓበየን ምስክር ይሕወሰ፡፡ ንሱ ድማ ማሕተም መንፈስ ቅዱስ እ ዩ፡፡ ማለት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጥና ሓዲሩ ንሓቅነት ህልውና ኣምላ ኽ፡ ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ እተገልጸ ዓቢ ፍቕሪ ኣምላኽ፡ ነቲ ክርስቶሳዊ ፍቕሪ ሓድሕድና ናይ እዉ ማሕተሙ የንብረሉ፡፡ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጥና ዘረጋግጾልና ምስክር ኣብ ሮሜ 8፡24-16፡ ዮሃ 14፡16-17፡ 16፡6-15 ኣንብቡ፡፡

3. ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ምፍቓርና ንምስክርና ዝእመን ይገብር፡፡(ጥ 14-16)፡፡

3.1 መን እዮም ብዛዕባ ጸጋ ኣምላኽ ዝምስክሩ? ዮሃንስን ብጾቱን ብዘመ ኖም እቲ ክምስክርዎ ዝግባእ ብስራት ክም ዘበሰሩ ይነግረና፡፡ 'ንሕና ር ኢና ንምስክርውን ኣሎና' ይብል (ጥ 14ን 16ን)፡፡ እዛ ምስክር እዚኣ ፍሉያት ሰባት ጥራይ ዘይኮነስ ነፍስ ወከፍ ሰብ 'የሱስ ወዲ ኣምላኽ ም ኽኑ' ዚኣምን ዘበለ ክምስክራ ግድነት ምኽኑ ኣብ ጥ 15ን 16 ይምህረ ና፡፡

3.2 ትሕዝቶ ወይ ቁጠም ነገር እቲ እንምስክሮኽ እንታይ እዩ? ብልጫ ማሕበርና ወይ ደግነት ገዛእ ርእስና ኣይኮነን፡፡ ትሕዝቶ ምስክርና 'እ ቲ ኣቦ ንወዱ መድሓን ዓለም ኪኸውን ክም ዝለኣኸ፡ ንሕና ርኢና...'ከን ምስክር እዩ ሕድሪ ተዋሂቡና ዘሎ፡፡ (ጥ 14) ተመልከቱ፡፡

3.3 እቲ እነበስሮ ምስክር ድኣ እምበር ርእይቶና ክም ዘይኮነ ኣብ ል ብና ክነእትዎ ይግባእ። ምስክር ብታሪኻዊ ሓቅነቱ፡ ምስክር ብተመክር ኣዊ ሓቅነቱ ክንነግር ይግባእ፡፡ ማለት እቲ ናይ ወንጌል ታሪኽ ክም ዘለ ዎ ክነዘንትዎ፡ እቲ ዝጥዓምናዮ ጸጋ ድማ ካብ ተመክሮ ክንነግሮ ግድን ይኹነና፡፡(ጥ 14ን 15ን)

3.4 ፍረ ምስክርና ምብዛሕ ኣመንቲ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ግናኸ መስ ፈሪኡን ዕላማኡን ምብዛሕ ደቂ ማሕበር ኣይኮነን ብቕዳሚነት፡፡ መስፈሪ ኡ እተለወጠ ህይወት እዩ፡፡ ሰባት የሱስ ወዲ ኣምላኽ ምኽኑ ክእምኑ፡ኣ ሚኖም ድማ ኣምላኽ ኣብኣም ንሳቶም ድማ ኣብ ኣምላኽ ዝነብሩ ኣመን ቲ ሰባት ክኸኑ፡ ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ዝመላላሱ ምፍራይ እዩ ዕላማ ምስ ክርና፡፡

4. ብክርስታሳዊ ፍቕሪ ክንነብር ከሎና ካብ ሓንቲ ኣዝያ ዓባይ መንፈሳዊት ሕማም ንገላገል። ከምዚ ሐደ ሐደ ሕማማት ኣቕዲምና ክታብት ብ ምውሳድ ተዳሊናሎም እንጸንሕ፣ ብፍቕሪ ክርስቶስ ምስ ተኸተብና ካብ ፍርሂ እትብሃል ሕማም ሓራ ንወጽእ።(ዮ 17-18)

4.1 ካብ ፍርሂ እቲ ዝመጽእ ፍርዲ ሓራ ንወጽእ። (ዮ 17)

ሀ. ሰባት ዝዝንግፅዎ፣ ከይሓስቡላ ድያብሎስ ብዛዕባኡ ልቦም ዝደፍኖ ሓቂ ኣላ። ንሳ ድማ ሓደ ሰብ እኳ ከምልጠላ ዘይክእል፣ የሱስ ክርስቶስ ዝዳኘኣ ዓባይ መዓልቲ ፍርዲ ከም ዘላ እያ። ሽው እቲ ልብን ኩላሊትን ዝፈልዋ ኣምላኽ፣ ሓንቲ እኳ ዘይትሕብእ ፈራዲና ክኸውን እዩ። እቲ ፍርዲ ድማ ወይ ንዘልኣለም ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ክንከይድ ወይ ድማ ንዘልኣለም ናብ ገሃነም ምስ ድያብሎስ ክንድርብ፣ ሓዲኡ ክኸውን እዩ። ማቴ 12፣36። 2ይ ቆሪ 5፣10።

ለ. ዘይተምልጠላ መዓልቲ ፍርዲ፣ መንግስተ ሰማያት ወይስ ገሃነም እሳት እተእትወካ፣ ትጽበየካ ምህላዋ ምፍላጥ ዘምጽኣልካ ስኽፍታ ኣለዎ። እቲ ሓንቲ ዘይትሕብእ ኣምላኽ ባዕኡ ፈራዲኻ ምኺኑ ምፍላጥ ድማ ን ፍርሂ ሰብ የኽብዶ። ንገሃነም እሳትዶ ክድርብ እየ ኢልካ ትፈርህ። ዮሃን ስ ብዘይፍርሂ፣ ብዘይ ስኽፍታ ጥራይ ዘይኮነስ ብትብዓት ንመዓልቲ ፍር ዲ ድሉዋት ኺንና ክንጸንሕ ክም እንኽእል ይዛረብ።(ዮ 17) ክልተ ምስ ጢር ናይቶም ብትብዓት ንመዓልቲ ፍርዲ ዝጽበዩዋ ሰባት ድማ የርእየና፣

ለ.1 ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ምንባርና ካብ ፍርሂ ናይ ፍርዲ ሓራ ኣ ውጺኡ ኣብ ውሽጥና ትብዓት የሕድረልና። እቲ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣቱ ህ ይወትና እተፈጸመ ይኸውን። (ዮ 17)

ለ.2 እቲ ናይ ዕለታዊ ናብራና ናበይ ገጽና ንማስማስ ክም ዘሎና፣ ናብ መንግስተ ሰማያት ወይስ ገሃነም እሳት፣ ሓባሪ እዩ። ይብለና፣ 'ክም ቲ ንሱ ዘለዎ፣ ክምኡውን ንሕና ኣብዛ ዓለም ኣዚኣ ኢና ዘሎና እሞ.. .።' እዚ ማለት ኣሰር ክርስቶስ ንስዕብ፣ ብፍቕርን ብቕድስናን ንነብር። ኣካይዳና ናይ ዘለኣለማዊ ጕዕዞና መንግስተ ሰማያት ክም ዘእትውና የረጋ ግጸልና።

4.2 ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ምንባርና ከምቲ ካብ ፍርሂ ዚመጽእ ፍርዲ ሓራ ዘውጽኣና፣ ክምኡ ድማ ካብ ኩሉ ካልእ ፍርሀታት ሓራ የውጽኣና። እቲ ዘፍርሃና ዓብን ንእሽቶን እንተ ንዝርዝሮስ ክንደይ ዘሰምብድ ምኸኑ? ው ግእ፣ ሕማም፣ ሞዊት፣ ድኽነት፣ ዓመጻ፣ ስእነት ሰራሕ፣ ፍትሕ፣ ዝኽነትም ና፣ ብዕልግና፣ ፍልልይ፣ ዝርግርግ፣ ቅትለት፣ ቅንኢ፣ ስኽራን፣ ጽላለ ... ወዘተ፣ ዳርጋ መወዳእታ የብሉን። ግናኸ ሓንቲ ፍትንቲ ዝኹነት መድሃ ኒት ኣላ ንፍርሂ ተባርራ። ንሳ ድማ ፍቕሪ ክርስቶስ እያ። እዛ ፍቕሪ እዚኣ፣ ፈቲናን ተረዲእናን፣ ኣብ ህይወትና ምስ ሰረጸት ካብ ፍርሂ ንድ

ሕን። (ዮ 17-18) ኩሉ ኣብ ኢድ ኣምላኽ፣ ንሕና ድማ ኣብ ኢዱ ም ኺንና የቕስነና፣ ሰላምና ድማ ምሳና ይነብር።

5. ንሓድሕድና ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ምፍቓር ናይ፣ (1)መንነትናን፣ (2)ዶ ረኻ ንቕሓትናን፣ (3)ፍረ ምስክርናን፣ (4)ካብ ፍርሂ ሓራ ምውጻእናን ም ስጢር ብዙይ መተካእታ ወሳኒ ምኺኑ ተዛቲና። መፍቀርቲ ኣምላኽ ም ኺንና ድማ ብእኡ ኢና ንልለ።

5.1 እዛ ፍቕሪ እዚኣ ምንጫ ኣበይ እዩ? ምንጫ፣ እቲ ዝለዓለ ፍቕሪ ኣምላኽ ብክርስቶስ እተጋህደ ምኺኑ ኣለሲናዮ ኣሎና። እዚ ፍቕሪ እዚ ኣብ ኮለንትናና ይሰርጽ። ክም የሱስ ክርስቶስ ድማ መፍቀርቲ ንኽው ን። መፍቀርቲ ኣምላኽ ምኺንና ከኣ ብሽኮ ኮርናዓት ይግለጽ።(ዮ 19)

5.2 ንኣምላኽ ኣፍቅሮ እየ እናበለ ንብጻዩ ዘየፍቅር ሰብ ሃይማኖቱ ክንቱ እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዋጋ የብሉን፣ ተቕባልነት የብሉን። ክም ፍ ቕሪ ዘይብሎም ሃይማኖተኛታት ብኽመይ ንርኣዮም? ከንቱነት ናይ ፍቕ ሪ ዘይብሉ ሃይማኖት ከነሳጥሖ ግቡእና እዩ። ግናኸ ነቶም ሰባት ብፍቕሪ ክርስቶስ ድኣ ነፍቅሮም እምበር ብጽልኢ ኣይንዕጠቕሎም። (ዮ20)

5.3 ሳልሳይ፣ መፍቀርቲ ኣምላኽ ምኺንና ዝግሃድ ነቲ ትእዛዛት ኣምላኽ ብፍታው ሓለውቱ ብምኺንና ይኸውን። (ዮ 21)

ሕቶታትን ገርርብን

1. ሰዓብ ክርስቶስ ምኺን ኣርኣያኻ ክርስቶስ ጌርካ ከምቲ ናቱ መፍቀሪ ኪንካ ምንባር ምኺኑ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። ነፍስ ወከፍና ነንገዛ እ ርእስና እስከ ብብርሃን ቃሉ ንመርምር። መፍቀሪዶ ኢኻ? መፍቀሪ ትዶ ኢኺ?

2. ከምዛ ዮሃንስ ዝመሃረና ክርስቶሳዊት ፍቕሪ ኣባና እንተ ዘየላ ወይስ ኣዝያ ጐዲላ እንተድኣ ኣልያስ ክሳዕ ክንደይ ከቢድ ነገር ጌርና ክንወ ስዶ ይግባእ?

3. ከምዚ ዝስዕብ ምባልስ ልክዕዶ? ብክርስቶሳዊ ፍቕሪ ዘፍቅር ሰብ
   3.1 ብርግጽ ካብ ኣምላኽ እተወልደ እዩ።
   3.2 ብርግጽ ንኣምላኽ ዚፈልጦ ሰብ እዩ።
   3.3 ስኒሓሳብ ድኣ እምበር ከምኡ ሰብሲ የልቦን።
   3.4 ምንጪ ከምኡ ገይሩ ምፍቃሩ ናይ ግድን ካብ ኣምላኽ እዩ።
   3.5 ከምኡ ገይሩ ክም ዘፍቅር ብርግጽ ይፈልጥ እዩ።
   3.6 ከምኡ ገይሩ ክም ዘፍቅር መንፈስ ቅዱስ ይምስክረሉ እዩ።
   3.7 ምስክሩ ተኣማኒ ይኸውን።

3.8 ብዛዕባ እታ ዓባይ መዓልቲ ፍርዲ ፍርሂ ፈጺሙ የብሉን።
3.9 ሰብ አይጸልእን እዩ። ንኡሉ ሰብ ብፍላይ ድማ ንአመንቲ የፍ ቅር።
3.10 ዝነግሮ ብስራት ክልተ ዓይነት ምስክር ድኣ እምበር ርእይቶ ኣይኮነን እንታይ ማለት እዩ?

4. እዛ ክርስቶሳዊት ፍቕሪ ዘይብሉ ክርስትያን መንግስተ ሰማያት ይኣ ቱዶ እዩ?

መበል ዓሰርተው ትሸዓተ ትምህርቲ

እንታይ ንኣምን?

ምድጋም ራብዓይን፣ ሓሙሻይን፣ ሻዱሻይን ትምህርታት።

መእተዊ

እንታይ ንኣምን? ስለምንታይከ? እንኣምኖ ሓቂ ምኻኑኽ ርግጸኛታት ዶ ኢና? እቲ እምነትናኽ ኣብ ህይወትና እንታይ ለውጢ የርኢ?

ቀንዲ ሓሳባት

የሱስ ክርስቶስ ብሓቂ መን ምኻኑ ምፍላጥን ምእማንን ወሳኒ መሰረ ት እዩ። እዚ ሓቂ እዚ ኣብ ኣእምሮንናን ልብናን ምስ ሰረጸ ብተኣምራ ታዊ መገዲ ኣብ ኩሉ ናብራና እተለወጡ ሰባት ንኸውን። ዮሃንስ ኣብ ሓሙሻይ ምዕራፍ ብዛዕባ መሰረት እምነትናን ምስኡ ተቓራኑ ዝኸይድ ህ ይወትናን ይምህረና።

ዓይነ-ንስሪ

1. የሱስ፣ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምኻኑ ምእማን።(ዮ 1ን 5ን 10ን 13ን 20ን)
1.1 የሱስ፣ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ እንታይ ማለት እዩ?
ሀ. የሱስ ምድራውነቱ ዚሕብረልና ስም እዩ።
ለ. ክርስቶስ መድሓኒ ዓለምን ምኻኑ ይሕብር።
ሐ. ወዲ ኣምላኽ ድማ መለኮት ምኻኑ የመልክት።
1.2 እቲ ነዚ ዚኣምን ሰብኸ እንታይ ለውጢ ኣብ ህይወቱ ይርኣ?
ሀ. ካብ ኣምላኽ እተወልደ ሰብ ይኸውን። (ዮ 1)
ለ. ንክ□ላቶም ካብ ኣምላኽ እተወልዱን ንኹሉ ሰብ ፍቀሪ ይኸውን። (ዮ 1)
ሐ. ትእዛዛት ኣምላኽ ዚሕሉ ሰብ ይኸውን። (ዮ 2ን 3ን)
መ. ንዓለም፣ ኑቲ እኩይ ዚስዕር ሰብ ይኸውን።(ዮ 4-5፣18)
ሰ. ስለ ካብ ኣምላኽ ርሒቕም ዘለዉ ጸላዪ ይኸውን። (ዮ 13 -17)
ረ. ናይ ዘልኣለም ህይወት ዘለዎ ሰብ ይኸውን። ዮ 11ን 13ን 20ን)

1.3. የሱስ፣ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምኻኑ፣
ሀ. ናይ ጥምቀቱን ሞቱን ምስክር ኣሎና። (ዮ 6ን 8ን)
ለ. ናይ መንፈስ ቅዱስ ምስክር ኣሎና። (ዮ 7-8)
ሐ. ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ምስክር ኣሎና። (ዮ 9)።
መ. ናይ ኣመንቲ ምስክር ኣሎና። (ዮ 10)

2. ምጽንናዕ ንኣመንቲ፡
2.1 ብእምነት ድልዱላት ኩኑ። (ዮ 1ን 4ን 10ን)
2.2 ዘለኣለም ህይወት ከም ዘላትኩም ርግጸኛታት ኩኑ፡(ዮ 11-13) 2.3 እምላኽ ጸሎትኩም ከም ዝምልሶ ፍለጡ። (ዮ 13-16)
2.4 ዓወትኩም ኣብ ልዕሊ ዓለምን፡ ሰይጣንን፡ ጣእትን ኣመዛግቡ። (18-21)

ትንታኔ፡

1. የሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምኻኑ ይግባኝ ብዘይብሉ መገዲ ምፍላጥናን ምእማንናን ወሳኒ እዩ። ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ብክልተ መገዲ ርዱኣት ንኹን። የሱስ ክርስቶስ መን ምኻኑን እንታይ ከም ዝመሀረን ርግጸኛታት ክንከውን ኣለና። ብዛዕባ ካልኣት መስረትቲ ሃይማኖታት ዘገድስ ትምህርቶም እዩ። መንነቶምን ህይወቶምን ናይ ግድን ወሳኒ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ፡ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ግና ናይ ግድን እዩ።

1.1 የሱስ፡ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ እንታይ ማለት እዩ? ንየሱስ ክርስቶስ እነለልየሉ መጸዋዕታታት መጽሓፍ ቅዱስ ዝህበና ኣማኣታት ኣለዉ። ካብ ዞም ኩሎም ስሙ ኮይና ትርከብ ሓንቲ እያ። ካልኣት ኮሳቶም መንነቱ ዝሕብሩልና ሽመታቱ እዮም። ዶር ስዩም፡ ብላታ ስዩም፡ መምህር ስዩም፡ ፓስቶር ስዩም ... ወዘተ፡ ከብሃል ከሎ ሓደ ሰብ ብዙሕ ሽመት ዘለዎ ነስተብህል። ከምኡ ድማ እታ ሓንቲ ስሙ 'የሱስ' እያ።

ሀ. የሱስ፡ ንእና ሰብ ዘምስሎ፡ ምድራዊነቱ ዝሕብር፡ ስሚ እዩ። ኣዲኡ ወላዲቱ ማርያም ሰበይቲ ዮሴፍ እያ። ኣብ ቤተልሄም ተወሊዱ። ኣብ ናዝሬት ዓብዩ። ኣሕዋቱ ያእቆብን፡ ዮሴን፡ ይሁዳን፡ ስምኦን ዝብሃሉ ከም ዝነበርዎ፡ ኣዋልድ ኣሕዋት ከም ዝነበራኦ ተጠቒሱ ንረኽቦ። ስራሑ ጸራብይ ከም ዝነበረ፡ ንሰለስተ ዓመታት ኣቢሉ ከም ዝመሃረ፡ ኣብ መስቀል ከም ዚሞተ ... ወዘተ፡ ታሪኻ እዩ።

እቲ ምድራውን ታሪኻውን መንነቱ ብቲ የሱስ ዝብል ስሙ ተሓቢሩ ልና ኣሎ። ነዚ ሓቂ እዚ ገሊኣቶም ሚዛኑ ዘይግንዘብዎ፡ ገሊኣቶም ንሓቅነቱ ዝኸሕድዎ ነይሮም። መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳንን፡ መራሕቲ ቤተ ክርስትያንን ነዚ ሓቂ እዚ ከይንስሕቶ ተቓሊሶምሉ እዮም።

እዘን ዝስዕባ ጥቕስታት ከማና ተራ ሰብ ምንባሩ፡ ማለት ምድራዊ ነቱ የመልክታ። ኣብ 2፡17። ፊሊ 2፡6-8። 1ይ ዮሃ 1፡1። 4፡3። ተመልክቱ። ካብ ማህጸን ጀሚሩ ክሳዕ መስቀል ንእና መሲሉ ሰብ ከምዝኾነ ኣጸቢቑ ክስቈረና ይግባእ። ብዛዕባ ሰብ ምኻን ካብና ትፈልዩ ሓንቲ ጥራይ ነይራ። የሱስ ፈጺሙ ሓጢኣት ኣይነበሮን፡ ሓጢኣት ኣይገበረን። ንሕና ግና ሓጢኣተኛታት ኢና።

ለ. ምስታ የሱስ ትብል ስም ጠቢቑ መንነቱ እትሕብረልና ቃል እታ ክርስቶስ ትብል እያ። እዚ የሱስ እዚ፡ ብዘይ ሓጢኣት ብኹሉ ከማና ኮይኑ እተረኽበ፡ ንሱ እቲ ክርስቶስ እዩ፡ ማለት፡ ቤቲ የሱስ ዚብል ስምንኣና ሰባት ኪመስል ዝወሰዶ ስጉምቲ ይምህረና። ቤቲ ክርስቶስ ዚብል መጸውዒኡ ድማ ብኽሙይ መገዲ ንእና ከም ዘይመስል ክነለልዮ የመልክተልና። የሱስ ምድራዊነቱ፡ ሰብ ምኻኑ የመልክተልና። ክርስቶስ ድማ ናብዛ ዓለም ብተልእኾ መድሓኒ ኮይኑ ከም ዚመጸ ይሕብረልና። የሱስ፡ ንሱ እቲ ክርስቶስ ምኻኑ ክነለልዮን ክንእምኖን ይግባእ።

ክርስቶስ ማለት፡ ብውሕዱ ሰለስተ ትርጉም ሓዙ ንረኽብ።

ለ.1 <u>ትንቢት ዝፈጸመ ማለት እዩ</u>። እቲ ክርስቶስ ዝብል ሽም ሽመቱ እዩ። እቲ ብሕግን ነብያት ኣቐዲሙ ብትንቢት ክንገረሉ ዚጸንሐ ኣምላኽ ናብ ዓለም ክልእኽ እስራኤልን ዓለምን ዝጸበይዎ ዝነበሩ መድሓኒ ምኻኑ ክነለልዮ ይሕብረልና። ክርስቶስ ብግሪኽ፡ መሲህ ድማ ብእብራይስጢ ሓደ እዩ ትርጕሙ።

ለ.2 <u>መድሓኒ ማለት እዩ</u>፡ ኣቐዲሙ እተነግረ ትንቢት ፈጻሚ ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ሓጢኣትና ዘድሕነና መድሓኒ ምኻኑ ዚሕብረና ስም ክኣ እዩ።

ሐ. <u>ወዲ ኣምላኽ ክኣ እዩ</u>። በዚ ስም እዚ ወዲ ማርያም ጥራይ ጌርና ክይንዓጽዎን፡ ምድራዊ ጥራይ ክይንገብሮን ዘጠንቅቕና መለለዩ እዩ። ወዲ ኣምላኽ ምኻኑ፡ መለኮታዊ መንነት ከም ዘለዎ ክነለሊ ዘዘኻኽረና ስም እዩ። የሱስ፡ ከማና ሰብ ከም ዝኾነ፡ ክርስቶስ መድሓኒና ከም ዝኾነ፡ ወዲ ኣምላኽ ድማ መለኮት ከም ዝኾነ ክነለሊ ዝምህሩና ኣስማቱ እዮም።

1.2 ነፍስ ወከፍ ሰብ፡ የሱስ፡ ንሱ እቲ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምኻኑ ዘለለየ፡ እተቐበለ፡ ዝኣመኖ ንሓዋሩ እተለወጠ ሰብ ይኸውን። ለውጡ ክኣ ኣብ ኩሉ ናብራኡ ይግሃድ።

ሀ. እዚ ለውጢ እዚ ኣብ ህይወቱ እተፈጸመሉ ሰብ፡ የሃንስ፡ ኪገልጾ ከሎ 'ካብ ኣምላኽ እተወልደ እዩ' ይብሎ።(ዮ 1) ብዛዕባ ካብ ኣምላኽ እተወልደ ሰብ እንታይ ማለት ምኻኑ ኣብ ታሽዓይ ትምህርቲ ተዋሂቡ ዘሎ መብርሂ ተመሊስኩም ኣንብቡም።

ለ. ኣብ ህይወት ነፍስ ወከፍ ሰብ ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ ኩሉ እትርከብ መለለይት ጠባይ ኣላ። እቲ ሰብ እቲ ብሓድሽ ልቢ፡ መፍቀሪ ይኸውን። ንኣምላኽ የፍቅር፡ ንየሱስ ክርስቶስ የፍቅር፡ ነቶም ብየሱስ ክርስቶስ ዝኣመኑ ብፍላይ የፍቅር።(ዮ 1-2)

ከምኡ ድማ ነቶም ካብ አምላኽ ርሒቖም ዘለዎ ሰባት፣ ከምቲ የሱስ ክርስቶስ ገይሩ ዘፍቀርም የፍቅር። ምእንትኡም ብፍቕሪ ይምህለል። 5፣14-16።

ሐ. ካልእ ጠባይ ኣብ ህይወት እቲ ካብ አምላኽ እተወልደ ሰብ ዝርኢ ኣብ ሳልሳይ ጥቕሲ ተመልኪቱ ኣሎ። ሓላዊ ትእዛዝት አምላኽ ይኽውን። ምሕላው ትእዛዝት አምላኽ ነቲ ካብ አምላኽ ዘይተወልደ ከቢድን ዘይክላልን እዩ። ነቲ ካብ አምላኽ እተወልደ ግና ከቢድ ኣይኮነን። ህይወት እዩ። ብካብ ብፍቕሪ ዝመልእ ልቢ ድማ ተሓጕሱ ይገብሮ።(ጥ 3)

ብዛዕባ ምሕላው ትእዛዛት አምላኽ ኣብ ታሽዓይ ትምህርቲ ተማሂርና ኔርና። ደጊምኩም ተመልከትዎ።

መ. ራብዓይ ጠባይ ናይቲ ካብ አምላኽ እተወልደ ኣብ መንፈሳዊ ቃልሲ ዕዉት ምኻኑ እዩ። ንዓለምን ነቲ እኩይን ይስዕሮም። ተጠቒሙ ዝዕወተላ መሳርያኡ ድማ እምነት እያ።(ጥ 4-5)

(1) ንዓለምን ነቲ እኩይን ምስዓር እንታይ ማለት ምኻኑ ኣብ መበል ዓሰርተው ክልተ ትምህርቲ ተምሊስኩም ተመልከቱ።

(2) እምነትና ብየሱስ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ንዓለም እንስዕረላ ሓያል መሳርያ እያ። እምነት ልብና ዘሀድኣልና ጸጋ፣ ብተስፋን ትዕግስትን ከንጽበ ዝገብረና ምርግጋጽ፣ ኩቲትና ክንቃለስ ዘዕዋቐና ሓይሲ እዩ። (ዮሃ 16፣33)

(3) ኣርኣያ ናይ ብእምነት ንዓለም ዝሰዓሩዋ ሰባት ኣብ እብራውያን መበል ዓሰርተው ሓደ ምዕራፍ ዘሎ ኣንብቡዎ።

ሰ. ካልእ ጠባይ ኣብ ህይወት እቲ ካብ አምላኽ እተወልደ ሰብ ዝርኢ ምእንቲ ጥፉኣት ተማህላሊ ይኽውን(ጥ 13-17)። ዘይምግዳስ ምእንቲ ካልኦት ኣብቲ ዘፍቅር ኣማኒ ቦታ የብሉን። ብካልኦት ሰባት ተገዳሲ ይገብሮ። ነቶም ጥፉኣት ይምስክረሎም፣ ነቶም እተሸገሩ ከም ዓቕሙ የርህወሎም።

ረ. ዚጥምቶ፣ ዚበጽሖ አድራሻ ህይወት ኣለዎ።(ጥ 11ን 13ን 20ን) እቲ ስዓብ ክርስቶስ ኣብቲ ጉዕዞ ህይወቱ ዘሕጉስ-ዘጉሂ፣ ጥዕና-ሕማም፣ ሽሻይ-ስእን፣ ... ወዘተ፣ ክጋጠምዎ እዮም። በዚ ኩሉ ክሓልፍ ከሎ ካብ ታ ጀሚሩዋ ዘሎ ጉዕዞ መስመር ናይ ምስዓብ ንክርስቶስ ኣይእለን። ዕላማኡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምርካብ እዩ። ስለዚ ወትሩ እሙን ኩይኑ ክሳዕ ኣብ ዘለኣለም ህይወት ዚኣቱ ናብታ ዕላማኡ ይግስግስ።(ፊሊ 3፣10-14)

1.3 የሱስ፣ ንሱ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ምኻኑ ዘረጋግጹልና እንታይ ኣለዉ። ዮሃንስ ኣብ ጥ 6-21 ዚህበና ነጥብታት ንስተብህለሎም።

ሀ. የሱስ፣ ንሱ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ምኻኑ ብጥምቀቱን ብሞቱ ኣብ መስቀልን ብትንሳኤኡን ተረጋጊጹ ንረኽቦ፣ ዮሃንስ ከም ዚምህረና። ሽዑ እተፈጸሙ ዓበይቲ ነገራት፣ ናይ ዓይኒ ምስክር ከም ዝነግሩና የሱስ፣ ንሱ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ምኻኑ የረጋግጹልና።(ጥ 6ን 8ም)

የሱስ ኣገልግሎቱ ብዕሊ ዚጀመረ፣ ብዮሃንስ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ምስ ተጠመቐ እዩ። ነዚ እዩ ዮሃንስ ኣብ 6ይ ጥቕሲ የሱስ ብማይ መጸ ዚ ብሎ።

(1) ናይ ሽዑ እሙናት መሰኻኸር፣ የሱስ ክርስቶስ በቲ እዋን ጥምቀቱ፣ መንፈስ ቅዱስ ብምልኣት ኣብኡ ከም ዝዓረፈ ይነግሩና። ዮሃንስ መጥምቕ ርእይዎ። ምልክት ናይ መንነት ናይ የሱስ፣ ንሱ እቲ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ምኻኑ ድማ ብአምላኽ ተሓቢሩሉ። ዝረአዮን እተኸበሉን ከኣ መስኪሩ ሓዲጉልና ኣሎ። ዮሃ 1፣32-34 ኣንብቡ።

(2) የሱስ ምስ ተጠምቀ፣ ድምጺ አምላኽ ካብ ሰማይ ተሰምዐ። የሱስ፣ ንሱ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ምኻኑ ድማ መስከረ። ማቴዎስ፣ ማርቆስ፣ ሉቃስ እቲ ሽዑ ዝኸኖ ጽሑፎም መስኪሮምልና ኣለዉ። ማቴ 3፣17፣ ማር 1፣11፣ ሉቃ 3፣22።

እዞም እሙናት ምስክር ሽዑ ዝኸኖ ዓቢ ዝሓደጉልና ፈጺ ኣኽቢርና ንሓዞ። ንመጸኢ ወለዶ ከኣ ሪም ነውርሶም።

(3) ኣገልግሎት የሱስ ክርስቶስ ብጥምቀቱ ፈለመ። ብሞቱ ኣብ መስቀልን ብትንሳኤኡን ድማ ተዛዘመ። ዮሃንስ ነቲ ሞቱ ኣብ መስቀል ክገልጾ ከሎ 'ብደም... መጸ' ይብሎ ኣብ ጥቕሲ 6።

መጻሕፍቲ ሓዲሽ ኪዳን ነቲ ሞት የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ምስ ትንሳኤኡ ኣታሓሒዞም የዘንትውዎ። የሱስ ክርስቶስ ልዕሊ ተራ ጅግና ኣብ መትከሉ ዝተሰዋእ ሰማእት ምኻኑ የርእዩና። ተጻባእቱ ሓይሉም ወይ ሰኣን ዓቕሚ ከም ዘይሞተ፣ ግዳ ሞቱ ኣብ መስቀል መሰረት ምድሓን ናይ ምሉእ ዓለም ምኻኑ የርእዩና። የሱስ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ምኻኑ ድማ ንርዳእ።

መጽሓፍ ቅዱስ ነቲ ሞቱ ኣብ መስቀል ክገልጾ ከሎ፣ (1) ሓዲሽ ኪዳን፣ (2) መስዋእቲ፣ (3) በኻ፣ (4)ፋስጋ፣ (5) ዕርቂ፣ (6) ውቕጐባ፣ (7)መሰረት ጸድቂ ... ወዘተ፣ እናበለ ይገልጾ። ሞቱ ተራ ሞት ከም ዘይነበረ ይምህረና።

ጥምቀቱ፡ አገልግሎቱ፡ ሞቱ፡ ትንሳኤው ብሓንሳእ ተጣሚሮም ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ምኽኑ የለብሙና።

ለ. የሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ምኽኑ መንፈስ ቅዱስ ድማ የረጋግጸልና፡፡ ዮ 7-8 ይብለና፡ 'እቲ መንፈስ ሓቂ እዩ እሞ፡ እቲ መን ፈስ እዩ ዚምስክር ዘሎ።'

ለ.1 የሱስ ክርስቶስ ክዮመቕ ከሎ መንፈስ ቅዱስ ኣብኡ ዓረፈ።

ለ.2 ሕጂ'ውን መንፈስ ቅዱስ ነቶም ዝእምኑ ብውሽጠም የሱስ ክርስቶስ መን ምኽኑ የረጋግጸሎም፡፡ ዮ 10 ተመልከቱ።

ሐ. የሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ወዲ አምላኽ ምኽኑ ኣቦ ባዕሉ ድማ የረ ጋግጸልና።(ዮ 9)

ሐ.1 ቡቲ ጥምቀት የሱስ፡ እግዚኣብሄር ኣቦ ድምጹ ኣስሚዑ። የ ሱስ፡ ንሱ እቲ ክርስቶስ ምኽኑ ድማ መስኪሩ።

ሐ.2. የሱስ ክርስቶስ ክገልግል ከሎ ኣምላኽ ምስኡ ከም ዝነበረ ኣር እዩ፡ ግብ 2፡22።

ሐ.3 ብትንሳኤ፡ እግዚኣብሄር ኣቦ፡ የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምኽኑ ኣረጋጊጹልና። ሮሜ 1፡4።

ሐ.4 ኣብ ዮ 10፡ ሃዋርያ ዮሃንስ፡ 'ብወዲ ኣምላኽ ዚኣምን፡ እቲምስ ክር ኣብ ውሽጡ ኣለዎ...' ይብለና። ካብ ዮ'ንቲ ክሳዕ ሕጂ የሱስ ክርስ ቶስ ወዲ አምላኽ ምኽኑ ብተመክሮን ብኣእምሮን ዝምስክሩ ታኣላው የ ብሎምን፡፡ ብዙሓት ስለ ዝኸኑ እብራውያን 'ደበና ምስክር' ይብሎም። እብ 12፡1።

እዚ ኩሉ መረጋገጺ ምስክራት ሰሚዑ፡ የሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣ ምላኽ ምኽኑ ኣይኣምንን ዝብል ሰብ እንተ ተረኽበኸ? (ዮ 10) ከም ዝ ሀልዉ ቃል አምላኽን ታሪኽን ተመክሮን ይነግሩና እዮም። እዚኣቶም ን ምስክር እቲ ኣማኒ ክዕብርዎ ኣይክእሉን እዮም። ዘይኣምን ተጠያቒኑቱ ን አምላኽ እዩ (ዮ 10)። እቲ ኣማኒ ክምስክር፡ ከዘሰር፡ ምእንቲ ጥፋኣት ክምህለል ጥራይ እዩ ሓላፍነቱ።

2 ምጽንናዕ ንኣመንቲ

ዮሃንስ፡ እዛ መልእኽቲ እዚኣ ንምጽሓፍ ምኽንያት ዝኸኖ፡ ነቶም ኣመንቲ ክጸናንዕ ምኽኑ ኣስተብሂልናሉ ኣለሎ። ሕጂ ድማ ነቲ ኣቐዲ ሙ ዝነገሮም ብምድጋም የጸናንየም።

2.1 ክም ቀሽም፡ መምህሮም፡ መንፈሳዊ ኣቦኣም ነቲ እምነቶም ዘይልድ ሎ ሓቂ ይነግሮም። ዝስዕቡ ጥቕስታት ንኣብነት ነንብቦም። (2፡1ን 7ን 12ን 18ን 27ን። 3፡1ን 13ን። 4፡1ን 4ን)።

2.2 ነቶም ዝኣመኑ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክም ዘላቶም የረጋግጸሎም። (ዮ 13)።

2.3 እቶም ዝኣመኑ ጸሎት ዝሰምዕ ኣምላኽ ክም ዘለዎም የዘኻኽሮም። (ዮ 14-15)።

ሀ. ክም ፍቓዱ እንጽልዮ ጸሎት ይሰምዓና፡ ብርግጽ ድማ ክም ዝም ልሶ ይነግረና።(ዮ 14)።

ለ. እረ እቲ እንጽልዮ ጸሎት ኣምላኽ ብፍቓዱን ብጊዚኡን ክፍጽሞ ስለ ዝኽኑ ክም ብድሕሪ ሕጂ ዝምለስ ጥራይ ዘይኮነስ ድሮ ክም እተፈ ጸመ ጌርና ክንርእዮ ይምህረና(ዮ 15)። መኣስን ክመይን ገይሩ ክም ዝ ምልሶ እኳ እንተ ዘይፈለጥና ብእዎኑ ብርግጽ ክም ዝምልሶ ነረጋገጽ።(ዮ 15)።

ሐ. ምእንቲ ኣብ ሓጢኣት ዝወደቐ ኣማኒ ክንምህለል ናይ ሓልዮት ግቡእና መሰልናን ምኽኑ ንፈልጥ እሞ ንንብር ኽኣ፡ ኣምላኽ ድማ ነ ዚ ሓው እዚ ይመልሰ፡ ህይወት ድማ ይህቦ (ዮ 16)። ስለዚ እቶም የሱ ስ፡ ንሱ ክርስቶስ ምኽኑ ዝኣመኑ፡ እቲ እምነቶም ክንቲ ክም ዘይኮነ ይ ጸንዓሎም።

መ. ነቲ ዝጽልይዎ ጸሎት መልሲ ብምሃብ ኣምላኽ ብዙሕ ክም ዘስ ልጠሎም ኣረጋጊጹሎም። ግናኸ ምሕረት ኣምላኽ ዘይረክብ ጸሎት ክም ዘሎ ይምህሮም። ዘፍርሀ ሓቂ ይነግሮም። ዮሃንስ ነዚ ሓጢኣት እዚ ና ብ ሞት ዜብጽሕ ሓጢኣት ይብሎ። (ዮ 16)።

እንታይ እዩ ናብ ሞት ዜብጽሕ ሓጢኣት? ክመይ ጌርካኸ ይልለ? ብዛዕባ እዚ መጽሓፍ ቅዱስ ዚብለና ጥርንፍ ኣቢልና ንመልከቶ፡

- ካልእ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስውን ክምዚ ዝበለ ንስሓ ዘይብሉ ሓ ደገኛ ናይ ሓጢኣት ውድቀት ክም ዘሎ ይምህረና። እብ 6፡4-8። 2ይ ጴጥ 2፡20-22፡ ማቴ 12፡31-32 ተመልከቱ።

- ሓደ ትርጉሙ መቕዘፍቲ ኣምላኽ ክወርደካ ማለት እዩ። እዚ ናይ ዘለኣለም ኮነኔ ኣይኮነን። ግዳስ ኣምላኽ መሊእና ንዘይምእዛዝና ዕድ ሜና ብምሕጻር ዝወስዶ ናይ ኮለፋ ዲሲፕሊን እዩ። ሙሴ ብመኽ

ለፍቲ ተቐጺዑ። ዘዳ.32፡48-52(197)። ናይ ሃናንያን ሰጲራን መቕዘ ፍቲ ኣብ ግሃ 5፡1-11 ነንብብ።

- ነቲ ቅዱስ ቍርባን ብምግሃስ ዝተደነሱን ዝሞቱን ኣብ ማሕበር ቈረንቶስ ከም ዝነበሩ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ 1ይ ቈረ 11፡29-32 ይዛረብ፡

- እቲ ዝኽበደን ዘፍርሀን ትርጉም፡ ናይዚ ኣብ ሞት ዚብጽሕ ሓጢኣት ኢሉ ዝሰምዮ ሃዋርያ ዮሃንስ ግና እቲ ብድፍረትን ትርን ኣብዚ ሓጢኣት እዚ ዚወድቕ ሰብ ድሮ ኣብዛ ምድሪ ከሎ ንዘለኣለም ኮኑን ምኽኑ ዘስምዕ እዩ። መን ኣብዚ ሓጢኣት እዚ ከም ዝወደቐ ኣ ምላኽ ጥራይ እዩ ዚፈልጠ። ስለዚ ክንሀበ እንኽእል ኣብነት የልቦን።

- እንታይ ዓይነት ሓጢኣት እዩ ኣብ ዘለኣለማዊ ኮነኔ ዘውድቕ?
  (1) ብየሱስ ክርስቶስ ኣማኒ ነይሩ ዝኸሓደ፡ ከም ብሓድሽ ንክርስቶስ ዝሰቐለ። ዘላገጸሉ ንስሓ የብሉን።
  (2) ንመንፈስ ቅዱስ ዝጸረፈ ሕድገት የብሉን፡
  (3) ዮሃንስ ድማ መንፈስ ጸረ ክርስቶስ ዝሰረጸም ሰባት ገይሩ ይገልጾም። ናትና ሓላፍነት ብፍቐሪ ክንጽሊ ጥራይ እዩ። መን ም ሕረት ኣምላኽ ይረክብ ወይስ ኣይረክብን ናትና ውሳኔ ኣይኮነን። ኣ ቐዲምና ከም እተዛተናሉ፡ ዝለመናዮ ዘበለ ዝስምዓና፡ ከም ፍቓዱ ዝኾኑ፡ ብዘይ ምልክት ሕቶታት እንጽልየሉም ነገራት ከም ዘለዉ ግ ና ኣይንረስዓዮ።

2.4 የሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ምኽኑ ኣሚኑ ካብ ኣምላኽ እተወልደ ኩሉ ሰ ብ፡ እቲ ዓወት ናይ መንፈሳዊ ህይውቱ ምስክር ናይ መሰረት እምኒቱ እ ዩ። እቲ ኣብዚ እምነት እዚ ዝሰረተ፡
  ሀ. ሓጢኣት ኣይገብርን(ዮ 18)። ካብ መበል ዓሰርተው ሰለስተ ክሳ ብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ ዘሎ ትምህርትታት።
  ለ. ንሰይጣን፡ ነቲ እኩይ ይስዕሮ።(ዮ 18) ዓስራይ ትምህርቲ።
  ሐ. ንዓለም ይስዕራ።(ዮ 19) መበል ዓሰርተው ክልተ ትምህርቲ።
  መ. ሓቂ ፈሊጥና፡ ብሓቂ ንነብር። እቲ ሓቂ ናብ የሱስ ክርስቶስ ዝጠብቁ ይገብረና። መገዲ ዘለኣለም ህይወት ዘለልዩን ብእኡ ዝግስግሱን ይገብረና(ዮ 20)።
  ሰ. ጣኦት ኣብ ናብራና ኣይርከብን።(ዮ 21) ጣኦት ኣብ ህይወትካ ምህላው ማለት፡ ንኣምላኽ ብምልኣት ቀዳሚነት ዘይምሃብ እዩ። እዚ ናይ ብሓቂ ኣማኒ ግና ብምሉእ ህይወቱ ንኣምላኽ እዩ ዘቕ ድም። ብእኡ ድማ ይሕጐስ። ስለዚ፡ የሱስ ንሱ ክርስቶስ ምኽ ኑተረዲእና ክንፈልጠን፡ ክንቅበሎን፡ ክንኣምኖን፡ ክንነብረሉ፡ ወሳ ኒ እዩ።